HAPPY NEW YEAR 2019

NATIONAL UNION OF ERITREAN YOUTH & STUDENTS

# መንእሰይ

መጽሔት ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

2019
61
JANUARY

- 2019 በሪ ሓድሽ ምዕራፍ
- ምኽንያት ምሕላፍን ምልዓልን እገዳ
- ኣቦይ ዝሃቡኒ ወርቂ መንበር

## ምስትምቓር ስፖርት

ዮናስ ዘካርያስ & ሳምሶን ሰሎሙን

### ክፋት ዘተ

- ንባብና ነዚ ሓድሽ ምዕራፍ
- ኣፍራይነት ንምስሳን
- መጻኢ ዕድላት መንእሰያት
- ኤርትራ ጠለባት ህዝባ ንኽተማልእ

ሕማም ሳልሳይ ዓመት ሞሪና



ከዋኽብቲ ዲያስፖራ

ክልተ ወርሓዊት መጽሔት
ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

ጥሪ 2019 ቁ.61

መሸጢ ዋጋ ኣብ ኤርትራ ናቕፋ 10

ዋና ኣሰናዳኢ
መስፍን ገብረሂወት

ዲዛይን ገበር
ከማል ዲኖ

ስእሊ
ኣርካይቭ ሃማመተኤ

ናብ'ዛ መጽሔት ክትሰዱዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ሓበሬታ፡ ኣበርክቶ፡ መኣረምታ ወይ ሃናጺ ነቐፌታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩልና ትኽእሉ፥

መጽሔት “መንእሰይ”
ቁ.ሳ.ጶ 1042
ቁ.ስልኪ 202592
ፋክስ 291-1- 125981

መርበብ ሓበሬታ ማሕበር
www.eriyouth.org

ዘርጋሒ መጽሔት
ቁ.ስልኪ 200454

መጽሔት መንእሰይ ብተወሳኺ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.shabait.com (menesey magazine) ክትረኽብዋ ትኽእሉ።

# ትሕዝቶ

ቃል ኣሰናዳኢ 2
ደሃይኩም 3
ደሃይ ማሕበር 4
- ስልጠና ካድር
- ሞያዊ ስልጠናታት
- ዝምድናታት ወጻኢ

ጉዳያት 7
- 2019 በሪ ሓድሽ ምዕራፍ

ክፉት ዘተ
- ንባብና ነዚ ሓድሽ ምዕራፍ
- ናብ'ዚ ሓድሽ ምዕራፍ ንምብጻሕ
- ምኽንያት ምሕላፍን ምልዓልን እገዳ

ሓሳባት 22
- ሃገራዊ መንነትና
- ምትሕንፋጽ ቋንቋታት

ሃበርም 29
- ጸፋፍ መጸናዕቲ ምህዞ
- ካብ ከዋኽብቲ ዲያስፖራ

ኣካዳሚ 36
- ምህንድስና ሕርሻ
- መበገሲ ኩሉ ፍልጠትን ምህዞን
- ክልሰሓሳባት ስነፍልጠት ዓለምና

ሕብረተሰብ 39

ሕግን ስነምግባርን
- ኣቦይ ዝሃቡኒ ወርቂ መንበር

ባህልን ስነ-ጥበባትን 42
- ዕላል ምስ ስነጥበበኛ ዳናይት ዮሃንስ
- ዕላል ምስ ድምጻዊት ዳናይት ዮሃንስ

ህዝብታትን ባህልታቶምን 46
- ክብሪ ስራሕን ዲስፕሊንን ጃፓን
- መለክዒታት ጽባቐ በብኸባቢኡ
- ዜሰደምሙ ሓቅታት

መለሳ 55
ስፖርት 54
- ዮናስ ዘካርያስን ሳምሶን ሰሎሙንን
- ሞሪኖ

ዘልኩ ደኣ 63
- ቤት መሸጣ ምኽኒት

## ቃል ኣሰናዳኢ

# መጽሔት መንእሰይ ኣብ መኸተን ልምዓትን

መጽሔት መንእሰይ፡ ከም መቐጸልታ ጋዜጣ ትርግታ፡ ወግዓዊት ልሳን ሃግመተኤ ብምዃን ኣብ ወርሒ መጋቢት 2004 ኣሃዱ ኢሉ ዳግም ክትሕተም ጀሚራ። በዛ ሕታም ቁጽሪ 61 ድማ ናይ ዓመት 2019 ስርሓ ትፍልም ኣላ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ንኹሎም ኣዳለውታ፣ ጽሑፋትን ሓሳባትን ዘበርከቱላ ግዱሳት፣ ኣንበብቲ፡ ሓተምቲን ዘርጋሕትን ከምኡ'ውን ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ዝርከቡ ብምዕባለ ዝግደሱ ኣባላት ማሕበርን መላእ ህዝቢ ኤርትራን፡ "ርሑስ ሓድሽ ዓመት - ዓመት ራህዋን ዕበየትን" ይግበረልና ትብል።

እዛ ሓዳስ ዓመት፡ ናብ ዝተፈልየ ታሪኻዊ ምዕራፍ ብምስግጋር ኢና ንፍልማ ዘለና። ዝሓለፈ 20 ዓመታት ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰይ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ምስ ከቢድ ብድሆታት ክገጥም ዝተገደደሉ እዋን መኸተ'ዩ ነይሩ። እዚ ኸኣ እቲ ዝተፈላለየ ግሁድን ስውርን ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊን ጸጥታዊን ሸርሒታት ብምእላም፡ እንተላይ ዓማጺን ዘይሕጋዊን እገዳ ብምስጉዳድ ንምንበርካኽና ዝተኻየደ ሃቐ፡ ምስ ከውሒ ንቕሓት ህዝቢ ኤርትራን መንእሰያቱን ተራጺሙ፡ ኣብ መውዳእታ ሓይሉ ጸንቂቑ ዘፍ ኢሉ።

መጽሔት መንእሰይ፡ ኣብዚ ነዊሕ ናይ ድርብ መኸተ ዓመታት፡ እዋናዊ ፖለቲካዊ ጽሑፋት እናኣንበደት፡ ወድዓዊ ትንታነታት ብምቕራብ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝተኣልመ ውዲታትን ሸርሒታትን እናቃልዐት፡ መሰሃይታኡ ዝኾነ ሓሶት እናኸሸሐት፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት ኣብ ምምካት እጃማ ኣበርኪታ እያ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝኸሰት ዝነበረ ተርእዮታት ብወድዓውነት ብምግምጋምን መጺኡ ተኽእሎታት ብምእማትን ኩሉ ኩሉ ተጻብኦታት ግዜ በሊዑ ክብርሰንን ኣብ መውዳእታ ህዝቢ ኤርትራ ብዓወት ክወጽእን ምዃኑ ከሎ ጉና ብርግጸኝነት ኣንጸባሪቓ።

ጎድኒ ጎድኒ መኸተ ንልኡላውነት ሃገር፡ ሰረታት ስልጡን ሃገር ንምንጻፍ ክሰላሰል ዝጸንሐ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ንጥፈታትን ዕላማታቱን ብምንጻር፡ ተራን ተሳታፍነትን መንእሰያት ንምዕዛዝ ኣገሳጊሳ። ኣፍልጦን መረዳእታን መንእሰያት ንምስፋሕ፡ ብሉጽ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ንምዕቃብን ንምውርራስን ዝዓለመ ብዙሕ ትምህርታዊ፡ ሓበሬታዊን መዘናግዕን ጽሑፋት ንንባብ ኣብቂዓ። መንእሰያት ርእይቶኦምን ሓሳባቶምን ዘፍስሱሉ ናይ ምብህሃል መድረኽ ፈጢራ። እቲ ጸንከር መድረኽ ተሰጊሩ፡ ኣብ ብሩህ መጻኢ ምዕላብ ግድነታዊ ምዃኑ እናኣመተት ድማ፡ መንእሰያት ብቐዓቶም ክብ ብምባል፡ ነዚ ሕጂ ተኸሲቱ ዘሎ ሓድሽ ምዕራፍን ክጸዋኡን ክዳለዉ፡ ናብ ትምህርቲ፡ ሞያን ፍልጠትን ክደፍኡ፡ ሃብርም መንእሰያት ከም ኣብኡት እናቐረበት ኣተባቢዓ።

መጽሔት መንእሰይ፡ ዝጸንሐ መድረኻዊ ብድሆታት ኣብ ምግጣም ኣድማዒ ስራሕ ክተሰላስል ዝኸኣለት፡ ብቐንዱ ሳላ ህርኩታት ኣባላታን ብዙዓም ኮይኖም ጽሑፋትን ኣገዳሲ ብሱል ትንታነታትን ዘቕርቡላ ኣበርከትቲን መመሓየሺ ርእይቶን ሓሳባትን ዝለግሱላ ኣንበብታን እያ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንኹሎም፡ ንምዕባለኣ ዝሰርሑን ዝደረኹን እንቋዕ ፍረ ጻማኹም ኣርኣየኩም ክትብሎም ትደሊ።

ከም'ቲ ከሎ ጉና መጽሔት መንእሰይ እትእምቶ ዝነበረት፡ ኣብ መውዳእታ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንኹሉ ተጻብኦታትን ሸርሒታትን ኣበርዒኑ፡ ብዓወት ወጺኡ ኣሎ። ዓመት 2018 ድማ፡ ተዓዋትነት ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸዱ፡ ዓበይቲ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ምዕባለታት ዝተኸስተላ ዓመት እያ ነይራ። ምስ'ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝመጸ ለውጢ ተደሚሩ ኸኣ፡ ዝጸንሐ ናይ ኩናትን ተጻብኦን መድረኽ ኣኽቲሙ፡ መላእ ዞባ ናብ ሓድሽ ታሪኻዊ ምዕራፍ ኣብ ምስግጋር ይርከብ።

ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ጸንከር መድረኻት፡ ኣብ ጎድኒ ህዝባን መንእሰያታን ደው ብምባል፡ ብዘርዓ ዝመከተት መጽሔት መንእሰይ፡ ኣብ'ዚ ሓድሽ ምዕራፍ ዝጸበያ ሓላፍነት እውን ዓቢ እዩ። ምኽንያቱ እዚ ሓድሽ መድረኽ ናይ ሰላም መድረኽ ይኹን እምበር፡ ናይ ምዝናይ እዋን ግን ኣይኮነን። ዝኸሰት ዕድላት ኣብ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ንምውዓል፡ ዝያዳ ስራሕን ጉያን ዝጠልብ መድረኽ'ዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ መጽሔት መንእሰይ፡ ምስ ግዜን ሓድሽ ምዕባለታትን እናሰጎመት፡ ትሕዝቶኣን ብቕዓት ኣቀራርባኣን ዝያዳ ብምውርጻጽ፡ ነዚ ሓድሽ መድረኽ ብቕዕቲ ኮይና ክትርከብ ከድልያ እዩ። ተጠላቢነታ ዓቂቡ ብዝበለጸ ትሕዝቶ ከም ዝሓለፈ ኣድማዒ ኣበርክቶ ክትገብር፡ ሓያል ስራሕ ይጽበያ ኣሎ። ኣብዚ ሓድሽ ዕማም'ዚ ድማ፡ ኣበርክቶ ኣንበብታን ግዱሳት ኣበርከትቲን ወሳኒ ምዃኑ ከም ወትሩ እምንቶኣ ጽኑዕ'ዩ።

## ደሃይኩም

### እዋናውን ውድዓውን ሓበሬታ

ናይ ዝሓለፈ ሕታም መጽሔት መንእሰይ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ኣብ ድሮ ኣብ ኢትዮጵያ ፈላሚ ወግዓዊ ዑደት ዝፈጸመሉ፡ ንተሳተፍቲ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ኣብ ሳዋ ዝሃቦ ሰሚናርን ካልእ ምስ እዋናዊ ኩነታት ዝተኣሳሰሩ ጽሑፋትን ኣሳእልን ሒዛ ምውጻኣ ንሚዛና ዘበረኸ ነይሩ። ብሕልፊ ሰሚናር ፕረዚደንት ኑቲ ኣብ ፈለማኡ ናህሪ ዝነበሮ ምዕባለታት ሰላምን ምሕዝነትን ዝገልጽ ውድዓዊ ሓበሬታ ስለዝነበሮ፡ ሓያለ መርበባት ሶሻል ሚድያ ብዝግባእ ክጥቀማሉ ኣስተብሂለ። ኣብ መጻኢ'ውን መጽሔት መንእሰይ፡ ዝመረጸቶ ኣገባብ ተጠቒማ ንኣንበብታ እዋናውን ውድዓውን ሓበሬታ ኩተሰንቕ እጅገኣ ሰብሲባ ክትሰርሓሉ እላበዋ።

ሙሴ ዘርኣጽዮን ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ

### ብ"መጽሓፍ ቀይር" ተመሲጠ

### ኣገናዕ ምሉእብርሃን!

ዝኾነ ጽሑፍ ክጸሓፍ ከሎ፡ ጸሓፊ ኣብ ስእለ ኣእምሮኡ ዝቐርጾ ምስሊ ኣሎ። ብመንገዲ እቲ ጽሑፍ ኣቢሉ ምስ ኣንባቢ እሂን ምሂን ክበሃሃል ከሎ ኸኣ፡ ኑቲ ምስሊ ንምስግጋር ዝፍተን ሃቐነ እዩ። ኣብ'ዚ መስርሕ'ዚ ግን፡ ኣንባቢ ጻዕዳ ወረቐት ሒዙ እንተቐሪቡ ኑቲ ጸሓፊ ዘአንፈቶ ሓሳብ ንኽወስዶ ይቐልል። ኣንባቢ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸግዒ ሒዙ እንተቐሪቡ ግና፡ ምስ ጸሓፊ "ይሰማማዕ" ወይ'ውን "ይጋጮ"። ካብ'ቲ ሓደ ጸግዒ ናብቲ ካልእ ጸግዒ ምስግጋር እንተተራእዩ ኸኣ፡ ለውጢ ይበሃል። ለውጢ ክበሃል እንከሎ እምበኣር፡ ኣብ ኣእምሮና ከም ውህብ ተወሲዱ ዝጸንሐ ነገር፡ ብኻልእ ሞዴል ክትካእ እንከሎ እዩ። ንሕና ደቂ ሰባት ውጽኢት ኣተሓሳስባና ብምኻንና ድማ፡ እቲ እንሓስቦ ክቕየር እንተጀሚሩ፡ እቲ እንገብሮ ክቕየር ይጅምር።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ካብ ናይ ነዊሕ እዋን ናይ ኩናት ሃዋህው ወጺእና፡ ናይ ሰላም መዝሙር ንሰምዕ ኣሎና። ከባቢና ክቕየርን ሓድሽ ኣተሓሳስባ ከማዕብልን ከሎ፡ ንሕና ድማ ምስኡ ክንከይድ ባህርያዊ እዩ። ከም ፍጡራት መጠን፡ ንድሕነትናን ንምዕባሌናን። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም መንእሰይ ዝወጸት "መጽሓፍ ቀይር!" ትብል ብምሉእብርሃን ሃብታይ ዝቐረበት ጽሕፍቲ፡ ነዚ ክውንነት'ዚ ክተንጸባርቕ ዝፈተነት ኮይና ትስመዓኒ። ብወገነይ ነታ ጽሕፍቲ ብሕልፊ ደጊመ መሰንበብክዋ፡ መጠቓለሊ መልእኽታ ኣብቲ መዕጸዊ ሕጡብ ጽሑፍ እዩ ጸኒሑኒ። መጠቓለሊ ሓሳባ፡ "ግዜኡ ዝጠልቦ ነገራት ካብ ምግባር ዝሕንግድ ፍጡር፡ ክሰርር ኣይክእልን እዩ፡" ዝብል እዩ።

እዋናት ክቀያየር ከሎ ዝጥለቡ ዓይነት ጥበባት ኣለዉ። ንህዝቡ ካብ መዓት ዘድሕን ጅግና ዝጥለበሉ እዋን ኣሎ፡ ልቢ ህዝቡ ዝፍውስ ፈላስፋን መምህርን ዝድለየሉ እዋን ኣሎ፡ ዓዱ ዘማዕብሉ መሃንድሳትን ነጋዶን ቅድሚት ዝስርዑሉ እዋን ኣሎ፡ ወዘተ. . .። ኣብ እዋን ኩናት ንኽትዕወት እትጥቀመሉ መጽሓፍን፡ ኣብ እዋን ሰላምን ልምዓትን ንኽትዕወት እትጥቀመሉ መጻሕፍቲን ኣገባባትን ነንበይኑ እዩ። ካብ ሓደ መድረኽ ናብ ካልእ መድረኽ ክትሰጋገር ከሎኻ ዘድሊ ለውጢ ድማ፡ ንመንግስቲ ጥራሕ ወይ ንህዝቢ ጥራሕ ኢልካ ትፈልዮ ነገር ዘይኮነስ፡ ንኹልኻ




ዝትንከፍ ምኳኑ፡ እተኣንፍት ጽሕፍቲ እያ። ምስጋና ንጸሓፊኣ ምሉእብርሃን ሃብታይን ኣዳለውቲ መጽሔት መንእሰይን።

እንድርያስ ሚካኤል ካብ ባረንቱ

### ሙብርሂ ኣይምጸላእናን

ዓምዲ ዘልኩደኣ ናይ ግርማይ (ሳንድያጎ) ንመጽሔት መንእሰይ ብርግጽ ግርማኣ'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም "ነታ ቃጭል መን ይእሰረላ፧" ብዝብል ኣርእስቲ ዝወጸት ጽሕፍቲ ግና ዋላ'ውን ደጊመ እንተንበብክዋ ትርጉም ትሕዝቶኣ ምርዳእ ስኢነ። ገለ ሰባት "ተፈጥሮን ክዉንነትን ክትቅይር እንተፈቲንካ ኣብኣ ትደኽ!" ዝብል መልእኽቲ'ዩ ከመሓላልፍ ደልዩ ክብሉ ሰሚዐ። ገለ'ውን የንቅሓካን የሕስቦካን ስለዝኾነ፡ ተጻባኢ ኣብ ሂወት ብገለ ሸነኹ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ክትንትኑ ተዓዚበ። ካብ ጌጋና ክንመሃር ከም ዘሎና እዩ ከዘኻኽረና ደልዩ ዝብሉ'ውን ኣይተሳእኑን። ብዝኾነ ሳንዲት ቅልጥፍ ኢልካ ኣብ መደምደምታ ዘይትበጽሓሉ ፍልስፍናዊ ጽሑፍ ከቕርበልና ምኽኣሉ ብልጫኡ እኳ እንተኾነ፡ ናይ'ዛ ጽሕፍቲ ትርጉም ግና ኣብ መጻኢ ሙብርሂ እንተዝገብረልና ጽቡቕ ነይሩ።

ሶፍያ ሓጎስ ካብ ዕዳጋዓርቢ

ደሃይ ማሕበር

# ንገስጋስ ስራሕ ዝድርኽ ዓመታዊ ገምጋም

ማሕበር ካብ መፋርቕ ወርሒ ታሕሳስ ኣትሒዙ፡ ኣብ ዓመተ 2018 ዝተዓመሙ መደባት ስራሕ ቡብደረጃኡ ክግምግም ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ብሰለስተ ኩርናዕ ማለት ንቕሓት መንእሰያት ኣብ ምብራኽ፡ መንእሰያት ሞያ ዓጢቖም ኑቦሶም ከም ዝኽእሉ ንምግባር ዝተኻየደ ስርሓትን ኣበርኪቶ መንእሰያት ኣብ ሕብረተሰብ ንምዕባይ ዝተሰርሐ ዕማማትን ኣተኩሮ ብምግባር ዝተኻየደ ገምጋማት፡ ሳላ ንጡፍ ተሳትፎ ኮምን ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብዐብኡ ድማ ንጡፍ ተሳትፎ መንእሰያት ብምንባሩ፡ ተረኺቡ ዘሎ ገስጋስ እዚ ኣቲናዮ ዘሎና ሓደሽ ምዕራፍ ድልዱል መንጠሪ ከም ዝኾውን ኣብ'ቲ ብደረጃ ክፍሊታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ዞባታትን ማሕበር ዝተኻየደ ገምጋማት ክግለጽ ጸኒሑ ኣሎ።

ማሕበር ኣብ ዓመተ 2019፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ተሳታፍነትን መንእሰያት ንምዕባይ ክካየዱ ዝጸንሑ መደባት ብዝሓየለ ክቕጽል፡ ኣብ ኮለጃት ዝተጀማመረ ስልጠና ካድር ብዝሓየለ ኣድማዕነት ክቕጽል፡ ፈስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ደረጃን ብቐዓትን ተመሃሮ ኮለጃት ዘንጸባርቕ ኮይኑ ብፍሉይ ክዳሎ፡ ዝተዳለወ መገምገሚ ቅጥዒ ኣብ ውዳብ ሰራሕተኛታትን ካድራትን ብዕቱብ ክሰርሓሉ፡ ሞያዊ ስልጠናታት ዝቐስሙ መንእሰያት ናብ ዋኒን ዝሰጋገርሉ ኣገባብ ክተኣታቶ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲን ኮለጃትን ዝወሃብ መካቓቕሒ ኣስተምህሮታትን ንጽጽርን ክሕይል፡ ቀያሕቲ ዕምባባን ፈተውራርን ዝተኣማምኑ ሕመረትን ኣብ ትምህርቶም ንሽልማት ዝበቕዑን ንምግባርም ዕቱብ ስርሓት ክካየድ ኣብ መደብ ስርሑ ሓንጺጹ ክሰርሓሉ ጀሚሩ ኣሎ።

# ስልጠና 2ይ ደረጃ ካድርን ቅኑ መንእሰያትን ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ

መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓመታዊ ክካየድ ዝጸንሐ ስልጠና ካልኣይ ደረጃ ካድር ማሕበር፡ ሎሚ ዓመት'ውን ንመበል 18 ዙርያ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ተኻይዱ። እዚ ካብ ዕለት 9 – 16 ታሕሳስ ኣብ ሳዋ ዝተኻየደ ስልጠና፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ጸዕዳ ክርስትያን፡ ቀጺሉ ኸኣ ኣብ ኢንስቲትዩት ተክኖሎጂ ኤርትራ (ማይ-ንፍሒ) ክካየድ ዝጸንሐ ስልጠና ኾይኑ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ከኣ ሎሚ ንኻልኣይ ግዜኡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ሳዋ ተኻይዱ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ስልጠና፡ ኣብ ኩለን ብሄራትን ዞባታትን 90 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 523 ናይ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ካድረ ስልጠና ሂቡ።

እዚ ስልጠና መቐጸልታ ናይ'ቲ መንእሰያት ብኹሉ መዳያት ንምህናጽ፡ ማሕበር ካብ ዘሰላስሎም ቀንዲ መደባት ኮይኑ፡ መንእሰያት እኹል ኣፍልጦን ንቕሓትና ሃገራዊ ወንን ስምዒትን ንኸህልዎም ዝጽዕት መደብ እዩ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ከኣ ስልጠንቲ ሞያውያን ካድራት ብምኻን ኑቦሶም ክኣለዎ ኣብ ሃገርን ሕብረተሰብን ኤርትራ ዓቢ ኣበርክቶ ንኸህልዎም ዝሕግዝ ስልጠና እዩ።

እቲ ብጽዑቕ ን8 መዓልታት ንግሆን ምሸትን ዝተዋህበ ስልጠና– ባህሊ፡ ኣድላይነትን ግደን ውዳብ፡ ዓይነታት መንግስቲ፡ ሕጊ፡ ቅዋም፡ ስነ-ሕብረተሰብ፡ መራሕነትን ምሕደራን፡ መንእሰያትን ጥዕናን፡ ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ፡ ፖለቲካዊ ባህሊ፡ መሰረት ህንጸት ሃገር፡ መራኸቢ ብዙሓን፡ ኣምራት ደሞክራሲን ዓውሎማን ዘጠቓለለ'ዩ ኔሩ።

ማእከላይ ደረጃ ካድረ ድማ፡ ሰፊሕ ዘተን ክትዓትን ዝተኻየደሉ ንታሪኽ፡ ፖለቲካ፡ ሃገራውነት፡ ሃገራዊ ቻርተርን ስነ-ልቦናን ዝድህስሱ ስልጠናታት ተዋሂቡ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ስልጠና ካልኣይ ደረጃ ካድር ዝወሰዱ ካድራት ኣቐዲሞም ናይ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ፈተውራራ፡ ሕመረትን ማእከላይ ደረጃ ካድርን ደረጃታት ስልጠና ዝወሰዱ ኮይኖም፡ ከም መቐጸልትኡ ኣብ ጨናፍር ኣብያተ ትምህርቶምን ን/ዞባታቶምን ብንጥፈት ተወሳኺ ንጥፈታትን ውዳባታትን ዝበጹ እዮም።

ስልጠና ካልኣይ ደረጃ ካድር፡ ብደረጃ ሃገር ዝወሃብ ስልጠና እዩ። ማእከላይ ደረጃ ከኣ ብደረጃ ዞባ ይወሃብ። እቶም ዝተረፉ ናይ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ፈተውራርን ሕመረትን ከኣ ብደረጃ ን/ዞባ ወይ ብጨናፍር ይወሃቡ።

ከም ኣካል ናይ'ዚ ስልጠና፡ ብሓላፊ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ብጾይ ዑቕባይ በርሀ፡ ንኣገዳስነት ካድር ዝምልከት ሰፊሕ ሰሚናር'ውን ተዋሂቡ ኔሩ። "ካድር ኣብ ሞንጎ ህዝብን ውድብን መራኸቢ ቋንቋ'ዩ" ዝበለ ብጾይ ዑቕባይ፡ ካድር ዓንዲ ሕቖ ፖለቲካዊ ውዳብ ስለዝኾነ፡ ምስ ግዜ ዝቃነ ዓይነት ኣወዳድባ ከም ዘድሊ ኣስሚሩሉ። ካድር ሓላፍነት ክስከም ድሕር ዝዩብል፡ ሓላፍነት ዝሀቦ ሓላፊ ድማ ዘኖናዲ እዩ፡ ድሕሪ ምባል ድማ፡ ካድር ንጹር ራእዩ ዘለዎ ኣገልጋሊ ህዝቡ ከም ምኳኑ፡ ዓይኒ ዘለዎ ሳእኒ ኮይኑ ንኽሰርሕ፡ ሓቂ ትሓቶ ዋጋ ክኸፍል ድሕር ዝዩብል ክኾውን ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ። ሓደ ካድር ተበላሓትን ጸዕረኛን ንኽኸውን፡ ፍትወት-ሓቂ፡ ፍትሕን ቅንዕናን ክህልዎ ከም ዝግባእ'ውን ኣብ'ቲ ሰሚናር ተገሊጹ።



ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ዝፈረዩ ካድራት፡ ዋላ'ኳ ኣብ ዝተኣሳሰር መድረኻት ሓብራዊ መትከል ይሃልዎም፡ ዓይነቱን ኣገባቡን ግን ብግዜ ከምዝወሰን ዝሓበረ ሓላፊ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት

ሃማመተኤ ብጾይ ዑቕባይ በርሀ፡ ዘለናዮ መድረኽ ፍሉይነት ስለዘለዎ፡ ምስ መድረኻት ዝቃኖቐሉ ብደሆታት፡ ክንፈልጦምን ክንዳለወሎምን ብዓቢኡ ድማ ብንቕሓት ክንገጥሞም ከምዝዋዓእ ገሊጹ። ኣብ መወዳእታ ድማ ንዝቐረቡ ሕቶታት መብርሂ ሂቡ።

**ርእይቶታት ሰልጠንቲ፥**

እስራኤል ኤርምያስ፥ “ኣብ ልዕሊ’ቲ ዝበረና ኣፍልጦ፡ ንታሪኽናን መንነትናን ብዕምቈት ከም ዝተኸበሃለለ፥ ብዓቢኡ ድማ ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ክህልወና ዝዋዓእ ኣበርክቶ ደጋግምና ንኹብስና እንተላተሉ ስልጠናዊ ኔሩ።”

ሰፋእ እድሪስ፥ “ተወፋይነት ናይቶም መምህራን ንዓና’ውን ውፉያት ንኽንከውን ምሂ ሩናሩ።”

ትምኒት ዮሃንስ፥ “እዚ ስልጠና ኣብ’ዚ ዝዛዘም ኣይኮነን። ነዚ ስልጠና ዝድርዑ መጎሳጎሲ ጽሑፋት ብቐጻሊ ክቐርቡ ይግባእ።”

ኒኻን መብራህቱ፥ “ዝተመሃርናዮም ኣርእስታት ኣዝዮም ኣገደስቲ’ኳ እንተኾኑ፡ መገምገሚ ፈተና ግን ክህሉ ኔርዎ።”

ኣርያም መስፍን፥ “ጻዕቂ ሰዓታት ስለዝነበረ ኣድካሚ ኔሩ። ግዜ ምጥጥ እንተዝብል።”

ሄኖክ ግርማይ፥ “ኣብ ሳዋ ብምኧኑ ጥራይ ንባዕሉ ተወሳኺ ስልጠናዩ።”

ሳንሙን ተስፉ፥ “ሓቀኛ ስልጠና ኣብ ናይ ብሓቂ ቦታኡ።”

ጽንዓት ተስፋይ፥ “ኣዘናጋዕን ተማሃራይ ዘማእከለን ስልጠና ብምንባሩ፡ ዘይርሳዕ ጦብላሕታ ዝፈጥርዩ።”

ዓቢር ዓሊ ዩሱፍ፥ “ንዝያዳ ኣድማዕነት፡ ምሕያል መንእሰያትብ መሰላት ደቀንስትዮን ዝኣመሰሉ ኣርእስትታት እንተዝውሰኹ።”













**ብዘይካ’ዚ ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ዑቑር ዝምህሉኦም፡ ፍልጠቶምን ንቕሓቶምን ዘርኣየሉ ወዕወዕ ቅነ መንእሰያት ኣኪይዶም። ኣብ’ቲ ብባህላውን ስፖርታውን ከምኡ’ውን ብፍልጠት ጠቀስ ወድድራት ዝተሰነየ ወዕወዕ ቅነ፥ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ብጾይ ሳልሕ ኣሕመዲን ንተራን ሓላፍነትን መንእሰያት ኣብዚ ኣቲናዮ ዘሎና ሓድሽ ምዕራፍ ዝምልከት ሰሚናር ኣኪይዱ። ኣብ ናይ መዛዘሚ ስነስርዓት፡ ኣብ ኩሉ ዓይነት ንጥፈታት ዕወታት ንዘርኸቡ ተመሃሮን ኣሃዱታትን ሽልማት ተዓዲሉ።**

# ሞያዊ ስልጠና

**ሃማመተኤ ንመንእሰያት መበገሲ ዝኸውን ሞያዊ ስልጠና ብምሃብ ኣፍሪይቲ ዜጋታት ንምግባርዎም ዝተፋላለዩ ጻዕርታት ክገብር ጸኒሑን ኣሎን። ብመሰረት ካብ ክፍሊ ፕሮጀክት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብዞባታት ካብ ዝተዋህቡ ስልጠናታት ንምጥቃስ፥**

**ኣብ ዞባ ማእከል፥ ብሓሙሽተ ዓይነት ስልጠናታት ማለት መፍረ ንህቢ፡ ኤሌትሮኒክ፥ ጸጉሪ ርእሲ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ተንቀሳቓሲን ደረቕን ካሜራ ዝሰልጠኑ 100 መንእሰያት ተመሪቖም።**

**ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፥ 38 መንእሰያት ብኽልተ ሞያዊ ስልጠናታት ሰልጢኖምን ይሰልጥኑን ኣለው። ምስራሕ መግቢ ዓሳን መፍረ ንሁብን ድማ እቲ ዝወሰዱዎ ዘለዉ ስልጠና እዩ።**







**ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ፥ ብጸጉሪ ርእሲ፡ መፍረ ንህቢ፡ ጽገና ሞተር ማይ፡ ኦዲተርን ግራፊክስ 113 መንእሰያት ይሰልጥኑ ኣለው። ገለ ካብዚኦም ካኣ ስልጠና ዛዚሞም ደርቢቡ።**

**ኣብ ዞባ ዓንሰባ፥ 50 ካብ’ቶም ኣብ ስልጠና ዝርከቡ 150 ሰልጠንቲ ስልጠናኦም ዛዚሞም ዝርከቡ ኮይናም፡ ብሓሙሽተ ዓይነታት ከኣ ሰልጢኖምን ይሰልጥኑን ኣለው። ምስራሕ መግቢ፡ ካይላ፡ ኢደ ስርሓት ከምኡ’ውን ኦዲተርን ገለ ካብ’ቶም ስልጠናታት እዮም።**

**ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፥ 110 መንእሰያት ብኣርባዕተ ዓይነት ሞያዊ ስልጠናታት ይሰልጥኑ ኣለው። ብተንቀሳቓሲን ደረቕን ካሜራ፥ ጸጉሪ ርእሲ፡ ስልጠና ሬታ፡ ስርሓት ላኻ ዝውሃብ ዘሎ ሞያዊ ስልጠናታት እዩ።**

**ኣብ ዞባ ደቡብ፥ ን120 መንእሰያት ብሓሙሽተ ዓይነት ሞያዊ ስልጠናታት ይወሃቡ ኣለው። መፍረ ንህቢ፡ ኦዲተር፡ ጸጉሪ ርእሲ፡ ምስራሕ መግቢ፡ ተንቀሳቃሲን ደረቕን ካሜራ ኣብ መስርሕ ምስልጣን ደርቢቡ ኣለው።**

# ዝተባባዕ ኣበርክቶ ሽማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያት

ማሕበር ኣጉዳስኡት ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ መደባት ማሕበር ብምርዳእ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣብ ጉዳይ መንእሰያት ንምውሓስ ዝሕግዝ በዘኸታቲ ዓሌታዊ ብሽማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያት ዝፍለጥ ውዳብ ከቕውም ጸኒሑ ኣሎ። እዚ ውዳብ'ዚ ኣብ'ቲ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኮይኖም ንቅሓትን ቀጻልነትን ዝረጋገጹ ኣለዉ፡ ሽማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያት ንመንእሰያት ምኽርን ማዕዳን ኣብ ምሃብ፡ ኣብ መንጎ መንእሰያትን ወለድን ዘሎ ናይ ኣተሓሳስባ ጋግ ኣብ ምጽባብ፡ ንመደባት ማሕበር ፋይናንሳውን ነገራውን ሓገዝት ኣብ ምብርካት …ወዘተ ይነጥፉ። በዚ መሰረት ድማ ብወሰኑ ዓቕሚ ማእከል መንእሰያት ክሰርሑ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ንመንእሰያት ዝሕግዝ ምኽርን ማዕዳን ከምኡ'ውን ኣብቲ ምኽኣን መደባት ክሳተፉ ጸኒሖም ኣለዉ።

ከም ወጽኢት ናይ'ዚ ሽማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያት ን/ዞባ ደቡብ ንሕጽረታትን ብድሆታትን መንእሰያት ንምፍታሕ ምስ ህዝብን ኣካላት መንግስትን ብምውህሃድ ናይ ኣስታት ክልተ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ምሉእ መሳርሒ ሙዚቃ ዓዲ ጋ ብ13 ሕዳር ንቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ምምሕዳር ን/ዞባ ደቡብ ከም ዘረከቡ ዝበጽሖና ሓበሬታ ኣረዲኡ።


ሓላፊ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ብጻይ ዑቕባይ በርሀ፡ ኣብ እዋን ምርኻብ ተረኺቡ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ እቲ ቢታ ሽማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያት ዝተገበረ ኣበርክቶ ኣብ ምሕያል ማእከል መንእሰያት ናይቲ ን/ዞባ እወታዊ ተራ ከም ዘለዎ ብምግላጽ፡ ካልኦት ውዳባት ሽማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያት'ውን ኣብኡ'ዩም ክኽተሉ ተላብዩ።

# ማሕበር ኣብ 3ይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ባይቶ መንእሰያት ኣፍሮ-ኣራብ ተሳቲፉ

3ይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ባይቶ መንእሰያት ኣፍሪቃን ዓረብን (ኣፍሮ-ኣራብ) ካብ 07-10 ታሕሳስ ኣብ ካርቱም ሱዳን ተኻኢዱ። ኣብ'ቲ ካብ 35 ኣባል ሃገራት ዝተወከሉ ልዕሊ 100 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ጉባኤ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኑቲ ውድብ ክመርሕ ዝጸንሐ ፈጻሚ ሽማግለ ጸብጻብ ስርሑ ከቕርብ ከሎ፡ ብመሰረት ኣሰራርሓ እቲ ውድብ ኣብ ዓውድታት ስነጥበብን ስንዓን ዕውታት ንዘርኣዩ መንእሰያት ዞባ ኣፍሪቃን ዓረብን ናይ ምሸላም መስርሕ እውን ተኻይዱ። ብዘይካ'ዚ ንዝቕጽል ክልተ ዓመት ኑቲ ውድብ ዝመርሕ ፈጻሚ ሽማግለ ድማ ተመሪጹ። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ከም ኣባል ናይ'ቲ ንዝቕጽል ክልተ ዓመት ዝመርሕ ፈጻሚ ሽማግለ ክምረጽ ከሎ፡ ኤርትራ ብደረጃ ሃገር ኣብ ዓውድታት ውድድራት ስፖርት ብሓፈሻ ኣብ ሸግለታን ኣትለቲክስን ድማ ብፍላይ ብእተኣካይዶ ዘላ ኣንጸባራቒ ዓወታት ንምድንፋዕ ስፖርታዊ ንጥፈታት መንእሰያት ኣባል ሃገራት ናይ ምክትታል ተወሳኺ ዕማም ወሲዱ።

ኈኒ ኈኒ ናይ ጉባኤ መደባት ኣብ ዝቐየድ ዝከበረ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድና ዘተኮረ ርክባት፡ ኣብ መንጎ ማሕበርን ሃገራዊ ፈደረሽን መንእሰያት ሱዳን ንዝጸንሐ ሓባራዊ ናይ ስራሕ መደባትን ፕሮቶኮላዊ ስምምዓትን ንምሕያል ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ዞባታት ክልቲኦም ሃገራት ብሓባር ንዝዳለዉ መደባት ሓሳብ ንምልውዋጥ ...



# መደብ ወለንታዊ ኣበርክቶ

መደብ ወለንታዊ ኣበርክቶ ኣብ ሃገራት ወጻኢ ዝቕመጡ መንእሰያት ዜጋታት፣ ሓደ ካብቲ ብደረጃ ማሕበር ዝሰርሓሉ ፕሮግራማት እዩ። ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ በብግዜኡ ክካየድ ዝጸንሐ መስርሕ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ወርሒ ኣበርክቶ ክገብር ዝጸንሐ መንእሰይ ኒምሮን ኢያሱ፡ ብመሰረት ዘቕረቦ መደብ ኣበርክቶኡ ብምፍጻም ናብ ዝቕመጠሉ ሃገር ጀርመን ተመሊሱ። እዚ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ጋዜጣ ፕሮፋይልን ኣብ ጨንፈር ቀልዑ ሚኒስትሪ ዕዮን ስብኣዊ ድሕነትን ከበርክት ዝጸንሐ መንእሰይ፣ ብዘይካ'ቲ ምዱብ ኣበርክቶኡ ምስ ሃገርን ባህልን ዘላልዮ ዝተፈላለየ መደባት ከም ዝተሳተፈን ጽቡቕ ተመኩሮ ከም ዝረኸበን ይገልጽ። ካብ ኤርትራዊ ኣቦን ጀርመናዊት ኣደን ዝተወልደ ኒምሮን ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ ከበርክት ዘለዎ ድሉውነት ምስ ድሕረ-ገጽ ኤሪ-ዩዝ ዶት ኦርግ ኣብ ዝገበሮ ቃለ ምሕትት ሓቢሩ።

ኣብ ምዝዛም ናይ ወለንታዊ ኣበርክቶ



መደቡ፡ ካብ ኢድ ኣቦ መንበር ማሕበር ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ናይ ኣበርክቶ ምስክር ወረቐት ተቐቢሉ።

## ጉዳያት

# 2019
# በሪ ሓድሽ ምዕራፍ

ዓመት 2018፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ወቲሁሉ ጻማ ጽንዓቱን ክምህ ዘይብል መኽተኡን ብዓዘበሪ ዝርአየሉ፡ ፍልይቲን ታሪኻዊትን ዓመት እያ ነይራ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንልዕሊ 20 ዓመታት ዝጸንሐ ውግእን ወረ-ውግእን ኣኽቲሙ፡ ብደረጃ ዞባ ዘመሓ ሰላምን ምትሕብባርን ዝተቐልቀለላ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ከነብርክኽ ዘንቀደ፡ ብዙሕ ዝዓይነቱ ሸርሒታትን ውዲታትን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናማህመሃ ብምምጻኡ ክቐጽል ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ ዝበጽሐሉ፣ ከም ኣካል ናይ'ዚ ተጻብኦታት'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ተሰጊዱ ዝጸንሐ እገዳ ዝተላዕለላ፣ ብደረጃ ዞባን ዓለምን ብዙሕ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ምዕባለታት ዝተኸስተላ ዓመት እያ ነይራ።

ዓመት ተዛዚሙ፡ ሓድሽ ዓመት ኣብ ዝፍልመሉ ግዜ፡ ዝሓለፈ መድረኻት ከመይ ነይሩ? እንታይ ብድሆታት ገጢሙና? ብኸመይ ሰጊርናዮ? እንታይ መኽሰብት'ከ ኣረጋጊጽና? ብመንጽሩ'ኸ፡ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ ዓመት እንታይ ይመስል? እንታይ ምዕባለታት ክንጽበ ንኽእል? እንታይ ሓላፍነት'ከ የሰክመና? ዝብልን ካልእን ረቛሒታት ገምጋም ኣልዒልካ፡ ንሕሉፍ ገዕዞ ብምውካስ፡ መጻኢ ምእማት፡ ልሙድ እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብዚ ናብ ዓመት 2019 እንሰጋገረሉ ዘለና ቅነ፡ መንእሰያት ኤርትራ ዝሓለፈናዮ ታሪኽ ተመሊስና ብምጥማት፡ መጻኢና እንታይ ክመስል ከምዝኽእል ብወድዓውነት ክንመዝን ኣገዳሲ ይኸውን።

እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ሓድሽ ምዕራፍ እምበኣር፡ ሃንደበት ወይ ብዕድል ዱብ ዝበለ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰይ ኤርትራ ድማ ብዝያዳ፡ ከቢድ ቃልሲ ዘካየደሉ፡ ማሰዋእቲ ዝኸፈለሉን ብዙሕ ዕድላት ዘጥፍኣሉን እዩ። ዝሓለፈ ዓቕሊ ዝፈታተን ናይ ድርብ መኽተ እዋን፡ መንእሰይ ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት፡ ማለት፡ ኣብ ምክልኻል ልኡላውነት ሃገርን ልምዓታዊ ስራሕን ቅድመ ግንባር ተሰሊፉ፡ መሪሕ ግደ ዝተጻወተሉ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ንኹሉ ማሰገደላት ሰጊሩ፡ ኑቲ ዘኹርዕ ሃገራዊ ታሪኽ ተወሳኺ ርዝነት ዝወሰኸሉ፡ ኣብ ታሪኽ ብወርቃዊ ቀለም ሰፊሩ ዝነብር መድረኽ'ዩ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን፡ መንእሰይ ኤርትራ፡ ሞራላዊ ብቕዓቱን ሃገራዊ መንፈሱን ንምድኻም፡ ጥምረቱ ንምዝራግን ንምብትታንን ዝተኣልመ ውዲታት ዋጋ ኣልቦ ብምግባር፣ ሳላ ዘይግበዝ ስርሑን ረብሓ ሃገር ዘቐድም ተወፋይነቱን፡ ቀዳማይ መንጸፍ ልምዓት ንምውዳድ ብዙሕ ጽዒሩን ሃሊኹን እዩ። እቲ ከም ውጽኢት ውፋይ ጻዕሪ መንእሰያት ምስናይ ኩሉ ተጻብኦታትን ድሩትነት ጸጋታትን ክዕመም ክኢሉ ዘሎ ልምዓታዊ ስርሓት ከኣ፡ ኣብዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽን መድረኽ፡ ንስሉጥ ኹሉ ዕምቀትን ኮይኑ ከምዝገልግል ፍሉጥ እዩ።

## ታሪኽ ዝሰሐዶ መሪሕ ግደ መንእሰያት

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ጽንኩር መድረኽ፡ እልቢ ዘይብሉ ዕንቅፋታት፡ ተጻብኦታት፡ ውዲታት፡ ዘሙት ምስይጣንን ተሃጽሎን ከየንበርከኾ፡ ዕውት ኮይኑ ክወጽእ ዘኽኣሎ ዝዓበየ ረቛሒ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ሓድነቱን ስምረቱን ኣብ ሓደ ዕላማ እዩ። "ብዕራይ ናብ ዘበለ ዮብል፡ ዕርፈ ኣጸግዕ" ከምዝበሃል፡ ብንቕሓትን ምስትውዓልን ኣብ ሓራ ፖለቲካዊ ማስመሩን ኣብ ጎደኒ መንግስቱን ጠጠው ብምባል፡ ጸግዒን ዘራይን ከይደለየ፡ ጎደኒ ጎደኒ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን መኽተ፡ ልምዓታውን ቁጠባውን ስርሑ እውን ከየወንዘፈ፡ ብጽኑዕ ዓቕሙ ተዓዊቱ ክወጽእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ታሪኻዊን ፖለቲካዊን ገዕዞ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክልውጦን ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ከሰጋግሮን ክኢሉ ኣሎ።

## እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ መድረኽ እንታይ ይመስል?

መጽሔት መንእሰይ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕታማ፡ ካብ ሰሚናር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ፈስቲቫል መንእሰያት ሳዋ ዘውጽኣቶ ጽማቝ ጽሑፍ ብንጹር ከምዝቐመጦ፡ እዚ ሓድሽ መድረኽ'ዚ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ መንእሰያት ብኹሉ መዳይ ጠንከርም ክዓለሉ ዘለዎም እዩ። ከፉቲት በሪ ሓድሽ ምዕራፍ ዝኾነት ዓመት 2019፡ ብዙሕ ኣዎንታዊ ስጉምቲ ንምዕባለን ዕበየትን ዞባና ዝርአየላ ዓመት ምኳና ካብቲ ዘሎ ምዕባለታት ምስትውዓሉ ኣየጸግምን። እዚ ሓድሽ መድረኽ'ዚ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ህዝብታት ዞባናን ብሓፈሻ፡ ንመንእሰያት ድማ ብፍላይ ክኸፍቶ ዝኽእል ዕድላት ኣመና

ግዚፍ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ብልዑል ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብስራሕን ክሰጋር ዝኾኑ ብደሆታት ከምዝለውዎ ክዘንጋዕ ኣይግባእን። እቲ ዘሎ ምዕባለታት፡ ብፍላይ ከኣ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ መጺኡ ዘሎ ለውጢ ዘይምእምኖም፡ ሓይልን ጥምረትን ሃገራት ናይዚ ዞባ ዘስክፎም፡ ናይ ርሑቕን ቀረባን ሓይልታት ክህልው ባህርያዊ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ተኸሲቱ ዘሎ ባና ትሰፋውን ብሩህን መጻኢ፡ በቲ ሒዝዎ ዘሎ ኣንፈት ዝያዳ ንኽገሰ፡ እቲ ብዙሕ ዝተደኾመሉን መስዋእቲ ግዚን ዕድላትን ዝተኸፍለሉን ዕላማ ብምልኣት ክዕወት፡ እዚ ሓድሽ መድረኽ ንመንእሰያት ዘስክም ሓላፍነት ኣሎ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ነዚ ኣመልኪቱ ኣብ ሳዋ ኣብ ዝተዳደ ሰሚናር ከምዚ ኢሉ ነይሩ፦

“. . .ነዚ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ዘሎ ዕድላትን ብደሆታትን ብግቡእ ክንሰርሓሉ፡ ቅድም ቀዳድም ናይ ህዝብ፡ ብፍላይ ከኣ ናይ መንእሰያት ድሉውነት ክህሉ ኣለዎ። ኩሉ ሃገር ተፈቲሒ'ዩ፡ ሰላም መጺኡ'ዩ ኢልና ረማዕ ንብለሉ ግዜ ኣይኮነን። ሰላም ስለዘምጸ ሓላፍነትና ዝኸበደ፡ ስራሕና ኣብ ገና ኣሎ ዝቐልጠፈ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ጸገማት ተወዲኡ'ዩ ኢልና እንዛረብ መድረኽ ዘይኮነ፡ እዚ ሓዲሽ ምዕራፍ ብዝያዳ ሓይሊ፡ ብዝያዳ ተገዳስነት፡ ክንሰርሓ ሓላፍነት እንስከመሉ እዩ። . . . ቅድሚ ዝኣገረ መንእሰያት ናይ'ዚ ሃገር ኣብ ቅድሚኦም ዘሎ ሓላፍነት ብግቡእ ክግንዘብዎ ኣለምም። ንወለዶታት መሰረት ኣንጺፎም ዝሓለፉን ዝበለጸን ኩነታት ክፈጥሩ ስለዘለምም፡ ማዕረ'ቲ ዝጸበዮም ሓላፍነት ኮይኖም ክርከቡ ኣለምም። ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ብዙሓ ደረጃ ተሓብቢርካ ብዙሕ ክግበር እናተኻእለ፡ በቲ ዝበረ መኻልፍ ዕድል ኣይተረኸበን። ሕጂ ግን እቲ መድረኽ'ቲ ተሰጊሩ ኣሎ። ስለዚ፡ እዚ ዝኣቶ ዘሎ ሓድሽ መድረኽ ኑቲ ዝተኸሰረ ዕድላት ብምምላስ ኣንዊሕካ ንምስዃም ጉያ ዝጠልብ እዩ። ኣብ ኣንበይናም ጽላታት፡ ብውልቂን ብሓባር ብደረጃ ዞባን ክተዳደ ዘለዎ ብዙሕ ስራሕ ይጸበየና ኣሎ. . .”

ዓመት 2019 እምበኣር፡ ኣብ ርእሲ ዘቤታዊ ዕማም ህንጻት ሃገር፡ ብደረጃ ዞባ፡ ብዙሕ መደባት ቁጠባዊ ውህደት ንምትግባር እንብሰላ ዓመት ምኻና ርእሱ ግሊጹ እዩ። ብምኽንያት ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ሃገርና፡ እዚ ሓድሽ መድረኽ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንመንእሰያት ኤርትራ ድማ ብፍላይ ክፈጥሮ ዝኽእል ዕድላት ኣመና ግዚፍ እዩ። ገለ ካብቲ፡ ምስዚ ሓድሽ ምዕባለታት ተኣሳሲሩ ክትግበር ትጽቢት ዝግበረሉ ዓበይቲ መደባት ህንጻት፡ ምስፋሕን ምምዕባልን ኣገልግሎት ወደባት፣ ህንጻት ስትራተጂያውያን መስመራት መጓዓዝያ ምድርን ሓዲድን፣ ምሕያልን ምስፋሕን መጓዕዝያ ባሕርን ኣየርን፣ ምምዕባል ቱሪዝማዊ ትሕተ-ቅርጺን ህንጻት ኣባይቲን፣ ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ምሕደራን መራኸቢታትን፣ ምምዕባል ፋይናንሳዊ ትካላት፣ ምምዝማዝ ዝተፈላለዩ ማዕድናዊ ጸጋታት ወዘተ. ክጥቀስ ዝከኣል እዩ። እዚ ስፉሕቲ መደባት ልምዓት'ዚ፡ ኣብ 2019 ንምብግጋሱ፡ ደሮ ብስዕለምት ኣካላት መንግስቲ ኤርትራን ዞባውያን መሻርኽቲን ከም መደብ ተታሒዙ ይሰርሓሉ ኣሎ።

ከምዝፍለጥ ኣብቲ ዝሓለፈናዮ ጽንኩር ናይ መኸተ እዋን፡ ብዓንኬል ብደሆታት ጀሆ ከይተታሓዝና፡ ቁጠባዊ ለውጢ ንምምጻእ ባይታ ዝምድምድ ወሰንቲ መደባት ልምዓት ብውሽጣዊ ዓቕምና ክንትግብር ጸኒሕና ኢና። እቲ ብበቕሩብ ክድለብ ዝጸንሐ ዓቕምና ብመጠኑ ዝተዋህለለ ኽኢጋሽን፡ መርኣያ ዘይጻዓድ መንፈስን ሕልናን ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ፡ ነዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ መድረኽ መበገሲ ዝኸውን ብዙሕ ዕማማት ከቃልል ኣኽኢሉና እዩ። በቲ ዛጊት ዘተግበርናዮ ብዙሕ ጎድናዊ መደባት ልምዓት፡ ማይ ናይ ምውህሃል ዓቕምና ከምዝዕብ፡ ኣብ በበይኑ ከባቢታት ሃገር፡ ሕርሻዊ ጸጋታትና ብበቕዓት ክንምዝምዝ ዘኽእለና ባይታ ከዋድድ ክኢልና ኢና። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ጽርግያታት፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ቀረብ ጸዓት፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያን መራኸቢታትን ንምርግጋጽ ብዝዓመምናዮ ስርሓት፡ እቲ ርሑቕ ዝበሃል ዝበረ ከባቢታት ሃገርና ብናይ ሓደት ሰዓታት ጉዕዞ ከምዝበጻሕ፡ ጸልማት ዝበረ ከተማታትን ዓድታትን ብርሃን ከምዝዕደል፡ ብቴሌፎንን ካልእ ቴክኖሎጂ መራኸቢታትን ምስ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ከምዝተኣሳሰር ብምግባር፡ ንዝተፈላለየ ንግዳዊ፡ ሕርሻዊን ቁጠባዊን ንጥፈት መሰረት ከሃንጸፍ በቒዕና ኢና። በዚ ከኣ ተገዳስነት ናይ ወሻጦን ግዳምን ኣውፈርቲ ኣብ ሕርሻ፡ ዕደና፡ ኢንዱስትሪን ጽላት ቱሪዝምን እናዓበየ ክመጽእ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብቲ ቀንዲ መግለጺን መርኣያን ሰብኣዊ ምዕባለ ዝኾነ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ከኣ፡ ኣውራ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕናን ትምህርቲን ብዙሕ ስርሓት ተሰላሲሎም እዮም። ምስዚ ተኣሳሲሩ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ብዝተገብረ ግዚፍ ወፍሪ፡ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ መንእሰያት፡ ብዝተፈላለየ ሞያታት ክሰልጥኑ በቒዖም ኣለዉ።

እዚ ኣብ ከበድ እዋን፡ ምስናይ ኩሉ ተጻብኦታት፡ ብድሩት ጸጋታት ዝተሰላሰለ ስራሕ፡ ከም መበገሲ ንዓበይቲ ስርሓት ናይዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ ምዕራፍ ኣብርክቶኡ ቀሊል እኳ እንተዘይኮነ፡ ብመጠን ጥሙሕና



ራእይናን ግን ብዙሕ ኣይተሃነ። ከመይሲ እቲ ድሕሪ ናጽነት ተበጊሶናሉ ዘለናና እሞ፡ ብሸነኺ ጸይቂታት ወያነ ዝተኸልፈ ሰፊሕ ራእይና፡ ብደረጃ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ፡ ብደረጃ ዞባ ሓያል ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ምትእስሳራትን ወሀደትን ፈጢርካ፡ ጸጋታት ናይዚ ዞባ ብስፍሓት ኣብ ምዕባለን ስልጣነን ህዝብታት ዞባና ከምዘውዕል ምግባር እዩ። እዚ ሓደሽ ምዕራፍ'ዚ ከኣ ካብ ዝሓለፈ ናይ ግዜን ዕድላትን ክሳራ ተሞኩሮ ቀሲምና፡ ናብቲ ዝተኸልፈ ዓቢ ዕላማ ብፍህሪ እንግስገሰሉ እዩ።

## ተወዳዳሪ ብቕዓት ዝጠልብ መድረኽ

ዓለም ወትሩ ናይ ውድድር መድረኽ'ያ። ታሪኽናን ታሪኽ ኩሎም ህዝብታትን ከምዝምስክሮ፡ ኣብዚ ናይ ውድድር ዓለም፡ ሕብረተሰብ ድሕነቱ ከውሕስ ጥራይ ዘይኮነ፡ ቀጻልነቱ ውሑስ ምዕባለን ስልጣነን ዘረጋግጽ እውን ብጻዕቂ ብቕዓቱ እዩ። ኣብዚ ሓደሽ መድረኽ እምበኣር፡ ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ኀደና ዕብየት ብዓወት ንምምራሕ፡ ብደረጃ ዞባን ዓለምን ተወዳደርቲ ንምዃን፡ መንእሰያት፡ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ዝበለጸ ዓቕሚን ብቕዓትን ምውናን ከድልየና እዩ። ከመይሲ ብቕዓት ሕብረተሰብ ብቐንዱ ኣብ ብቕዓት መንእሰይ እዩ ዝምርከሱ። መለክዒ ተወዳዳርነት ሕብረተሰብ - ብቕዓት መንእሰይ እዩ። ደምን ትንፋስን ሕብረተሰብ መንእሰይ እዩ። ንቑሕን ብቑዕን መንእሰይ ዘይሓዘ ሕብረተሰብ፡ ምዕባለ ከረጋግጽሲ ይትረፍ፡ ብህይወት ክሰርር እውን ንጋዳ ምዃኑ ዝሓለፈ ጉዕዞ ብዮዙበሪ ኣርእዩና እዩ። መንእሰይ ኣብ ዝኾነ መድረኽ፡ ካብ ውልቃዊ ህይወት ምምራሕ ንላዕሊ፡ ኣጸቢቑ ዝዓዘዘ ሕብረተሰብኣዊ ሓላፍነት ዝሰከመ ወሳኒ ኣካል ሃገርን ሕብረተሰብን እዩ። መንእሰያት ኤርትራ እምበኣር፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ብምግንዛብ፡ ተልእኾናን ሓላፍነትናን ኣብዚ ሓደሽ ምዕራፍ ብብቕዓት ክንፍጽም፡ ብኹሉ መዳይ ድልዋትን ብቑዓትን ክንከውን ኣለና። ዕብየትን ስልጣነን ሕብረተሰብ ኣብ ብቕዓት መንእሰያት ስለዝምርከሱ።

## ብቕዓት እንታይ'ዩ?

ፖለቲካዊ ንቕሓት እቲ ዝዓበየ መግለጺ ብቕዓት ናይ ሓደ መንእሰይ እዩ። መንእሰይ፡ ሕሉፍ ታሪኹ ብዕምቈት ዝፈልጥ፡ ካብ ዝሓለፈ ጉዕዞኡ ዝተቐስመ ተሞኩሮ ብዮዝቡእ ዝምገዝዙብ፡ እዋናዊ ብድሆታቱ ብመንጽር ውሽጣዊ ዞባዊን ዓለማዊን ኩነታት ኣጸቢቑ ዝርዳእ፡ ንጹር ሃገራዊ ራእይን ዕላማታትን ሃልዩዎ፡ ናብኡ ዘብጽሕ ቅኑዕ መገዲ ኣረጋጊጹ ዝፈልጥ፡ ብሓባር ኩሉሰብን ክሰገምን ዘኽእሎ ብሉጽ ባህልን ክብርታትን ዝውንን እንተድኣ ኮይኑ፡ ፖለቲካዊን ስነእምሮኣዊን ብቕዓቱ ልዑል'ዩ ክበሃል ይከኣል። ከምዚ ዓይነት ብቑዕ መንእሰይ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት፡ መኣዝኑ ኣስሒቱ ናብ ድንገር ሃዋህው ክሸሞ ዝኽእል ሃገር የልቦን። ስለዚ ንቕሓት እቲ ቀዳማይ መግለጺ ብቕዓት መንእሰያት ሓደ ሃገር እዩ።

ካልኣይ መግለጺ ብቕዓት፡ ፍልጠትን ሞያን እዩ። መንእሰይ ፖለቲካዊ ንቕሓት ሃልዩዎ፡ ዘመን ዝጠልቦ ፍልጠትን ሞያን ክእለትን እንተዘይብሉ፡ እዚ ሓደሽ መድረኽ ዝፈጥሮ ርሒብ ዕድላት ኣብ ረብሓኡ ከውዕሎ ዘሎ ተኽእሎ ንእሹቶ እዩ። ኣብዚ ናይ ውድድር ዓለም፡ ረብሓታትካ ከተዕዝዝ ዘኽእለካ ብሉጽ ዕጥቂ፡ ፍልጠትን ሞያን እዩ። ኣካዳምያውን ሞያውን ፍልጠት ጥራይ ዘይኮነ ድማ፡ ንፍልጠትን ሞያን ናብ ተጨባጢ ዕዮ ዝቕይር ዲሲፕሊን ናይ ስራሕን ጻዕረኛነትን ባህልን ክብርታትን፡ ልዑል ምልከት ቴክኖሎጂን ዝተፈላለየ መሳርሒታትን መሳለጥያን እውን ኣገዳሲ ዕጥቂ እዩ።

ኣብዚ እንኣትዎ ዘለና ሓደሽ መድረኽ እምበኣር፡ ኣተኩሮ መንእሰያት ብቐንዱ ኣብ ምሕያል ብቕዓት ክቐንዕ ኣለዎ። እዚ መድረኽ'ዚ ልዑል ፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ኣካዳምያዊን ሞያዊን ፍልጠት፡ ምልከት ቴክኖሎጂ፡ ናይ ስራሕ ባህሊን ዲሲፕሊንን ዝጠልብ መድረኽ እዩ። መንእሰያት፡ ኣብ ቀደማይኣም ዘሎ ብሩህ መጻኢን ሰፊሕ ዕድላትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነዚ ብቕዓት'ዚ ሒዞም፡ ተዋሳእትን ረባሕትን ናይዚ ሓደሽ መድረኽ ኪኾኑ የድሊ። ዝስተውዕል፡ ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ፡ ሰፊሕ ዕድላት ክኽፈት ምዃኑ፡ ብሩህ ከም ማይ ንግሆ እዩ። መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣጻደ ራህዋ ዜዒመሉ እዋን ርሑቕ ኣይኮነን። ብቲ ዝፍጠር ሰፊሕ ዕድላት ከኣ፡ ዝያዳ ረባሕቲን ተጠቀምቲን መንእሰያት ምዃንናም ርዱእ እዩ። ነዚ ብምግንዛብ እምበኣር መንእሰያት ተቐልቂሉ ዘሎ ባና ትስፉው መጻኢ ንምድማቕ፡ ኣብርቲዖም ክሰርሑን፡ ብቑዓት ኮይኖም፡ መሪሕ ግደኦም ክጻወቱን መድረኻዊ ተልእኾኦም እዩ።

ዓመተ 2019፡ ናብ ርሁው መጻኢ ዘሰጋግር ድልድል እተርግጸና ዓመት እያ። ንዓና መንእሰያት ከኣ፡ ኣብ ምሕያል ብቕዓት ኣተኩርና ጸዕርና እነዛይደላ ዓመተ ስራሕን ጉያን እያ። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብዚ ትስፉው መድረኽ ዘብጽሓና፡ ጸዕርን ተወፋይነትን ዝመስለይኡ ክብርታት ኤርትራዊ መንእሰይ ዓቂብና፡ ንቕሓትናን ኣፍራይነትን ነዐምር።

ከምዝፍለጥ ዝሓለፍናዮ መድረኻት፡ ብዙሕ ሓጎጽጎጽን ዓቕሊ ዝጸንቅቕ ሃዋህውን ዝበሮ እዩ። የግዳስ ዝበዝሐ መንእሰይ ኤርትራ ነቲ ጸንከር ግዜ ብጽንዓት ሰጊሩዎ። ኩልና ከምእተዓዘብናዮ ግን ኣብዚ ጉዕዞ'ዚ ዝጸንዐን ዘይጸንዐን ኣሎ። ኣብ ዝኾነ ጸንከር እዋን ዘጋጥም ባህርያዊ ተርእዮ ድማ እዩ። ሕጂ እውን እንተኾነ፡ ካብ መንገና፡ ዝሓለፈ ጸንከር እዋን ዝፈጠሮ ጽልግልግል ዘይተቐንጠጠሉ፡ ኣርሒቑ ዘይጥምት፡ ሓጺር ኣተሓሳስባ ዝሓሰበ ሰብ ኣይሰኣንን። የግዳስ ኣቲናዮ ዘለና ሓደሽ ምዕራፍ፡ ብኣድማዕነት እንተሰሪሕናሉ፡ ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ እዋን ንኹልናን መጻእቲ ወለዶታትን ኣኺሉ ዝተርፍ ሃብቲ ከንጥርየሉ እንኽእል እዋን ምዃኑ ምስትውዓል የድሊ። ስለዚ መንእሰይ፡ ኣብዚ ሓደሽ መድረኽ ካብ ዝሕፈስ ምህርቲን ዝርከብ ዕድላትን ተጠቃሚን ረባሒን ክኸውን፡ ሓጺር ኣተሓሳስባ ወጊድ ኢሉ፡ ብስራሕ ራእይ ህዝቢን ሃገርን ክዉን ብምግባር፡ ዝዓበየን ዘላቒን ረብሓኡ ዘረጋግጸሉ ቅኑዕ ምርጫ ክወስድ ይግባእ።

# ክፋት ዘተ

# ንባብና ነዚ ሓድሽ ምዕራፍ

ኣብ'ዚ ሓድሽ ታሪኻዊ ምዕራፍ ንምብጻሕ፡ ብመንጽር ዝተኸፍሎ ከቢድ ዋጋ፡ ኣብ ምዕቃቡን ምድልዳሉን ውሁድ ስራሕ ከድልየና ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። እቲ እናዓሞ ስራሕ ዝያዳ ኣድማዒን ፍረ ዝህብን ክኸውን ግና ኣብዚ ሓድሽ ምዕራፍ ዘሎና መረዳእታ ኸኣ ብኡ መጠን ክነዕቢ ከድልየና እዩ። መጽሔት መንእሰይ፡ ኣብ ነንበይኑ ዓውድታት ስራሕ ተዋፊሮም ንዘለዉ መንእሰያት ብምዕዳም መረዳእታኦም ብኽፉት ክገልጹ ዓዲማቶም ኣላ።

ተዛተይቲ፡ ናይ'ዚ ኣቲናዮ ዘሎና ሓድሽ ምዕራፍ ሓፈሻዊ መረዳእታኦም ወይ ትንታነኦም ገሊጾም ኣለዉ። ብተወሳኺ ምስኡ ኣብ ዝተኣሳሰር፡ ንምስሳን ኣፍራይነት፡ ዕድላትን ሓላፍነትን መንእሰያት ከምኡ'ውን ኤርትራ ጠለባት ህዝባ እተማልእ ብልጽግትን ስልጥንትን ሃገር ንምግባራ ብዛዕባ ክግበር ዘለዎ ስርሓትን ዕማማትን ኣመልኪቶም ርእይትኦምን ሓሳባቶምን ብኽፉት ኣፍሲሶም ኣለዉ። ኣንበብቲ'ውን ነዚ ሓድሽ ምዕራፍ ከመይ ከም ትነብዎ፡ ኣብ ሓድሕድኩም መኣዲ ዘተ ከፊትኩም ንባብኩም ርእይቶታትኩምን ሓሳባትኩምን ብምስዳድ ነዚ ዘተ ክተህጥርዎ ንትስፎ።

## መረዳእታ ናይ'ዚ ሓድሽ ምዕራፍ

***እንጅ. ኣኽደር ኣሕመዲን፦*** *ነዚ ሕቶ፡ ብደረጃ ሰብ ክገልጾ ይቐለኒ፤ ማለት ኣነ ዝርድኣኒ፡ እዚ ዘለናዮ መድረኽ፡ ከምዚ ንነዊሕ ዓመታት ኣቐንዛዊ ሕማም ከሳቕየካ ነይሩ`ሞ ፈውሱ ተረኺቡ ኢሎምኻ ዝሰምዕካ ልዙብ ስምዒት ኣብ ዝሰምዓና መድረኽ ዝበጻሕና ኰይኑ እስምዓኒ። ተፈዊስካ ምሉእ ብምሉእ ክትጥዒ፡ ሃዲእካ ከተስተማቕሮን ዋጋ ክትህቦን ክትግንዘቦን - ኑቲ ፍልልይ ቃንዛን ጥዕናን። ተገንዚቡካዮ ከኣ ናብ ንቡር መስርሕ ምንባር ክትኣቱ ግዜ ይደሊ፡ ሓደ ድሕሪ`ቲ ሓደ እዩ ዝስዕቡ፡ብኸምኡታት እየ ዝርድኦ።*




እንጅ. ኣኽደር ኣሕመዲን

***ዶ/ር ኣሚን ተኽላይ፦*** *ብመረዳእታይ እዚ ኣቲናዮ ዘሎና ሓድሽ ምዕራፍ መቐጸልታን ውጽኢትን ናይ ዝሓለፉ ምዕራፋት እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ምዕራፋት ማለት ምምጻእ ናጽነትን ምዕራፍ ዳግመ ህንጻ ሃገርን ምውሓስ ልኡላዊ ክብረትን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ መንእሰይ ኤርትራ ከቢድ ኩሉመዳያዊ መስዋእቲ ከፊሉ ብዓወት ደምዲምዎ እዩ። ውጽኢት ናይ'ዞም ዝሓለፉ ክልተ ምዕራፋት ድማ ነዚ ሕጂ ኣቲናዮ ዘሎና ምዕራፍ ኣሰጋጊሩና ኣሎ። እንተኾነ እዚ ምዕራፍ እዚ ብኣተኩሮን መድረኻዊ ዕማምን ሓላፍነትን ዝተፈልየ እዩ። ብመንጽር ግዜ ክረአ እንከሎ፡ ኣብ'ዚ ምዕራፍ'ዚ ኣብ እዋን ሰላምን ርጉእ ሃውህውን ንኣቱ ኣሎና። እዚ ሃውህው'ዚ ዝጠልቦ ዕማምን ሓላፍነትን ድማ ካብ'ቲ ነንዝመጸ ብድሆታት ንምምካት ከነሰላስሎ ዝጸናሕና ዕማማት ዝተፈልየ ክኸውን ባህርያዊ እዩ። ኣተኩሮናን ዕማምናን ሓላፍነትናን ኣብ'ዚ ርጉእ ሰላማዊ ምዕራፍ*



ዶ/ር ኣሚን ተኽላይ



እንጅ. ምሉእብርሃን ሃብታይ



ኣልኣሚን ሓምድ



ሜሪ መሓሪ



ኤርምያስ ሰሎሞን

እምበኣር፡ ንዘምለጠና ዕድላት ልምዓትን ዕቤትን ብዘተዓጻጸፈ ሞራልን ኒሕን ምምላስ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣቐዲምና ንዘኣተናዮ ብልጽግትን ርህውትን ሃገር ናይ ምህናጽ መብጽዓ ክዉን ንምግባር ምጽዓር እዩ። ስለዚ ሰላማውን ርጉእን ሃውሃው ብጽንዓትናን መሰዋእትናን መጺኡ ኣሎ። ቀጻልነቱን ውሕስነቱን  ንምርግጋጽ ድማ ማዕረ ማዕሪኡ ዝኸይድ ዕማም እመስለኒ።

**እንጅ. ምሉእብርሃን ሃብታይ፦** እዚ ሕጂ ኣብ'ዚ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተበጺሑ ዘሎ ምዕራፍ፡ ውጽኢት ናይ ነዊሕን ዝተሓላለኸን ውሽጣዊን ደጋዊን መስርሕ ኮይኑ ክቑጸር ይኽእል። ሳዕቤናት ናይ ኲናት ንኹልኻ ብማዕረ ክሃስየካን ክስወጠካን ምስጀመረ ዝበጽሖ ምዕራፍ ኮይኑ እስመዓኒ። ኣብ ህይወት ውልቀ ሰብን ሃገርን፡ ካብ ኲናትን ወረ ኲናትን ንላዕሊ ሕማቕ ተርእዮ ክህሉ ኢልካ ስለዘይትጽበ፡ እዚ ዘበሃል ዘሎ ሓድሽ ናይ ሰላም ሃዋህው፡ ንዓና ከም ሕብረተሰብ ጥዑም ዜና እዩ ክበሃል ይኽእል።

***ኣልኣሚን ሓምድ፦*** ህዝቢ ኤርትራ ብ1991 ናይ ኲናት ምዕራፍ ዓጽዩ ትርጉም ናጽነቱን ሓርነቱን ከስተማቕርን ንኹሉ መዳያዊ ዕቤት ክሰርሕን ኣብ ዝጀመረሉ፡ እቲ ትሰፋው ምዕራፍ ኣብ ሓጺር ግዜ እዩ ብሓድሽን ዘይተጸበዮን ካልእ ኲናት ተዓናቒፉ። እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ናይ ሰላም መድረኽ እምበኣር፡ ብቐንዱ ምዝዛም ኲናትን መዘዛት ኲናትን ዘመልክት ስለዝኾነ፡ ኣቓልቦና ናብ ኩሉ መዳያዊ ዕቤት ጌርና ክንሰርሕ ዘኽእል መድረኽ እዩ። ናይ ኲናት መድረኽ ብስምምዓት ሰላምን ምሕዝነትን ክበቅዕ ይኽእል እዩ። ሓድጊ ግን ኣለዎ፡ ስምብራት ኣለዎ። እዚ ንፍልሞ ዘለና ናይ ሰላም መድረኽ፡ ኣሉታዊ ሓድግታት ናይ'ቲ ግናይ መድረኽ ኣብ ሓጺር ግዜ ዝእለዩሉ መድረኽ ክኸውን እትስፎ።

***ሜሪ መሓሪ፦*** ክልተ ዓበይቲ ሃገራውያን ጉዳያት ብጽቡቕ ስለ ዝተዛዘሙ፡ ኣብ መድረኽ 'እንሆ ፈረስ እንሆ ሜዳ' ዘለና ኮይኑ'ዩ ዝመስለኒ። ኑቶም ብኸቦ ልብና ከኣይዶም ዝጸናሕና ንሕብረተሰብ ዘገድሱ ንጥፈታት ብምሉእ ልብና ክንዓጸሎም፡ እዚ መድረኽ ምሉእ ዕድል ፈጢሩልና ኣሎ። ኣገባብ ምሕደራና ምስ'ዚ ኣቲናዮ ዘሎና ሓድሽ ምዕራፍ ከም ዝሳነ ጌርና፡ ሃገርና ከነማዕብል ካብ ሎም ዝሕረ ግዜ የብልናን እዩ እምነተይ። ስለ'ዚ ብመጠኑ ፍትሕ ዙበል እምበር፡ ዞኺ መድረኽ ከም ዘይኮነ ምዝካርን እናሻዕ ምዝኽኻርን የድልዮ እዩ ኢለ እሓስብ።

***ኤርምያስ ሰሎሞን፦*** ሰላም ብሕድገት ክመጽእ ይኽእል፤ ብኸቢድ ምጽማም'ውን ክወሓስ ይኽእል። ጉዳይና ግና ጉዳይ ሰላምን ዘይሰላምን ኣይነበረን። ሕቶ ህላወን ሓደጋ ጥፍኣትን'ዩ ነይሩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ንምብሕጓግ ልኡላውነትና እዚ ኢልካ ክትገልጾ ዘይትኽእል ፈተነታት ተኻይዱ። እዚ ኹነት ድማ ንዓና ኣብ ሓደ ምርጫ ጥራይ ከም እንሕጸር ገይሩና፡ ተጸሚምካ ምምካት ጥራይ! እምበር ጉዳይና ጉዳይ ሰላም ጥራይ እንተዝኸውን፡ እንታይ ኣምጽኦ እዚ ኹሉ ምትኹታኽ፡እንታይ ኣምጽኦ እዚ ኹሉ ምዝርራይ።

ኣብዚ ቅልስ ግና ሓደ ሓቂ ነጺሩ ወጺኡ። ንሓንቲ ንእሽቶ ሃገር፡ንሓደ ውሑድ ህዝቢ፡ብኸምዚ ዓይነት ተኸታተልቲ ማእለማታት ክትቁጽየ ምፍታን፡ኣብ ሓይሉ ንብቕዓቱ ንማዕረ ኸንደይ ሰግኣት ከምዘሎካ ዘርኢ እዩ ነይሩ።

ሓደ ተመኩሮ ናይ ምጽማም ዘይነበሮ ህዝቢ፡እቲ ንሕና ዝኸፈልናዮ ዋጋ

ከምዕሽነት'ውን ክቐጽሮ ይኽእል'ዩ። ሓቂ ሒዝካ ምቅላስ ልዕሊ ዝኾነ ተመኩሮናሉ ዝጸናሕና ኣምር ስለዝነበረ ግና እልቢ ዘይብሉ ዋጋ ደአ ሓሊፉና እምበር፣ ኤርትራስ እንሆት እንደገና ከም ሃገር ሰረራ!

ስለዚ እዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም፣ጉዳይ ሰምምዕ ኣይኮነ፤ ጉዳይ ሕድሪት። እንታይ ደአ ጉዳይ ጸገምትና ጥራይ'ዩ።

# ኣፍራይነት ንምስሳን እንታይ ክግበር ኣለዎ?

***ኣልኣሚን ሓምድ፤*** ኣፍራይነት ንምስሳን ዝጸልዉ ረቛሕቲ ብዙሓት ክኾኑ ይኽእሉ። ከም ዝመስለኒ ግን ሰለስተ ኣገደስቲ ረቛሕቲ ኣለዉ። ፈለማ ተበግሶ እዩ፤ ሽዑ ጻዕሪ፤ ኣብ መወዳእታ ድማ ተሓታትነት። ብውልቂ ነፍሰወከፍ ዜጋ ብብዓውዱ ኣፍራዪ ተበግሶታት ክወሰድ የድሊ፤ ሽዑ ኣብ'ቲ ተጸሚድካሉ ዘለኻ ዕማም ኣበርቲዕካ ምጽዓር። ውጽኢት ጻዕርኻ ንምፍላጥ ድማ እቲ ዕማም ተዓቃቢን ነፍስኻ ክትሓትት ዘኽእልን ክኸውን ኣለዎ። ብደረጃ መንግስቲ ክረአ ከሎ ድማ ብተመሳሳሊ፤ ዜጋታት ዝርኣይዎ ተበግሶን ጻዕርን ፍረ ክህብ ዘኽእልዎ ፖሊቲካዊ ቅሩብነትን ትካላዊ ብቕዓትን ከማዕብል የድልዮ። ኣብ ርእሲ ተበግሶ ዜጋታት ምትብባዕ ንባዕሉ መንግስቲ ዘውጽኦም መደባት ተዓቀንትን ተሓታትነት ዘለዎምን ክኾኑ የድሊ። እዛ ናይ ተዓቃንነትን ተሓታትነትን ነጥቢ ወሳኒት እያ። ተበግሶን ሰናይ ድልየትን እናሃለው፡ ብሓያል ጻዕሪ እናሰራሕካ ተሓታትነት ምስ ዘይህሉ ኣፍራይነት ኣብ ምልክት ሕቶ እዩ ዝኣቱ።

***እንጂ. ምሉእብርሃን ሃብታይ፤*** ኣፍራይነት ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ብመንገዲ ትካላትን ትካላዊ ኣሰራርሓን እዩ ክረጋገጽ ዝኽእል። ውልቀ ሰባት ዝሃለወ ፍልጠትን ዓቕሚን ይሃልዎም ብዘየገድስ፡ ዓቕሞም ኣብ ትካላት ብዘየብርዎ ኣበርክቶ እዩ ዝዓዝዝ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ፡ "ኣብ ናይ ሰላም ሃዋህው በጺሕና ኣሎና፡" እንተኢልና፡ ብሕግን ስነምግባርን ተመሪሐን ምስ ግዜ እናዓበያ ዝኸዳ፡ መንግስታዊን ህዝባዊን ትካላት ክትከላ ይግበኣን። ኣብ ውሽጢ'ቲ መስርሕ ምስ ኣተኻ፡ ብዛዕባ ምትእትታው ሓደስቲ ተክኖሎጂ፡ ዝያዳ ተሳትፎ ብሕታዊ ትካላት፡ ዝያዳ ኣበርክቶ ካብ ምሁራትን ኣማኸርትን ዝበሃሉ ኣካላት ሕብረተሰብ፡ ወዘተ ... ኢልካ ክትሓስብ ትኽእል ኢኻ። እቲ ቀዳማይ ኹሉ ዝመጽእ ዝበሎ ግን፡ ህላወ ናይ ሓደ ንሱ ብሕጋዊ ኣቃውማ ዝወደነ ተቖጻጻሪ ኣካል (Regulatory Body) ኮይኑ እስመዓኒ።

ሕብረተሰብና ባይታ እንተረኺቡ፡ ናብ ኩነተ ልምዓትን ምፍራይን ቀልጢፉ ናይ ምቕያር ተኽእሎ ኣለዎ። ብወገነይ ነቲ ካብ 1991 ክሳብ 1998 ዓ.ም. ተበጊሱ ዝነበረ ኣጀማምራ፡ ከም ህያው ምስክር ክንጥቀመሉ ምመረጽኩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ ንጥፈታት ጸቡቕ ኣንፈት ከርእዩ ጀሚሮም ምንባሮም ኩልና ንሰማማዓሉ እመስለኒ። ስለዚ ሕጂ'ውን ብዙሓለፈና ዕድላት ከይተዓዘልና፡ ኣፍራይነትና ናብቲ እንፈልጦን ልዕሊኡን ከነንጥሮ እንተደሊና፡ ነቶም ቅድሚ ዕስራ ዓመታት ዝነበሩና ራኢታት ተመሊስና ክንራኣዮምን ዝዕረ ኣዐሪና ዳግማይ ክንጥቀመሎምን ንኽእል ኮይኑ እስመዓኒ። ስለ'ዚ ከም ኣጠማምታይ፡ ብልጽግናን ምዕባለን ሃገር ክትህልወና ዘሎ ድሌትን ባህግን ናይ ሕብረተሰብና ከም ትሑዝ ወሲደ፡ እቲ ናይ መጀመርታ ዕማም ንመንግስቲ ዝግደፍ እዩ ክብሎ እኽእል። ማለት፡ ትካላዊ ኣቃውማኡ ነዚ ዝድለ ዘሎ ናይ ቁጠባን ልምዓትን ጠለባት ብዝማልእ መንገዲ ዳግማይ ክውደብ የድልዮ።

***ዶ/ር ኣሚን ተኸሰይ፤*** ኣፍራይነት መሰረት ልምዓትን ቁጠባዊ ዕብየትን እዩ። ኣፍራይነት ኣብ ደረጃ ወልቀሰባትን ትካላትን (Micro level) ከምኡ'ውን ብደረጃ ሃገራዊ ቁጠባ (Macro level) ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ። ስራሑ ዘፍቅርን ወፊሩ ዘፍድምዕን ሰብ ብዛዕባ ምውጋድ ድኽነትን ምምሕያሽ መነባብሮን ምዝራብ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣፍራይነት ውጽኢት ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ምኻኑ ምግንዛብ የድሊ። ብመጀመርታ ኣፍራይነት ውጽኢት ሓያል ባህሪ ስራሕ እዩ። ምናልባት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ደኣ ይፈላለ ይኸውን እምበር፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓርኮትኮቱን ሓያል ናይ ስራሕ ባህሉን ዝልለ ህዝቢ እዩ። ኣብ ምጽወታን ተጻባይነትን ዘይኣምን፡ ብርሃጹ ክነብር ዝብህግ ህዝቢ እዩ። እንተኾነ እዚ ክቡር ባህሊ'ዚ ኣብ ነፍሲወከፍ ዝተኻኻእ ወለዶ ምኽሳኡን ቀጻልነቱ ምርግጋጽን ኣገዳሲ እመስለኒ። ኣፍራይነት ክዕቀን ወይ ክልካዕ ዝኽእል ኣምር እዩ። ክንደይ ዓቕሚ ሰብ ኣሲቲፍና፡ ክንደይ ርእሰማል ኣኽቲትና፡ ክንደይ ንጥረ ነገርን ተክኖሎጂን ተጠቒምና እንታይ እቶት'ከ ረኺብና ብምዝኡእ ክንዕቅኖን ክንግምግሞን የድሊ። ስለዚ ኣብ ነፍሲወከፍ ጽላት፡ ትካል ይኹን ዓውደ ስራሕ መዐቀኒታት ኣፍራይነትን ባህሊ ስራሕን ዘሐይል መደባት ክትተኣታቱ ኣገዳሲ እመስለኒ።

"ኣገባብ
ምሕደራና ምስ'ዚ
ኣቲናዮ ዘሎና ሓድሽ ምዕራፍ
ከም ዝሳነ ጌርና፡ ሃገርና
ከነማዕብል ካብ ሎሚ ዝሐረ ግዜ
የብልናን እዩ እምነተይ።"
ሜሪ መሓሪ

ብዘይካ'ዚ ትምህርትን ስልጠናን እውን ንኣፍራይነት ዝጸልዉ

ረቛሒታት እዮም። ስርዓት ትምህርትና ይኹን ናይ ሞያ ትካላትና ንባህልና፡ ደረጃ ኣተሓሳስባናን ክዉንነትናን ናይ መጻኢ ባህግናን ኣብ ግምት ዘእተወ ናብ መዛዘሚትን ወጽኢታውነት ስራሕን ዘደፋፍእን ዝተሓላለኸ ክኸውን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ እንዝምሀሮ ፍልጠትን ክእለትን ምስ'ቲ ኣብ ባይታ ዘድሊ ዘሎ ብቕዓትን ጠለብ ስራሕን ክዛመድ ኣድላዪ እዩ። እዚ ድማ ብቑጻሊ ገምጋምን መጽናዕትን ክውርጽጽን ክመሓየሽን ዝኽእል ዕማም እዩ። ብዘወሳኺ ስራሕ ብዘይ ዓያዪ፡ ዓያዪ ብዘይ መዕየዩ ወይ መሳርሒ ውጽኢት ክህብ ስለዘይክእል፡ ሓደ ስራሕ ዘድሊ መሳርሒታት ክቕረበሉን ኣብ ባይታ ዘሎ መሳርሒታት ድማ ብግቡእ ኣብ ጠቕሚ ክውዕልን ኣገዳሲ እመስለኒ። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣፍራይነትን ጻማን (incentive) ቀጥታዊ ምትእስሳር ስለዘለዎ፡ ለይትን መዓልትን ሃለኽለኽ ኢሉ ፍርያት ዘኻዕብት ሰብ ዝግብኦ ጻማን ምትብባዕን ዝረኽበሉ፡ ሰብ ብመንጽር ኣፍራይነቱ ጻማኡ ዝሓፍሰሉ መደባት ብዝሓየለ መልክዑ ክሰርሓሉ ዘለዎ ኮይኑ እስመዓኒ።

> "ኣፍራይነትን ጻማን (incentive) ቀጥታዊ ምትእስሳር ስለዘለዎ፡ ለይትን መዓልትን ሃለኽለኽ ኢሉ ፍርያት ዘኻዕብት ሰብ ዝግብኦ ጻማን ምትብባዕን ዝረኽበሉ፡ ሰብ ብመንጽር ኣፍራይነቱ ጻማኡ ዝሓፍሰሉ መደባት ብዝሓየለ መልክዑ ክሰርሓሉ ዘለዎ ኮይኑ እስመዓኒ።"
>
> ዶ/ር ኣሚን ተኽላይ

ብፍሉይ ምስ መንእሰያት ብምትእስሳር ድማ ኣፍራይነት ንምስሳን ዝተፈላለዩ ዕድላት ምፍጣርን ምስፋሕን ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፡ መንእሰያት ኣብ መጠነ ንኡስ ዋኒን ማለት ኣብ ሕርሻ፡ ንግዲ፡ ኢደስርሓት ንኣሽቱ መሳንዓት ክዋፈሩ ዘድሊ ሃውህውን ምትብባዕን ምምችቻእ ሓደ መዳይ እዩ። ናይ ለቓሕ ዕድላት ምሃብ፡ ናይ ምኽርን ሓበሬታን ኣገልግሎት ምውዳድ፡ ምስ'ቲ ትካል ዋኒን ብቐጥታ ዝተኣሳሰር ሓጸርቲ ስልጠናን ምውዳብ ብኣጠቓላሊ ድማ መንእሰይ ሰሪሑ፡ ጸዒሩ፡ ኣፍርዩ ኣብ ሃገሩ ክሓለፈሉ ዝኽእል ምኽኑ ብዝተፈላለየ ኣገባብት ብተግባር ክነእምኖ ከምዝለናን ናይ ኩላትና ሓላፍነት እዩ እብል።

***እንጂ. ኣኸደር ኣሕመዲን፡*** እቲ መፍትሕ ብሓጺሩ ንስራሕ ብዘሎና ኣጠማምታ ዝምልከት እመስለኒ። ሕብረተሰብና ናብቲ ንስራሕ ዝርድኣሉን ዝገልጸሉን ሃይማኖታውን ባህላውን ክብርታቱ ክፍትሽን ናብኡ ክምለስን ይግባእ ኢለ እኣምን። ቀሊል ዝመስል ግን ኣተሓሳስባ ሕብረተሰብና ዘርኢ ኣበሃህላ`ሎ። ንኣብነት፡`ርሂጽ በላዕ እየ . . .፡ሰሪሐ ዝበርኹ እየ ...` ዝብል ኣበሃህላታት ፈኺራ ዝጥዕም ዜማ ዘለዎ ኰይኑ፡ ክሳብ ንመውሰቦ ዘሕሪ ክብረት ዘወህብ ምንባሩ እዩ ዝፍለጥ። እዚ፡ እቲ ሕብረተሰብን ንስራሕን ሰራሕተኛን ዝህቦ ክብሪ ዘመላኽት እዩ። እዚ ጥራይ`ውን ዘይኮነ፡ ክብርታት ሕብረተሰብና ንወጽኢት ስራሕ - ሰራሕካ እንታይ ኣፍሪኻ - ዝርእየሉ መጠመቲታት`ውን

> "ኤርትራ ምዕብልቲ ሃገር ክትከውን ... ነቲ ዘለዋ ጸጋ ሰብ ከመይ ጌራ ኣብ ልምዓታ ትጥቀመሉ ክትሰርሕ ኣለዋ። ንኹሉ ክትሓቑፎ ኣለዋ።"
>
> እንጂ. ምሉእብርሃን ሃብታይ

ኣሎዎ። ንበል፡ መሬት ሓሪስካ ግን ከኣ ሓሸሽ ዘርኣካ ዓጺድካ ሚልዮናት ገንዘብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። የግዳስ ስለ ዝጸዓርካ ጥራይ ዝረኸብካዮ ገንዘብ ሓላል እዩ ዝብል ኣይኮነን ሕብረተሰብና። ሓረስ እንደዩ፡ ጸዒረ እንደየ ጥራይ ኢልካ ቦታ የብልካን። ሃይማኖተኛ`ውን ስለ ዝኾነ ጠቐሚ/ረብሓ ናይ'ቲ ዘፍረኻዮ ነገር`ውን የገድሶ፡ይቕበሎ ወይ ይጸየኖ እዩ። እዚ ነገራት`ዚ ውሽጡ ኣቲኻ ክፍተሽ እንክሎ ብዙሕ ዝተወሳሰበ ዓሚቕ ትርጉምን መረዳእታን ዘሎዎ እዩ፡ብዚ ዝኣኽሎ ኣይኮነን። እንተኾነ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ እዋናት ዝማዕበለ፡ ነዚ ዘበላሸወ ናይ ኣተሓሳስባ ነቓዓት ምህላው ንምምልካት ኢለ እየ ዝጠቕሶ ዘለኹ። ስራሕን ጻዕርን ከም ዕሽነት፡ ሕስረት ወይ ድሕረት ዝሕሰበሉ፡ ብኣንጻሩ ብቐሊልን ብኣቋራጭን ኣብ ሓጺር ግዜን ክትህብም ምድላይ፡ ናብ ኑበስኻ ጥራይ ተጠቒለልካ ንኣይ ይጥዓመኒ ምባል፡ ብዋጋ ካልኦት ክትኑበር ምድላይ ... ዝኣመሰለ ኣጠማምታ፡ ከም ስልጡን ወይ ምዕቡል ዝሕሰበሉ እዋን ኢና በጺሕና። ስለዚ፡ ነዚ ኣተሓሳስባ`ዚ ዝጸየነ ስራሕ ዘፍቅር፡ ብስራሕን ጻዕርን ለውጢ ዝኣምን ወለዶ ኣብ ምህናጽ ብፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ባህላውን ሀንጻታት፡ ሓያል ባህጊ ዘንቀሎ ዕቱብ ስራሕ ክዕመም ይግባእ። ሰብን ኣተሓሳስባኡን ኣመለኻኽታኡን ዝቕየር፡ ተመሊሱ ነቲ ጽሩይ ኣተሓሳስባ ተቐቢሉ ዘኽብር፡ ዘማዕብልን ናብ ወጽኢት ዝቕደርን ብቑዕ ትካላት ምህናጽ ድማ መሰረታዊ እዩ። ምፍላጥ፡ ናብ መሰረታትካ ተመሊስካ ጽኑሕ ክብርታት ምኽስኻስን ምስራጽን ንበይኑ እኹል ኣይኮነን፡ ትካላት ወሳኒ እዩ። ትካላት ክብል እንክለኹ ካብ ስድራቤት ዝጅምር ትካል ማለተይ እየ። ኩሉ ተወሃሂዱ እዩ እቲ ዘድሊ ወጽኢት - ዋላ ኣፍራይነት ንበሎ - ክምጻእ ዝኽእል።

***ሚሪ መሓሪ፡*** ባህሊ ዓያይነት ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ቐዲሙ ዝሰረጸ'ዩ። ካብ ትዕዝብተይ ምንቅቓሕ ዘድልዮ ዝደንዘዘ ባህሊ መሲሉ ከም ዝረኣየኒ ግን ክኽውል ኣይደልን። 'ንምንታይ' ዝብል ሓታቲ ከይርከብ ቀዲመ ክምልስ፡ ዋላ ደኣ ብመጽናዕቲ ኣይሰነን ርግጸኛ ኮይነ ኣይበሎን። ኣስተብህሎይ ደገፍ ጌረ፡ ዝበዝሐ ሰራሕተኛ ኣብዘጸድመዓሉን ሃንቀኡ ኮይኑ ኣብ ዘይጽዕረሉን ዓውዲ ስራሕ ስለ ዘሎ'ዩ እየ ዝብል። ክትገብሮ ዘለካ ኣብ ምግባርን ክትገብሮ ትደሊ ኣብ ምግባርን ከኣ ዓቢ ፍልልይ'ዩ ዘሎ። እዚ ኸኣ ነቲ ኣፍራይነት ኣመና ይጸልዎ።

ኩሉ ደቂ’ሞ ኣብዘይደልዮ ዘሎ ዝበል ሓታቲ’ውን ምናልባት ከይርከብ፣ እቲ ኣብ ዝደልዮ ዘሎ ኸኣ ዘድልዮ ይውሕዶ’ዩ እዩ መልሰይ። ሓደ ዓይነት ስራሕ ካብ ዓቕሚ’ቲ ዝሰርሓሉ ዘሎ ውልቀሰብ ጀሚርካ ክሳብ እቲ ስራሕ ንኽሰርሕ ዘድልዮ ጥረ ነገራት ድሕሪ ምስርሑ ከፀሚዓይኑ፣ ዘድልዮ ናብ ተጠቃሚ ናይ ምብጻሕ መስርሕን ቐሊል ኣደነቦ ዘድልዮ ኣይኮነን። እቲ ሰብ ብዘይ ወይ ብቑንጣር ምህሮ ኣብ ዘካውነሉ፣ እቲ ጥረ ነገራት ልክዕነትን እዋናውነትን ኣብ ዘይኮነሉ፣ እቲ ኣፍራይነት’ውን ግድነት ትሑት ስለ ዝኾውን።

ስለዚ እቲ መንእሰይ ህዝቢ ብዓበኡ ኑበሉ ከዕቢን ሸውሃት እንዳ ሰርሑ ክኸፍትን ክጥሉብ እንከሎ፣ እቲ መንግስቲ ኸኣ ናይ በቢይኑ ዓውድታትን ሞያታትን መናፈተን ዘዋፍሓ ኣብያተ ትምህርቲ ክኸፍትን፣ ንሱብ ከስም ዓውዱን ድላዩን ክሰርሓሉን ክድምዓሉን ዝኽእል ናይ ስራሕ ዕድላት ክፈጥር ይጥሉብ።

***ኤርምያስ ሰለሞን፣*** ሓድጊ ናይ’ዚ ዝሓለፍናዮ መሪር እዋን ብቐንዱ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊን ፖለቲካውን ጉዳያትና ኣብ ኣመና ጥንቃቐ ዝተሰረተ ኣካይዳን ኽሕዝ ደሪኹዎ እዩ። ሓድግታቱ ብዘዋገደሰ ግና ንጽው ነጃው ከይባልና (ዕርፈ ኣጽኒዕና) ሃገር ከለውሕሰ ኣኽኢሉና እዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ ግና ናብ ሓድሽ ልምዓታዊ ብድሆ ንኣቱ፣ ስለዘሎና፣ኣካይዳና ዝ. ብድሆ ብዘምልሰ መገዲ ክቃነ ከምዝዋሮኣ ርዱእ’ዩ። ምኽንያቱ፣ሓድሽ ምዕራፍ ብሓድሽ ኣካይዳ’ዩ ክምእዘን ዘሎዎ።

ስለዚ ኣብ’ዚ ጉዳይ እንንብሮ ለውጥታት ገለኡ ቅጽበታዊ ገለኡ ድማ ኩነታት እናረአኻ ብዘገምታ ዝዋዘር እዩ። ድምር ናይዚ ኹሉ ለውጥታት ድማ’ዩ ንስራሕን ልምዓትን ዝኸውን ድልዱል ባይታ ዘንጽፍ።

# መጻኢ ዕድላትን ሓላፍነትን መንእሰያት

***ዶ/ር ኣሚን ተኽላይ፣*** መጻኢ ዕድል መንእሰያት ካብ መጻኢ ዕድል ህዝቢ ኤርትራ ፈሊኻ ክረአ ዝከኣል ኣይኮነን። ምሕያልን ዕበዩትን መንእሰያት ኣብ ወሽጢ ሓፈሻዊ መቓን ዕበዩትን ልምዓትን ህዝቢ ኣትዩ ዝረአ እዩ። ኣብ ወሽጢ ሓደ ሃገር በቢይኑ ተኣጻጺሉ ክምዕበል ዝኽእል ክፋላት ሕብረተሰብ የለን። እንተኾነ ኑቲ እንሓልሞን እንበህገን ዕበዩት ሓላፍነት ወሲዱ ክቕልሶ ክመርሖን ዘለዎ መንእሰይ እዩ። ብጉልበቱ ጥራሕ ዘይኮነ ብፍልጠት፣ ክእለት፣ መሃዝነት፣ ኣፍራይነት፣ ደሰፕሊን ንቕሓት ተላቢሱ እዩ ልምዓትን ዕበዩትን ከረጋግጽ ዝኽእል። እዚ ሓላፍነት

> “ኣፍራይነት ንምስሳን ዝጸልዉ ኣገደስቲ ረቛሕቲ ... ፈለማ **ተበግሶ** እዩ፡ ሸዑ **ጻዕሪ**፡ ኣብ መወዳእታ ድማ **ተሓታትነት**።”
> ኣልኣሚን ሓምድ

እዚ ንኤርትራውያን መንእሰያት ሓድሽ ኣይኮነን። ናጽነት ኤርትራ ብመስዋእቲ መንእሰያት እዩ ጋህዲ ኾይኑ፣ ልኡላውነት ኤርትራ ብመንእሰያት እዩ ተኸቢሩ። መኸተ ኣንጻር ብድሆታት ማእከሉ መንእሰያት እዮም። ስለዚ ኤርትራዊ መንእሰይ በብመድረኹ ሓላፍነቱ እናልዓለ እዩ ክኸይድ ጸኒሑ። እዚ ንኣትዎ ዘሎና ዓጸፋ ስራሕ ዝሓትት መድረኽ ድማ ካብ እንግዳዓ መንእሰያት ዝሓልፍ ኣይኮነን።

ስለዚ ድማ መጻኢና ብኸፆሚ እንደልዮ ክንጭበጦ መንእሰይ ክፅጥቑ ዘለዎ ዕጥቂ ክዕጥቑ ኣሎዎም። ፍልጠት ክእለትን ክብርታትን መሰረታውያን ዕጥቅታት እዮም ። እዚ ዘለናዮ ዘመን ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብካ ለቢስካ ብፍልጠትን ክእለትን ተወዳዲርካ እትነብረሉ ዘመን እዩ። ስለዚ ናይ ኩሎም ኣካላት፣ ማሕበራት ይኹን ሕብረተሰብ ዕዮ ግዜ ንመንእሰያትና እዚ ዕጥቂ’ዚ ከም ዝዕጥቁ ምግባር እዩ። ዛጊት ኣብዚ መዳይ’ዚ መንእሰያት ፍልጠትን ክእለትን ንምዕጣቕም መንግስቲ ዓበይቲ መደባት ትምህርትን ስልጠናን ከተግብር ጸኒሑን ኣሎን። ዝተርፈና ሃገር እንተዛልዩ፣ ዓይነቱን ብቕዓቱን በብግዚኡ እናገምገምካ ምምሕያሽ እዩ። መንእሰያት ድማ ንዘተኸፍተ ዕድላት ናብ ረብሓኦም ናይ ምውዓል ሓላፍነት ኣለዎም እብል።

***እንጀ. ምሉእብርሃን ሃብታይ፣*** ኣብ’ዚ ዝሓለፈ እዋናት ናይ ታሪኽና ኣብ ዝጠዘሐ እንተረኣና፣ መንእሰያት ንሃገራዊ ሕቶታት ብዘተፋላለየ ኣገባብ ክምልሱ ኢና ንርኢ። እምበር፣ እታ ሃገር ናታቶም ውልቃዊ ጠለባት ብዘዋሮኣ ክትሰምዖም ጸኒሓ ክንብል ኣይንኽእልን። “ኩሉ ድሕሪ ሃገር” እናተባህለ ክኸይድ ዝጸንሐ ወለዶ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ወለዶታት ናይ መንእሰያት እዩ ዘሎና። ሃገራዊ ታሪኽና ድማ፣ ብኣብርክቶን ምጽማምን ናይ መንእሰያት እናተጎድቀ ክመጽእ ዝጸንሐ እዩ። ስለ’ዚ ኣብ ናይ ሰላም ኩነታት ኮይንካ ክሓስብ እንተኾይኑ፣ እታ ሃገርን እቲ ውልቀ መንእሰይን ክልቲኦም ንኽህልዉ ተሰማማዒዮም ዝኸዱሉ ኩነታት ክፍጠር እዩ ዝበል ትጽቢት ኣሎኒ። እቲ ውልቃዊ ናጽነት ናይቲ ሰብ ምስቲ ልዑላዊ መሰል ናይታ ሃገር ተሳኒዩ ክኸይድ እየ ዝጽቢ። “ሓርነት!” ማለት ድማ ንሱ እዩ።

ኣብ ሓላፍነት እንተመጺእካ፣ ኣብ ዝጸንሐ ዕማማት ኣብ ዝጠዘሐ መንእሰያት ኣብ ትሕቲ ጽላል ኢያታቶም ኮይናም ክዖጹ ኢና ክንርኢ ጸኒሕና። ብልምዲ ይኣሎን ዋርሳይን እንብሎ ኣበሃህላ ኣሎ። ኣብ’ዚ ዝቕጽል መድረኽ ግን እቲ መንእሰይ ኢልና ክንጽውዖ ዝጸናሕና ኣካል፣ ርእሱ ክኢሉ ነታ ሃገር ከቘምን ከማዕብላን ከምዝኽእል፣ ብግብሪ ክፍተን እዩ።

ንሱ ንርእሱ መራሒን መምህርን እምበር ተመራሒ ከምዘይኮነ ከማስክር እዩ፡፡ ኑቲ ግራት ማሽላ፡ ኣብ “ዋላ” ደይብካ ክትሪኦን ኣብ ማእከል እቲ እኽሊ ኴንካ ክትርእዮን ንእሽቶ ፍልልይ ደህልዎ ይኸውን እዩ፡፡ ንሓደ ነገር ብዋዕባሪ ንኽትፍትኖ ናይ ተሞክሮ ነገር እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ብቑዓት መንእሰያት ሃገርና ብፍጹም ዘጠራጥር ነገር ብወገይ ኣይረኣየንን እዩ፡፡ እኳ ደኣ፡ እዛ ሃገር ካብ’ዚ ዘሎቶ ክትትንስእ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ክትዘልል እያ ዝብል እምነት እዩ ዘሎኒ፡፡ ኑቲ ሰላም ከም ትሑዝ ወሰድካ ማለት እዩ፡፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ምስ ምምጻእ ናይ ሰላም፡ መንእሰያት ብብዚሒ ብዝዕባ ኩነታትን መጻኢን ናይ ሃገርና ብዕምቆት ክትትዑን ክላዘቡን፡ እየም ኣብ ደገ ዘለዉ ከኣ ኣጥቢቖም ክሓቱ ክትሰምዕ ከለኻ፡ ንሃገርና ዕድለኛ ዘዩብላ ኣይኮነን፡፡

***ኤርምያስ ሰሎሞን፡*** ሓደ ካብ ዝዓበየ ብደሀታትናዊምቅያር ኩነት-ኣእምሮ እዩ፡፡ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ናይ ምክልኻልን ምምካትን ዝጸንሐ ህዝቡ፡ብፍላይ ድማ መንእሰይ ምሉእ ኣደህቦኡ ናብ ልምዓት ንኽገዝብር ናይ ተሓድሶ እዋን የድልዩ፡፡ ምሉእ ሰግኣታቱ ቀንዮጢኹናብ መድረኽ “እንሆ ማዳ - እንሆ ፈረስ” ንኽተእትዎ፡ ቀሊል ዕዮ ኣይኮነን፡፡

ኣብ ሕቶ መኸተ ተሓጺሩ “ከምዚ ግበር!” ክብሃል ዝጸንሐ መንእሰይ፡ዛንደብት “ገለ ሕሰብ፡ ገለ ግበር፡ሓደሽ ሓሳብ ኣምጽእ፡ ዓቕምኻ ኣማዕብል ወዘተ.” ክብሃል ከሎ፡ናይ ምድንጋር ስምዒታት ክፈጥረሉ ባህርያዊ እዩ፡፡ እንተኾኑ፡ ብዘይካ ዓቕሙን ፍልጠቱን ምዕባዩ፡ንዘተሰሮ ግዜ ድማ ብዓጸፋ ምትካእ ካልእ ኣማራጺ የብሉን፡፡

> *“ከምዚ ንነዊሕ ዓመታት ኣቐንዛዊ ሕማም ከሳቕየካ ነይሩ'ሞ ፈውሱ ተረኺቡ ኢሎምኻ ዝሰምዓካ ልዙብ ስምዒት ኣብ ዝሰምዓና መድረኽ ዝበጻሕና ኮይኑ እስምዓኒ፡፡”*
>
> *እንጂ: ኣኺደር ኣሕመዲን*

***ኣልኣሚን ሓምድ፡*** ‘መጻኢ ዕድላት’ ዝብል ሓረግ ኣደናጋሪ እዩ፡፡ ኣብ ሓደ እዋን ዝኾሰት ፍሉይ ‘ዕድል’ ኣሎ ናብ ዝብል ተስፋታት እዩ ዝወስደካ፡፡ ‘መጻኢ’ ዝብሃል ነገር ድማ እትጸበዮ ባዕሉ ዝመጽእ ኮይኑ ይስመዓካ፡፡ ልክዕ እዩ ካብ ሓደ መድረኽ ናብ ካልእ መድረኽ ንሰግር ስለዘለና፡ ምስ’ዚ ሓድሽ ክስተት ዝሀሉ ዕድላት ምልላይን ኣብ መጻኢ እንታይ ክንገብር ከም ዘለና ምሕሳብን ኣገዳሲ እዩ፡፡ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ናይ ኩናትን ወረ ኩናትን መድረኽ፡ ስለ ህዝብን ሃገርን ኩሉ ልኡላውነት ሃገር ኣብ ምውሓስ፡ ዓዲ ከይትብኩር ድማ ኣብ ናይ ልምዓት መደባት ተጸሚዱ ጸኒሑ’ሎ፡፡ እቲ ንድሕሪት ቀዳምነት ዝሀብ መድረኽ ብዙሓት ዕድላት ከም ዘምልጠና ገይሩ ኢዩ፡፡ ብርግጽ፡ ምስዚ ናይ ሰላም መድረኽ ኣተኣሳሲርካ ክርአ እንከሎ፡ መጻኢ ዝሓሸ ዕድላት ዝሓዘለ እዩ፡፡ ኩናትን ተጻብኦን ኣብቂዑ ናብ ሰላማዊ ህይወት ምምላስ ንባዕሉ ዓቢ ዕድል ኢዩ፡፡

ይኹን እምበር ‘መጻኢ ዕድላት’ ምባል ናይ ተስፋን ትጽቢትን ቃና ጥራይ ዝዓብለሎ ክኸውን የብሉን፡፡ ከመይሲ፡ መጻኢና ባህግታትና እኖግልኣሉ ክኸውን እንተኾይኑ፡ ሕልፉን ህሉውን ኣብ ግምት ዘእተወ ኣተሓሕዛ ክህልወና ዘድሊ ኮይኑ እስመዓኒ፡፡ ካብ ሕሉፍ ተመክሮና እንታይ ንመሃር? ብልጫታትና ከመይ ንዕቅቦም፡ ንጉድለታትና ከመይ ነማልኦም፡ ጌጋታትና ብኸመይ ንእርሞም? እዩ እቲ ወሳኒ፡፡ ኣብ ህሉው/ሕጂ ንሕሉፍና ብልክዕ ምግምጋምን ምእራምን እዩ እቲ ንመጻኢ ትርጉም ዝህቦ፡ ከምዚ ምግባር

ከኣ ተሪፍና እንተ’ለና ዝያዳ ክንነሀር፡ ዘንገድና እንተ ኔርና ክነበራብር፡ ስሒትና እንተ ኔርና ክንምለስ፡ በሺርና እንተ ኔርና ክንጠንክር፡ ቡዳልና ወይ ተብዳልና እንተ ኔርና ይቕረ ክንበሃሃል . . . ፡፡ ብሓጺሩ ቅሙጥ ‘መጻኢ’ ዝበሃል ከም ዘየለ ብምስትውዓል ህይወት ሰንሰለት ምዃና ተረዲእና፡ ንኽፍስወከፍ ቀለቤት ናይ’ቲ ሰንሰለት እናኣደልካ ምቕጻል እዩ፡፡

***ሜሪ መሓሪ፡*** ዕድላት ዝድንገዩ እምበር ዝጠፍኡ ኣይመስሉንን’የም፡፡ ለውጢ ግድነት ዝኸሰት ነገር ስለ ዝኾነ ግድነት ከኣ ከመይ ደኣ ይፈላለዩ’በር ጉዳእ ዕድላቱ ተማሊኡ’ዩ ዝመጽእ፡፡ ኣገዳሲ ነገር ንዓይ ግን እቲ ዕድል ኣይኮነን፡ ኑቲ ዕድል ከመይ ኴንካ እንታይ ሒዝካን ትጸበዮ እዩ፡፡ ምስ መጸ ወይ ምስ ተረኽበ፡ ከተርክቦ ምትያይ ካብ ጠቕሙ ሃላኽለኹን ብኸኡ ግዜ ወሲኽካ ካልእ ክሳርኡን ዝዓቢ ስለ ዝመስለኒ፡፡

እዚ ዘለናዮ መድረኽ ማእከል ጌሪ ብዝዕባ ዕድላት ክብል ኣይደልን’የ፡፡ ንኡበሲይ ቐንዕቲ ንምኳን ገና ጽልዋኡ ኣብ’ዚ ጉዳይ ኣየለለኽዎን ዘለኹ፡፡ ሓደ ዝርደኣኒ ነገር ግን እዚ እዋን’ዚ ውሸጥና ጠሚትና ንቤትና ኣቕሊቢና ንን እንተደኣ ሰሪሕናሉ፡ ዕድላት ክንጸበ ዘይኮንናስ ዕድላት ክንፈጥር ከም እንኽእል እዩ፡፡ ስለዚ ከም መንእሰያት ከሕልዕሎ ዘለና ሓላፍነት፡ ውሽጣዊ ዓቕምታት ሓፍ ከነብል ከይንሕለልን እንደልዮ ከም እንረኽብ ኣሚንና፡ ኑቲ ንረኽበሉ እዋን ድልዋት ምኳንን’ዩ፡፡

# ኤርትራ ጠለባት ህዝባ እተማልእ ብልጽግትን ስልጥንትን ንምግባራ

***ኣልኣሚን ሓምድ፡*** ብዙሕ ነገራት እትተናኸፍ ሕቶ ኢያ፡፡ እቲ ንብልጽግናን ስልጣኔን ዝምልከት ራእይ ሃሊዩና ብምስራሕ እንበጽሖ እዩ ምባልኩ፡፡ ከመይ ዝበለት ሃገር ኢና ክንሃንጽ እንደሊ ራእይ ኣለና፡፡ ናብኡ

ንምብጻሕ ኣብርቲዕካ ምጽዓር እዩ ‘ቲ መልሰ። እታ ናይ ጠለባት ሕቶ ኣገደሲት እያ። ጠለባት ተዛመድቲ እዮም፣ መወዳእታ ድማ የብሎምን። ስለዚ ጠለባት ህዝቢ እተማልእ ሃገር ንኽትህልወና፣ ጠለባትና ምስ ግብርን ክውንነትን ዝቀራረብ፣ ብብመድረኹ ንምጭባጦም እንሰርሕን ምስ ዝኾኑ'ዩ ትርጉም ዝህልዎም። ስልጡን ሕብረተሰብን ብልጹግቲ ሃገርን ክህልወና ምድላይ ኣካል እቲ ጠለብ ጌርና እንተ ንርድኦ ዝሓሸ ይመስለኒ። እቲ ሃገር ዝበሃል ነገር ኣብ መወዳእታኡ ድምር ናይ ሓሳባትናን ግብርናን እዩ'ሞ፣ እቲ ከም ህዝቢ እንሓስቦን እንትግብሮን ዘበለ ኹሉ ምስ'ቲ ክንከኖ እንደሊ ኣሰማሪና ምስራሕ ኢዩ እቲ መልሰ። እምበር እቲ ዝምድና ናይ ጠለብን ኣቕራብን ጌርካ ምርድኡ ኣየስጉምን ኢዩ። ናይ ጻዕሪ (ኣበርክቶ)ን ምትሕትታትን ዝምድና ኢዩ ዘሰርሕ።  ጠለባትና ክማላእ፣ ጠለባት ህዝቢ ከተማልእ ዘኽእላ ፖሊቲካውን ቁጠባውን ኣቃውማን ዓቕምን ዘለዋ ሃገር ንምህናጽ ንጽዓር እብል።

**እንጀ. ኣኽይር ኣሕመዲን፡** ዜጋታት ኣብ ሃገሮም ዝጸበዩዎ ከም ግብረመልሲ ወይ ወጽኢት ወይ`ውን ከም ጻማ ናይቲ ሃገር ኣብ ዜጋታታ ዝረኽብዎ ዕዙዝ ዋጋ ኣገናዚብካ፣ ብመንጽር`ቲ ንኽልቲኦም ዘራኽብ መንፈሳውን ነገራውን ምትእስሳራት ክርአ ይከኣል እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ናይ ቃልሲ እዋናት ብዙሓት ኤርትራውያን ንሃገሮም ኩሉ ዘሎዎም ጸንቂቖም፣ ውልቃዊ ባህግታቶም መኒኖም፣ ብዓበኡ ክሳብ ህይወቶም ሂቦም እዮም፣ ህይወትካ ኣብ ምሃብ ዝዓቢ ድማ የለን። ሕጂ ኸኣ ሃገር ኣተንፊሳ ኑቲ ዜጋታታ ንዓመታት ሃንቀው ዝበልዎ ክትምልስ መድረኹ ዝበጽሐ ይመስል ኢልና ክንሓስብ ንኽእል ኢና - እቲ ሕቶኻ ከምኡ ስለ ዝሰምዐ። እንተኾይኑ ነዚ ሕቶ ዝኸውን እዝን እዝን ኢልካ መካኒካዊ ዝርዝራት ኣብ ምቕማጥ፣ ንኸመይነት መረዳእታና ናይዚ ባህራያዊ ዓሚቝን ዘይንጹልን ክልተኣዊ ምትእስሳራት ምድህሳስ ኣገዳሲ እመስለኒ - እቲ መልሲ ካብኡ ስለዝርከብ።

ሓደ ካልእ ምስኡ ዝዛመድ ኮርናዕ ኣጠማምታ ንምፍጣር ግን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ክደጋገም ዝሰምዖ ሕቶ ወይ ዘረባ ከም ኣብነት ከልዕል። `ሃገር ዜጋታታ ዝሕብኡላ ንኽትከውን . . .?` ገለ ክበሃል ንሰምዕ ኢና። ካብቲ ዝዓበኹሉ ማሕበራዊ ከባቢ፣ እምነትን ባህልን ንቑለ ነዚ ስሓሳብ`ዚ ክርእዮ እንክለኹ ግን፣ ዝኾነ ይኹን ንናትካ ምፍቃር፣ ብናትካ ምሕባን መሰረተ-ሕንጻጽ (ቤይዝ ላይን) እዩ ዝበል መረዳእታ ከቕምጥ እኽእል። `ሓበን` ወይ `ፍቕሪ` ዝበል ኣምር ክበን ለጠቕን ዝበል ክኸውን ኣይግባእን - እቲ መሰረት ንሱ ስለ ዝኾነ። ሃገር ንዜጋታታ እትህቦም ፍቕርን ሓበንን ድማ ማዕረኡ ማለት እዩ።

ስለዚ፣ ብቐዳምነት እቲ ማተሪያላዊ ኣጠማግታኡ ኣጽኒሕና እቲ መንፈሳዊ ዝምድናኡ ክንርኢ ኣለና ዝበል ማስመር ክወስድ እደሊ። ዓዲ ምስ ኣብረቕረቐት፣ ዓዲ ወርቅን ጨርቅን ምስ ኰነት ጥራይ ኢና እንሕበን ወይ ንረዊ ወይ ድሌትና ዝምለስ እንተ ኾይኑ የንእሶ ከይከውን ኑቲ ዝምድና - እንድዒ! ንኣብነት ከምዚ ሰበይትኻ፣ ብዓልቲ ቃል ኪዳንካ፣ ብደገ ጸቢቓን ተሰሊማን ክትርእ እንከላ ክሳድካ ተቐንዕ`ሞ ተፈኽሪንካ፣ `እዚኣ`ኮ . . .` ትብል፤ እቲ ትረኣዮ ጥራይ ዝዓጀበካ ዓይነት፣ ሓሚማ ምስ ተረመሰት ድማ ሸማ ንምጽዋዕ`ኳ ዘሕፍረካ እንተ ኾይኑ፣ ናይ ሰብ ኣይኮነን። ብዝምጣሉ ድማ ተመሳሳሊ። ሃገርን ዜጋኣን ድማ ከምኡ እዩ ዝርድኣኒ። እቲ መንፈሳዊ ምትእስሳሩ ዝዓሙቕ፣ ወትሩ ክኸሰኽስ፣ ክሕሎን ክዕግብን ዘለዎ ኩይኑ እስምዓኒ ንምባል እዩ። ሃገርና ዘሎቶ ኩነታት ማንም ንማንም ክሃገሮ ኣይክእልን እዩ፣ ኩልና ብሓባር ዝተመኩርናዮን ብሓባር ንሓልፎን ዘለናን ስለ ዝኾነ። ዝኾነ ይኹን ግን ድማ ነፍቅራን ንሕበኣላን . . . ዓድና ስለ ዝኾነት፣ ሃገርና ንዓና ድማ ከምኡ፣ እዚኣ ኣጽኒዕና ክንሕዛ ኣለና። ብዓዲ መን ደኣ ክንሕበን?! ማሕበረሰባዊ ትካላትና ብሓፈሻ፣ ኩሉ ዓይነት ስጥጥብብና ከኣ ነዚ ኣተሓሳስባ ኣብ ምድራኽ ግቡእን ሓላፍነታውን ተራኦም ክሕዙ ከም ዘለዎም ከኣ ዘጣትዕ የብሉን። ስለዚ ብቐዳምነት እቲ `ሃገር - ዜጋ - ሃገር` ዝበል ጽንሰሓሳብ ብንቕሓት ክንርድኦን ክንምልሶን ዘለና እመስለኒ። ሽዑ እታ ሃገር፣ ዜጋታታ ብሰላም ቀኒያምን ጸጊቦምን ዝሓድሩላ፣ መቸእዎም ዝነብሩላ፣ ፍትሕ ኢልዎም ድላዮም ዝረኽብላ . . . ሕልምን ጋህድን ዜጋታታ ዝኾነት ብልጽግቲን ስልጥንቲን ንምግባራ ከኣ እቲ ኣቕዲመ ዝበልክዎ ስራሕን ባህሊ ስራሕን ብቐሊሉ ናብኡ ከብጽሓና እዩ፣ እዚ ከኣ ሽዑ ደፋኢ ጸዓት ይኸውን ንምባል እዩ።

**እንጀ. ምሉእብርሃን ሃብቱ፡** ንዘበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ምዕባለ ኮሊፎም ሒዞመን ኣብ ዝበሃሉ ቀንዲ ማሕንቖታት፣ እቲ ሓደን ዓቢን ጉዳይ ብልሽውና (Corruption) ኮይኑ እስመዓኒ። ብብልሽውና፣ ኣብቲ ዝኸፍአ መልክዑ ማለት'ዩ፣ ምሉእ ዕድልን ሽሻይን ናይ ሕብረተሰብ ብውልቀ ሰባት ክዝመት ተኽሎታት ኣሎ። ብልሽውና ገንዘብ ህዝቢ ብምስራቕ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ፖለቲካዊ ብልሽውና፣ ባህላዊን ስነምግባራዊን ብልሽውና ክኸውን ዝኽእል እዩ። እቲ መኣዝንካ ምስሓት ሓንሳብ እንድሕሪ ኣቲኻዮ፣ ብኣኡ ኣቢሉ እዩ ዝሰርጽካ፣ ንኡብስኻን ንከባቢኻን ትብድል ከምዝሎኻ'ውን ኣይርደኣካን።

ኤርትራ ሃገርና ነዚ ብደሆ'ዚ ክትሰግሮ ኣለዋ። ካብቲ ሕሉፍ ተሞኩሮ፣ ኑቲ ጸጸቡቑ ክብርታት ወሲዳ ኑቲ ዘደድልያ ኣብ ምእላይ ክትዕወት ኣለዋ። ንኣብነት ሓደ ውልቀ ሰብ ኣብ ስልጣን እንተልዩ፣ ብዘይካቲ ሕጊ ዝኣዘዞ፣ ኣብ ማእከል ሕብረተሰብካ እናተቐመጥካ፣ ኑቲ ህዝቢ መሰልካ፣ ደቅኻ ምስ ደቁ እናምሃርካ፣ እቲ ልሙድ ሰላማዊ ናብራኻ እናመራሕካ ዕማምካ ምኪያድ ከም ባህሊ ክልመድ ኣለዎ። ሓላፊ ይኹን ምሁር ኑቲ ሕብረተሰብ ከም ጋሻ ኮይኑ ክርኢ ዘይኮነስ፣ ኣብ ውሽጡ እናነበረ ናይ ምግልጋልን ምልዋጥን ባህሊ ክህሉን ክዕቀብን መሰረታዊ ኮይኑ እስመዓኒ። ካብዚ ንልዕሊ ሰሳ ዓመታት ክኸይድ ዝጸንሐ መስዋእትን ኣበርክቶን መንእሰያት ድማ፣ ነዚ

ንምግባር ዘኽእል ሓደ ጽሟቕ ፍረ ክንረክብሲ ቀሊል እዩ። ሕብረተሰብና ናይ'ቲ እናኸፈሎ ዝመጸ ከቢድ መስዋእቲ ግዲ ኮይኑ፣ እቲ ዝዘሪ ማይ ኣዐርዩ ዝግ ክሳብ ዝበልሉ፣ ንኹሉ ነገር ብጽሞና ዝከታተል ምኳኑ ጽቡቕ ተሞክሮ ኣጥርዩ ምህላዉ የርኢ ኣሎ። ስለዚ እቲ ባይታ ጥጡሕ እዩ ዘሎ። ሃገርና ናብ ጎደና ምዕባለ ንኽትኣቱ ብወገኑ ዝኾነ ረቛሕ ዝበሃል ሓይሊ ከም መሰረታዊ እወስዶ።

ከም ተወሳኺ ድማ፣ ተሞክሮ ናይ ኣብነታት ዝኾና ሃገራት ምውሳድ ይከኣል እዩ። ንኣብነት፣ መንእሰያት ናብዞን ዘድልያኦ ሃገራት ብመልክዕ ማህደረ ትምህርቲ እናሰደድካ ዝዐበረ ክኸውን ይኽእል። ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፣ ኣብ ሓጺር እዋን ናብቲ ዕዳጋ ዝተመልሳ ከም ባዕል ጃፓን ጀርመን ወዘተ. . . እንታይ እየን ጌረን እናበልካ ኑቲ ተሞሮታተን ናብ ህዝቢ ከምዝሰርጽ ክግበር ይከኣል እዩ። ኣብ ትምህርቲ እንተመጺእና'ውን ከም በዓል ፊንላንድ ክንወስድ ንኽእል። እቲ ባህልናን ኣመጻጽኣናን ከይረሳዕና ማለተይ እዩ።

ብዘይካ'ዚ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝኡብሩ ትምህርቲን ተሞክሮን ዝቐሰሙ ዜጋታት ኣለውዋ። "ሃገር ሰላም ኮይና እያ እሞ ሕጂ ኢና ንበልጻላ" ክይበሉ፣ ብናይ ኣበርክቶ መንፈስ እንተተበጊሶም ዓቢ ኣበርቶ ክህልዎም ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ ከም መደምደሚ፣ ኤርትራ ምዕብልቲ ሃገር ንኽትከውን በየን እንተኸደት ይሓይሽ እንተኾይኑ እቲ ሕቶ፣ ብወገነይ "ኑቲ ዘለዋ ጸጋ ሰብ ከመይ ጌራ ኣብ ልምዓታ ትጥቀመሉ ክትሰርሕ ኣለዋ። ንኹሉ ክትሓቝፎ ኣለዋ።" እብል።

***ሚሪ መሓሪ፣*** ኤርትራ ኪንጾ ባሕራን መሬታን ህዝባ'ያ። ህዝባ ኸኣ ኑዛ ሃገር ሕልፊ ብሌን ዓይኑ'ዩ ዝርእያ። ንህላወኣን ክብራን ኪይክበረ'ውን ዘንበርን ዘኽበርን'ዩ። ንሳ ኸኣ ንዕኡ ዝኸውን ሕልፍን ትርፍን ኣይተሳእናን። ጠሉብ ዜጋታታ ከምቲ ንሳቶም ዘማልኡላ ከተማልእ እንተኾይና ኸኣ፣ ብቐዳምነት ጠለባቶም ክትሰምዕ ዘይትኻእ ኩተድምጽ'ዩ ዘለዋ። ምትግባር ካብኡ ስለ ዝጅምር። ኑቲ ክመሃር ዝበል፣ ኑቲ ንዘለዋ ክወብሎ ዝበል፣ ኑቲ ኣብ ዝደልዮ ክሰርሕ ዝደለ፣ ኑቲ ክምህዘ ወይ ክፈጥር ዝደለ፣ ኑቲ ሓደስቲ ኣርባሕን

> "እዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም፡
> ጉዳይ ስምምዕ ኣይኮነ፡ ጉዳይ ሕድገት፤
> እንታይ ደኣ ጉዳይ **ጽንዓትና** ጥራይ'ዩ።"
>
> *ኤርምያስ ሰሎሞን*

ዝበሎ ከተኣታቱ ዝደሊ ወዘተ ናቱ ምሓሽ ናታ ምሓሽ ምኳኑ ኣሚና ንምብራኹን ንምትብባዑን ክትሰርሕ፣ ንዓወትን ዕብየቱን ዘድልዩ ዝበሃሉ ኣብ ምቕራብን ምፍቃድን ከይተዐጠጠ፣ ብሓፈሻኡ እዚ ሕጂ ዘሎ ወለዶ ኪንጾ ኣውዕሎ ዝሓለፉ ወለዶታት ምቕጻልን ኣብኡ ምውሳኽን ኣብ እዋኑ ናተይ ዝበሎ ጽባቐ ክገድፈላ ታሪኹ ክሰርሓላ ሰናይ ፍቓዳ ሂቡ እትደልዮ እንካ'ሞ ብምስልኻ ኣበልካ እትፈጥረለይ ምስሊ ኣርእዪ ክትብል ኣለዋ። ርግጸኛ'የ እዚ እንተተኻዊኑ፣ ሰልጥንትን ብልጽግትን ኤርትራ ኣዒንትና ዝምስክራሉ እዋን ነዊሕ ኣይክኸውንን'ዩ። ኣብ ጽባቐ ውሽጥና ዘሎ'ሉ እምነት መዳርግቲ ኣልቦ ስለ ዝኾነ።

***ዶ/ር ኣሚን ተኽሊይ፣*** ንኤርትራ ብልጽግትን ሰልጥንትን ሃገር ንምግባራ ቀዳምነት ናይ ራእዩን ተወፋይነትን ሕቶ እዩ። ምኽንያቱ ልምዓትን ዕብየትን ብፍጥነት ክሰራሕን ክዕወትን ስለዘይክእል። ራእዩ ናይ ነዊሕ እዋን መርሓ ጎደና ኮይኑ ብግብራውያን ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ተመቓቒሉ ዝስረሓሉ እዩ። ንጹር ራእዩን ፖሊስን ስትራተጂን ማእዘንካ ሓሊኻ ንኽትገዓዝ ዘኽእል ክኸውን ከሎ ተወፋይነት (Commitment) ድማ ኣብ ትግባረ ራእዩኻ ዘሎካ እምነት ዘጸር ስለዝኾነ እዝም ክልተ ረቛሒታት ኣብ ጉዕዞ ልምዓት ወሰንቲ ኣስኡድ እዮም።

ቀጺሉ ዝመጽእ ናይ ልምዓት ወሳኒ ረቛሒ ዓቕሚ (Capacity) እዩ። ህላወ ባህርያዊ ጸጋታት ንልምዓት ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ ንበይኑ ግና ኣኻሊ ኣይኮነን። ናብ ረብሓ ሕብረተሰብ ዝቕይሮ ዓቕሚ የድሊ። ሰብኣዊ ዓቕሚ ወይ ርእሰ ማል (Human Capital) ምህናጽ ድማ ልዕሊ ኹሉ ዝሰራዕ እዩ። ፍልጠትን ክእለትን ዝዓጠቐ፡ ዘመናዊ ተክኖሎጂ ዝመልኸ፣ ብሓያል ባህሊ ስራሕ፣ እምነት፣ ጥሙሕ፣ ዲስፕሊን ዝተሃንጸ ጥቡዐን ተበላሓትነትን መለለዩኡ ዓቕሚ ሰብ ወሳኒ ንልምዓት እዩ። ጎኒ ጎኒ እዚ ድማ ውዳበን ምሕደራን ዓቕምታትን ጸጋታትን ልዑል ኣገዳስነት ኣለዎ። እዚ ዓቕሚ ዘለዎ ሕብረተሰብ እምበኣር ንጉዕዞ ልምዓት ብርእሰ ተኣማምነት ንቕድሚት ከሰጉሞ ዝዋግኦ ሓይሊ የለን። ንኤርትራ ልምዕትን ብልጽግትን ንምግባራ ኣብ ጉዕዞ ኢና ዘሎና። እዚ ጉዕዞ እዚ ብዙሕ ማሕለኻታትን ብድሆታትን ኪጋጥሞ ከም ዝጸንሐ ንኹላትና ርዱእ እዩ። እንተኾነ ንልምዓትና ዘማእዝን ንጹር ራእዩን ፖሊስን ኣብ ቦታኡ እዩ ዘሎ። ሃገራዊ ቻርተርን ማክሮ ፖሊሲናን ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ኣብ'ተን ቀዳሞት ሓሙሽተ ሽዱሽተ ዓመታት ናጽነት ዝተረጋገጸ ማክሮ ቁጠባዊ ዕብየትን ምርግጋእን ንቑጠዕትን ኣድማዕነትን እዚ ራእዩን ፖሊስን እዚ ኣብ ንብርን ርጉእን ሃዋህው ዝምስክር እዩ ክበል እኽእል። ካብ ትሑት ደረጃ ዝጀመረ ደኣ ይኹን እምበር ቁጠባና ብኣስታት 7 ሚእታዊት ዓብዩ፣ ዝቕባበ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ወሪዱ። ሚዛን ናይ ክፍሊታት (Balance of payments) ተመዓራርዩ። እዚ መሐበሪ ቁጠዐትን ኣድማዕነትን ናይ'ዞም ፖሊሲታት እዚኣቶም እዩ። ሕጂ'ውን እዚ ራእዩን ፖሊሲታትን እዚ ኣብ'ዚ እንኣትዎ ዘሎና ትስፉው መድረኽ ከሰርሓና እዩ ዝበል እምነት ኣሎኒ። ኣብ ጉዕዞ ልምዓትና ብግብራዊ ስራሕ እናፈተናን እናኸለስናን ከማዕበሎ እንተኽኢልና ድማ ንመጻኢ ጉዕዞና ውሕስነት እዩ እብል።

****

# ናብ’ዚ ምዕራፍ እዚ ንምብጻሕ ዝተኸፍለ ዋጋ ከመይ’ዩ?

ተስፋኣለም ጉብረስላሴ (ጫረ)

እዚ ሕቶ እዚ ንባዕሉ ከቢድን ኣገራምን እዩ። ብዓይነ ሕልናኻ ዝቐረጹ ብዙሕ ፍጻሜታት ስለ ዝሰርዕ ንኣየናይ ዋጋ ብኸመይ ትሰርዖን ክሳብ ክንደይ ብዕምቈት ክትገልጾን ክትዝርዝሮን ትኽእል ዝብል ካልእ ሕቶታት ዘስዕብ እዩ። እቲ ዋጋ ምስ ምህላውን ዘይምህላውን ምስ ምፍኳንን ዘይምፍኳንን ኣዝዮ ደሓን ክትርእዮ ዝመርሕ ረቂቕ መስመር ብምፍኳኑ፡ ብጠዚፍ ክትዝክር፡ ብጥልቀት ክተስተንትን፡ ብደቂቕ ክትምርምር፡ ብልክዕ ክትመዛዘን … ዘይውድኡ ሰዓብቲ ሕቶታት ከተቕርብ ትቕስቦ። እቲ ቀሊል ኣይኮነን ምባል’ውን ቀሊል ክኸውን ኣይክእልን። ከም ምቁራን ክልተ ተጻረርቲ ሓይልታት ወይ ብርሃንን ጸላምን ኣነጻጺርካ ትውክል።

ሕቶ ምህላውን ዘይምህላውን ሃገራት ብብዙሕ ሸነኻቱ ካብ ሰፊሕ ዓለማዊ ፖለቲካ ተነጺሉ ዝርኣይ ኣይመስለንን። ሓይሊ ዝያዳ ክሕይል ኣብ ዝዕብለል ኣተዓዱ ዝፍጠር መርገብ ኣተሓሳስባ ንኹሉ ይገዝእ። ጉዳይ ኤርትራ’ውን ኣብ ሰፊሕ ጂኦፖለቲካ ተኣሳሲሩ ክርኣይ ይኽእል። እቲ ታሪኽ’ውን ንእኡ ስለ ዘጉልሖ። ነፍሲወከፍ ምዕራፋት ጉዕዞ ኣብ ውሽጢ መቓን ናይ’ዚ ኣተሓሳስባ ክጥመት ክንርእዮ ንኽእል እመስለኒ።

ዓለማዊ ኣተሓሳስባ ሕብራዊ ሰውራ፡ ዕንደራ ጂኦፖለቲካዊ ዕብለላ ይኹን ምግባት ጸጋታት ብውሑዳት ሰብ ፍሉይ ረብሓ ከም ሓይልታት እንታይ ኣሚሞም እንታይ ኣፍርዮምን ኢልና ክንርእዮም ጸቡቕ እዩ። እዞም ሓይልታት ኣብ እዋን ዝሑል ኩናት ይኹን ድሕሪኡ ዝቐጸለ ብዘተኸተልዎ ኣሰራርሓ ሴላን ጉሌላን “ሾግር ፈጢርካ ምምሕዳር ወይ ንፋስ ዘርኢካ ዘራጊቶ ምዕጻድ” ዝብል ዝረቐቐ ሜላታት ሰሪሖ። ኣብ’ዚ እዋን እዚ፡ ብዙሓት ሃገራት፡ ሃገራት ነበር ተቐይረን። እቲ ልክዕ ሃገር ክሰምዋን ዝኽእል ብቕዓት፡ ዓቕሚ፡ መንነት… ስኢነን ደርኪበ። ጠንቅን ሳዕቤንን ዓለማዊ ኣተሓሳስባ ኣብ መላእ ዓለም ዝፈጠሮ ዘይርጉእ ኩነታት፡ ካብ ማንም ስብ ዝኸውል ኣይኮነን።

ሕብረተሰብ ኤርትራ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ይኹን ድሕሪ ምኽታም ዝሑል ኩናት ዝሰገርናዮ መድረኽ ካብዚ ኣተሓሳስባ እዚ ኣውጺእና ጉዕዞ ታሪኽና ከንርእዮ ንኽእል ኣይመስለንን። ብኹሉ ሸነኻቱ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ከም ሃገርን ህዝብን ምስ ተመክሮ ሃገራት ሶማል ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕ ኤስያን ምብራቕ ኣውሮጳን ኣዝዮ ደሓን ክንርእዮ ይግባእ። ስለዚ፡ ከም ሃገርን ህዝብን ክንህልውን ክንከውንን ምእንቲ፡ ኣንጻር ዘይምህላውን ዘይምፍኳንን ተቓሊስና። ወጽኢቱ ብሉጽን ፍረኡ ዝመቀረ ክኸውን ዝኸኣለ ብጥቕልሉ ‘ብደረጃ ዝመጣጠን ከቢድ ዋጋ ስለዝኸፈልና ኢና’ ምባል ምግናን ኣይመስለንን።

ኣብ ዝሓለፈ ኣስታት ስብዓ ዓመታት ከቢድ ዋጋ ከፊልና ሰላም ረኺብና ኣለና። ሰላም ምስ ሓራ ሃገር፡ ሕፍርቲ ሃገር፡ ሰብኣዊ ክብረት፡ ሃገራዊ መንነት ብዓብኡ ምእንቲ ሰላም ወሰን ዘይብሉ ዋጋ ከፊልና። ሰላም ዘይብሉ ሕብረተሰብ ጥዑሚ ምንባር ከስተማቕር ኣይክእልን። ሰላም ዝነደሎ ህይወት ቅሳነትን ርግኣትን የብሉን። ሰላም ዘይብሉ ምንባር ርጉእ፡ ስሩዕ ወዱብ፡ ውጡን ሜላ ናብራ ክኽተል ኣሸጋሪ እዩ። ሰላም ዘይረኸበ ሰላም ከምጽእ ዋጋ ሰላም ክኸፍል ይግደድ። ሚዛን ሰላም ከቢድ እዩ። ሰላም ንምርካብ ዝሕተት ዋጋ ደማ ብዕጽፉ ይዛየድ። ኣብቲ ንሰላም ርግኣት ቅሳነትን ብዓብኡ ናጽነት ንምርካብ ዝተኻየደ ቃልሲ ዝተኸፍለ ዋጋ ንምግላጹ ቀሊል ኣይኮነን።

ስእነት ሰላም ዝፈጥሮ ማሕበረ ቁጠባ ስነ ኣእምሮኣውን ሽግራት ኣዝዮ ደኣ ምስ ዝርኣይ’ውን እቲ ዝርዝራት ይዓቢ። ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘይክኣል ተልእኾ ክኸእል፡ ዘይክኣል ዋጋ ዝኸፈለ ህዝቢ እዩ። ቅድሚ ሓርነት ዝተኸፈለ ዋጋ ብናጽነት ተደቢሱ። ልዑላውነትና ንምዕቃብ፡ ክብርትና ንምሕላውን ዘላቒ ሰላም ንምርግጋጽን ዝኸፈልናዮ ኣዝዩ ዓብዪ እዩ። መላእ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ሓደ ዓንኬል ዝጸምድ ወጣሪ መድረኽ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምንባሩ ርዱእ እዩ። ንኹሉ ሕቶታት ሰላም ግን ብመስዋእቲ ተመሊሱ። ዓይነት ናይ’ቲ መስዋእቲ፡ ትንፋስ፡ ኣካል፡ ኣእምሮ፡ ግዜን ዕድልን … እናበልካ ክዝርዘር ይክኣል ይኸውን። ግን ብሕጽር ዝበለ ኩሉ መዳያዊ መስዋእቲ ክበሃል ዝኽእል እመስለኒ። ርግጽ እዩ ኣብ ዝሓለፈ ዕስራ ዓመታት ኣብ ኩናት፡ ኩነተ ሰንፈላልን ዘይምርግጋእን ምጽናሕ ብዓብኡ ኣብ ወጥርን ሰግኣትን ውግእ ምንባር’ውን ዘይተሰነየ ዋጋ እዩ ሓቲቱ። ስለዝኾነ፡ ኣተኩሮና ግንዛበታትና ኣጠማምታናን ሓሳባትናን ኩሉ ናብ ሰላም ብምቕናዑ፡ ንሓንቲ ደቒቕ ዕረፍቲ ዘይነበሮ ዋጋ ከፊልና ምባል ቅምሶ መግለጺ ይኸውን እብል።

ሰላም ምንጪ ዘይነጽፍ ሓይልን ፍጹም ተኽእሎታትን ዝቐየር ብስራሕ ጥራይ እዩ። ስራሕ ኣብ ወጽኢት ዝሁብ መዳያትን ብዘተዓጻጸፈ ፍርያት ዝርከቦ ዓውድን ክኸውን ድማ ይደሊ። ኣፍራይነት ብመንጽር ግዜ፡ ጸዓት፡ ጉልበት፡ ትጽቢትን ወጽኢታትን ክሰፈር ይኽእል። ኣፍራይነት ክዕብይ ዝኽእል ውሕሉል ውዳበ ጽፉፍ ምሕደራ ሓያል ሱታፌን ርትዓዊ ገምገምን ክሰሳን ብምግባር ክረጋገጽ ይኽእል ኣፍራይነትና ንምዕባይ ሕሉፍ ጉዕዞና ዘኸሰርናዮምን ዕድላትን ብምርኣይ ብስራሕ ክንኩሓስ የድሊ። ኣፍራይነት ንምዕባይ ኣጠቓቕማ ግዜን ውዳበኡን ክራባሕ ክኽእል ኣለዎ። ዝያዳ ምረሻ ንቕድሚትን ብዘዓጻጽፌ ኣበርክቶ ምስሳን ድማ ሕጂ’ውን መልክዕ ዝቐየረ መስዋእቲ ክንሕተት ኢና።

ትማሊ ሎሚ ጽባሕን ሃገር ኣብ ማእገር መንእሰይ ተሓዚላ እያ ትንቀሳቐስ። ሓያል ማእገር ካብ ሓደ መድረኽ ናብ ካልእ ክሰግራ ይኽእል። ንዘሎ ናብ ህልው ክቕይር ዝኽእል መንእሰይ ስለዝኾነ።

# ትንታነ

*ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ*

# ምኽንያት ምሕላፍን ምልዓልን እገዳ እንታይ'ዩ?



ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ብ14 ሕዳር 2018፣ ነቲ ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብውሳነ ቁጽሪ 1907 ዘሕለፎ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ብምሉእ ድምጺ ብውሳነ ቁጽሪ 2444 ኣልዒሉዎ ኣሎ። ቅድሚ ሓቀኛ ምኽንያት ናይ'ቲ ንምልዓል ውሳነ እገዳ ኣብ ኤርትራ ዝደረኸ ረቛሒታት ምቕራብና እምበኣር፡ ባይቶ ጸጥታ ነቲ እገዳ ንምሕላፍን ንምልዓልን ዘቕረቦ ምኽንያታት ምጥቃስ ኣገዳሲ ይኸውን።

## ቀዳማይ፦ ምኽንያት ምሕላፍ እገዳ

እቲ እገዳ ንምሕላፍ ዘቐረበ ምኽንያት ከምቲ ኣብ ውሳነ እገዳ ቁጽሪ 1907 ተጠቒሱ ዘሎ ኣብ ሓደ ነጥቢ ተጸሚቑ ክቐርብ ይኽእል። ንሱ ኸኣ "ኤርትራ ነቶም ኣብ ሶማል መሰረት ሰላምን ሃገራዊ ዕርቅን ንምህናጽን ርግኣት ዞባ ንምህዋኽን ዝሰርሑ ዕጡቓት ጉጅለታት ፖለቲካዊ፡ ፋይናንሳውን ሎጂስቲካውን ሓገዝ ትህብ ኣላ" ዝብል'ዩ።

## ካልኣይ፦ ናይ ይምሰል ምኽንያት ንምልዓል እገዳ

ባይቶ ጸጥታ ኣብ'ቲ ዘሕለፎ ውሳነ ቁጽሪ 2444፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ናይ ኣጽዋር ምግዛእን ምድሳኽል ፕጽዙበን መገሻታትን ዝጸንሐ እገዳ ንምልዓል ክልተ ቀንዲ ምኽንያታት ኣቕሪቡ።

1- ባይቶ ጸጥታ፡ "ንቑጽሪ 16ን 17ን ውሳነ እገዳ 1907 ናይ 2009 ብምጥቃስ፡ ተቖጻጻሪ ጉጅለ ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ ስልጣኑ ይኹን ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ናይ ስራሕ ስልጣኑ ኤርትራ ንምንቅስቓስ ሸባብ ከም እትሕግዝ ዘረጋግጽ ጭብጢ ክቐርብ ኣይከኣለን" ክብል ገሊጹ።

2- "ባይቶ ጸጥታ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ካብ ዕደና ዝርከብ ኣታዊታት ነቲ ንጥኑፋት ምንቅስቓሳት ሶማል ሓገዝ ከይውሃብ ዝኽልክል ውሳነታት 1844 [2008]፣ 1862 [2009]፣ 1907 [2009]፣ 2023 [2011]፣ ብምኽባሩ ልዑል ሚዛን ይህቦ ይብል"።

ኣብ'ዚ ብህጹጽ ዝለዓል ዓቢ ሕቶ እምበኣር፡ "ተቖጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን" እንተ ድኣ ኤርትራ ንምንቅስቓስ ሸባብ ከም እትሕግዝ ጭብጥ መርትዖ ዘይረኸበ፡ ከምኡ ድማ ካብ ዕደና ዝርከብ ፕጽዙብ ውሳነታት ባይቶ ጸጥታ ኣብ ምግዛስ ዝኾነ ይኹን ተራ ዘይነበሮ እንተኾይኑ፡ ስለምንታይ ድኣ'ዩ ባይቶ ጸጥታ ነቲ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማሲያዊ፡ ቁጠባዊ፡ ወተሃደራውን ስነ-ኣእምሮውን ሳዕቤን ዝነበሮ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን እገዳ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣሕሊፉ? ልዕሊ ኹሉ ዘገርም ድማ፡ እቶም ኣብ'ዚ ፖለቲካዊ ገበን'ዚ ኣብ ምሕላፍ ግደ ዝነበሮም ከም ባይቶ ጸጥታ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ኢጋድን በቲ ዝፈጸምዎ ፖለቲካዊ ገበን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ይቕረታ ከይሓተቱ ነቲ እገዳ ካብ ኤርትራ ብምልዓሉ ብሓጎስ ክምዝቕበልዎ ምግላጾም እዩ። እዚ ነቲ ኤርትራ ንባይቶ ጸጥታ እንተድኣ ከሲሳ ወይ ሓቲታ ክትረኽቦ እትኽእል ሞራላውን ፋይናንሳውን ካሕሳ ከይተዛረብና ማለት እዩ።

እቲ ሓቂ፡ ምምሕዳር ኣሜሪካ ምስ ውድብ ኢጋድ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ምስ ገለ ቀወምቲ ኣባል ሃገራት ኣብ ባይቶ ጸጥታን ውዲት ምስ ኣለሙ፡ "ተቖጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን" ናብ ባይቶ ጸጥታ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ምስ ኣቕረበ፡ ባይቶ ጸጥታ ድማ ኣብ ድሮ በዓል ልደት 2009 ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝተሰመመ ህያብ ኣቕሪቡሉ። ከም ዝፍለጥ ገለ ሃገራት ከም ሩስያ ኣንጻር ኤርትራ እገዳ ኣብ ምሕላፍ ምድማጽን ኣጣዒሰሞን እዮም። እዚ ግን ግዜ ምስ ሓለፈን ብሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊኣ እገዳ ምስ ተበየነን እዩ። ገለ ካብ ቀወምቲ ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ዘስቀጣ'ውን ነይረን።

## ሳልሳይ፦ እገዳ ንምሕላፍ ዝደረኸ ሓቀኛ ምኽንያት

መሰረት ናይ'ቲ ብባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ እገዳ፡ ኣብ'ቲ ዝሓለፉ ሰለስተ ምምሕዳራት ኣሜሪካ ማለት ምምሕዳር ፕረዚደንት በል ክሊንተን፡ ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆርጅ ቡሽ ንእሽቶን ምምሕዳር ፕረዚደንት ባራክ ኦባማን ጉዳይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብናይ ስርዓት ወያነ ኢትዮጵያ ውክልና ንምምሕዳር ዝተኸተልዎ እስትራተጂ'ዩ ዝምርኮስ። ኤርትራ ኣብ ፖለቲካዊ ውሳኔኣ ምሉእ ናጽነት ስለዘለዋ፡ ንኸምዚ ዓይነት እስትራተጂ ንምትግባር ንኤርትራ ከም ቀንዲ ዕንቅፋት'የም ርእዮማ። ኤርትራ ብዘተፈላለየ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ሳይኮሎጂያውን ምኽንያታት ኣብ ትሕቲ ፖለቲካዊ ካብ ወኪል ኢትዮጵያ ፍጹም ክትኣቱ ስለዘይትኽእል ድማ፡ እዞም ዝተጠቕሱ ምምሕዳራት ኣሜሪካን ዞባዊ ወኪሎም ስርዓት ወያነን ንምቁጽጻራ ክጽዕሩ፡ እዚ እንተ ዘይሰለጠ ኸኣ ንሃገራዊ ስርዓታ ብምቕያር፡ ንናይ ኢትዮጵያ ወኪልን ብውክልና ዝመዛዘኦ ምምሕዳር ኣሜሪካን ዝኸይድ ሓሱብ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ንምትካል ተበጊሶም።

ዝሓለፉ ሰለስተ ምምሕዳራት ኣንጻር ኤርትራ ዝተኸተልዎ እስትራተጂ ኣሜሪካ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ሸሞንተ ቀንዲ ነጥበታት ተጸሚቑ ክቐርብ ይኽእል፥

1. ንኤርትራ ምስ ጎረባብታ ሃገራት ናይ ዶብ ሽግር፡ ምስ የመን ብዛዕባ እኩባት ደሴታት ሓኒሽ-ዙቑር ኣብ 1995፡ ካልኣይ ምስ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ባድመ ኣብ 1998፡ ኣብ መጨረሽታ ኸኣ ምስ ጂቡቲ ብዛዕባ ዱሜራ ኣብ 2008 ብምምሃዝ ንምንጻል ሰሪሖም።

2. ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብመገዲ'ቲ ብ15 ጥቅምቲ 2002 ብኢትዮጵያ፡ ሱዳንን የመንን ዝተመስረተን ኣብ 2004 ሶማል፡ ኣብ 2010 ድማ ጂቡቲ ዝተጸንበራኦን "ምትእኽኻብ ሰንዓ" ኣቢለን ብምድርን ባሕርን ፖለቲካውን ቀጠባውን ከበባ ኣካይደን።

3. ስርዓት ወያነ ኣብ ክሊ ወተሃደራዊ እስትራተጂ ንኤርትራ ብወተሃደራዊ መዳይ ኣብ ከበባ ንምእታው ዝዓለመ ኣብ ሚያዝያ 2014 ምስ ሱዳንን ጂቡትን ናይ ሓባር ወተሃደራዊ ምክልኻል ስምምዕ ኸቲሙ።

4. ስርዓት ወያነ ካብ [2002-2018] ን16 ዓመታት ምሉእ ብቐጥታ ይኹን ብመገዲ'ቶም ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተፍኣም ጭኡታታት ኣቢሉ ርግኣትን ሰላምን ኤርትራ ንምህዋኽ ንኽሰርሕ ዝሓለፉ ሰለስተ ምምሕዳራት ኣሜሪካ ኣተባቢዖሞ እዮም። እቲ ጉዳይ ግን በዚ'ውን ኣየብቅዐን። የጉዳስ ኣገልግሎት ዜና ሮይተር ካብ ኣዲስ ኣበባ ከም ዝሓበሮ፡ መራሕቲ ወያነ ብቐዳምነት ከኣ ቀዳማይ ሚኒስተሮም መለስ ዜናዊ ብ21 ሚያዝያ 2011 ብመሰረት'ቲ ንትግባረኡ ዝተመዘዘሉ ተራ ብወክልና ዝሰርሕ ሃሱስ ስርዓት ንምትካል ንዝገራዊ ስርዓት ኤርትራ ንምቕያር ከም ዝሰርሕ ብግሁድ ገሊጹ። እንተኾነ ግን ኣይሰለጦን።

5. ንኤርትራ ብመሰረት'ቲ ኣብ መንጎኣን ኢትዮጵያን ዝፈጠርዎ ናይ ኣይሰላም ኣይኩናት ሃዋህው ቀጠባኣ ንምጽንቃቕን ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምድኻምን ብዝተኸተልዎ እስትራተጂ ተኸታተልቲ ምምሕዳራት ኣሜሪካ ንስምምዕ ኣልጀርስ፡ ንሓለፍቲ ባይቶ ጸጥታን ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ብምጥሓስ ኑቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝሓለፈ ናይ መጨረሽታን ቀያዲን ውሳኔ ኮሚሽን ምምልካት ዶብ ንትግባረኡ ዝጸገ ስርዓት ወያነ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ፖለቲካዊ ጉልባብ ክገብርሉ'ዮም ወሲኖም።

6. ብመሰረት'ቲ ባይቶ ጸጥታ ኣብ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሕለፎ እገዳ ኤርትራ ብዓንቀጽ 51 ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኑብሳ ንምክልኻል ዝፍቅደላ መሰል ንኸይትጥቀም ምእንቲ ኣጽዋርን ወተሃደራዊ መቐያየሪን ንኸይትገዝእ ሓሪሙዋ እዩ። ብኣንጻሩ እቲ ኣንጻር ውሳኔ ኮሚሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ደው ብምባል ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ገቢጡ ዘሎ ስርዓት ወያነ ንዋሽንግተንን ጸግዒ ገይሩ ንባይቶ ጸጥታ ብምብዳህ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣጽዋር ክሸምት ክኢሉ እዩ። ከም ዝፍለጥ ብመሰረት'ቲ ብ18 ሰነ 12 ታሕሳስን 2000 ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ኣልጀርስ፡ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምዕራፍ ሸውዓተ ተመርኲሱ ንውሳኔ ኮሚሽን ምምልካት ዶብ ናይ ምትግባር ሓላፍነት ኣለዎ። እንተኾነ ግን ህጣም ብምጥፋእ ትም ክብል'ዩ መሪጹ። ስለዚ በዚ ጉዳይ'ዚ እቶም ዝዓበዩ ወከልቲ ስርዓት ወያነ ምሉእ ፖለቲካዊ ጉልባብ ዝሃቡ ምምሕዳራት ኣሜሪካ ጥራሕ ዘይኮኑ ሓለፍቲ ዝኾኑ ኣይኮኑን። እኳ ድኣ ዝተረፉ 14 ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታ'ውን ብማዕረ ሓላፍነት ዝስከማ እየን።

7. እዚ ኩሉ ኣዕናዊ ፖሊሲታት'ዚ ኣብ ልዕሊ ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን ሓይልታት ምክልኻሉን ምስ ተሓምሸሸ ድማ፡ እተን ንሓርነት፡ ናጽነት፡ ልምዓትን ብልጽግናን ኤርትራ ዝጸበኣ ሃገራት ንዓንዲ ሕቖ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንምስባር፡ ብደቂ-ኣዳም ዝግበሩ ጭፍራ ጉጅለታት ብምቛም ኑቲ ቀንዲ ዋሕስ ሃገር ዝኾነ ኤርትራዊ መንእሰይ ብመሬትን ባሕርን ካብ ሃገሩ ንምብራር ሰሪሕና ኢለን ተተሓሒዘንኦ። ተመሊሶም ድማ ኣብ ሰነ 2012 መንግስቲ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰላት ይግህስ ኣሎ ዝብል ብመገዲ ወከለም ሽላ ከሰሩስ ኣብ ወጹእ ሓሶት ዝተሰረተ ክሲ ማሰራየም። እንተኾነ ግን ሓሶት ዕድመ ስለዘይብሉ እዚ ወጹእ ሓሶት'ዚ እውን ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመት ብፍላይ ከኣ ኣብ 13 ጥቅምቲ 2018 ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኤርትራ ከም ኣባል ባይቶ ተጣየቒ ሰብኣዊ መሰላት ምስ መረጸ ከም ኩሉ ካልእ ዝመሃዝዎ ሓሶታት በርዒኑ። ስለዚ ከኣ እዚ ፍጻመ'ዚ ኤርትራ ካብ ኩሉ'ቲ ማዕከት ዜና ኣብዘን ኣብትን ብዘይኣፍልጦ ደዩ ዋላስ ብዕላማ ዘቃልሕኦን ዝዘርሕኦን ዝበራ ክሲታት ናጻ ምዃና ዘረጋግጽ ጭብጥ መርትዖ እዩ።

8. ዝርኑ፡ ዝስማዑ ዝንበበን ኤለክትሮኒካውን ኣህጉራዊ ማዕከናት ዜና ንኤርትራ ንምስይጣንን ኣብ ኩሉ ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን መጋባእያታት ምስላ ንምድዋንን ሰሪሕና ኢለን ተተሓሒዘንኦ። እዘን ማዕከናት ዜና እዚኣተን ንበዝሓት ሰባት ንዝዊሕ ዓመታት ከደናግራ'ኳ እንተ ኸኣላ፡ ንኹሉ ሰብ ንኹሉ ግዜ ከደናግርኦ ግን ኣይከኣላን። ፍሹል ፕሮፓጋንዳአን ኣብ ኩሉ መዳያት እናተቓልዐን እናፈኸሰን ከይዱ።

## ራብዓይ፦ እገዳ ንምልዓል ዝደረኸ ሓቀኛ ምኽንያታት

ኣብ መደምደምታ፡ ሓሙሽተ ቀንዲ ረቛሒታት ተደማሚሮም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንእስትራተጂታት ናይ ዝሓለፉ ሰለስተ ምምሕዳራት ኣሜሪካን ወያነን ከም ዝፈሸል ገይሮም። እዞም ረቛሒታት እዚኦም ከኣ፦

1. ህዝብን መንግስትን ሓይልታት ምክልኻልን ኤርትራ ከም ሓደ ኣካል ኮይኖም ኣብ ቕድሚ ኹሉ ተጻብኦታት ደው ብምባል ኑቲ ንኤርትራ ብፖለቲካዊ፡ ቀጠባዊ፡ ማሕበራውን ስነ-ኣእምራውን መዳያት ንምድኻማ ዝተኣልመ ውጥናት ኣሜሪካን ወያነን ስለዘፍሸልዎ እቲ ፖለቲካዊ ስርዓት ኤርትራ ንምቕያር ዘጠንሰዎ ውጥን'ውን ፈሺሉ።

2. ኣብ ሕሶባት ጻዕዱ ህንጻን ወያነን ዘይተብረ ምዕባሌታት'ውን ኣብ ሜዳ ኢትዮጵያ ተጋሂዱ። ኣብ 2005 ዝተኻየደ ምርጫታት ወያነ ኸሲሩ። እንተኾነ ግን ንደምጺታት ምርጫ ስለዝተምየኖ ገለ ኣህጉራውያን ወገናት ሓንቲ ካብኣቶም

ወከል ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ኢትዮጵያ ኣና ጆማስ ኾይናቶ። እዚ ድማ ዕድመ ስርዓት ወያነ ቀስ ብቐስ ከንቀልቀል ከም ዝጀመረ ዝሕብርዩ ነይሩ። ኣብ 2015 ድማ ደምሳሲ ህዝባዊ ተቓውሞታት ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ። ከም ውጽኢቱ ድማ ስርዓት ወያነ ኣብ 2018 ካብ ስሩ ተማሒዩ። መተካኢታኡ ኸኣ ኣብ ኢትዮጵያ ብ2 ሚያዝያ 2018 ሓድሽ ፖለቲካዊ ስርዓት ብመራሕነት ዶክተር ኣብዪ ኣሕመድ ዓሊ መጺኡ። ንግዳማውን ወሽጣውን ሽግራት ኢትዮጵያ እንተላይ ምስ ኤርትራን ምስሪን ንምፍታሕ ዝዓለመ ፖሊሲ ኸኣ ሓንጺጹ። ስለዚ ኸኣ ብ18 ሰነ 2018 ንውሳነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ከም ዝቐበሎን ምስ ኤርትራ ድማ ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ዝተሰረተ ሓድሽ ፖለቲካዊ ዝምድና ንምቛም ድሉት ከም ዘሎምን ገሊጹ። ከምኡ'ውን ብ10 ሰነ 2018 ናብ ካይሮ ኣብ ዝገበሮ ዑደት ንብጽሒት ምስሪ ካብ ማይ ናይል ዝኸድእ ውሳነ ከምዘይወስዱ ቃል ኣትዩ።

3. ኣብ 20 ጥሪ 2017 እውን ንጉዳይ ጸዕዳ ህንጻ ዘመሓድር ሓድሽ ምምሕዳር ኣሜሪካ መጺኡ። እዚ ድማ ካብ'ቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ንጉዳይ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን መላእ ኣህጉር ኣፍሪቃን ብዞባውያን ወኪላት ናይ ምምሕዳር ፖሊሲ ዝነበሮም ሰለስተ ምምሕዳራት ማለት ምምሕዳር ፕረዚደንት ቢልክሊንተን፣ ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆርጅ ቡሽ ንእሽቶን ምምሕዳር ፕረዚደንት ባራክ ኦባማን ዝተፈልየ ፖሊሲ ወሲዱ።

4. ሽግር የመን'ውን እንተኾነ ኣብ ጸጥታን ርግኣትን ናይ'ዚ ኣብ ዞባዊ፣ ክፍለ-ዓለማዊ፣ ማእከላይ ምብራቕ፣ ወሽመጥ ዓረብን ዓለምን ልዑል ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ወተሃደራውን እስትራተጂያውን ኣገዳስነት ዘለዎ ገማግም ቀይሕ ባሕርን መጻብቦ ባብ ኤልመንደብን ኣሉታዊ ጽልዋ ፈጢሩ ኣሎ። ኣብ ወሽጢ'ዚ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ተኸሲቱ ዘሎ ሽግር፣ ሃገረ ኤርትራ ኣብ'ዚ ቀንዲ ክፋል ኣህጉር ኣፍሪቃን ኤስያን ዝኾነ ዞባ ጸጥታ፣ ርግኣትን ሰላምን ንምርግጋጽን ንምብርኻብራ፣ ግብረሽበራውያንን ብደቂ ኣዳም ዝኾንዱ ጉጅለታትን ኣብ ምምካትን ኣቃሊልካ ዘይርአ ተራ ተጻዊታን ትጻወት ኣላ። ከም ዝፍለጥ ሃገረ ኤርትራ ካብ ራስ ቁሳር ሶማልን ዶብ ሱዳን ጀሚሩ ክሳብ ዱር-ዒላ ዶብ ጂቡቲ ዝዘርጋሕ 1220 ኪሎ ሜተር ዝነውሓቱ ገምገም ባሕርን ልዕሊ 300 ደሴታትን ከምኡውን ኣብ ማእከል ቀይሕ ባሕሪ 127 ደሴታት ዝሓቑፈት እኩባት ደሴታት ዳህላክን ስለእትውንን ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ ንስትራቴጂያዊ መእተዊ መጻብቦ ባብ ኤልመንደብ ብመገዲ እኩባት ደሴታት ማሕበት፣ ፋጥማን ሓሉብን ራሱዱሜራን ስለእትቆጻጸር ኣብ ወሽጢ'ዚ ዘይምቹእ ኩነታት ከቢድ ጸርዩ ዘለዎ። ይኹን'ምበር ምስ'ዚ ኩሉ ግን ኤርትራ ካብ ሃገራዊ፣ ዞባውን ኣህጉራውን ሓላፍነታ ተበጊሳ ብዘይርኣዩሊይን ስምዑሊይን ተራ ትጻወት ኣላ።

5. ሓሶት ብኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ዋላ እንተ ጸደቀን ብዙሓት ሃገራት ዓለም እንተ ደገፍኦን ኣብ መጨረሽታ ሓሶት ኮይኑ'ዩ ዝተርፍ። ሓቂ'ውን ዋላ ከም ኤርትራ ዝኣመሰለት ንእሽቶ ሃገር ብጕረባብቲ ሃገራት ከቢዱ ብዓበይቲ ሃገራትን ዞባውያን፣ ክፍለ-ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ውድባትን ኣካላትን ተጻቢኦ እናገጠማ እትክላኸለሉ ትኹን እምበር ኣብ መወዳእታ ተዓዊቲ እዩ።

እቲ ብማሰረት ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምዕራፍ ሸውዓተ ብ23 ታሕሳስ 2009 ብባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ብ14 ሕዳር 2018 ክልዓል ዝገበሮ ኸኣ እዚ ዝተጠቕሰ ሓሙሽተ ረቛሒታት እዩ።

## ሎሚ ከም ትማሊ ይመስል፣ ታሪኽዶ ይድገም ኣሎ!?

ኣብ መደምደምታ፣ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እስትራተጂያዊ ረብሓ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብመገዲ ዞባዊ ወኪላ ስርዓት ወያነ ንምርግጋጽ ኣብ ልዕሊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸመቶ ፖለቲካውን ሕጋውን ገበን እዚ ኣብ 2009 ብውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ካልኦት ሃገራትን ተሓጊዛ ዝወሰኑቶ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን እገዳ ናይ መጀመርታ ከም ዘይኮነ ህዝቢ ኤርትራ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጥ እዩ። ትማሊ ቀረባርሒቕ ማለት ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፣ ኤርትራ ከምተን ካልኦት ግዝኣታት ኢጣልያ ኣብ ኣፍሪቃ ሊብያን ሶማልን ናጽነታ ክትረክበን ህዝቢ ኤርትራ ሕጋዊ ርእሱውሳነ መሰሉ ክጥቀምን ነይሩዎ። እንተኾነ ግን ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብሓይሊ ንሕጋዊ፣ ታሪኻውን ፖለቲካውን መሰል ህዝቢ ኤርትራ ረጊጹ፣ ኣብ 1950 ንኤርትራ ብፈደረሽን ከም እትቖረን ገይሩ። እዚ ሓቂ'ዚ ኸኣ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስ "ብሕጋዊ መገዲ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ ነይሩ፣ እንተኾነ ግን እስትራተጂያዊ ረብሓታት ኣሜሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ምስ ፈታዊትና ኢትዮጵያ ክንቆርና ኣገዲዱና" ክብል ብትዕቢትን ትምክሕትን ገሊጹ።

ድሕሪ 41 ዓመት ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲን ጅግንነታዊ ተወፋይነትን ግን ህዝቢ ኤርትራ ብ25 ግንቦት 1991 ሓርነቱ ብቐልጽሙ ኣረጋጊጹ። ነቲ ብደም ብሉጻት ደቁ ዘምጽኦ ናጽነት ድማ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ዓለምን ከስገድዶ ይኽእል ነይሩ። እንተኾነ ንናጽነቱ ሕጋውነት ክለብሶን ነቲ ዝተሓረሞ ታሪኻዊ፣ ፖለቲካውን ሕጋውን ርእሰ ውሳነ መሰሉ ክትግብርን ስለዝመረጸ ግን ካብ 23 ክሳብ 25 ሚያዝያ 1993 ዝተኻየደ ዞባውያን፣ ክፍለ-ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት ከም ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ሕጂ (ሕብረት ኣፍሪቃ) ዝተሳተፍዎ ናጻን ርትዓውን ረፈረንደም ክካየድ ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ ወዲቡ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ 99.8 ሚኢታዊት "እወ ንናጽነት" ብምድማጽ ወሳኒ ታሪኻዊ ቃሉ ኣስሚዑ።

እተን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ታሪኻዊ፣ ፖለቲካውን ሕጋውን ገበን ዝፈጸማ ክፍለ-ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ሃገራትን ውድባትን ድማ ንናጽነቱ የሓና ንምባል ተቐዳዲመን። እዘን ክፍለ-ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት እዚኣተን ከኣ እየን ኣብ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ኣብ ምሕላፍ ዝተዋሰኣ። እንሆ ከኣ ሎሚ እገዳ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ብምልዓሉ የሓና ንምባል ይቀዳደማ።

## ሎሚ ከም ትማሊ ይመስል፣ ታሪኽዶ ይድገም ኣሎ!?

ሓሳባት

# ሃገራዊ መንነትና

## ሕላገታት፡ ቅኒታትን መርኣያታትን



ሓባራዊ ዘተን ምስትምቓር ጥበብን እናበራረየ ወትሩ ሓሙሽ ምሸት ኣብ ጁንየር ኣዳራሽ ዳዕሮ ኣብ ዝቕርብ ሰሙናዊ መደብ፡ ብዕለት 16 ነሓሰ 2018፡ **"ሃገራዊ መንነትና፡ ሕላገታት፡ ቅኒታትን መርኣያታትን"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ብኣልኣሚን ሓምድ ኣልኣሚን ዝቐረበ ዘተ ኣኣንጊዱ ነይሩ።

ኣልኣሚን ሓምድ ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብፖለቲካዊ ስነ-ፍልጠት ቀዳማይ ዲግሪ ዘለዎ ኾይኑ፡ ካብ ኢንስቲትዩት ማሕበራዊ ምርምር ዩኒቨርስቲ ማከሬረ (ዩጋንዳ) ብፖለቲካን ታሪኽን ካልኣይ ዲግሪ ድሕሪ ምርካብ፡ ኣብዚ እዋን ናይ PhD መጽናዕቲ ኣብ ምጥንቃቕ ይርከብ። ምርምራዊ ስራሓት ኣልኣሚን ንዛዕባ መንነት ዝምልከት ኮይኑ፡ ዝምድና ያታዊ መረዳእታ መንነትን ዘመናዊ ፖለቲካዊ መንነትን ኣብ ምጽናዕ የተኩር። ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ዘተ ንሕትመት ብዝጥዕም መልክዑ እንሆ። ሰናይ ንባብ።

ሃገርን ሃገራውነትን ኣብ ክልሰሓሳብ ይኹን ኣብ ግብራዊ ዓለም ካብ'ቶም ኣዝዮም ኣከራኸርቲ ዛዕባታት'የም። እዚ ኣምራት'ዚ ንመንነት ዝገልጽ ስለዝኾነ፡ መንነት ድማ ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕን ንጹልን ክኸውን ስለዝኽእል፡ ብሓደ ጠማሪ መረዳእታ ክትገልጾ ቀሊል ኣይኮነን። ንሃገራዊ መንነት ከም ዓውደ-ፍልጠት ኣልዒሎም ዘጽንዑን ዝመራመሩን ሊቃውንቲ፡ ኣብ ኣዝዩ ሓፈሻዊ ነጥብታት እንተዘይኮይኑ፡ ሓደ ንኹሎም ዘሕብር፡ ዘሰማምዕ ሃገርን ሃገራውነት ኣብ ምግላጽ ደምዳሚ መረዳእታ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ካብ'ዚ ዝተላዕለ ድማ እዚ ዛዕባ'ዚ ክሳብ ሎሚ ሓያል ምሁራዊ ክርክራት ዘአንግድን ብንጥፈት ዝጽሓፈሉን ዛዕባ ኮይኑ ንረኽቦ። ንዛዕባ መንነት ኣብ ዝምልከት ምርምራዊ ስራሓት ካብ ሃገራውነት ሓሊፉ ብዓይነ ጾታን ጀንደርን፡ ብዘርኢ፡ ብመግዘእቲ፡ ብስደት፡ ምስ ዓውለማ ድማ ብምትሕንፋጽን ተደራሪብት (ብዙሕነት)ን ዝጥምት ሓደስቲ ኩርንዓት ጠሚተ እኳ እንተ ማዕበለ፡ ሃገራዊ መንነት ግን ማእከል ትኹረት ካብ ምዃን ኣይተኣልየን። ካብ ኣውሮጳዊ ተመክሮ ካልኣይ ኩናት ዓለምን ብድሕሪኡ ዝሰዓበ ተርእዮ ዝሓኩል ኩናትን ዝቖለ ክልሰሓሳባት፡ ኣብ ስነሓሳባዊ ፍልልያትን ትዕቢትን ጽልእን ዘንጸብርቕ ስምዒታትን ብምትኳር፡ "ሃገራውነት" ከም ተጻይን ከሰዓር ዘለዎን ኣምር ገይሩ ክቕርቦ ፈቲኑ እዩ። ኣብ ደርባዊ መንነት ዝኣምን ክልሰ ሓሳብ'ውን፡ ንሃገራዊ መንነት ከም ግንቃፌ ናይ'ቲ ቀዳምነት ክወሃቦ ይግባእ ኢሉ ዝኣምኖ ደርባዊ ቃልሲ ስለ ዝረኣየ፡ ክተርፍ ወይ ካልኣዊ ኮይኑ ክቕጽል መጉቱ እዩ። (ኣብ ውሽጢ እዚ ክልሰ ሓሳባዊ (ከምኡ'ውን ስነሓሳባዊ) ክሊ ግን ዘይተተኣኣኻት ናይ ሃገራዊ መንነት ዝርዳእ ወገን ማዕበለ፡ ንሃገራውነት ከም ኣቀላጣፊ ባእታ ክጥቀመሉ ይኽእል ምንባሩ ምዝካር የድሊ።) ይኹን እምበር ን"ሃገር" ከም ፖለቲካዊ ኣሃዱ ዝተኸእ ውዳቤ ኣብ ግብሪ ክመጽእ ክሳብ ዘይከኣለ፡ ኣገዳስነት ሃገራዊ መንነት ክጎድል ከም ዘይክእል ኣብ ግብሪ ንዕዘብ።

### ክልሰ–ሓሳባት ሃገርን ሃገራውነትን

ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ ኣብ ፖለቲካዊ ስነፍልጠት፡ ነቶም ንሃገርን ሃገራውነትን ዝምልከቱ ክልሰ ሓሳባት ኣብ ሰለስተ ካፈልካ ክረኣዩ ይኽእሉ። እዞም ክልሰ ሓሳባት እዚኣቶም ዘልዕልዎ ቀንዲ ሕቶ "ሃገር እንታይ እዩ?" ዝብል ኮይኑ፡ "ሃገር (ከምኡ 'ውን ሃገራውነት) ዝብል ኣመር ኣበይን መዓስን ፈለማ ተወሊዱ?" ናብ ዝብል መንታ ሕቶ ይሰግሩ። መልሲ ናይዚ ዳሕራይ ሕቶ ድማ ስለ ምንታይ ኣብ ሓደ ክቢ (ቦታ) ኣብ ሓደ እዋን ሃገር ዝብል ኣምርን ስምዒት ሃገራውነትን ይምዕብል? ናብ ዝብል ካልእ ሓተታን ትንታኔን ገጹ ቐጺሉ እዩ ዘሎ።

#### ሀ) ኣጠንተዊ ክልሰ ሓሳብ፡

እዚ ክልሰ ሓሳብ ሃገራውነት ጥንታዊ ኣምር እዩ ብምባል ምስ ህላወ ደቂ ሰብ የተሓሕዞ። ወዲሰብ ብጦም ተወዲቡ ክጥርኑፍ ካብ ዝጀመረሉ መድረኽ ማሕበራዊ ስልጣነ ኣትሒዙ፡ ብእንዳታትን ቀቢላታትን ክጉብሮ ዝጀመረ ምትእኽኻብ መሰረት ናይቲ ቀጺሉ ዝመዕበለ ሃገራዊ መንነታት እዩ ኢሉ ይኣምን። ኣጠንታዊ ክልሰ ሓሳብ ንዘርእን ሓረግ ወለዶን ከም ሕመረት ሃገራዊ መንነት የለልዮም። በዚ ድማ ሓደ ሃገር ዘቖውም ህዝቢ ተቐራረቢ ሓረግ ወለዶ ከም ዝሀልዎ ይግምት እሞ፡ ሓደ ቋንቋ ክዛረብን ሓደ ሃይማኖታዊ እምነት ክህልዎን የድሊ ይብል።

ብሓረግ ትውልዲ እንተ ዘይተራኸቡ ድማ ካልእ ጠማሪ ኣጥቢ ክህሉ የድሊ። እዚ መንነት እዚ ኑቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ናይ "ህዝቢ እስራኤል" ዛንታ ከም ኣብነት የቕርብ። መሰረት ናይዚ ክልሰ ሓሳብ ብቐንዱ ኤውሮጳዊ ታሪኽ እዩ። ካብ'ቲ ኣብ ከም ጀርመንን ፈረንሳን እንግሊዝን ዝኣመሰላ ሃገራት ዝተረኣየ፣ ኑተን ሃገራት ናይ "ሓደ ዝመጥቆሉ ህዝቢ" ጊርካ ናይ ምቕራብን እተሓሳሰብ ዝኾቕል እዩ። እዚ ድማ፡ ሽሕ እኳ ኑቲ ኣምር ከጠንቱ ዝፍትን እንተ ኾነ፡ ናይ ድሕሪ ምፍራስ ሮማዊ፡ ፐርሻውን ኣውስትሮ ሃንገራዊ (ኒምሳዊ)ን ኢምባረጦርያታት ዝተቐልቀለ ምኽንያት ይፍለጥ። ድሕሪኡ ዝማዕበሉ ክልሰ ሓሳባት ደረትዕምን ደእርምምን እኳ እንተ ሀለወ፡ ኣብዚ መንነት እዚ ዝኣምኑ ምሁራን ግን ካብ ምጽሓፍን ምሕታምን ጌና ኣይቋረጹን።

### ለ) **ዘመናዊ** ክልሰ ሓሳብ፤

እዚ ክልሰ ሓሳብ ሃገራዊ መንነትን ሃገራውነት ምስ ምምጻእ ፍልስፍና ርእሰ ማልነትን ኢንዱስትራያዊ ሰውራን የተሓሕዞ። ዘመናዊ ክልሰ ሓሳብ ሃገራውነት'ውን ብቐንዱ ኣብ ምዕራባዊ ተመክሮ ተሞርኪሱ እዩ ዝማዕበለ። ምዕባለ ዕዳጋን ሃብቲ ናይ ምኽዕባት ውድድርን ከም ወሳኒ ረቋሒ ይወስዶ። እዚ ክልሰ ሓሳብ እዚ ኑቲ ብኣጠቓላሊ ክልሰ ሓሳብ ዝኣመሎ ናይ ቋንቋን ዘርእን ሕቶ፡ ፖለቲካዊ ኩርናዕ ይውሰኽሉ እሞ፡ ሃገር ፖለቲካዊ ስልጣን ዘማእከለ መንነት እዩ ይብል። ስለዚ ድማ፡ ብመሰረት ኣገላልጻ እዚ ክልሰ ሓሳብ፤ ሓደ ሃገር ዝህሉ ህዝቢ ኣብ ግዝኣተ መሬቱ ናተይ ዝብሉ "ልኡላዊ" ፖለቲካዊ ስልጣን ክህልዎ ምስ ዝበህግ እዩ። ጸቡቕ ኣብነት ናይዚ መንነት፡ እቲ ኸዚ መንነት እዚ ማርክሳዊ መንነት ኣልቢሱ ዝጸሓፈ በነዲክት ኣንደርሰን እዩ። ኣንደርሰን ኣብታ ሃገር "ሓሳባዊ/ቅጅላዊ ኮም" እዩ እትብል ህቡብቲ ሓሳቡ እዩ ዝያዳ ዝፍለጥ። ንሱ ከም ዝምጉቶ፡ ቋንቋታት ናብ ሓያል መዐቀኒ ሃገራዊ መንነት ዝተሰጋገሩ ምስ ዕበየት ምህዞ ሕትመት እዩ። ሕትመት ብኢንዱስትራዊ ሰውራ ምስ ኣስፋሕፊሑ፡ እቲ ብቋንቋ ላቲን ተባሒቱ ዝነበረ ናይ ምጽሓፍን ምሕታምን ዕድል ናብ ካልኦት ቋንቋታት ክበጽሕ ክኢሉ። ብሕልፊ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ላቲን ሓሊፉ ብኻልእ ቋንቋታት ክሕተም ምኽኣሉ፡ እተን ቋንቋታት ካብ ላቲን ዘይሰንፍ ክብሪ ክህልወን ከም ዝኽእል ንተዛረብተን በርሃሎም። ኣሕተምቲ ዝኾኑ ጸሓፍ ብብዙሕ ቋንቋታት ምስ ዝሓትምዎ ዝያዳ ዕዳጋ ከም ዝረኽቡ ተረድኦ። እዚ ምዕባለ እንዱስትሪ ዝፈጠሮ ብብዝሒ ናይ ምሕታም ዕድልን ርእሰ ማልነት ዝፈጠሮ ዕዳጋ ናይ ምስፋሕ ተኽእሎን፡ እምበኣር



ንዕበየት ቋንቋታት ወሳኒ ድርኺት ፈጢሩ። እዚ ተመሳሳሊ ድርኺት እዚ ጋዜጣታት ከስፋሕፍሓ'ውን ሰለዘኽኣለ፡ ህዙባታት ብዝዕባ ካልኦት ኣህዛብ ክፈልጡን ካብኦም ዝፈልየም ረቋሕቲ ክርድኡን ኣብ ውሽጦም ድማ ዘመሳሰል ሓባራዊ ነጥብታት ክለልዩን ኣኽኢሎም'ሞ፡ ሃገራዊ ስምዒታት ክሳብ ጀሚሩ ይብል ኣንደርሰን።

### ሐ) **ብሄረ-ሕላገታዊ** ክልሰ ሓሳብ፤

ካብ'ቲ ኣጠቓላሊ ክልሰ ሓሳብ ዝምንጨ ይመስል። ይኹን እምበር ኣብ ጥንታውነት ከይጸቐጠ ሕብረተሰባት ኣብ ቀጻሊ ብሓባር ናይ ምንባር ተመክሮ፡ ዘሕበርዎም ወይ ዝጠምርዎም ኣርማታትን ሕላገታትን የማዕብሉ'ሞ፡ እዚ ሕላገታት እዚ መንቀሊ ናይ ሓባራዊ መንነት ይኾውን ኢሉ ይኣምን። እቲ ሕላገት ካብ መንፈሳዊ እምነት፡ ካብ ሓባራዊ ታሪኽ፡ ወይ'ውን ዘርእን መጥቃልን ሰረት ዝገበረ ክኸውን ይኽእል። ብሄረ-ሕላገታዊ ክልሰ ሓሳብ ካብቲ ኣጠቓላሊ ክልሰሓሳብ ዝፍለየሉ፤ እዞም ሕላገታት እዚኣቶም ኣብ ቀጻሊ መስርሓት ዝምዕበሉ ድኣ እምበር፡ ግድን ኣብ ሓደ ጥንታዊ መድረኽ ናይ ኮማዊ ምትእኽኻብ ዝፍጠር ኣይኮነን ይብል ምኽንያት እዩ። ብመሰረት እዚ መንነት መንቀሊ ሃገራዊ መንነት ብሄራዊ መንነት እዩ።

### መ) **ድሕረ-መግዛእታዊ** ክልሰሓሳብ፤

ነዚ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ክልሰ ሓሳባት ብቐፈታዊ ዓይኒ ብምጥማት ንምእራሙ ዝዋለመ እዩ። ሕመረት መንነት ናይዚ ክልሱ-ሓሳብ፤ ሰለስቲኡ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ክልሱ-ሓሳባት ኣብ ኤውሮጳዊ ተመክሮ ዝተመርኮሰን ንካልእ ክፋላት ዓለም ኣብ ግምት ዘየእቱን እዩ ይብል። ምዕራባዊ ተመክሮ ኑቲ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝጸንሐ ሕብረተሰባት ኣይገልጾን እዩ። ቋንቋን ሃይማኖትን ከም ቀንዲ ረቋሒ ምውሳድ ኑቲ ብዙሕነት እምነታትን ቋንቋታትን ዘለዎ ሕብረተሰባት ኣይውክልን እዩ። ስለዚ ኣብ ትሕቲ ሓደ ብሓባር ዝምዝምዝን ዝጸቕጥን ግዝኣ ብሓባር ምንባር፤ ሓድሽ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ናይ ምስዓር ስምዒት ብምፍጣር፤ ካብ ተመሳሳሊ ተመክሮ ናይ ሓባር ረብሓን ጥምረትን'ውን ክፍጠር ይኽእል እዩ ይብል። መግዛእታዊ ተመክሮ፡ ኑቶም ዝተገዝኡ ሕብረተሰባት ንብርር ማሕበራውን ፖለቲካውን ፍልቐት ኣፍሪሱ ኣብ ሓደሸን ኻጸውን ስርርዕ ሰለ ዝኣተዎም፡ ናይ ባዕሎም ፍሉይ ተመክሮ ኣለዎም። ቀንዲ ኣብር ናይዞም ክብ ኢሎም ዝተጠቕሱ ክልሱሓሳባት፡ ይብል እዚ ድሕረ-መግዛእታዊ መንነት፡ ናይ ሓደ ወሰኑን ሕብረተሰብ ተመክሮ (ናይ ኤውሮጳ ተመክሮ) ኣድማሳዊ ኣምሰሉ ብምቕራብ፤ ንመላእ ዓለም ከርዕሞ ይፍትን ምኽንያት እዩ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ፤ ኣብ ፈረንሳን ጀርመንን ዝተራእየ ተመክሮታት፡ ኣብ ሰሜንን ደቡብን ኣሜሪካ ኣይተደገመን። ኣብ ኣፍሪቃን ኣብ ኤስያን'ውን ኣይተራእየን። ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከም ሃገር ክትቀውም ዝገበረ መግዛእታዊ ተመክሮ እዩ።

ፔና፥ ሆንዱ፥ ክልቲኤን ኮርያ፥ ካናዳን'ውን ከምኡ፥ ብምሉኣን ሃገራት ኣፍሪቃ ወጻኢት መግዛእታዊ ምትእትታው ኢያ።

### ሎሚ 'ጉዳይ ኤርትራ' ዝበሃል የለን!

ማስርሕ ምብቃዕ ኣርጻዊ መግዛእቲ (decolonization) ኣብ ኤርትራ ፍሉይ ታሪኽ ወሊዱ። 1950ታትን 1960ታት መግዛእቲ ዘብቀዓሉን ሃገራት ኣፍሪቃ ነጻ ዝወጻሉን መድረኽ፥ ኤርትራ ግዳይ ፖለቲካዊ ሓሸውያ ኣህጉራዊ ሓይልታት ኮይና። ካብዚ ዝተላዕለ ሕቶ ሃገራዊ ነጻነት ኤርትራ ናብ ክልሰሓሳብዊ መኸተ ኣትዩ። ብደገፍ ዓበይቲ ሓይልታት ብፍይቲ ግዜ እቲ (ብቐንዱ ኣሜሪካን ብሪጣንያን) ዝፍደን ሃጸይ ሃይለስላሰ ናይ ኢትዮጵያ፥ ንኤርትራ ከም ታሪኻዊት ኣካል ኢትዮጵያ ኣምሲሉ ብምቕራብ፥ ሕቶ ኤርትራውያን "ውሽጣዊ ጉዳይ ናይ ኢትዮጵያ እዩ" ዝብል መኸተ ተሰሚዑ ክረክብ ክኢሉ። ምሁራዊ ክርክራት ኣብ 'ጉዳይ ኤርትራ' ሰለስተ ኣንፈታት ዝሓዘ ነይሩ። እቲ ቀዳማይ ኣብ ክልሰሓሳብ 'ዓባይ ኢትዮጵያ' ዝኣምን ኣጠንታዊ መኸተ ክኸውን ከሎ፥ እቲ ካልኣይ ንጉዳይ ሕቶ ኤርትራውያን ደርባውን ብሄራውን እዩ ዝብል ነይሩ። እቲ ሳልሳይ ድማ ንመግዛእታዊ ታሪኽ ምስ ስምዒትን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ብምዝማድ ሕቶ ኤርትራ ሕቶ ሃገራዊ ናጽነት ምዃኑ ዝኣምን ነይሩ።

ክልሰ ሓሳብ ዓባይ ኢትዮጵያ፥ ንኢትዮጵያዊ ሃገራውነት ጥንታዊ ሰረት ብምትሓዝ ናይ ልዕሊ 3000 ዓመታት ታሪኽ ከም ዘለዎ ይምጉት። እዚ ሞጎት እዚ ብማእከላት ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ኢትዮጵያ ዝድፋእ ኮይኑ፥ እዛ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ካብ ቅድመ-መግዛእታዊ ዘመን ኣትሒዛ ከም ዝጸንሐት ኣምሲሉ ይትርኽ። ናይ ዘመነ ኣክሱም 'ምድሪ ሓበሻ' ምስ ናይ ድሕሪ ሃጸይ መሌክ ካልኣይ ኢትዮጵያ ሓደ ኣምሲሉ የቐርብ። ካብ ታሪኻዊ ልክዕነቱ ፖለቲካዊ ሻርነቱ ዝዕብልል መኸተ ድማ እዩ። እዚ ሻራ እዚ ዝሓዘ ምሁራዊ ፍርያት እምበኣር፥ ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ ደኣ'ምበር ርእሳ ዝኸኣለት ናይ ባዕላ ታሪኽ ዘለዋ ሃገር ክትከውን ኣይትኽእልን ክብሉ ጸሒፎም።

እቲ ካልኣይ መኸተ እዚ ኣጣንታዊ ክልሰ ሓሳብ ዝቅፍ ክንሱ፥ ንጉዳይ ኤርትራ ካብ ውሽጣዊ ሽግራት ኢትዮጵያ ፈሊዩ ክርኢ ዘይከኣለ እዩ ነይሩ። እዚ መኸተ እዚ፥ ኢትዮጵያ ንባዕላ ወጻኢት መግዛእታዊ ታሪኽ ምዃና ይርዳእ እዩ። መሊኹ ኤውሮጳውያን ሓይልታት ኣብ ዞባ ዘርእዮኦ ዝበራ ተጉዳስነትን ውድድር ብምምዝማዝ ካብኦተን ብዝረኸቦ ፖለቲካዊ ምኽርን ምዕቡል ኣጽዋርን፥ ኑቲ ትግራይ፥ ሸዋን ጎጃምን ኣብ ዝብል ስምዒታት ዕንክሊል ዝብል ዝበረ ውድድር ፖለትካዊ ማእከላት ስልጣን ኣብ ሓደ ብምርጋጽን ደረት ግዝኣቱ ኣዝዩ ብምስፋሕ ናብ ደቡብን ደብባዊ ምብራቕን ብምምጣንን እዩ ዛ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ኣቀምዋ። ፈረንሳ፥ ብሪጣንያን ኢጣልያን ክልዕ ከምቲ ንጅቡቲ፥ ሱዳን፥ ሶማልያን ኤርትራን ዝገዝኡ፥ ዛ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ'ውን ሰሪሒኣ ምዃና እዚ መኸተ እዚ ይኣምን። ይኹን እምበር፥ ንሕቶ ብሄራት ኢትዮጵያ ከም ናይ "ውሽጣዊ መግዛእቲ" ሕቶን ጉዳይ ደርባዊ ወጽዓን ገይሩ ደርድኦ ብምንባሩ፥ ንብሄራዊ መሰረትን ደርባዊ ለውጥን ይቃለስ ነይሩ። ካብዚ ዝተላዕለ ድማ እቲ ሃጸይ ሃይለስላሰ ኣብ ኤርትራ ዝገበሮ ምስቲ ሃጸይ መሌክ ኣብ ካልኦት 'ክፋላት' ኢትዮጵያ ዝገበሮ ብምውድዳር፥ ንጉዳይ ኤርትራ ከም ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ደኣ'ምበር ከም ሃገራዊ ሕቶ ክርእዮ ኣይከኣለን ነይሩ።

እቲ ሳልሳይ ኣብ 'ጉዳይ ኤርትራ' ዝነበረ መኸተ ኤርትራዊ ሃገራዊ ማስመር እዩ። ኣጣንታዊ ጽውጽዋያትን ዝነብዕ ደርባዊን ብሄራውን ርድኢታትን ብምውጋድ፥ ኣብ ወሁብ ባይታዊ ክውንነት ዘተኮረ ነይሩ። ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ከም ኩሎም ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝጸንሑ ህዝብታት ኣፍሪቃ ሕቶ ሃገራዊ ናጽነት እዩ ኢሉ ድማ መጒቱ። ንታሪኻዊ ልክዕነትን ባይታዊ ክውንነትን ዘንጸባርቕን ባህጊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተረደኣን ብምንባሩ ድማ ተዓዊቱ። ዓወት ናይ'ዚ ሞጎት ኣብ ምሁራዊ ዓንኬላት ክረጋገጽ፥ ኣብ ባይታ መሪርን ነዊሕን ቃልሲ ከሰንዮ ነይሩዎ። ምሁራዊ መኸተ ብክልሰ ሓሳብነት ምስ ዝዓወር ክሳብ ክንደይ ኪጋጌን ክሸክዕን ከም ዝኽእል ብዘመስከረ ድማ፥ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፍርቂ ዘመን ክዕምብብ ከሎ፥ ምሁራን ጌና "ጉዳይ ኤርትራ፥ ውሽጣዊ ሕቶ ኢትዮጵያ እዩ" ኢሎም ይምጉቱ ነይሮም። እቲ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣሚኑ ዝጸሓፍ ውሑድን ዝተዋሰነን እዩ ነይሩ። ኣብ ፍጻሜታቱን ሕጋውነት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣሚኖም ዝጸሓፉ ድማ ከም ዘሰተውዓሉ ምሁራን ዘይኮነስ ከም ሻራ ዝሓዙ ካድራት ይረኣዩ ነይሮም። ህዝቢ ኤርትራ ንክብሪ ሃገራዊ መንነቱ ዘንቀሎ ቃልሲ ብብርዒ 'ምሁራን' ሲ ይትረፍ ብብረት ሓያላን ሃገራት'ውን ዝሰዓር ከም ዘይኮነ ኣብ ባይታ ብዮዝብሪ ምስ ተመስከረ፥ ካብ ክፍላ 1980ታት ኣትሒዙ፥ እቲ ጉዳይ ኤርትራ ሃገራዊ ሕቶ እዩ ዝብል ማስመር ሰማዒን ሰዓብን ክረክብ ጀሚሩ። ቃልሲ ኤርትራ ድማ ኑዩም ኣብ ሃገርን ሃገራውነትን ዝገደሱ ተመራመርቲ መርኣያን ኣብነት ኮይኑ። ዕምቆትን ሓይልን ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት እምበኣር፥ ክጸው ኣጠንተውቲ ጽውጽዋያትን ክልሰ ሓሳባዊ ማይቀጠነን ዝሓለፍ ታሪኻዊ ርጉጽነት ዘመስከሮ እዩ።

"ጉዳይ ኤርትራ" እናተባህለ ካብ ወሁብ ባይታዊ ክውንነት ርሒቕካ ክግበር ዝጸንሐ ምሁራዊ ዕንክሊል ብዮዝብሪ ተሳዒሩ'ኳ እንተኾነ፥ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምትሕልላኽ ኣቃሊልካ ዘይርአ ዕንቅፋት ፈጢሩ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ፈለማ ሃገራዊ ናጽነቱ ንምርግጋጽ ድሒሩ ድማ ልኡላዊ ክብሩ ንምዕቃብ ከቢድ ዋጋ ብምኽፋል ደጋጊሙ የረጋግጾ ዝነበረ መንነቱ፥ ዳሞጋይ ናብ መኸትን ሕቶን ንምምላስ ዝግበር ዝኾነ ዓይነት ፈተነ ኮንቱ እዩ። ኮንቱ እዩ ብምባል ጥራይ ዝሕለፍ ግን ክኸውን ኣይግባእን። ሓደ ህዝቢ ንሓደ ዘመን መመላእታ ዋጋ ዝኸፈሉ ዛዕባ ምትንኻፍ፥ ብኽብሪ እቲ ዝተኸፈለ ዋጋ ምልጋጽ ስለዝኾነ፥ ሎሚ 'ጉዳይ ኤርትራ' ዝበሃል ነገር የለን።

### ቅኒታትን ሕላገታትን

ስለምንታይ እዩ እቲ ብዛዕባ ሃገራዊ መንነት ኤርትራ ክጽሓፍ ዝጸንሐ ምሁራዊ ፍርያት ካብ ክውንነት ዝረሓቐ መደምደምታ ክበጽሕ ክኢሉ ኢልካ ምሕታት ኣገዳሲ እዩ። ፈለማ መብዛሕትኡ ብማእከላት ፖለቲካዊ ስልጣን ኢትዮጵያ ዝሰበኽ

ዝበረ ሓሳባት ይወክስ ብምንባሩ እዩ። እዚ ስርዓታት ኢትዮጵያ ዘዘበልዎ ዝቃልሕ ዝበረ ጽሑፋት ኣብ ክልተ ከፊልካ ክርአ ይከኣል፥ እቲ ሓደ ኮነ ኢሉ ፖለቲካዊ ሻራ ብምውሳድ ኣንጻር ኤርትራዊ መንነት ዝምገት ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልእ ግን ኣርሒቅካ ካብ ዘይምጥማትን ግቡእ መጸናዕቲ ካብ ዘይምክያድ፡ ዝ. ሻራ ዝሓዘ ምንጭታት ከም መወከሲ ብምውሳድ ዝሸኸዐ እዩ። እቲ ንድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ዝወክል ሓይሊ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ተሰሚዒ ክዝውር ዘኽእል ፖለቲካዊ ጽልዋ ይኹን ቁጠባዊ ሓይሊ ኣይነበሮን። ካብዚ ዝተላዕለ ድማ ከም ምንጭን መወከስን ንምኻን ክስብ ዝበቅዕ ነዊሕ ግዜ ንሓያል ቃልስን ኣድለየ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ካብ ሻራ ርሒቕካ ምሁራዊ ስራሕ ንምፍራይ እምበኣር፡ ናብ ሰዓት ዘይከላስ ናብ መዓልታዊ ናብራ ናይቲ ተጸንዖ ሕብረተሰብ ተመሊስካ ምምርማር እዩ ዘድሊ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መንነቱ ዘለዎ ኣመለኻኽታ ንምርዳእ ክሕግዝ ካብ ዝኽእል ሓደ ኣገባብ ድማ ንመንነት ዝምልከቱ ቅኒታቱን ሕላገታቱን ምርኣይ እዩ።

ሕብረተሰባት ንዘእምንሉን ከም ኣካል እንታይነቶም ዝተላበስዎን ስምዒት ኣብ ኣስማት፡ ኣብ ኣርማታት ኣብ ደርፍታትን የንጸባርቕዎ። ከምኡ'ውን ብመልክዕ ሰእሊ ኣብ ኣኻውሕን ካልእን ይወቕርዎን ይቀብጽዎን። እዚ ተርእዮ እዚ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ'ውን ዘሎ ብምዃኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሃገራዊ መንነቱ ኣመልኪቱ ዘፍረዮም ቅኒታትን ሕላገታትን እንታይ ይመስሉ ምርኣይ ኣገዳሲ ይኸውን።

ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ኣስማቱ ንመንነቱ ዝወክሉን ንታሪኻውን ባህላውን ፍሉይነቱ ዘንጸባርቑን ይገብሮም ምንባሩ ዘመልክት፡ ሸምባሕራ፡ ደግለል፡ ደርደር፡ ናብታባይ ዝበሉ ኣስማት ብምውጻእ ንደቁ ብስምቶም ባህላውያን መራሕቱ ይጥምቆም ነይሩ። እዚ ልምዲ'ዚ ድማ ጽልዋ ሃይማኖታት ክርስትናን ምስልምናን ኣብ ኣስማት በዒሁ ክሳብ ሎሚ ከይጠፍአ ምቕጻሉ ህላወ ሓያል ሰረት መንነት ዝሕብር እዩ። ካብ ባህላዊ ሰረት ናብ ዘመናዊ ታሪኽ ምስ እንመጽእ፡ እዚ ምስ ሃገራዊ ቃልስን ሓርበኛነትን ዝተሓሓዘ ኣስማት እናበዝሐ ክመጽእ ንዕዙብ፡ ኣዳል፡ ኣዱሊስ፡ ሶየራ፡ ገደም፡ ዳህላክ፡ ደንደን ብዝብሉ ድማ ኤርትራ ዝበሉ ኣስማት ንወላዱ ብምጥማቕ ንመሬቱን ታሪኹን ዘለዎ ኣኽብሮትን ፍቕርን ይንጸባርቕ። እዚ ናይ ኣሰያይማ ትዕዝብቲ ካብ ስም ሰብ ናብ ስም ትካል ሰጊርና ምስ እንምልከቶ ክሕይል ንዕዙብ፡ ብሕልፊ እቲ ናይ ሰውራ ወለዶ፡ ካብኡ ናብኡ ድማ እቲ ናብ ሜዳ ቃልሲ ተሰሊፉ ዝተጋደለ፡ ዓዋተ፡ ሰውራ፡ ወፋይ፡ ፋንቅል፡ ዕርዲ፡ ደጀን፡ ማሕታ፡ ፍረ-ቃልሲ፡ ፍረሰውራ ብምባል ንቃልሱ ዘንጸባርቕ ኣስማት ካብ ምሃብ ሓሊፉ፡ ሓበን ሃገራዊ ቃልሱ ምስ ኣህጉራዊ ቃልሲታት ከም ዝዳረግ ብምእማን፡ ካብራል፡ ቼጉቬራ፡ ሆቺሚን፡ ኢስክራ፡ ፊዴል ኢሉ ክሰምዪ ተራእዩ። እቲ ኣብ ሜዳ ዘይተሰለፈ'ውን ናጽነት፡ ሓርነት፡ ሓድነት፡ ዓወት፡ ጽንዓት፡ ሰላም ዝበሉ ኣስማት ንወላዱ ብምውጻእ ቃልሱ ተዓዊቱ ናጽነ ሓራን ሓድነታ ዘረጋገጸት ብሰላም ዝነበረላ ሃገር ከምጽእ ምዃኑ ይምስክር ነይሩ። ሃዳኡ ዝሰተወዓለ እምበኣር፡ ስም ሰብ ይኹን ትካል ከም መርኣያ መንነት ወሳኒ ሕላገት እዩ። ካብዚ ናይ ኣስማት ብዘይፍለ ድማ ንሃገራዊ ታሪኽ ዝወክሉ ኣርማታትን ኣሳእልን ካብ ወግዓዊ ሃገራዊ ኣርማታት ሓሊፉ፡ ህዝቢ ባዕሉ ኣብ ኢስተቲካዊ (ጽባቐኣዊ) ጥበቡ ከንጸባርቖም ይርአ። ካርታ ኤርትራ፡ ገመል፡ ሹዱ ጥወዮ ነጸላ፡ ኣብ ጀበና፡ ፍንጃልን ካልእ ስርሓት ካይላን ቀርበትን ከም ሕላገት መንነት ተወቒጦም ምርኣይ ኣብዚ ኣርማታት እዚ ዘሎ ኣኽብሮትን ሓበንን ዘመልክት እዩ። ምስሊ ጥንዴራ ኣብ ሴፍ መርዓውን ኣብ ጥፍሒ መርዓትን ብዑንቀ ተኣሊሙ ምርኣይ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ሃገራዊ መንነቱ ዘለዎ ኪዳን ዘንጸባርቕ እዩ።

ኣብ ቅኒታትን ዜማታትን ምስ እንሰግር፡ እዚ ኣልዒልናዮ ዘለና ዛዕባ ዝያዳ ግሁድ ይኸውን። ከም ኩሎም ኣህዛብ ኣፍሪቃ ህዝቢ ኤርትራ ተመክሩኡን ታሪኹን ብጽሑፍ ዘይከላስ ብኣፋዊ ያታ እዩ ክዕቅብ ጸኒሑ። ፊደላት ግእዝ ዘማዕበለ ሕብረተሰብ ብምዃኑ፡ ነዊሕ ሰረት ዘለዎ ናይ ምጽሓፍ ታሪኽ'ኳ እንተ ኣማዕበለ፡ ጽሑፍ ንኣፋዊ ያታ ክትክእሲ ጌና ኣይከኣለን ኣሎ። ስለዚ ኣፋዊ ያታ ወሳኒ መወከሲ እንታይነት እዚ ሕብረተሰብ እዩ። ማሽን አውሎን ትግርኛ፡ ዓደር ሳሆን ዓፈርን ሕላይ ትግራይትን ንግጅግንነት፡ ንደስታን ጓህን ደርቓን ጽጋብን ካብኡ ሓሊፉ ንጸሎትን ምህለላን እዩም ዘገልግሉ። እዚ ጥቡብ እዚ ሃገራዊ መንነት ኣብ ምግልላጽን ኣብ ምህናጽን ብውዱብን ብዘይተወደበን ኣገባብ ዓቢ ግዴ ኣበርኪቱ እዩ። ኣብ ኤርትራ ንመንነትን ሓርበኛነትን ኣመልኪቱ ዝፈረየ ግጥምን ዜማን ርእሱ ዝኸኣለ ዕቱብ መጽናዕቲ ዝጸበ እዩ። ገለ ወከልቲ ክኾኑ ዝኽእሉ ምርኣይ ግን ይከኣል። ዘሎ ወድ ኢኩድ ንመግዛእቲ ጥልያን ዝበሮ ተቓውሞ ሕላይ ገይሩ እዩ ዘገሰገሰ ነይሩ። ንስልጣን ያሲን ሓይሰማ ብዓደር ተበጊዖን ተወደሰን። ንባህታ ሓጎስ ይበኽያ ንዝበበራ ኣንስቲ ክእብድ ዝተባህለ ዋዩ፡

*"ኣንስቲ ሰጊይቲ ኣይትሸበዓ*

*ኣንስቲ ሰጊይቲ ኣይተግባዕበዓ*

*ኣንስቲ ጥልያን ኪይሰምዓ፡*

*ግንባሩ ሂቡ ዚይህብ እንግደዓ"* ዝበል ነይሩዎ።

ግጥምን ደርፍን ኤርትራውያን መዓረ ቃልሲ ህዝቢ እዩ ዝሰጉም ነይሩ። ኣፍወከፍ መድረኽ ድማ ናይ ባዕሉ ስነጥበባዊ ፍርያት ነይርዎ። ብሽንፍና መራሕቲ ዘመነ ፊደረሽን ዝተቐጠዐ ኣቦይ ኣፍረሃ ከምዚ ዝስዕብ ክብል ሰውራ ክለዓል ጸዊዑ።

*"ኣስፋሃይቲ ኩዳላ ከፎ*

*ተደላ ዕቅቢት ኩዳርካ ኩዮጊደፎ*

*ተባርዎ ሰውራ ትረሓሰፎ።"*

"ሽገይ ሃቡኒ" ኣተወ ብርሃን ሰገድ፡ "ዋይዛ ጓማዬ" ኢንጂነር ኣስገዶም፡ "ምስል ሓወየ ሉሓይሰኒ" እድሪስ መሓመድ ዓሊ፡ "ኣለ ኣባዞም ሲን ኣሞ የዓሲና" ዓብደላ (ይዓሲና)፡ "ጽቡሒ ጸም" ከምኡ'ውን "ፋጥና ዛህራ" ኣልኣሚን ዓብዱለጢፍ፡ "ሃገረይ ዝበለ ተዘኪሩ ይነብር" የማነ ገብረሚካኤል (ባርያ)። መድረኽም ዝወክሉ ንስምዒትን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባረቑ ስራሓት እዮም። እዚ ሃገራውነት ዝቕስቕስ ቅኒታት፡ ሰውራ ተላዒሉ ቃልሲ ምስ ሓየለ "ሬጻምና ንያት ኣየዕረብናን . . . ሂወትና ንሕልፈለ ኣለና ደቃ" ኢሉ ብምዝማር፡ ናጽነት ምስ ተረጋገጸ ኤርትራ "ሓበን ወጹዓት . . . ትእምርቲ ጽንዓት . . . ኣማስከራ ሓቂ ከም ትዕወት" ብምባል ይምዲሙ። ብድሕሪ'ዚ 'ሎሚሲ ናጻ ሃገር ኢና' ዝበል ዜማታት ብብዝሒ ፈርዩ።

በረኸት መንግስትኣብ "ንሕና ሃገር፣ ንሕና ህዝቢ" ክበል ከሎ፡ እድሪስ መሓመድ ዓሊ "ኣሰናይና ዓድና መለክፍሃ ዱብ ኡዴና" ኢሉ ብምዝያም ኤርትራ መዓረ ኩለን ሃገራት ቦታኣ ከም ዝሓዘት ማስኪሩ።

*"ኤረትርያ ደወሰት ተ፡ ምካል ደዉል ትትግኬ*

*ህተ ትብለስ ምበሳሰ ወደዉል ኩሉ ለኣተንኤ*

*ረእሱ ልደፈን ዲብ ጨበል ለልብል ዐለ ዉልሓሴ።"*

*ኣብርሃም ኣፈወርቂ ብወገኑ፡*

*"ንዓለም ንእሽቶ ሃገራይ*

*ንዓይ ግን ዝኸበ ዓለመይ…*

*ጥማር ወረቐት ኣብ ኢደይ*

*ዘይነጸፍ ሓበን ኣብ ውሽጣይ!"*

**ኣብራር ዑስማን ድማ ኤርትራ ዓባይን ናይ ቀደምን ኢያ ብዝብሎ፡**

*"ኤርትርያ ክብሉዲቲ ምዓምባሎ…*

*ዲቴኮ ነውዔ፡ ማሕቴኪ ባሮ*

*ካፊቲ ምኣብኔህ ቤራቲ ምኣስኖ*

*ታሚተ ዘበሰህ ሲራሕኖ ሲላሎ"*

**ኢሉ።**

**እቲ ቅኒታት ንኤርትራ ጥራይ ዘይኮነስ ኑፃም ኣርማታት'ውን ዘንጸባርቐን ዘኽብርን ኢያ።**

*"ጉማሊይ ጉማሊይ እዛ ጥዕምቲ ስማ*

*ብማዕዶ ትልለ ዛበዓልቲ ግርማ*

*ኺ ተጋዳላይ ብረት ተሰኪማ" - በላይ ኣወዓለም*

*"ጉን፡ ጉን መንባ ገራይን*

*ጉሜለየ ማሒርባይ ባከ ሽዑበ ቀጣይን"* **- ኣሕመድ መ/ድ ዑስማን (ወድሼኽ)**

**ኤርትራውያን ገጠምትን ዘዩምትን ኣብዚ ዛዕባ'ዚ ዘልዕልዎ ኣርእስታት ብዙሕ ዘበጽሕዎ መልእኽቲ ድማ ሰፊሕ ብምዃኑ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። እቲ ሓደ ካብቲ ካልእ ዝበለጸ መቃልሕ ባህሊ ህዝቢ ዝደምም እዩ። እቲ ምስ ኣርእስትና ዘተሓሓዘ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ንመንነቱ ኣብ ሕላገታቱን ቅኒታቱን ከመይ ሃኒጦ እዩ። ካብዚ ቅኒታትን ሕላገታትን ከም ንርድኦ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ንመንነቱ ብቃልሲ፣ ብሓርበኛነት፣ ብጽንዓት እዩ ዝገልጾ። ካብዚ ቃልስን ጽንዓትን ዝቅል ድማ ልዑል ሃገራዊ ሓበን ከም ዝሰምዖ ስዉኣቱ ፍርያቱ የንጸባርቕ። በዚ እትሰዕብ ንጽንዓት እትገልጽ ውሕሉት መዝሙር ብምዝዛም ድማ ነዚ ኣርእስቲ መዕለቢ ንገብረሉ። ሃገራዊ መንነት ኤርትራ ኪኖ ክልሰ ሓሳባዊ መንነትን ፖለቲካዊ ሻራታትን ዝሓልፍ ኣብ ጽኑዕ ህዝባዊ እምነት ብዝተሰረተ እምቢታ ንመግዛእትን ሓያል ቃልስን ዝተረጋገጸ እዩ።**

*"ጽንዓትና እምቢታናት*

*ጽንዓትና መኸተና*

*ጽንዓትና እዩ ህላወና።*

. . .

*ኣንጻርና ስግረሮም ናይ ጸላእቲ ወገን*

*ከሰም ተጻባእቲ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን*

*ኣንጻርና ተበራሪዮም ሓያላን ናይ ዓለም*

*ዓንዲ ጽንዓትና ግን ዝንቕንቆ የለን።"*

### ሕቶታት ካብ ገዛ

ሕቶ: ኣርባዕተ ዝተፈላለየ ዝሃገርን ሃገራውነትን ዝገልጽ ክልሰ ሓሳባት ከም ዘሎ ክትገልጽ ጸኒሕካ። ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት በየናይ ክልሰ ሓሳብ ዝያዳ ክግለጽ ይከኣል፤ ካብ መግዛእታዊ ካርታ ምኽባር ዝሓልፍ መንነት ዩብልኩ ምን ዝበሉ ወገናት ስለዘለዉ፡ ነዛ ነጥቢ እንተ ተብርሃልና።

**መልሲ፥ ፈለማ ክንሰማማዓሉ ዘለና ነጥቢ፥ ክልሰ ሓሳባት ንክውንነት ክገልጹ ክሸገሩ ኣለዎም እምበር፥ ውህብ ክውንነት ናብ ሓደ ክልሰ ሓሳብ ዘይሰመረ ኢልካ ምሽጋር ኣድላዪ ኣይኮነን። ታሪኽ ኤርትራ ታሪኽ መግዛእቲ ስለዝኾነ፣ እቲ ንወሰኑ ኣውሮጳዊ ተመክሮ ጥራይ ዝገልጽ ክልሰሓሳባት ብምእራም ድሕረ-መግዛእታዊ ተመክሮ ዘውከስ ክልሰሓሳብ ዝያዳ ገላጺ ክኸውን ይኽእል። ነዚ መንነት እዚ ካብ ካልእ መግዛእታዊ ታሪኽ ፈልዩ ናብ ፖለቲካዊ ካርታ ጥራይ ክድርቶ ዝፍትን ወገን ንባዕሉ ጸበብን ተደራዕን ምህላዉ ጥራይ እዩ ዘመልክት። እምበር ሕብረተሰብ ኤርትራ ሓደ ዘመን መመላእታ ጸገሙ ክትሓስቦ'ውን ዘጸግም ዋጋ ከፊሉ ዝረጋገጾ ሓቂ ናብ ክልሰ ሓሳባዊ ዕንክሊል ክትመልሶ ምፍታን ዘፋይዶ የብሉን።**

ሕቶ፥ ስለቲ ዝሃብካና ኣገዳሲ መግለጺ ኣመስግን። ኣብ'ታ ናይ ቅኒታት፡ ገለ ካብቲ ዝጠቐስካዮ መዛሙርን ደርፍታትንሲ፥ ብህዝባዊ ግንባር ዝፈረዩ እዮም። ሓደ ንናጽነት ዝተዓጥቀ ውድብ ዘፍረዮም ቅኒታት፡ ከም ነጸብራቕ ናይ ባህሊ መላእ ሕብረተሰብ ክንወስዶ ንኽእል ዶ?

**መልሲ፥ እዚ ዝተጠቕሰ ኣገዳሲ ውሑድ እዩ። ክውክል ዝኽእል'ውን ኣይኮነን። ከም ኣብነት ጥራይ እዩ ተጠቒሱ። እቲ ሕቶ ናይ ኣየናይ ሓርነታዊ ውድብ ምዃኑ ምፍላይ ኣይኮነን፥ ኾናይ መድረኽ ናይ ቃልሲ ይውክል ደኣ'ምበር። ነጸብራቕ ባህሊ ህዝቢ ይውክል ዶ ንዝብል ሕቶ ግን እቲ ቃልሲ ብቐንዱ ባህሊ ህዝቢ ከሰምር ዝቐለን እቲ ሕብረተሰብ ባዕሉ ዝጠዓሞን ምዃኑ ምዝካር ጥራይ እኹል መልሲ ይመስለኒ። ጥቡብ ድማ ብውዱብ ይኹን ብዘይተናጸለ መልክዑ ስምዒትን ባህግን እዩ ዘንጸባርቕ ከምኡ እንተ ዘይከውን እሞ ሰዓብን ደጋምን ይትረፍ ሰማዒ'ውን ኣይምስ ረኸበን።**

ሕቶ፥ ኣብዚ ግዜ'ዚ እዛ ኣብ ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ትቃለሕ ዘላ ናይ "ምድማር" ሓሳብ፡ ገሉ-ገሌ ኤርትራውያን ተደሚርና ብምባል ንልኡላውነትና ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ኪይከውን ስክፍትኦም ክገልጹ ይስምዑ ኣለዉ እሞ፡ ብዛዕባ እዛ ምድማር ገለ እንታይ ርኢቶኻ?

**መልሲ፥ ፈለማ እዚ ምስ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ናይ ሰላም ምዕባለ፥ ነቲ ንዝበዝሐ ካብ ግዜናን ጽዓትናን ብምውሳድ ንሰላምን ዕብየትን ዓንቂፉ ዝጸንሐ ኩናትን ጽልእን ከም ዝበቅዕ ዝገበረ ብምዃኑ ክዘኻኸር ኢደሊ። ብዛዕባ ምድማር ግን፥ እቲ ናይ 'ምድማር' ሓሳብ፥ ሓደ ብዘርእን ክልልን ተተፋኒኑ፥ ተቐራሪሒኑ ናብ ምብትታን ገጹ ዩብል ንዝነበረ ህዝቢ ኢትዮጵያ፥ ተፈናጨልናን ተረሓሒቕናን ዘይኮነስ ሰሚርና ኢና ከም ሃገር ክንቅጽል ንኽእል ንምባል ዘገልግል ሓሳብ ወይ ጭርሖ እዩ። ኣብ ኤርትራ ከምዚ ዝበለ ናይ ምትፍናን ዝሃገራዊ ሓድነትና ኣብ ሓደጋ ዝኣቱ ቀምን ቅርሕንትን ስለ ዘየለ ንዓና ዝምልከት ኮይኑ ኣይስመዓኒን። ኣብ ኤርትራ ንረብሕ እምበር ኣይንድመርን ኢና። ብውሑድ ቁጽርና ነቲ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ዝሓየለ ሰራዊት ክንስዕር ዘኽኣለና ምስጢር፥ ኑታ ዝርከበና ዓቅሚ ብጽንዓት ስለ ዘርባሕናያ እዩ። ንድሩት ጸጋታትና ብራእይን ብዕላማን ኣርቢሑ። ንባህላዊ ብዙሕነትና ብስኒትን ፍቕርን ኣርቢሑ። ስለዚ ኣብ ኤርትራ ንረብሕ እምበር ኣይንድመርን።**

# ምትሕንፋጽ ቋንቋታት

## ምልክት ምዕባለ ዶ ዝምባለ?

ሃኒባል ማጆር

ቋንቋ መግለጺ መንነት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ እዩ። መለለዪ ስልጣነ ክብርን ናይ ወለዶታት ኮይኑ ኣብ ህላወን መጐብርን ደቂ ሰብ ወሳኒ ተራ ዝጻወት ፍሉይ ናይ መረዳድኢ ህያብ እዩ። ቋንቋ ባህልን ታሪኽን ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ዘራኽብ ረቛሒ ድንድል ናይ ምብህሃልን ምንፄ ፍሉይነት ናይ ኣህዛብን ብምዃኑ ውስጠዘኣዊ ትርጉምን መልእኽትን ሓዚሉ ይርከብ።

ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ኣህዛብ ብሓደ ቋንቋን ኣገባብ ናይ ምብህሃልን ይረዳድኡን ይዛረቡን ነይሮም። ብዘይምታዊ ኸኒጋስ ምስሳን ህዝቢ ዓለም ዘንቀሎ ባህልታትን ክብርታትን ሕብረተሰባት ብዘቐመጥሉ ከባብን ጸጋ ተፈጥሮን ተደሪኹ ክፈልቕ ብምጅማሩ፡ ኣህዛብ ንእንታይነቶም ዘወክልን ኩነት መጐብሮኦም ዘኹልሕን ኣገባብ ናይ ምብህሃል ክማዕብሉ ጀመሩ። እዚ ንስልጣነን ምዕባለን ህዝብታት ዝፈለመ ተርእዮ ንምትእትታው ሓያሲ ቋንቋታት ምኽንያት ኮነ። ካብዚ እዋንዚ ኣትሒዙ ቋንቋ ዝተፈላለዩ ኣህዛብ ዓለም ሰንሰለታዊ ብዘኾነ መልክዕ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈን እናተሳገረን ዘድሊ ምምሕያሻትን መኣረምታን እናተገብረሉን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ክሕዝ በቒዑ።

ኣብዚ እዋንዚ መብዝሕትኦን ሃገራት ዓለም ናይ ገዛእ ርእሰን ቋንቋ ኣለወን። ታሪኽን ስልጣነን ሓደ ህዝቢ ኣብ'ቲ መሰረታዊ ቋንቋኡ ብዘለዎ ኣፍልጦን ክብርን ከምኡ'ውን ኣብ ምዕቃቡ ብዝጻወቶ ተራን እዩ ዝፀንዑ። ብዙሓት ሃገራት ዝ ኣድማሳዊ ሓቂ ክኽሕዳ ስለ ዘይደለያ መሓውር ቋንቋታተን ከይጠፍእን ኣብ ምሉእ ዓለም ከስፋሕፍሕን ናይ ነዊሕ መደብ ዕላምኣን ብምግባር ደኺመ ከይበላ ይሰርሓሉ ኣለዋ። ሃገራት ምዕራብን ርሑቕ ምብራቕን መሰረታዊ ቋንቋን ባህልን ናይ ሕብረተሰቦም ሐጊዞ ኢኻ ክትምዕብል ትኽእል ዝብል ሓያል ጭርሖ ኣለወን። ቋንቋ ባዕዲ ተጠቒማ ኣብ ዝለዐለ ደረጃ ንጡፍ ምዕባለን ብልጽግናን ዝሰፈረት ሃገር ከቶ የላን። እዚ ቋንቋ ኣብ ምዕባለን ስልጣነን ዘለዎ ጽልዋ ዘኹልሕ ህያው ኣብነት ብምዃኑ ኑተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪቃን ኤሲያን ደቡብ ኣመሪካን ኣብ ጸጋን ትዕድልትን ቋንቋታተን ጸቒጠን ክሰርሓ ፍናን ኮይንወን ይርከብ።

ሃገርና ኤርትራ ጥንታዊን መሰረታውን ቋንቋ ዝፈለቐላ ኣብ ምዕባለ ድሒሮም ዝመጹ ቋንቋታት ዘይቃለል ኣበርክቶ ካብ ዝገበራ ጥንታውያን ሃገራት ሓንቲ እያ። ኤርትራዊ ቋንቋ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ፊደላት ዝተመርኮሰን ዓሚቝ ናይ ኣመጻጽኣ ታሪኽ ዘለዎን እዩ። እንተኾነ ብሰንኪ ናይ ነዊሕ ዓመታት ባዕዳዊ መግዛእትታት ተጻዊኹን ማሲኑን ጸኒሑ እዩ። ኣብዚ እዋንዚ ግና እንሆ ትንሳኤ ረኺቡስ ድሮ ሓያሎ መጻሕፍቲ ንትሽዓተ ብሄራትና ብዘወክሉ ቋንቋታት እናተዳለዉ ሽውሃት ኣንበብቲ የዕግቡ ኣለዉ።

ቋንቋ ትግርኛ ሓደ ካብቶም ንሕበሎም መግለጺ መንነትናን እንታይነትናን ዝኾነ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ሃገርና እዩ። እዚ ቋንቋ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ 23 ልሳናት እንኮ ናይ ገዛእ ርእሶም ፊደላት ዘውንኡ ቋንቋታት ሓደ እዩ። ቋንቋ ትግርኛ ዝያዳ ብዘለዎ ሓያል ናይ ምግላጽ ዓቕምን ወሀድ ናይ ምትንታን ብቕዓትን ይልለ። ዓለምለኻዊ ኢቓልቦ ግዱሳትን ሊቃውንቲ ስነቋንቋን ዝስሕብ ዘሎ ቋንቋ ትግርኛ ክንጽ ሃብታምን ዘይተበርበረ ቅርሲ ምወናኑ ብቓላቱ' ውን ምእኩት ጸጋታት ዝተዓደለ እዩ። ብመሰረት ምሁራት እዚ ዓውዲ ቋንቋ ትግርኛ ብመዳይ ልሳናዊ ትንተና ዕሙቕ ዝበለ መጽናዕቲ ዘድልዮን ታሪኽ ኣመዓብልኡ'ውን ክንጽ እቲ ዝግመት ዕምሪ ክህልዎ ስለ ዝኽእል ዝያዳ ዝተወደበ መጽናዕቲ ከም ዘድልዮ ምርምራዊ ትንተንኦም የረድእ።

ጽልዋ ምዕራባዊ ዓለም እናሓየለ ዓውለማን መዝዙን'ውን እናዛየደ ኣብ ዝመጸሉ ዘሎ እዋን ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ብፍላይ እተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት መሰረታዊ ቋንቋኣን ኣብ ምዕቃብ ልዕሊ ካልእ እዋን ተሸጊረን ይርከባ።

ምትሕንፋጽ ቋንቋታት፡ ትሑት ግምት ንቋንቋ ኣዴ፡ ክብርታትን ባህልታትን ሕብረተሰቦካ ኣቃሊልካ ምርኣይን ምምላኽ ንምዕራባዊ ልምድን ባህልን... ወዘተ ገለ ካብ'ቶም ሃገራት ተገሀን ክቃለስኦም ዝቕሰቡ እዋናውያን ተርእዮታት እዮም። ከም ኩሎም ቋንቋታት ዓለም ሓደ ካብቶም እዚ ብደሆታት ገጢምዎ ዘሎ ኤርትራዊ ቋንቋ ትግርኛ እዩ።

ልዕል ኢሉ ከም ዝተገልጸ ጥንታዊ ቋንቋ ትግርኛ ናቱ ታሪኽን ነዊሕ ኣመጻጽኣን ዘለዎ ሃብታም ቋንቋ እዩ። ይኹን እምበር ብሰንኪ ዝሓለፉ ተደጋገምቲ መግዛእታዊ ስርዓታት ዘኸተልዎ ዕንወት ብናይ ባዕዳውያን ገዛእቲ ሃገር ቋንቋ ተሓኒቑ ንኸይምዕብል ተዓንቂፉ ጸኒሑ እዩ። ብርግጽ ጽልዋ መግዛእቲ ብኡጋ ስለ ዘይሃሰስ እዚ ሓሓሊፉ ዝርአ ሓናፈጽካ ናይ ምዝራብ ክስተት ንቡር መሲሉ ክርአ ይኽእል ይኸውን። የግዳስ ገለ ገለ ሰባት በቲ ኣብ ዕሊታዊ ስርሖም ከዘውትርዎ ዝውዕሉ ባዕዳዊ ቋንቋ ፍጹም ተመሊኾም ኣብ ካልእ ዕሊታዊ ንጥፈታቶም ክጥቀምሉን ሓሓሊፉ'ውን ፈላጣት ንኽመስሉ ቋንቋ እናሓዋወሱ ዝዛረቡ ወገናት ይተሳእኑን። ካብ ኩሉ ዝኸፍአ እቲ ባዕዳዊ ደርፍን ፊልምታትን እናተኸታተሉ ዝመለኽዎ ቋንቋ ምስ ቋንቋ ኣዴኦም ከዛምዱ ክበሉ እናሓናፈጹን እናመጠጡን ክዛረቡ ክትሰምዕ ከለኻ ዘደንጹ ኢዩትካ። ልክዕ'ዩ ቋንቋ ንመራኸቢን መረዳድእን ዘገልግል መሳርሒ ብምዃኑ ዝኾነ ይኹን ቋንቋ ምፍላጥ ጠቓሚ እምበር ጉዳኢ ስለ ዘይብሉ ዝድገፍ እዩ። ክተዘውትሮ ከለኻ ግን ጽሩይ ብጽሩይ ወይ ድማ ንሱ ብንሱ ብዘኾነ መንገዲ እንተኾነ ይምረጽ። ምናልባት ምትሕንፋጽ ቋንቋ'ሞ እንታይ ጉድኣት ኣለዎ? ድሓር ከኣ ንሓደ ቋንቋ የህብትሞ እምበር ኣየብድሞን እዩ ንዝብሉ ወገናት ፕሮፌሰር ጊደዎን ኣባይ ኣብቲ ሳዕቤናት ምትሕንፋጽ ቋንቋ እንግሊዝ ኣብ ሃገራውያን ቋንቋታትና ብዝበል

ኣርእስቲ ዝበሮ ዋዕላ ንጹርን ጉላጽን መልሲ ሂቡሉ ነይሩ፡፡ "ዝተኾመረ ጻዕዳ ጣፍ ጣይታ ብጹቡሒ ዝሃሪ ኣቐሲኻ ክትብልዖን ጽራይ ስዋ ብመሰሊኻ ጎርዳዕ ከተብልን ምስ መቐርብኻ ኣብ መኣዲ ተቐራሪብካ ኣለኻ ንበል፡፡ እቲ ብጹቡሒ ዝሃሪ ዝጠለለ ጣይታ ኣብ ከርሰይ ምስቲ ስዋ ምሕዋሱ ኣይተርፎን እዩ ኢልካ ንመኣድኻ መሰሊኻ ስዋ ኣልዒልካ ካብቲ ጽራይ ኣይትክስክሱን ኢኻ፡፡ እንታይ መቐረት ክህልዎ?? ብመንጽሩ ምትሕንፋጽ ቋንቋታት'ውን ካብዚ ዝፈልዩ የብሉን፡፡" ብምባል ባዕዳዊ ቋንቋ እናደራገጽካ ምዝራብ ንእዚ ሰማዒ ኣደንቒሩ፡ ባይታ ልዙብ ምብህሃል ክሓልኻ ዝኽእል ሓደገኛ ሳዕቤን ከም ዘለዎ ብቓል ልሳኑ ዘጠንቐቐ፡፡ ስለዚ እዚ ኣብሂላ እዚ ክእረም ዝግበኦ ጌጋ ርድኢት እዩ፡፡ እኳ ድኣስ ባዕዳዊ ቋንቋ ኑቲ ቋንቋ ኣደ እናህሰሶን እናወረሶን ከይከይድ'ሞ ኣብ መውዳእታ ድማ ዓብሊሉ ጠቕላላ ከም ዝርሳዕ ከይገብሮ ዕቱብ ጥንቃቐን ትዕዝብትን ዘድልዮ ጉዳይ እዩ፡፡

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብሳላ ምዕቡልን ረቒቕን ተክኖሎጂን ብዙሓት ስነ ጥበባዊ ኪነ-ጥበበኛታት ሃገርና ሞያዊ ፍርያቶም ብመንገዲ ኣህጉራዊ መርበብ መራኸቢታት ከም ዩትዩብን ፈይስቡክን ናብ ተዓዘብቲ ከቕርቡ ክኢሎም ኣለው፡፡ መርኣያ ናይ'ቲ ዝፈሪ ዘሎ ብቑጽሪ ውሑድ ዘይኮነ ስነ ጥበባዊ ፍርያት ተዳኺሙ ዝጸንሐ ስነ ጥበብ ሃገርና ትንፋስ ረኺቡስ ፍንሕንሕ ክብል ክኢሉ እዩ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ ንኸፍሲወክፎም ሞገስን ምትብባዕን ክበጽሖም ይግባእ፡፡ ሙብዛሕትኦም ካብ'ዞም ፍርያት ከኣ ኣንበብራ ሕብረተሰብና ኣብ ዝተፈላለዩ ጸፍሒታት ከንጸብርቑ ክለዉ ዝተረፉ ኸኣ ልምድን ባህልን ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ብረቒቕ ቅዲ ተንቲኖም የቕርቡ፡፡ መዛርን ኣለዎምን ንኸሉ ብዋዕሪ ዝገልጹን ፍርያት ይቐርቡ ከም ዘለዉ ዘይከሓድ'ኳ እንተኾነ ሓላሊፉ ዝርአስ ዓንቡብ ዘዩብል ኣይኮነን፡፡ ስለዚ ስነ ጥበበኛታት ሃገርና ከሉንትናዊ መምዝኒ ጥበብ ሰረት መበቆላዊ ክብርን ቋንቋን ተቐጺትካ ተመሓላልፎ መዛሪ መልእኽቲ ምዃኑ ተገንዚቦም ብጥንቃቐ ክሰርሑ ይግባእ፡፡ ጸሓፍትን ደረስትን ገጠምትን'ውን ብጉዳኦም ንኣንባቢ ክርድኦ ብዙብል ምስምስ ቋንቋታት ካብ ምትሕንፋጽ ተናጊፎም መሰረታዊ ቋንቋ ክትፈልጥን ክትብርብርን ዝቕስቕስ ጽሑፋት ኩዳልዉ መድረኽ ግዜና ዝጠልቦ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ፡፡

ስድራቤት መሰረት ሕብረተሰብ እያ፡፡ ወለዲ ብፍላይ ከኣ ኣደ ኣብ ምምዕዛን እዛ እምነ ኩርናዕ ሕብረተሰብ ዝኾነት ስድራ ዘለዎም እጃም ልዑል እዩ፡፡ እታ ፋልመይቲ ንእንታይነትናን መጻኢናን እትውስን ቤት ብምዃና ወለዲ ንደቆም ትኽክለዊ ቋንቋ ንምምሃር ሓላፍነቶም ክልዕሉ ይግባእ፡፡ ብፍላይ ናይ ምዝራብ ክእለቶም ምስኦም ሓቢሩ ስለ ዝዩውለድ ንምምዕባሉ ተራኦም ከዕዝዙ ኣለዎም፡፡ እዚ ዝተጠቕሰ ኩሉ ተቐባልነት ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ኣተኣላልያን ኣተዓብብያን ህጻን ኣደ ገና ፍሉይ ቦታ ዘለዋ ኣካል ስድራቤት እያ፡፡ በዚ መሰረት'ዚ ድማ ኣብ ገዛ እታ ቀዳመይቲ ናይ ቋንቋ መምህር ኣደ ምዃና ይንገረላን ይእመነላን፡፡ ዝ ድማ እዩ ዝኾነ ይኹን ህዝቢ ንቋንቋኡ ቋንቋ ኣደ ኢሉ ዝጽውዖ፡፡

በዚ መዳይዚ ክርእ እንክሎ ዝ ዝተባህለ ኩሉ ተገንዚበን ንደቀን ብዓበእ ዝምልምላን ዝኣልያን ስድራቤታት እኳ እንተለዋ ኣተዓብብያን ኣተሓሕዛን ናይ ገለ ስድራቤታት ግን ዘሰክፍ እዩ፡፡ ኣብዘን ዝተጠቕሳ ስድራቤታት እቲ ንበር "ኣቦ" ወይ "ኣደ" እናበልካ ንስድራኻ ምጽዋዕ ተሪፋስ እቲ እናተሓናፈጸ ዝመጸ "ባባ" ወይ "ማማ" ዝብል'ውን እናተመንወ ስለዝኸደ ንወለዶም ዝንጥል ኣብሎም በሶማቶም እናጸውዑ ዝዕብዩ ህጻናት ብቑጽሪ እናበርከቱን እናሰፍሑን ይመጹ ኣለዉ፡፡ ብወገን መንእሰያት'ውን እንተኾነ ትግርኛ ክዛረቡ እምብዛ ዝተሰከፉን ዝተሸቑረሩ ንክመስሉ ኑቲ ግቡእን ስሩዕን ዝኾነ ኣጸዋውዓ ብምግላይ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝመብቆሎም ናይ ባዕሎም ስያሜታት ንወለዶም እናዓደሉ ዝኸዱ ይስዕርሩ ኣለዉ፡ ካብዚ ሓሊፉ'ውን ገና እግሪ ተኸሊ ከለዉ ስለ ዘይተዛረርዎምን ዘይፈልጥዎምን ከም ሓምቦይ፡ ኣኮይ፡ ሓትነይ፡ ኣሞይ... ወዘተ ዝኣመሰሉ መጸውዒ ኣዝዮግድ ፈጺሞም እናሃሰሱን እናተረስዑን ከይከዱ ዘሰግእ ኢዩ፡፡ ከመይ'ሲ ገለገለ ህጻናት ነቶም ኣብ ክንዲ ሓወቦይ እገሌ መጺኡ ነይሩ ኢሎም ዝዋገሩ፡ ሓው'ኻ እኮ መጺኡ ነይሩ እናበሉ ምምጻእ ሓወቦኦም ክገልጹ ክትሰምዕ ከለኻ ዘደንጹ ኣይኮነን፡ ቋንቋ እናሓናፈጽናን እናመጠጥናን ድኽመትና ሃንጸብርቕ ከይንህሉ ምስትውዓል ከድልየና እዩ፡፡ ከመይ'ሲ ሓደ ቋንቋ ሕጽረት ቃላት ምስ ዝህልዎ ካብ ባዕዳውያን ቋንቋታት እናተለቃሕካ ከተሀብቶም ይከኣል እዩ፡፡ እቲ ብዘለዎ ዕቑር ሃብቲ ቃላት ይኹን ናይ ምግላጽ ዓቕምን ዝፍለጥ ትግርኛ ግን ዓጺቕ እዩ ንፍቕሪ ክገልጽ ብቕዓት የብሉን ናይ መልቀስ ቋንቋ እዩ... ወዘተ ብዝብሉ ሰንኩፍ ርድኢታት ተማሪኽና ንኣስ ከውቕየ ኣየምሕረልናን እዩ፡ ትግርኛ ብልክዕ ንፈልጦ ዲና? ዝብል ሕቶ እግሪ እግሩ ስለዝሰዕብ፡፡ ብኣተሓሳስባን ምዕባለን ደኣ'ምበር ብቋንቋን ባህልን ምዕራባውያን ክንመስል ኣይንድለ፡፡

ካልኦት ቋንቋታት ንምፍላጥ እንገብሮ ጻዕሪ እናቐጸልና ቋንቋና ንኽንምዕብል ግን ከይሓናፈጽና ንሱ ብንሱ ምጥቃም ከም ዘድልየና መምህር ሓጎስ ቀለታ ኣብታ ንምዕባለ ቋንቋ ትግርኛ ዝዓለመ መጽሓፎም ኣትሪሮም ይምዕዱ፡፡ ቋንቋ ሓላፍነት ናይ ዝተወሰኑ ሰባት ስለዘይኮነ ኑቶም ብልምዲ ናይ ጎደና ወይ ፍጮ ተዛረብቲ ኢልና ንጽውዖም ወገናት ዘዘውትርዎም መጥመርን መእሰርን ዘይብሎም ቃላት ዝሓቖፉ ዝርርባት ንምእላይ ወለዲ፡ መምህራን፡ ምሁራትን ግዱሳትን ስቋንቋን ሕብረተሰብን ኣበርክቶኦም ከዘይዱ ይግባእ፡፡ ከመይ እቲ ንትግርኛ ዝንዕቕ መንኩቱ ዘይፈልጥ ንቋንቋ ትግርኛ ሓቐፍዎ ዘሎ ዓሚቝ ምስጢርን ናይ ምትንታን ብቕዓትን ዘይተገንዘበ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል፡፡

ቋንቋ ምልክት ሓድነት ሕብረተሰብ እዩ፡፡ ቋንቋን መንነትን ሕብረተሰብካ ዘይምፍላጥ ምሩኽ ባዕዳውያን ልምድታትን ባህልታትን ንኽትክተሉ እዩ ዘተባብዕዎ፡፡ ስጡም ኣጠቓቕማ ቋንቋ ዘለዎ ሕብረተሰብ ዘውዲ ምዕባለ ክደፍእን ኣብ ዘርያ ተንበርካኺኡ ንኸይሰፍርን ዘኽእል ሓያል ውሽጣዊ ስምረት ይህልዎ፡፡ ብዘይኣ'ዚ ቅርሲ ናይ ወለዶታት ብምዃኑ ኣህዙብ ክሳብ ክንደይ ኣብ ምዕቃብ ያታዊ ቋንቆኦም ከም ዝተግሁ ዘጸር ህያው ምስክር እዩ፡፡ ጥንታውነቱ ዓቒቡ ብዙሕ መሰናኽላት ሰጊሩ ኣብና ዝበጽሐ ቋንቋ ኣቦታትና ብስሪ ዝንበዕ ኣተሓሳስባና ተደቒሱ ከይተርፍን መጻኢ ወለዶ ከይከሰና ክንጥንቀቐን እዋኑ እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብዚ ምዕቡል ዘመን'ዚ ሕብረተሰብና ኣብ ምዕቃብ ቋንቋኡን ልምዱን ዘለዎ ህሉው ደረጃን ኽፈልጥ ዝቕስቕስ ተርእዮ ይፍጠር ብምህላዉ ንድንፍዕን ዕቤትን ቋንቋና ሓቦ ንበል፡፡

***

## ሃበርም




መሃዝትን ስናዕትን ተመሃሮ ኮምፒተር ምህንድስና

# “ጽፉፍ መጽናዕቲ ናይ ተዓጻጻፍነት ዓቕምኻ የሐይል”

እዚ ዘመን`ዚ ዘመነ ተክኖሎጂ እናተባህለ ዝጽዋዕ ዘሎ ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። ተራን ኣበርክቶን ተክኖሎጂያዊ ፍርያት ኣብ ነፍሲወከፍ ንጥፈታት ወዲ ሰብ ኣዝዩ ጸላዊ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ብዘይ ተክኖሎጂያዊ ፍርያት ናብ ምንም ነገር ክነፍሪ ኣብ ዘይንኽእለሉ ደረጃ ገጽና ኢና ነምርሕ ዘሎና። ጎኒ ጎኒ`ዚ ብዙሓት ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ብቕልጡፍ ምዕባለ ተክኖሎጂ ብምስካፍ፡ ኣብ መጻኢ ሰባት ስራሕ ስኢኖም ኮፍ ክይብሉን ሽቕለት ኣልቦነት ከይዓብን ብግህዶ ዝዛረብሉ ዘለዉ መድረኽ እዩ። ብፍላይ ኣብቶም ብ`ኣርተፊሻል ኢንተሊጀንስ (AI)` እናተባህለ ዝፍለጥ ክልሰ-ሓሳብ ምርኩስ ብምግባር ዝምዕብሉ ዘለዉ ሮቦታት ብዙሕ ስክፍታ እዩ ዘለዎም። እዞም ሮቦታት ኣብ ቀጻሊ ንተፈጥሮኣዊ ትዕድልትን ጸጋን ሰባት ከይፈታተኑ ስክፍትኦም ብግልጺ የርእዩ ኣለዉ።

ነዞም ኣብ ላዕሊ ዘልዓልክዎም ስክፍታታት ንጎኒ ገዲፍና፡ በዚ AI ኢልና ዝገለጽናዮ ክልሰ-ሓሳብ ተመርኲሶም ዝፈረዩ ምህዞታት ኣብ ንጥፈታት ደቂ ሰባት ዘበርከትዎ ሓገዝ መግለጺ ኣይርከቦን እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ንጽላዊ ሞያታት። ነዚ ህቡብ ክልሰ-ሓሳብ፡ ክኢላታት ናይ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣብ መዓላ ከውዕልዎ ብዙሕ ፈቲኖም እዮም። ኣብ ሃገርና እውን ብተመሳሳሊ።




ነዚ ክልሰ-ሓሳብ ምርኩስ ብምግባር፡ ተመሃሮ ኮምፕዩተር ምህንድስና ዝኾኑ ሃበርም መንእሰያት ሃገርና ሓደ ኣደናቒ ዝኾነ ስራሕ ዓሚሞም ኣለዉ። እዛ ኣገዳሲት ስራሕ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ኤርትራ 2018 ኣብ ዓውዲ ኮምፕዩተር ምህንድስና (ምህዞን ስንዓን) ቀዳማይ ደረጃ ብምሓዝ ናይ 15,000 ናቕፋ ሽልማት ካብ ኢድ ክቡር ፕረዚደንት ተቐቢላ ነይራ። ንዝያዳ መብርሂ ምስታ ጉጅለ ዝገበርናዮ ዕላል ቀጺሉ ይስዕብ፥

- **ብመጀመርታ ምስ ኣባላት ናይ'ዛ ጉጅለ ክንላለ፧**

እዛ ጉጅለ ብሸዱሽተ ኣባላት ዝቖመት ኮይና፡ ሓሙሽተ ኣውዳትን ሓንቲ ጓልን ዘጠቓለለት እያ። ስማትና ድማ መርሃዊ ጺጋይ፡ የማነ ከሰተ፡ ናሆም ወልዳይ፡ ዳዊት የማነ፡ ኢሳይያስ ኣፍወርቅን ኤልልታ ደብሳይን ድማ ንበሃል።

- **ምትእኽኻብ ናይ'ዛ ጉጅለ ከመይ እዩ ነይሩ፧**

ኣብ ራብዓይ ዓመት እዩ ዝጀምር። ኣብ'ቲ እዋን ብጉጅለ ዝስራሕ ስራሕ ናይ ሓንቲ ዓውደ ትምህርቲ ስለ ዝተዋህበና ብሓባር ክንሰርሕ ጀሚርና። ብኡ ኣቢሉ ድማ እቲ ምትእኽኻብና ናብ ናይ ራብዓይ ዓመት `ሚኒ` ፕሮጀክትን ሓሙሻይ ዓመትን ስለ ዝሰገረ፡ ኑቲ ናይ መውዳእታ ዓመት ብጉጅለ ዝስራሕ ስራሕ፡ ብሓባር ክንሰርሖ ወሲንና። በዚ ድማ ክሳብ መወዳእታ ብሓንሳብ ቀጺልና ጽቡቕ ስራሕ ድማ ዓሚምና።

- **ስለምንታይ ኢኹም ነዛ ሓሳብ መሪጽኩማ፧**

እቲ ምኽንያት ብዙሕ እኳ 'ተኾነ ገለ ካብ'ቶም ዝጸለዉና ብዙሓት ነጥብታት ሓደ፡ ነታ ትምህርቲ ምስ ወሰድናያ ስለ ዝተማሰጥና ኢና። ብፍላይ ዶክተር የማነ ብዛዕባ ናይ'ቲ ዓውዲ ኣበርክቶን ጠቕምን ብሰፊሕን ብዓሚቑን ምስ ገለጸልና፡ ብዙሕ ተማሲጥና ኢና። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንዶክተር የማነ ካብ ልቢ ነመስግኖ። ብተወሳኺ፡ ካብ ኣባላት ናይ'ዛ ጉጅለ `ብሳይንስ ፍክሽን` ዝኾኑ ፊልምታት ጽሉላት (ናይ ሓባር ሰሓቕ) ነይርናን እዮም። ኑቲ ኣብ ፊልምታት ዝረኣይዎ ተክኖሎጂያዊ ምህዞታት ኣብ ተግባር ክሰርሕዎ ልዑል ህንጥዩነት ስለዝሕደሩ ዓቢ ድርኺት እዩ ኮይንና።

- **`ኣርተፊሻል ኢንተሊጀንስ (AI)` ክንብል ከለና እንታይ ማለት እዩ፧**

ካብታ ቃል ክንጅምር። እዚ ዓውዲ እዚ `ኣርተፊሻል ኢንተሊጀንስ` ኢና ንብሎ ዘለና። ቃል ብቓሉ ድማ `ሰብ ሰርሖ ብልሒ ዘለዎ ምህዞ` ማለት እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ንሓደ ሓጺን ብመንገዲ እዚ ክልስ ሓሳብ ገይርካ ኣመዛዚኑ ከም ዝውስን ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከም ዘካይድ ምግባር ማለት እዩ። ንኣብነት ሓደ ጸሓፊ ናይ ሓደ ቤት ጽሕፈት ክገብሮ ዝኽእል ብመንገዲ እዚ ክልሰ-ሓሳብ ዝተማህዙ መሳርሒታት ብቐሊሉ ክገብርዎ ይኽእሉ እዮም። እዚ ማለት ድማ እዞም መሳርሒታት ብዝተወሰነ ደረጃ ይሓስቡን የመዛዝኑን ኣለዉ ማለት እዩ።

- **ብመንገዲ እዚ ክልሰ ሓሳብ ዝማዕበሉ ተክኖሎጂያዊ ፍርያት ኣብ ሕብረተሰብ ዝህልዎም ኣበርክቶ ከመይ ትገልጽዎ፧**

እዚ ክለሰ-ሓሳብ እዚ ኣብ'ዚ እዋን`ዚ ህቡብ ኮይኑ ዘሎ ክልሰ-ሓሳብ እዩ። ናይ ብሓቂ ድማ ኣብ ሕብረተሰብና ዘበርክቶ ዘሎ ግደ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ዝተኻጸጸሉ ሞያታት እንተርኢና ኣበርክቶ ናይ'ዚ ዓውዲ መግለጺ ኣይርከቦን እዩ። ኣብ ሕክምናዊ መብጣሕቲ፡ ኣብ ዓበይቲ ፋብሪካታት ማኪናን ካልኦትን ዘለዎ ኣበርክቶ ልዑል እዩ።

- **በሉ ናብ ስራሕኩም ክንምለስ። ብልክዕ እንታይ እያ ትሰርሕ፧**

ከምቲ ልዒልና ዝገለጽናዮ እዛ ስራሕና ኣብ AI ምርኩስ ብምግባር እያ ተሰሪሓ። ቀንዲ ትዕህቦ ኣገልግሎት ድማ ገዛ ናይ ምቁጽጻር ስራሕ (ልቺ፡ ቲቪ፡ ፍሪጅን ካልኦትን ናይ ምውላዕን ምጥፋእን)፡ ኣብ ሓለዋ ገዛ ምንጣፍ (ብዘይፈለጥዎ ካሜራታት ተሓጊዛ ካብ ዘይተደልየ ሰራቒ ምክልኻል)፡ ውልቃዊ ሓገዛት ምብርካት (ቀጸራኻ ምዝኽኻር፡ ዝመጽካ መልእኽቲ ምሕባርን ካልእን)፡ ብመንገዲ ኢንተርነት ምስ ዓለም ምርኻብ፡ ዛሕልን ምቕትን ናይ ገዛኻ ምቁጽጻርን ካልእን ክትገብር ዓቕሚ ኣለዋ። ኩሉ እትህቦ ትእዛዛት ድማ ብመንገዲ ድምጺ ኢኻ ትህባ፡ ብኻልእ ኣዘራርባ ክትሰምዕ ትኽእል እያ ማለት እዩ (ናይ ሓባር ሰሓቕ)።

- **ኣብ'ዛ ሓሳብ ምስ ወደቕኩም መጀመርታ ዝገበርኩሞ ነገር እንታይ እዩ ነይሩ፧**

መጀመርታ ዝገበርናዮ ነገር ብዛዕባ እቲ ዓውዲ ዓሚቕ ኣፍልጦ ክህልወና መታን መጽናዕቲ ምክያድ እዩ ነይሩ። ከም ተወሳኺ`ውን ኣብ ተመሳሰልቲ ስርሓት ብዙሕ መጽናዕቲ ኣካይድና። ካብኡ ቀጺልና`ውን በየናይ ቋንቋ ከተማዕብሎ ከም ዘለና ንምውሳን ብዙሕ ደኺምና ኢና። ኮታ ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ ኣብ መጽናዕቲ ምክያድ ብዙሕ ግዜ ሰዊእና። ዳርጋ ፍርቂ ናይ'ቲ ግዜና ኣብ መጽናዕቲ ኢና ኣጥፊእናዮ 'ተበልና ምግናን ኣይኮነን።

- **ኣጋዲሰኩም መጽናዕቲ ኣብ ሓደ ስራሕ ከመይ ትገልጽዎ፧**

እዋእ ... ኣዝዩ ልዑል እዩ። ብዘይ መጽናዕቲ ናበይ ከም ትብል ብፍጹም ክትፈልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ናበይ ገጽካ ኢኻ ክትከይድ፡ ኣብ'ቶም ትኸዶም መንገድታት እንታይ ኢኻ ክትገብር ክትፈልጥ እንተኼንካ ግድን መጽናዕቲ ክትገብር ኣለካ። ዋላ ሰብ ናቱ መሃዘትን ተበላሓትነትን ይሃልዎ፡ ብዘይ መጽናዕቲ ግና መንገዱን ኣንፈቱን ክጠፍኦ ይኽእል እዩ። ብሓፈሻ ጽፉፍ መጽናዕቲ ምግባር ማለት ናይ ተዓጻጻፍነት ዓቕሚ ምድላብ ማለት እዩ።

- **እሞ መሓዘት ኢንተርነት ኢኹም ኳንኩም ነይርኩም ማለት እዩ(ናይ ሓባር ሰሓቕ)። በሉ ብዛዕባ ወሸጣዊ ኣሰራርሓ ናይዛ ስራሕ ክንዘራረብ። ብምንታይ ብምንታይ ዝቖመት እያ፧**

እዛ ስራሕና ብሶፍትዌር(ዘይጭበጥ ኣካል ኮምፒዩተር)ን ሃርድዌር(ተጨባጢ ክፋል ኮምፒዩተር)ን ዝቖመት እያ። እቲ ሃርድዌር ንብሎ ዘለና ኣካል፡ ኑቶም ብመንገዲ ሶፍትዌራት ዝውከሉ ዘለዉ ሓበሬታት ዘንቀሳቕስ ንብረት

ኣልና ክንጠቕሶ ይከኣል እዩ፡፡ እዞም ክፋልት ኮምፕዩተር ኮፍቶም ኣገልግሎት ኣለዎም፡፡ ቅድም ሓፈሻዊ ኣሰራርሓ እዛ ፕሮጀክት እሞ ክንገልጽ ድሓር ናብ ኮፍቶም ኣበርክቶ ክንምለስ ኢና፡፡

## • ሐራይ ቀጽሉ፧

ንኣብነት ንዘተወለዑት ልቺ ከተጥፍ እንተደሊኻ፡ ናብታ `ራስፐሪፓይ` እትብሃል ንእሽቶይ ፖርድ እትመስል ኮምፕዩተር ቀሪብካ `ልቺ ኣጥፍእዮ` ትብላ፡፡ እቲ ድምጺ ናብታ ራስፐሪፓይ በቲ ዝተዳለወ `እስፒከር` ይኣቱ፡፡ እቲ ድምጺ ናብታ ራስፐሪፓይ ምስ ኣተወ፡ በቲ ኣብታ መሳርሒት ዝተጻዕነ ሶፍትዌር ምስቲ ኣብታ ራስፐርፓይ(ንእሽቶይ ኮምፕዩተር ዋላ ንበላ) ኣውዳዲሩ ቅኑዕነት ናይቲ ትእዛዝ ብምዕቃን፡ ኑቲ ትእዛዝ ናብ እንግሊሽ ቀይሩ ብምንገዲ ምሉእ ሓሳብ ናብታ AI ትብሃል ኣካል ናይቲ ሶፍትዌር ከም ዝሓልፍ ትገብሮ፡፡ እታ AI ድማ ኑቲ ዝመጸ ምሉእ ሓሳብ ብምውድዳር እንታይ ዓይነት ትእዛዝ ክፍጸም ከም ዘለዎ ትውስኖን ትእዝዞን፡፡ ንኣብነት ናይ ልቺ ምጥፋእ እንተ ወሲድና፡ እቲ ትእዛዝ ልቺ ንምጥፋእ ምኻኑ ምስ ተረደኣት ኑቲ ናብታ መሳርሒት ተገጢሙ ዘሎ ገመዳት ብዓቕን ቮልቴጅ ከም ትቖጻጸሮ ትገብሮ፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ እታ መሳርሒት እቲ መስርሕ ዕዉት ምኻኑ ብድምጺ እያ ትሕብረካ፡፡

## • ኑቲ እተድምጾ ድምጺ ብኸመይ እያ ትርድኦ፧ ብኸመይ እያ ትቆጻጸሮ፧

እዚ መስርሕ እዚ ብመንገዲ `ቮይስ ረኮግኒሽን` ተባሂሉ ዝፍለጥ ክልስ ሓሳብ ንበሎ ሶፍትዌር፡ እዩ ዝካየድ፡፡ ንኣብነት እታ ራስፐሪፓይ ኣብ መጀመርያ ናይ ኣመራጻ ላህጃ ጥራይ እያ ትፈልጥ ነይራ፡፡ ድሓር ግና ከባቢ 300 ሰዓታት ዝወሰደ ልምምድ ከካይደላ ስለዝኸኣልና ዝኾነ ናትና ላህጃ`ውን ከተጸንዖ ክኢላ እያ፡፡ እዛ መሳርሒት ንዝተፈላለዩ ቋንቋታት ከም ትመሃር ገይራ እያ ተሰሪሓ፡፡ ንሓደ ዓይነት ትእዛዝ ዝተፈላለዩ ሰባት ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም፡፡ ንኣብነት ንስኻ `ልቺ ኣጥፍእዮ` ክትብል ትኽእል ኢኻ፡ ካልእ ድማ `ብርሃን ኣጥፍእዮ` ክብላ ይኽእል፡፡ ንሕና ነዚ ዓይነት ጸገም ንምፍታሕ ዝተጠቀምናሉ ሜላ፡ ኑቶም ክብሃሉ ዝኽእሉ ተኽእሎታት ኣብ ሓደ ጉጅለ ብምጥርናፍ ሓደ ካብኦም ዝተሰነዱ ቃላት ምስ ትሰምዕ ትእዛዝ ተመሓላልፍ ማለት እዩ፡፡

## • ብዝሀባ ጠቕምታት ናይ'ዛ ስራሕኩም እንታይ ምበልኩም፧

እዛ ስራሕ ብዙሕ ጥቕምታት እዩ ዘለዋ፡፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፡ ኑቶም ኣብ ገዛና ምስታ መሳርሒት ዝተራኸቡ መሳርሒታት ምሉእ ብምሉእ ትቆጻጸረልና እያ፡፡ ልቺ፡ ቴለቪዥን፡ ፍሪጅ ክትውልዓልናን ከተጥፈኣልናን ትኽእል እያ፡፡ ኣብ ርእሲ እዚ`ውን ዓቐን ምቕት ናይ ገዛና`ውን ክትቆጻጸረልናን መጠን ዋዒኡ ክትነግረናን ትኽእል እያ፡፡ ከም ኣብነት ምቕት ናይ ገዛና ብመንገዲ`ታ ኣብ ገዛና ተገጢማ ዘላ ናይ ዋዒ `ሰንሰር` ዛይዱ ከም ዘሎ እንተፈሊጣ፡ ነታ ብመንገዳ እትእዝዝ `ቬንትሌተር ወይ ኮንድሽነር` ብምውላዕ ኑቲ ገዛ ናብ ዝደለኻዮ ዓቐን ሙቐት ከተውርደልካ ትኽእል እያ፡፡ ኣብ ርእሲ`ውን ከም ዋርድያ ኮይና ከተገልግል ጸገም የብላን፡፡ መጀመርያ ኑቲ ገዛ መንመን ክኣትውዎ ከም ዝፍቀዶም ብሰእሊ ኣሰኒኻ ትሕብራ፡፡ ድሓር ኣብ ከባቢ ናይቲ ገዛ ዝኾነ ዝንቀሳቐስ ነገር ምስ ዝህሉ ብመንገዲ እቶም ዝተተኸሉ ካሜራታትን ሰንሰራትን ትስእሎም እሞ ምስቶም ኣብ ማሕፍዶኣ ተዓቂቦም ዘለዉ ኣሳእል ተውዳድሮም፡፡ እቲ ዝሰኣሎቶ ስእሊ ሓድሽ ምስ ዝኸውን ድማ ዓቂቢትልካ ትጸንሕ፡፡ እቲ ኣብ ዓይና ዘእተውቶ ሰብ ዋና እቲ ገዛ ምስ ዝኸውን ድማ `ከመይ ውዒልካ ዓመይ` ብምባል ማዕጾ ትኸፍተሉ፡፡

## • ብልክዕ እዚ ትብልዎ ዘለኹም ኣብ ባይታ ሰርሒልኩም ዶ፧

እወ ብልክዕ ሰሪሕልና እዩ፡፡ ትእዛዝ ክትህባ ከለኻ፡ ብእንግሊዝ ይኹን ብትግርኛ ኣየገድሳን እዩ፡፡ ክልቲኡ ክትሰምዖ ትኽእል እያ፡፡ መልሲ ክትህበካ ከላ ግና ብእንግሊዝኛ እያ ትምልሰልካ፡፡ እዚኣ ድማ ኣብ ቀጻሊ ክዕርያ ንቃለስላ ዘለና ነገር እያ፡፡ ናብ ትግርኛ ንምቕያራ ማለትና ኢና፡፡

## • ንኣብነት ሓደ ሰራቒ ክኣቱ እንተፈቲኑ፡ እቲ መልእኽቲ ብቐጥታ ደዩ ናብቲ ዋና ዝበጽሕ ወይስ ተዓቂቡ ጥራይ እዩ ዝጸንሕ፧

ኣብ'ዛ ስራሕና እቲ ሓበሬታ ተዓቂቡ ጥራይ ከም ዝጸንሕ ኢና ገይርና ዘለና፡፡ ምኽንያቱ ክንሰርሓ ከለና ዝኾነ ናይ ኔትዎርክ ነገር ከምዝጸለ ገይርና ስለዝሓሰብናያ፡፡ ግና ናብ'ቲ ዋና ብቐጥታ ከም ዝበጽሕ ምግባር ይከኣል እዩ፡፡ ቀሊል እዩ ድማ፡፡ ብመንገዲ መልእኽቲ (massage) ወይ ድማ ብመንገዲ ኢንተርነት ገይርካ ኑቲ ዋና ክትሰደሉ ይከኣል እዩ፡፡

## • ካልእ ዘይጠቐስናዮ ኣበርክቶ ናይ'ዛ ስራሕ እንተሎ፧

ከም ተሓጋጋዚት (self-assistant) ኮይና`ውን ከተገልግል ትኽእል እያ፡፡ ንኣብነት ቆጸራታትካ ከተዘክረካ ትኽእል፡፡ ዝመጸካ መልእኽትታት ከተዘክረካ፡ ዝኾኑ ዘድልዩኻ ቅመራታት ካብ ትእዛዝካ ተመርኲሳ ክተሰላስለልካ(ከም ካልኩሌተር) ትኽእል እያ፡፡ ኮታ ብዙሕ ረብሓ ዘለዋ ስራሕ እያ፡፡ ተወሳኺ ሓበሬታት ምስ እትደሊ ድማ ምስ ኢንተርነት ከምእተራኸብ ብምግባር ዘድልየካ መልሲታት ክትቅርበልካ ትኽእል እያ፡፡ ኩሉ ምስዛ መሳርሒ ዝህልወካ ርክብ ብመንገዲ ድምጺ ጥራይ ክተሳለስሎ ይከኣል እዩ፡፡

## • ወጽኢታውነት ናይ ሓደ ስራሕ ብመንገዲ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዝህልዎ ኣበርክቶ እዩ ዝግምገም፡፡ ስለዚ እዛ ስራሕኩም ብመንጽር እዚ ኣተሓሳስባ ከመይ ትርእይዎ፧

እዋእ... በዚ ዘሎ ደረጃ ናይ ሕብረተሰብና ክንግምግማ ከለና ቁሩብ

ኣሰካፊት ክትመስል ትኽእል እያ። ግና ንሕብረተሰብና ኣብ ተክኖሎጂካዊ ምዕባለ ንቕድሚት ክትስሕብ እትኽእል ስራሕ ኮይና ትስመዓና። ብዘይካ እዚ እውን ዚ እዋናውን ኣገዳስን ተክኖሎጂካዊ ክልሰ-ሓሳብ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ዘለዎ ኣዝዩ ልዑል ኣበርክቶ ኣብ ሃገርና ንኽተኣታቶ ድርኺት እትፈጥርን መንገዲ እተጣጥሕን ስራሕ ብምኳና ድማ ዝያዳ ውጽኢታዊት እያ ዝብል ገምጋም ኣለና። እዛ ስራሕ ምስዚ ህቡብ ክልሰ ሓሳብ ተሳሲ ብምኳና ዝያዳ ደስ ትብለኒ። እዚ ዓውዲ`ዚ ብዙሕ ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኣብ ምኽልኻል ሓደጋ ክንጠቅስ ይከኣል እዩ። ሓደ ማስተ ዝሰተየ መራሕ መኪና ናብ መኪንኡ ምስ ዝድይብ፣ ብመንገዲ ኣብታ መኪና ዝተገጥሙ `ሰንሰራት` ኣብልካ ዓቐን ኣብ ኣካላቱ ዝርከቡ ኣልኮል ወይ`ውን ብመንገዲ ናይ ዓይኒ ምንቅስቓሱ፣ እቲ ሱብ ሰኺሩን ኣይሰኸረን ትፈልጦ። በዚ ድማ ነታ መኪና ከም ዘይትንቀሳቐስ ትገብራ። ስለዚ እዛ ስራሕና ንኸምዚ ዝበለ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክልሰ ሓሳብ ናብ ሃገርና ተተኣታቱ ብምህላዋ ውጽኢታዊት እያ ኢልና ክንገምግም ይከኣል እዩ። ከም ተወሳኺ`ውን እትሓቶ ባጀት ኣዝዩ ውሑድ ብምኳኑ እቲ ካልእ ብልጫኣ እዩ።

• ካብ ሰብት ዝረኸብኩሞ ግብረ መልሲ፧

ኣዝዩ ዘገርምን ደስ ዘብልን እዩ ነይሩ። ንኣብነት ኣብ'ታ ኮዛ ስራሕ ንህዝቢ ነቕርባ ዝነበርና እዋን ዘጋጠመና ከኣታት ከዕልለካ። መዓት ሱብ እዩ ተኣኪቡ ነይሩ። ልቺ ኣጥፊእና ክንውልዓ ከለና ከምዚ ሱብ ገይርና ንውልዓን ነጥፍኣን ዘለና መሲልዎም ነይሩ። ነታ ልቺ ካብ ዝኾነ ሱብ ነጻ ገይሮም ድማ ክዕዘቡ ጀሚሮም። ድሓር ብዙሕ ነገር ምስ ኣርኣናዮም ድማ ክኣምኑና ጀሚሮም። በዚ ድማ ብዙሕ ተሓጒሶም።

• ዓለም `ፕሮግራሚን` ከመይ ትገልጽዎ፧ `ፕሮግራመር` ንኽትኮውን እንታይ እዩ ዘድልዮ፧

ኣዝዩ ደስ ዘብል ዓውዲ እዩ። ብዙሕ ምትዕጽጻፍ ክትገብረሉ እትኽእል ዓውዲ ብምኳኑ ዝያዳ ካብ'ቲ ብልጫኡ እዩ። ብሓፈሻ ክትርእዮ ከለኻ ኣርት እዩ። ሓደ ሱብ ፕሮግራመር ክኾውን ጻዕርን ዲሲፕሊንን እንተልዩዎ ኣኻሊ እዩ በሃልቲ ኢና። ግና ብዙሕ ጻዕርን ዓቕልን ከም ዘድሊ ምፍላጥ ኣገዳሲ ነገር እዩ።

• ኣብ ግዜ ስራሕኩም ብፍሉይ ካብ ትዝክርዎ ኣጋጣሚ እንተሎ፧




ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። እቲ እና ስራሕና ዝሰሓቕናዮ፣ ዝተኻራረናዮ፣ ደኺምና ዘደቀስናዮ ንኺ ገዲፍና ንሓንቲ ብፍሉይ ዝተሓጎስናላ ኣጋጣሚ ከዕልለካ። መጀመርታ ክሱብ ግብረ መልሲ እትህበና ብዙሕ ኢና ጸጊርና። ናይ መጀመርታ ግብረ-መልሲ ክሱብ ንረክብ ድማ ብዙሕ ግዜ እያ ወሲዳትልና። መጀመርታ ግብረ መልሲ ምስ ሃብትና ዝነበረ ታሕጓስ መግለጺ ኣይነብሮን። ዳርጋ ነጢርና ኢና። ንሓንሳብ ብዓቢ መጉልሒ ድምጺ ንፍትና። ንሓንሳብ ዓው ኣቢልና ንሓንሳብ ቀስ ኣቢልና ንፍትና። እንታይ`ከ ዘይገበርና። ንሓንሳብ ድምጻ ቀጢኑ ኢልና ንላገጽ (ናይ ሓባር ሰሓቕ)። ናይ ብሓቂ እታ ዕለት ብፍሉይ ዝተሓጎስናላን እንዝክራን ኣጋጣሚ እያ።

• ናይ መጻኢ መደባትኩም ከመይ እዩ ክኸውን፧

እዛ ጉጅለ ብሓባር ኮይና ክልተ ስራሕ እንድያ ሰራሓ ዘላ። ብዘይካ እዛ ክንገልጻ ዝጸናሕና፣ ተማሃሮ ራብዓይ ዓመት ከለና ዝሰራሕናያ ናይ ካርታ መሐበሪ እውን ኣላ። ናይ መጻኢ መደባትና ድማ እዘን ክልተ ስራሓት ብሓባር ተጠርኒፈን ምሉእ ዝኾነ ኣገልግሎት ከም ዝህባ ንምግባረን እዩ ዘሎ ጻዕርና።

• ከተማሳዮም ዕድል ክህበኩም፧

መጀመርታ ናብ'ዚ ደረጃ ንዝበጽሓና ልዑል ፈጣሪ ከነማስዮን ንፈቱ። ቀጺልና ብዓቕሊ ዝተጸመሙና ወለድናን ፈተውትናን ከነማስዮምኖም ደስ ይብለና። ንዶክተር የማነ ድማ ስለ'ቲ ምትብባዑን ቀጻሊ ምኽሩን ከነማስዮ ንደሊ። ኣብ መወዳእታ ድማ ናይ ኢንተርነት ሓገዝ ዝዘበርከቱልና ናይ ማይ-ነፍሓ `ኣይ ሲቲ ላብ` ካብ ልቢ ነማስዮምኖም።

• ኣነ`ውን የማስግነኩም።

ሚካኤል በርሀ (ወዲ በርሀ)

# ካብ ከዋኽቡቲ ዲያስፖራ

ኣቦ መሓሪ

እዚ ክፋል እዚ ንተሳትፎ፣ ምውህሃዳትን ዓወታትን ኤርትራውያን መንእሰያት ዲያስፖራ ኣብ ዝነብሩሉ ኮማት ዘንጸባርቕ ኮይኑ፣ መጽሔት መንእሰይ ኣብ ናይ ሎሚ ሕታማ ኣብ ወርሓት ጥቅምትን ሕዳርን 2018 ካብ ዝነበረ ተሳትፎ፣ ምውህሃዳትን ዓወታትን መንእሰያት፣ ናይ መንእሰይ ሳሮን ገብረስላሴ ካብ ተረንቶ ካናዳን ናይ ጆ ንጉሰ ካብ ኮሎራዶ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ብጽማቕ ክትድህስስ ኢያ።

## ሳሮን ገብረስላሴ

### ሕጽይቲ ከንቲባ ከተማ ቶሮንቶ



መንእሰይ ሳሮን ገረስላሴ ከም ኣባል ኤርትራዊት ስድራቤታ ብስደት ኣብ ካናዳ ዝኣተወትን ጓል 31 ዓመት መንእሰይ ኮይና፣ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ጫፍ ዞባ ኦንታርዮ ኣብ ዝርከብ ኮማዊ ቦታ እያ ዓቢያ። ሳሮን ኣቐዲሙ ኣብ ህይወት ዘጋጠማ ዕንቅፋታት ብምስዓር ብዓውዲ ሕጊ ትምህርታ ብምክታትል ተጣባቓት ሕጊ ብምዃን ናይ ገዛእ ርእሳ ትካል ብምጅማር፣ ኣብ ምውሓስ ሰቪላዊ መሰላት ዓበይቲ ጉዳያት ዘተዓወተት ናይ ሕጊ ክኢላ እያ። ኣብ ዓውዲ መሪሕነት ብዘለዋ ዝምባለ መሰረት ኣብ'ቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ዝተኻየደ መስርሕ ህዝባዊ ምርጫ ከንቲባ ከተማ ቶሮንቶ ከም ሕጺቲ ከንቲባ ኮይና ክትወዳደር ቀንያ።

ሳሮን፣ ህይወት ቶሮንቶ ከም ዝኾነ ነታ ከተማ ብዕምቆት ከም ኣጻብዕቲ ኢደይ ይፈልጣ እየ ዝብል ዜጋ ዝዓበየትላን ኣብ ዕለታዊ ህይወት ተገላሚጣ ትነብረላን ከተማኣ ምዃና ትገልጽ። ይኹን እምበር ንበዙሓት ሓደስቲ ዜጋታት ከም'ዚ ከማይ ተሰፋ ዘቐረጸ ምስ ምዃኑ ንፖለቲካ ከተማ ቶረንቶ'ውን ብተመሳሳሊ ምሉእ ብምሉእ ይተዓጸጸፈሉ እየ ምባል ዝክኣል ኣይኮነን ትብል። ናይ ውድድር ጎስጓስ ናይ ሳሮን ዳግም ንበዙሓት ሓደስቲ እታው ዝኾኑ መንእሰያት ተስፋ ብምሃብ ብዛዕባ መጻኢ ፖለቲካዊ ህይወት እታ ከተማ ሓድሽ ሕልሚ ክሓልሙ ሓጊዝዎም ኣሎ።

ሳሮን ንጎስጓስ ክትዕውተሉ ዘልዓሉቶ ቀዳምነት፣ ቅሬታታት ናይ እቶም መሰል ናይ ምድማጽም ዝትዘንግዐ፣ ዝበዝሑ ኣብ መስርሕ ምድማጽ ዘይሳተፉ ምስ ምዃኖም ጎዳዮም ከም ዳጌፋ ጉዳይ ዝርአ ኣጋይሽ ዜጋታት እዩ። እቲ ኣቐዲሙ ብኻልኦት ሰደተኛታት ክፍተን ዝጸንሐ ግን ከኣ ቀልጢፉ ዝቑጸን ዝሃጥምን ዝከበረ ጉዳይ ሕጂ ክሰማዕ ጀሚሩ ኣሎ።

ብዙሓት እዚ ሳሮን ዝጠመተቶ ኩርናዕ፣ ጉዳይ ሓደስቲ ሰደተኛታት ዜጋታት ወኪልካ ክትዕወት ምሕላን ድኹምን ክዕወት ዘይክእልን ናይ ጉስጓስ ስትራተጂ ምዃኑ እዮም ዝምጉቱ። በንጻሩ ሳሮን ንተራ ሰደተኛታት ኣብ ህይወት እታ ከተማ፣ ብቑጠባዊ ኣበርክቶ፣ እጃሞም ኣብ ምኽፋል ግብሪ፣ ናይ ሸቐለት ተሳትፎኦም ኣብ ኩሉ ጽላታት ካብ ሕርሻ ክሳብ ቴክኖሎጂ ኣብ ግምት ብምእታው ንምልማዕን ምጥፋእን እታ ከተማ ወሳኒ ዝኾነ ገዚፍ ሓይሊ ናይ ሰደተኛታት ከም ዘሎ እያ ትምጉት። እዚ ኩሉ ተኽእሎ እናሃለወ ኣብ ፖለቲካዊ ተተቃዕትን ክብሪ ዘይብልናን ኩና ጸኒሕና ድማ ትብል።

መንእሰይ ሳሮን ኣብ'ዚ ዝተኻየደ ውድድር ካብ ዝተወዳደሩ ሕጹያት እንኮ ጸላም ኣፍሪቃዊት ጓል ኣንስተይቲ ኮይና፣ ንተወዳዳርነት ስተተኛታት ኣብ ሓድሽ መድረኽ ዘበረኸት፣ ክትዕወት ዓቢ ትጽቢት ዝተገብረላን ካቡቶም ሓቢሮም ምስኣ ዝተሳተፉ 34 ሕጹያት ናይ ራብዓይ ደረጃ ነጥቢ ዝረኸበትን ሕጺቲ ኮይና ውድድራ ዛዚማ።

ኣብዚ ውድድር ክትዕወት ዘይሓገዛ ረቋሒታት ሓይሊ ጎስጓስን እቲ ገና ዘይሓቐቐ ተቐባልነት ኣብ ጸለምቲ፣ ዓሌታዊ ኣመለኻኽታ እምበር ብደረጃ ብቕዓት ብልጽቲ ምንባራ ብዙሓት ብዛዕብኣ ዝተንተኑ ጽሓፍቲ ገሊጾም።

ኣህጉራውያን ደገፍቲ ከም ዘለውዋ ዝገለጸት ሳሮን ኣብ ግዜ ምርጫኣ ካብ ናይሮቢ፣ በርሊን፣ ጆሃንስ በርግ፣ ፖርትላንድን ኦረገንን ናይ ምትብባዕ ድምጺ ከም ዝተቐበለት ሓቢራ። ሳሮን ገና ጓል 15 ዓመት ከላ ንመንእሰያት ብምውካል ኣብ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተሳተፈት መንእሰይ ኢያ። ሳሮን ካብ ውድድር 2018 ተማሂራ ንውድድር 2022 ብዝሓየለ ክትቀርብ ምዃና ናይ መጻኢ መደብ ገሊጹ።

# የሴፍ (ጆ) ንጉሰ

## ተካኢ ምኩራት ፖለቲከኛታት

መንእሰይ የሴፍ (ጆ) ንጉሰ ካብ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝተወልደን ኣብ ኮሎራዶ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝዓበየን ወዲ 34 ዓመት መንእሰይ ኮይኑ፣ ብዓውዲ ሕጊ ብመዓርግ ካልኣይ ዲግሪ ድሕሪ ምምራቑ፣ ንህዝቢ ኮሎራዶ ብምውካል ኣባል ባይቶ ንምኳን ድሕሪ ዝገበሮ ውድድር፣ ኣባል ባይቶ ኮይኑ ተመሪጹ።

እዚ ንምኩራት ፖለቲከኛታት ብምትካእ ንዝቕጽል ናይ ክልተ ዓመት መደብ ኣብ ዘገልግል ባይቶ ተመሪጹ ዘሎ መንእሰይ፣ ኣብ ታሪኽ ኮሎራዶ ዝተዓወተ ፈላሚ ጸሊም ኣመሪካዊ እዩ። ጆ ከም ኣኽባር ሕግን ተጣባቒ መሰልን ንስድራቤታት ኮሎራዶ ረባሕቲ ናይ ዝሰፍሐ መሰል ንምግባረን ሓያል ዕዮ ከም ዝገበረ ይምስከረሉ።

ጆ ካብታ ቅድሚ 35 ዓመት ካብ ሕሰም መግዛእቲ ንምግልጋል ናብ ሕቡራት መንግስታት ኤመሪካ ዝተሰደት ጻዕረኛ ኤርትራዊት ስድራቤት ዝተወልደ ኮይኑ፣ ምስ ሓብቱ ብፍቕሪ ወለዲ ማሚቑ ዝዓበየ እዩ። ጆ ካብ ዩኒቨርስቲ ኮሎራዶ ድሕሪ ምምራቑ፣ ንኣፈኛ ባይቶ ወከልቲ ነበር ብምውካል ምስ ካልኣዩ ኣብ ዘቕሞ ዘይመኽሰባዊ ብሕታዊ ትካል ኣብ ዝገበሮ ጎስጓሳዊ ዕዩ፣ ኣብ ታሪኽ ኮሎራዶ ዝልዓበየ ቁጽሪ ኣድመጽቲ ከመዝግብ ብምኽእሉ፣ ልዕሊ 100፣000 መንእሰያት ኣብ ምድማጽ ክሳተፍ ዝኽኣለ ምንቅስቓስ ብምባል ኣብ ስሙያት መጽሔታት ኒውዮርክ ታይምስን ዘ ታይምን ብምስፋሮም፣ ኣብ ኮሎራዶ ሓድሽ መዋእል መዝገባ መንእሰያት ኣድመጽቲ ኣብ ምብሳር ዓቢ ተራ ከም ዝተጻወተ ይንገረሉ።

ጆ ኣብ ዝቐጸለ ናይ ስራሕ ሂይወቱ ኣብ ኮሎራዶ ራብዓይ ዝዓበየ ኣስራሒ ናይ ዝኾነ ናይ 3.4 ቢልዮን ዶላር ርእሰ ማል ዘውንን ትካል ኣቦመንበር ኮሚቴ ኦዲት ብምኳን'ውን ብብቕዓት ሰሪሑ።



ጆ ንላዕለዋይ ትምህርቲ ብተመሃሮ ዝኽፈል መምሃሪ ክፍሊት ኣብ ምጉዳል፣ ብተመሃሮ ንናይ ጥዕና መድሕን ዝኽፈል ዋጋ ኣብ ምትሓት፣ ከምኡ'ውን ምዝገባ ተመሃሮ ኣብ መስርሕ ምድማጽ ባይቶ ምቕሉል ንኽኸውን ልዑል ኣበርክቶ ጌሩ። ከምኡ'ውን ደሞዝ ናይ እቶም ዝተሓተ ዝኽፈሉ ሰራሕተኛታት ዩኒቨርስቲ ከም ዝዓቢ ጌሩ። ጆ ህዝቢ ኮሎራዶ ረባሒ ናይ ማሕበራዊ ኣገግሎት ንምግባሩን ዲሞራሲ ኣሜሪካ ሰፊሕ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ምውሓስ ዳግም ክምእዘንን ክኽለስን ኣለዎ ኣብ ዝምል መትከል ዝኣምን ተሳትፎ ስደተኛታት ኣብ ኩሉ ዕድላት ከም ትምህርትን ውፍርን ንምርግጋጽ ዝጽዕርን ነዚ መትከል እዚ ብደረጃ ኣሜሪካ ንኽዕወት ዝሰርሕን ፖለቲከኛን ተጣባቒ መሰልን እዩ። ሓደ ወኪል ባይቶ ሓፋሽ ብናይ ምኽታት ክእለቱ ን ጆ፣ "እቲ ዘይዕገት ጆ ኣብ መድረኽ ዲሞራሲ ኣሜሪካ ሓድሽ ወለዶ እዩ ብምባል ይጠቕሶ።" እቲ ኣብ 2008 ወዲ 24 ዓመት ተመሃራይ ቤት ትምህርቲ ሕጊ ከሎ ኣብ ኣገልግሎት ሓፋሽ ዝተጸምበረ ጆ ኣብ'ዚ ዝሕለፈ ናይ ሓደ ዕቑድ ዓመታት ብዘርኣዮ ተኣምራታዊ ሕምባበ፣ ኣብ ዝቕጽል 10 ዓመት ዓቢ ደረጃ ከም ዝበጽሕ ብዘይጥርጥር ይንገረሉ።



ከም ብዓል ሳሮንን ጆን ዝኣመሰሉ መንእሰያትና ኣብ ዝቕመጡለን ሃገራት ወጻኢ ተወዳደርትን ዕዉታትን ምኳኖም፣ ኣብ ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኤርትራ ዝሓየለ ተራ ከም ዝህልዎምን ሃገራዊ ምስሊ ኤርትራ ኣብ ማዕከናት ዜና ምዕራብ ኣብ ምዕራይ ዝህልዎም ተራ ዓቢ ምኳኑን ርድእ ኮይኑ፣ ነዚ ዓቢ ሃገራዊ ረብሓ ኣብ ግምት ብምእታው ነዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ብደረጃ ዝኩብሩሉ ከባቢታት ብሉጻትን ተወዳደርትን ዝኾኑ ዜጋታትና ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ምትብባዕምን ምድጋፎምን ከም ዘድሊ ኩሉ ዜጋ ክስተብህለሉ ይግባእ።

በዚ ኣጋጣሚ መጽሔት መንእሰይ፣ ነዞም ብሉጻት መንእሰያት ስለ'ቲ ኩሉ ጻዕሮምን ስርሖምን የሃና እናበለት ኣብ ቀጻሊ ህይወቶም ዝበረኸ ዓወት ትምኒ። ንካልኦት መንእሰያትና ድማ ካብ ተመኩሮኦም ክመሃሩን ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ዕዉታት ብምኳን ስሞምን ስም ሃገሮምን ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ከጸውዑ ክጽዕሩ ተዘኻኽር።



# ስምረት ርእሶም

## ኣርማ ጽንዓትን ዓወትን

ብንያም ኢሳይያስ



“ቃላት የብለይን!! ፈጣሪ” ቀድም ኣለ ኔረ። ሕጂ’ውን ክብል’የ። ከም እንደገና ግሁድ ኩይኑ።

ናይ ሎሚ ምሽት ዝበለጸ ዓወት፡ ሽልማት ዝለዓለ ኣነቃቓሒ ሰብ! ኣገዩ ኣደናቒ’ዩ። ንማስል ኮንተስት (musclecontest) የማስዮገ። ከመይ ከም ዝስምዓኒ ዝገልጽ ቃላት የብለይን። ፈጣሪ ጥዑም’ዩ። ሓሳበይ ጌረ። ደጊመ ኣብ ስተጅ ቁይመ። ልክዕ ቅድሚ ዓሚ ንኽንቀሳቐስ እሸገር ነይረ። ሕጂ ግን እህኹ ክቐውም በቒዐ። ፈጣሪ፡ ምሉእ ጥዕናይ ስለ ዝመለሰለይ ኩሉ ክብሪ ንዕኡ ይኹን።” ኤርትራዊት ኣሜሪካዊት ናይ ኣካላዊ ብቕዓት ሞዴልን ናይ ንግዲ ሰበን ስምረት ርእሶም፡ ኣብ ውድድር ጭዋዳ (musclecontest) ሽልማት ኣነቃቓሒ ሰብ ምስ ዓተረት፡ ኣብ ናይ ውልቃ ገጽ ፌደስቡክ ዘስፈረቶ’ዩ። ስምረት ርእሶም መን’ያ፧

ሓንቲ ካብ’ተን ኣብ ናይ ድልዱል ተኽለሰብኣት ውድድር ቁንጅና ተጠቃሲት ሰብ’ያ። ፍሽኽታ ካብ ገጻ ዘይርሕቕ ተራር ጓል ኣንስተይቲ። ሽውዓተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ንሰዓታት ልምምድ ትገብር። ሰሩዕ ቅርጺ ሰብኣት ንኽህልዋ ስሩዕ መግቢን ቶናታ ማይን ትጭልጥ። ብዙሕ ሽልማት ዝዓተረትን ኣብ ማሕበረሰብ ውድድር ቁንጅና ድልዱል ተኽለሰብኣት ሰፊሕ ኣተኩሮን ይወሃቦ።

ብ1980 ኣብ ከባቢ መንደፈራ እትረክብ ዓዲ ጋውል ተወሊዳ። ንሳ ኽትውለድ ከሎ ኣቦኣ ደሮ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራ ተጸንቢሩ ብምንባሩ፡ ንዓኣን ክልተ ዓበይቲ ኣሓታን ናይ ምዕባየን ሓላፍነት ኣብ’ታ “ሓያል ኤርትራዊት ኣደ” ብምባል እትገልጻ ወላዲታ ለተስላሲ ግደ ወደቐ። ኣብ ሰውራ ኤርትራ ብዘተፈጥረ ለውጢ ኣቦኣ ናብ ቤቱ ምስ ተመልሰ፡ ደቁ ዝላሸ ትምህርቲ ክረኽብ ብምባል ንኢትዮጵያ ሒዘ’ወን ከደ። በዚ ምኽንያት ድማ ካብ’ቲ ጥዑም ዝኽሪ ቁልዕነት እትብሎ ናይ ዓዳ ህይወት ተፈላለየት። ንሳን ስድራኣን ኣብ ትሰፋው ትጸበት ናይ ናጽነት ኤርትራ እንከለዉ ግፍዕታት ጸላኢ ሰለም ከልኣም። ህይወቶም ንምምሕያሽ ድማ ወላዲኣን ሒዘምን ጉዕዞ ስደት ናብ ኣሜሪካ ፈለምዎ። ንወላዲኣን ህይወት ኣሜሪካ ከም’ቲ ዝሓሰቦ ክኾኖሉ ብዘይ ምኽኣሉ ንምዕባየን ተሸገረ። ንስምረትን ሓፍታን ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ድማ ኣብ’ታ ዘርዓመትን ኣደ ቤቲ በል ኩኑ። እቲ ጠንቂ ምብትታን ስድራቤት ዝኾነ መግዘእትን ኩናትን ኣኽቲሙ፡ ሃገራ ኤርትራ ናጻ ኰይና ንዕቤትን ብልጽግናን ክትቃለስ ብምርኣያ እቲ ኣገዩ ደሲታ ዝፈጥረላ ምኽንያት ትዛረብ፡ ሞዴል ስምረት ርእሶም።

እዛ ኣብ ሳንድያጎ ካሊፎርንያ እትነብር ኣትሌት፡ ናብ’ዚ ስማን ስም ሃገራን ንኽተጸውዕ ኣብቂዕዋ ዘሎ ውድድር ኣተኣታትውኣ ክትገልጽ ከሎ፡ “ኣብ ኣሜሪካ ብዙሓት ደቂተባዕትዮ መሓዙት ኣለዉኒ። ሓደ ካብዚኦቶም ድማ ኣብ ጂም (መሀዚ ሰበይቲ) እንክለኹ ውድድር ቁንጅና ድልዱል ተኽለሰብኣት ንኽዕዘብ ዓዲሙኒ። ኣብ’ቲ ግዜ ክርእዮ ከለኹ ርእሰ ተኣማንነት ኣይነበረንን። ብደገ ኴንና ክንዕዘቦ ኸለና፡ ምህናጽ ኣካላት ምግዛፍ ጭዋዳዩ ዝመስለና። በዚ ምኽንያት ኸኣ ንደቀንስትዮ ከቢድ ስፖርት’ዩ ኢለ ሓሲበ። ኣብ’ቲ ስፖርት ምንጣፍ ምስ ጀመርኩ ግን ምህናጽ ኣካላት ናይ ዲስፕሊን ምኳኑ ፈሊጠ።” ትብል። ስምረት ርእሶም፡ ብ12 ደያኑ ኣብ ዝዳኖ ውድድርን ካብ ኩሉ ኩርንዓት ኤውሮጳ፡ ካናዳ፡ ሜክሲኮ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝመጸ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ተወዳደርቲ ተሳቲፉ ስማ ክተጸውዕ ዝበቕዐት ሰብ’ያ። እዚ ኣብ ሃገርናን ኣብ ብዙሕ ባህልታትን ፍሉጥ ዘይኮነ ውድድር ቁንጅና ድልዱል ተኽለሰብኣት፡ ስሩዕ ልምምድን ኣመጋግባን እኹል ጻዕርን እንተኻይደካ፡ ኣብ ኮረሻ ዓወት ክትሓኩር ዘጸገር ምኳኑ እዛ ዕውትቲ መንእሰይ ትገልጽ።

ስምረት፡ ብኤርትራውነታን ሃብታም ታሪኽን ባህልን ሃገራ ሕብንቲ ምኳና ትገልጽ። ንኤርትራ ኣብ ትብጽሓሉ ካብቲ ሃብታም ባህሊ ብዙሕ ፍልጠት ከም ትቐስም ትዛረብ። ደቂኣንስትዮ ኑበሰን ናይ ምግላጽን ምንጽብራቕን ዓቕሚ ከም ዘለዎን ብምእማን፡ ኣብቲ ክንናጸፍኦ ዝበሀጋ ናይ ህይወት ሕልሚ ብቕልጡፍ ክጅምራን ክሰተፋን ትመኽር።

ስምረት፡ ሓደ ካብ ሕልማ ብምትንጻፉ ሕጉስቲ እኳ ተኾነት፡ ፍልጠታን ታሪኻን ንምንጋርን ምትሕልላፍን ጥዑይ ተኽለሰብኣት ዘለዎም ዜጋታት ንምፍራይ ኣብ ሃገራ ኤርትራ፡ ‘ማእከል ምህናጽ ኣካላት’ ናይ ምኽፋት ሕልሚ ከም ዘለዋ ትገልጽ።

ስምረት፡ ኣብ ዘይትፈልጦን ሓድሽ ከባቢን ምዕባያ ብደሀ እኳ እንተነበረ፡ ዘርዕምዋ ስድራቤት ብምርካብ ብቑዕ ትምህርቲ ንኽትረክብ ከም ዘኽኣላ ትገልጽ። ኣብ ከባቢኣ ኤርትራውያን ዜጋታት ብዘይምንባሮም ኑቲ ክትነብሮ ዘይትደሊ መንክታ ብደሀ ከም ዝኾነ ትገልጽ። እንተኾነ ርክብ ምስ ኣዴኣ ኣየቋረጸትን። ናብ ሃገራ ብምምልላስ ድማ ካብ ባህላ ሓድሽ ትምህርቲ ክትቀስም ክኢላ።

ብዘጋጠማ ሰንከልና ምንቅስቓስ ሸገርዋ እኳ እንተነበረ፡ ሓያል ጻዕሪ ብምኽያድ ናብ ንቡር ቁመንኣ ብምምላስ፡ “ዝለዓለ ኣነቃቓሒት ሰብ” ዝብል ሽልማት ክትዓትር በቒዓ።

እዛ ኣርማ ዓወትን ጽንዓትን ዝኾነት ኣትሌት ስምረት ርእሶም፡ ኣብ ውድድር ቁንጅና ድልዱል ተኽለሰብኣት ከይትሓጽረት ኣብ ንግድ’ውን ዕውትቲ ሰብ’ያ።

መወከሲ፡ ካብ ዝተኻየዱ ቃለመጠይቓት

ኣካዳሚ

# ምህንድስና ሕርሻ

መም/ ስቴላ መሓረና

ብዙሓት ተመሃሮ ኣየናይ ዓውዲ ከም ዘጽንዑ ገና ዘይወሰኑ ኣለዉ። ሓደ ካብ'ቲ ዘየወስኖም ዘሎ ምኽንያት ከኣ ምስቶም ኣብ ቅድሚኦም ዘለዉን ክርኽቡዎም ዝኽእሉን ዓውዲታት ሌላን ኣፍልጦን ስለ ዘይብሎም እዩ። ሓደ ተማሃራይ ዝምስጦ፡ ዝፈትዎን ዘድምዓሉን ዓውዲ ኣቐዲሙ ክፈልጥን ዕላማኡ ክገብርን ጽቡቕ እዩ። እቲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ዝምባለን ዓቕሚን ናበይ ከም ዝመርሖ ኣቐዲሙ ዝፈልጥ ከኣ ኣዝዩ ዕድለኛ ይኸውን። ንኡስ ዓምዲ "ሌላ ምስ ዓውደ ትምህርቲ" ከኣ በብግዜኡ ኣብ ሃገርና ምስ ዘለዋ ዓውደ ትምህርቲታት ዘላሊ እዩ። ንሎሚ ምስ ምህንድስና ሕርሻ ከነላልየኩም ኢና። ትርሓስ ዘመደ ዝለኣኸቶ ጽሑፍ ኣሎ። ይስዕብ፥

ኣብ ውሽጢ ኮሌጅ ምንድስና ዝርከቡ ዓውዲታት ተባዛሕቲ እዮም። ዝበዝሑ ካብኦም ኣብ ኢንስቲቱት ቴክኖሎጂ ኤርትራ (ማይነፍሒ) ዝውሰዱ ትምህርቲታት እዮም። ምህንድስና ህንጻ፡ ኤለክትሪክ፡ መካኒክ፡ ከሚካል፡ ዕደና፡ ኮምፕዩተር፡ ኣይሮናቲካልን 'ፕሮሰስ"ን ኣብ ኮሌጅ ምህንዲስና ኢ.ቲ.ኤ. (ማይነፍሒ) ዝወሃቡ ትምህርቲ እዮም። ብዘይካኦም ምህንድስና ባሕሪ ኣብ ኮሌጅ ባሕሪ - ባጽዕ። ምህንድስና ሕርሻ ከኣ ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ - ሓመልማሎ - ንረኽቦ። ኩሉ ዓውደ ትምህርቲታት ጻዕሪ የድሊዮ'ኳ እንተኾነ ናይ ምህንድስና ዓውዲታት ግን ሕልፊ ኣለዎ። ኣብ ናይ ምህንድስና ዓውዲታት ከተድምዕ እንተኼንካ ኣብ ቀጽሪ፡ ፊዚክስ፡ ኬምስትሪ፡ ባዮሎጂን ኮምፕዩተርን ተምሳጥን ዓቕሚን ክህልወካ ይድለ።

ምህንድስና ሕርሻ ሓደ ካብቶም ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ እንረኽቦም ዓበይቲ ዓውዲታት ሓደ እዩ። ምህንድስና ሕርሻ፡ ሓደ ካብ ናይ ምህንድስና ዓውዲታት ኰይኑ፡ ንስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ምህንድስና ናብ ሕርሻዊ መስርሓትን ፍርያትን ኣእቲዩ ዘሰርሕ ዓውዲ እዩ። ነቶም ኣብ ዓውዲታት ስነ-እንስሳ፡ ስነ-ኣትክልቲ፡ ምህንድስና መካኒክ፡ ህንጻ፡ ኤለክትሪክን ከሚካልን እንረኽቦም ክልሰ-ሓሳባት ኣጠቓሊሉ ምስ ሕርሻዊ ስነ-ፍልጠት ወይ ኣምር ዘዋሃህድ እዩ።

ምህንድስና ሓርሻ ንመጀመርታ ግዜ ካርኩለም ተዳልዩሉ ኣብ ዩኒቨርሲቲታት ክምሃረሉ ዝጀመረ 1905 ኣብ ኣዮዋ ክፍለ ሃገር ዩኒቨርሲቲ (ኣመሪካ) እዩ። ኣብ ሃገርና ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብዲግሪ የመርቕ። እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ከኣ በዚ ዓውዲ ይዕመም፥

- ናይ ሕርሻ ማሺነሪ፡ መሳርሒ፡ ሕርሻዊ ቅርጺታት ዲዛይን ምግባር፣

- ንናይ ሕርሻ ማሽነሪ ውሽጣዊ ክፋለን (ኢንጂን) ምድላው፣

- ሕርሻዊ ጸጋታት ምምሕዳር (እንተላይ ኣጠቓቕማ መሬትን ማይ)፣

- ምቕያስን ምድላውን መሬት፣

- ምሕደራ፡ ዕቃበን ምኽዛን ማይ ንመስኖኣዊ ሕርሻን ሕርሻ እንስሳን፣

- ምፍራይ ሕርሻ እንስሳ (እንተላይ ዓሳ፡ ጸባ፡ ደርሁ...)፣

- ዘየድሊ ዝጓሓፍ ውጽኢታት ናይ ሕርሻዊ መስርሓት ዝእለየሉ መገዲ ምድላው፣

- ምህንድስና መግቢን ምምስራሕ ሕርሻዊ ፍርያትን፣

- መባእታዊ ክልሰ-ሓሳብ ሰርኩይት፣

- ኣብ ሕርሻ ናይ ዝፈርዩን ዘገልግሉን ነገራት ፊዚካዊን ከሚካላዊን ጠባያት ምጽናዕ፣

- ንኣከባቢ ብዘየዕኑ መገዲ ማሽነሪ ምድላው፣

- ምስ ፍርያት ዘርእን እንስሳታትን ዝተሓላለዘ ምርመር ዲዛይን ምግባር ወዘተ.።

ኩሎም ናይ ምህንድስና ዓውዲታት በብወገኖም ዲዛይን ምድላው ቀዳማይ ስርሖም እዩ። በዚ ዓውዲ ዝምረቑ ሰብ'ውን ኣብ ኩሉ ሕርሻዊ ንጥፈታት ዲዛይን የዳልው። ዝበዝሐ ግዜ ሞያተኛታት ናይዚ ዓውዲ ፕላን ከዳልው፣ ንሕራሻዊ ንጥፈታት - ከም ሕርሻ እንስሳ፡ መስኖ፡ ድሪል፡ ዕልቕልቕ ክከታተልን ከማሓድርን፣ መስርሓት ማይ ክቈጻጸር፣ ኣብ ኣከባቢ ዘለዎ ጽልዋ ክግምጋም፣ ሕርሳዊ ፍርያት ክምስራሕ ... ወዘተ. ክጸንሓና ይኽእል።

ምህንድስና ሕርሻ ክምሃር ዝደሊ ሰብ፡ ቅድሚ ኩሉ ነዚ ዓውዲ ብፍቕሪ ክደልዮ ኣለዎ። ኣብ ቀጽሪ፡ ፊዚክስ፡ ኬሚስትሪን ባዮሎጂን ሕልፊ ተገዳስነት የድሊዮ። ወዲ-ሰብ ንኽነብር ዘድሊዩዎ መሰረታዊ ጠለባት መግቢ፡ ማይን ኣየርን እዮም። እዚ ጠለባት ክሳብ ወዲ-ሰብ ዘሎ ከምኡ ኢሉ'ዩ ዝነብር። ካብዞም ሰለስተ መሰረታዊ ጠለባት ሰብ እቶም ክልተ ህላወ ናይዚ ዓውዲ ሞያተኛ የድሊዮም። መግቢን ማይን ንምድላው፡ ንምምስራሕን ናብ ፍርያት ንምብጻሕን ኩሉ ግዜ ናይ ሕርሻ መሃንድስ የድሊ። ስለዚ ኣብዚ ዓውዲ ዘሎ ናይ ስራሕ ክፋት ቦታ ንሓዋሩ ክመልእ ኣይክእልን'ዩ። ካብዚ ብምብጋስ ከምቲ ኣገዳስነቱ ብእኡ እትረኽቦ ኣታዊ'ውን ቀሊል ኣይኮነን።



# መበገሲ
# ኵሉ ፍልጠት ፡
# ርኽበትን ምህዞን

ሓድሽ ፍልጠት ዝመጽእ ሕቶ ምስ ዝለዓል እዩ። ኵሉ እቲ እንሰምዖ፡ እንመሃሮ፡ እንዕዝቦ፡ ዘደንቕን ዝምስጥን ብዓይኒ ሕቶ ምርኣዩም ዚያዳ ድርኺት ናብ ካልእ ፍልጠት እዩ። ሓታቲ ምኳን ተጠርጣሪ ምኳን ዘይኰነ ምኽንያታዊ ወይ ርትዓዊ'ዩ ዝገብረካ። ቀዳሞት ኣቦታትና ለባማት፡ ገለ ብስነ-ፍልጠት ቅቡላት ዘኾኑ ልምድታት ኣጸኒሖምልና'ዮም። መግቢ እናበላዕና ክንስገድ እንከለና ኑቲ መግቢ ክንሸትቶ ይነግሩና፣ መግቢ ክንሽትት እንከለና ኣፍና ምራቕ ስለ ዘመልእ እዩ። ኣብ መውሰቦ'ውን ክልተ መጻምድቲ ክሳብ ሻውዓይ ወለዶኦም ዘራኽብ ክህሉዎም ከም ዘይብሉ ይምዕዱና፣ ኣብ ስነ-ተውርሶ (ጀነቲክስ) እናተመሃርና ንረኽቦ ኣምር'ዩ። ኣብ ውሽጢ እዞም ወለዶ ዝህሉ መውሰቦ ኑቲ "ረሰሲቭ" ዝነበረ ባህሪ ተወርሶ፡ "ዶሚናንት" ክቕይሮ ስለ ዝኽእል። እዚኦም ገለ ካብቶም ብስነ-ፍልጠት ቅቡላት ዘኾኑ ኣብነታት እዮም። እንተኾነ ካብ ባህልና ብዙሓት ኣሉታዊ ጽልዋ ዘሎዎም ብሂላት ኣለው። "ኣታ ቈልዓ! ከምዚ ኣይትግበር ነውሪ'ዩ፡" ዝተበሃልናሉ ኣጋጣሚታት ውሑድ ኣይኰነን፣ ከምኡ ኣብ ዝበሉና እዋን "ስለምንታይ?" ኢልና ክንሓትት፡ ውሽጡ ክንፈልጥ እናተገበኣና ዘበዝሐ ግዜ ፈሪሕና ከም ነውሪ ተቐቢልናዮም ንኸይድ ንኸውን። ብዙሓት ካብ ቅድሚ ሕጂ ዝሓለፉ ከምዚኦም ዝበሉ ኣጋጣሚታት ምኽንያቶም እንታይ ኰን ነይሩ ይኸውን?

ኣብ ናይ ትምህርቲ ህይወትና እቶም ኣብ ክፍሊ እተባህሉ ወይ እተማሃርናዮም ቍሊብና እንዕዝር ተመሃሮ ንበዝሕ ንኸውን። ገለ ክሰኣሉና ወይ ክንኣምኖም ዘጸግሙና ኣምራት የጋጥሙና'ዮም፡ ስለ ዝተመሃርና ከም ዘለዎ ካብ እነጸንዖ ግን፡ ካብ ቤት ንባብ፡ መምህራን፡ ኣሕዋትናን ዝኾነ ይፈልጥ'ዩ ዝበልናዮ ሓላፊ መገዲን ሓቲትና ፍልጠትና ከነዕብዮ እንተ ኺእልና'ዩ ኣብ ኣእምሮና ዝኑበርን ካልእ ዝዓበየ ከሕስበና ዝኽእልን፡ ንዘመጹና ሕቶታት ከነቃልሎምን ከሕፍሩናን የብሎምን። ከምቲ ቻይናውያን ዝመስሉዎ፡ "ብምሕታቱ ዓሻ ኪይመስል ፈሪሁ ዝስቅጥ፡ ንዘልኣለም ብዓሻኡ ይነብር፣ እቲ ተቢዑ ዝሓትት ግን ንሓሙሽተ ደቓይቕ ጥራይ'ዩ ዓሻ ዝመስል።" ንስሕበት መሬትን ካልኦት ኣገደስቲ ስነ-ፍልጠታዊ ምርምራትን ዘካየደ ኣይዛክ ኒውቶን፡ ኣብ ትሕቲ ገረብ ቱፋሕ ደቂሱ እንከሎ ፍረ ቱፋሕ ወዲቓ ምስ ሃረመቶ "ዘኾነ ከይተንከፋ ከመይ ኣቢላ ትወድቕ?" ዝበል ሕቶ ምስ መጽኦ ከም ዕሽነት ኣይወሰዶን፣ ንሕቶኡ ክምልስ ተቓሊሱ፡ ኣጸኒዑን ተማራሚሩን። ንሓደ ዘይትፈልጦ ዝነበርካ ምፍላጥ ሸውሃት ፍልጠትካ ዝኸፍት እዩ። ንስሕበት መሬት ኒውቶን ምስ ዳህሰሶ ንብዙሓት መሃዝቲን ተመራመርቲን እተዓጽዎም ኣፍደገ'ዩ ከፊቱ። ብ1800ታት እተማህዘ ኤለክትሪክሲቲ'ውን እንተ ኾነ፡ ብዙሓት ምህዞታት ክወልድ ክኢሉ።

ሎሚ ምህዞ ልዕሊ ካልእ እዋን ብኣዝዩ እተዓጻጸፈ ብዝሕን ዓይነትን ይቕጽል ኣሎ። ዝኾነ ሰብ ክምህዝ ዓቕሚ ክህሉዎ እንከሎ፡ ክርእዮን ክጥቀምሉን ዘሎ ተኽእሎ ካብን ናብን ይፈላለ። ምህዞ ምስ ዋሕዚኡ ዘየቋርጽ ፈለግ ክነመሳስሎ ንኽእል። ወዲ-ሰብ ክሳብ ዘሎ ንዘገጥሙዎ ሕቶታት ዝመልሰሉ መገዲ እዩ፣ ምህዞ። እቶም ኣብ መጀመርታ ዝነበሩ ናይ ጥንቲ ደቂ-ሰብ ንመዓልታዊ ናብራኦም ዝጥቀምሎም ዝነበሩ መሳርሒታት፤ ንመሕረዲ፡ ጽንጽሕለ (በላሕቲ ኣእማን)፣ ንሃድን፡ ብዝበልሓ ዕንጨይቲ፣ ንመውዓዪ መግቦምን መሞቒ ኣካሎምን ዘድልዮም ሓዊ ብኣዝሒትን ብፍሕፈሐን ይፈጥሩዎ ነበሩ። ካብ ከባቢኦም እናተጠቐሙ ክምህዙዎም ክኢሎም። ብተወሳኺ፡ ንመግቦም ዝኸውን ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ኣገባብ ኣተኣላልያ እንሳሳትት፡ ዓረብያ፡ ዓታሩን ካልእን ክምህዙ ክኢሎም። ንሕና'ውን ብዓቕምና ኣብ ከባቢና ብቐረባ እንረኽቦም ጥረ ነገራት ብዙሕ ነገር ክንገብር ንኽእል ኢና። ኑቲ ልሙድ ገይርና እንወስዶ ካልእ መልክዕ ከነትሕዘሉ ንኽእል መገዲ ንሕሰብ። እቶም ኣብ ስድራና፡ ገዛውትና፡ ቤት ትምህርትናን ካልእን እንርእዮም ጸገማት ብተበላሕነትና ክንፈትሖም ንሓሰብ እንተ ኼንና ናብ ምህዞ ንቕርብ ኣለና ማለት'ዩ። እንተወሓደ ኣደታትና መንከሽከሺ፡ መንቀርቀር ወይ መጽሓር ሓዊ ክስእና እንከለዋ፡ "ቴኖ" ቀዲድና ባዕልና ክንሰርሓለን ምሓሰብናዶ ንኸውን?

"ኣብዛ ዓለም እንታይ ዘይተማህዘ፡ ንዓና ዝተርፈ የለን፡" ንብል ኣይንሰኣንን ንኸውን። ምህዞ ብሕቶ'ዩ ዝበገስ። መልሲ እቲ ሕቶ ኸኣ ሓሳባት እዩ። ነዚ ሓሳባት ብግብሪ ንምግሃድ ድማ ጥረ ነገራት ከድልዩ ይኽእሉ ይኾኑ። እንተኾነ እቲ መልሲ ሕቶና ዝኾነና ሓድሽ ሓሳብ እንተ ኣሎና ምህዞና ዘይውድኣሉ መገዲ የለን። ሕቶ እንተ'ሎና ምህዞ ኣሎ፣ ኵሉ እዚ ኣብዛ ዓለምና ተበጺሑ ዘሎ ፍልጠት ካብ ሕቶ እተላዕለ እዩ። ሓደ-ሓደ ግዜ "ከምዚ ክገብር ምኸኣልኩ ነይረ፡" ዝብል ሓሳብ ዝመጽኣና ኣሎ። ገለና ክኸውን ከም ዘይክእል ስለ እንወስዶ ግዲ ኰይኑ ኣሻቡ ሃሬፉ ይጠፍእ። መዓልታዊ ንጥፈታትና ምስ ትምህርቲን መጽናዕትን ዝተሓሓዘ ክኸውን ይኽእል። ነዚኦም ሃንደበት ዝመጽኡና ሓሳባት፡ ሕቶታትን ፈጠራን ኣብ መዝገብና ኣስፊርናዮም ክንጸንሕ ንኽእል ኢና። እዋኑ ሓልዩ ክረምቲ ክመጽእ'ዩ። ከምኡ'ውን ናይ ሰሚስተር ዕረፍትና ሕቶና ንምምላስ ክንውፍዮ ንኽእል ኢና።

ገለ ካብ ኣገደስቲ

# ክልሰሓሳባት ስነፍልጠት ዓለምና

## ሕጊታት ምንቅስቓስ ኒውቶን

ምንቅስቓስ ክግለጹሉ ዝኽእል ዝተፈላለየ መገዲ ኣሎ። ምንቅስቓስ ብሕንጻጻት፡ ብስእሊ፡ ብቁጽሪን ቃላትን ክግለጽ ይኽእል እዩ። ንኹሉ ጠሚሩ ዘሰርሕ ሕጊታትን ቀመራትን ድማ ኣለዎ። ንምቅስቓስ ክገልጹ ዝኽእሉ ሰለስተ ህቡባት ሕጊታት ኣለዉ። እዚ ኣብ 17 ክፍለዘመን ዝነበረ ስነፍልጠተኛ - ኣይዛክ ኒውቶን - ነገራት ስለምንታይ ይንቀሳቐሱ ወይ ስለምታይ ኣይንቀሳቐሱን ዝገልጽ ሰለስተ ሕጊታት ኣቕሙ።

ኣብ ናይ ፊዚክስ ትምህርትና ንሰለስተ ሕጊታት ምንቅስቓስ ኒውቶን (Newton's three laws of motion) ተላሊናዮም ኢና። ህይወትና ብምንቅስቓስ ዝተመልአ እዩ። ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትና ንሰለስተ ሕጊታት ኒውቶን ንረኽቦም ኢና። ኣብ ምንቅስቓስና ብቐረባ ስለ እንረኽቦም ክንመሃሮም እንኽእለና፡ ምስ ምንቅስቓስና እናዛመድና ክንርደኦም እንተኽእልና ይቐለልና እዩ። እዞም ሰለስተ ሕጊታት ምንቅስቓስ ከኣ ኣብዚ ዘበናዊ ፊዚክስ ኣገደስቲ እዮም። ካብዚ ፍትዋት፡ ህቡባትን ዓበይቲን ዝኾነሉ ብዘቐለለ መገዲ ዝተቐመጡ ምኽንያት እዮም።

ቀዳማይ ሕጊ ኒውቶን፡ "ኣብ ዕረፍቲ ዘሎ ግዝፊ (object) ከምዘለዎ ኣብ ዕረፍቲ ይጸንሕ፤ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከብ ግዝፊ ኣብ ሓደ ፍጥነትን ኣንፈትን ክንቀሳቐስ ይጸንሕ። እዚ ዝኾነ ሓይሊ ኣብ ልዕሊኡም ምስ ዘይዋሳእ ይኸውን" ዝብል'ዩ።

እዚ ቀዳማይ ሕጊ ክልተ ኣምርት ዝሓዘ እዩ። ኣብ ዕረፍቲ ዘሎ ግዝፊ ከም ዘለዎ ኣብ ዕረፍቲ ይጸንሕ። ኣብ ዕረፍቲ ምህላው ማለት እዚ ግዝፊ ከይተንቀሳቐሰ ኣብ ዘለዎ ከምታ ዘለዋ ይኸውን ማለት'ዩ - (ፍጥነት v=0፡ ቅልጣፈ a=0)። ንኣብነት ኣብ ኩበሓ ዝገደፍኪዮ መጽሓፍ፡ ካልእ ዘንቀሳቕሳ ሓይሊ (ሰብ) እንተ ዘይረኺባ ከምኡ ኢላ ትጸንሕ።

እቲ ሓደ ኣምር ናይ ኒውቶን ቀዳማይ ሕጊ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ሓደ ፍጥነትን ኣንፈትን ዝንቀሳቐስ ግዝፊ፡ ፍጥነቱ ከይወሰኸን ከየጉደለን ከምኡ'ውን ኣንፈቱ ከይቀየረ ክንቀሳቐስ ይቕጽል። እዚ ክኸውን ካልእ ሓይሊ ኣብ ልዕሊኡ ምስ ዘይዋሳእ ምኽንያት ኣይጽበን'ዩ። እዚ ኣምር ብዘቐለለ ክርዳእና ንስሕቦት፡ ፍሕፋሐ፡ ንዓሰን ካልእ ንምንቅስቓስና ዝሕዙ - ዝጸረሩ - እቶም "ካልእ ኣብ ልዕሊኡ ዝዋሳኡ ሓይሊ" ዝበልናዮም ምኽንያታት ንዝክር። ብ15 m/s ንደብብ ዝሰንደናያ ኩዕሶ ብ15 m/s ንደብብ ገጻ ክትጓዓዝ ትኽእል ማለት'ዩ።

ባህርያት ናይ ኩሎም ግዝፊ ተመሳሳሊ ኩይኑ፡ ነገራት ከምቲ ዘለውዎ ኩይናምዮም ዝቕጽሉሉ፡ እቲ ዝገብርዎ ዘለዉ ኩሉ ሳዕ ይቕጽሉዎ። ካብቲ ኩይናሞ ዘለዉ ወይ ዝሰርሕዎ ዘለዉ ዝኣሊ ካልእ ሓይሊ እንተ ዘይደፊኦዎም ከምኡ ኢሎም ይቕጽሉ። ነቲ ዘለውዎ ኩነታት ምንቅስቓስ ክቕይር ዝኽእል ሓይሊ ይጸርሩዎ እዮም። ቀዳማይ ሕጊ ኒውቶን ብ"ኢነርሽያ"'ውን ይፍለጥ እዩ። እዚ ኣምር "ኢነርሽያ" ካብ ናይ ጋሊለዮ ሓሳብ ዝፍለ የብሉን።

ካልኣይ ሕጊ ምንቅስቓስ ኒውቶን ንምርዳእ ኣብዚ ዓምዲ ካብ ዝተጻሕፈት ኣብነት ምውሳድ ይቐልል ይኸውን። ካልኣይ ሕጊ ምንቅስቓስ ኒውቶን ዝኸፋ ሰብ ክይሓሰበ ዝተገዝኦ ሓቂ እዩ። ክልተ ተማሃሮ ደቂ-ግዝውትን ደቂ-ክፍልን ኣለና። ክልቴና ኣብ ቤት ትምህርትና ዝርከብ ገረብ ማይ ከሰቲ ተኣዚዝና ኣለና። ኣነ ሓደ ጃለን ማይ፡ ንሱ ከኣ ሓደ ጀሪካን ማይ ተሰኪምና ኬድና። ካብ ክልቴና ዝያዳ ሓይሊ ዘድልዮ መን'ዩ? እቶም "ንሰኻ" ዝበልኩም ድሮ ንካልኣይ ሕጊ ኒውቶን ተገንዚብኩሞ ኣለኹም። እዚ ሕጊ ንለውጢ ኣብ ቅልጣፈ ("ኣክሰለረሽን")፡ ሓይሊ ("ፎርስ")ን ንርዝነት ናይቲ ግዝፊ ("ማስ") ዘዛምድ ሕጊ እዩ።

- ለውጢ ኣብ ቅልጣፈ (acceleration)፡ ኣብ ሓደ ካልኢት ዝቕየር ቅልጣፈ ናይቲ ምንቅስቓስ እዩ፣ሜተር/ካልኢት/ካልኢት ወይ "m/s2" ይዕቀን።

- ርዝነት ናይ ግዝፊ (mass of the object)፡ ብኪሎግራም ወይ "Kg" ዝዕቀን እዩ።



- ሓይሊ (force) ከኣ ብስም እዚ ሕጊታት ዘቖመ ሰር ኣይዛክ ኒውቶን ዝጸዋዕ ኩይኑ፡ ኒውቶን ወይ "N - Newton" ብዝብል መዐቀን ኣሃዱ ይዕቀን።

- ሓደ ኒውቶን ማለት ርባሕ ሓደ ኪሎግራም ዝርዝነቱ ግዝፍን ኣብ ሓደ ካልኢት ንዝገብሮ ለውጢ ቅልጣፈን እዩ።

- 1ኒውቶን= ኪሎግራም * ሜተር/ካልኢት/ካልኢት እዩ፣ወይ "1N= 1Kg * m/s2"።

- እዚ ኣዛሙዱ ዘርኢ ቀመር፡ ሓይሊ= ርዝነት * ለውጢ ፍጥነት ኣብ ሓደ ካልኢት፣ወይ "F= ma" እዩ፡

ካልኣይ ሕጊ ምንቅስቓስ ኒውቶን፡ ሓደ ግዝፊ ክድፋእ ወይ ክስሓብ እንከሎ ከመይ ኢሉ ፍጥነቱ ይቕይር ዝገልጽ ሕጊ እዩ። ብቐሊል ዝበለ መገዲ ክንገልጾ እንኽእለና፣ኣብ ሓደ ግዝፊ እነውዕሎ ሓይሊ፡ ነቲ ግዝፊ ፍጥነቱ ከም ዝቕይር ይገብሮ። ፍጥነቱ ክቕይር እንከሎ በቲ ናይቲ ዝደፍኦ ዘሎ ሓይሊ ኣንፈት ድማ ይጓዓዝ።

ሳልሳይ ሕጊ ምንቅስቓስ ከኣ ኣብ ኣድማስ ምሉእ ዝርከብ ሓይሊ፡ ብማዕረን ኣንጻርን ኣንፈት ዘልዎም ሓይሊ ዝተጻመደ ምኽንያት ይኮነ። ንዝኾነ 'ኣክሽን' ማዕረኡ ተጻራሪ ግብረ መልሲ ኣለዎ። ሓደ ግዝፊ ኣብ ልዕሊ ካልእ ግዝፊ ሓይሉ ምስ ዘዋስእ፡ ካብቲ ካልኣይ ሓይሊ ማዕረ ዝጻረር ግብረ-መልሲ ይመጽእ እዩ። ንመንደቕ ክንደፍኦ እንኽእለና፡ ካብቲ መንደቕ ኣንጻርና ተመሳሳሊ ሓይሊ ይደፍኣና እዩ።

ሕብረተሰብ

ሕግን ስነምግባርን

# ኣቦይ ዝዘበኒ ወርቂ መዝበር

በሪሁ ፍስሃጽዮን

ሕንቅልሕንቅሊተይ

ሰሰናበተይ

"ኣቦይ ዝዘበኒ ወርቂ መዝበር፣

ወዲቓ ዘይትሰብር፣ ሞይታ ዘይትቕበር፣"

ፍለጡለይ።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፣ እዛ ሕንቅልሕንቅሊተይ'ዚኣ መቸም ዘይሰምዓ ኣሎ ክበሃል ዝከኣል ኣይመስለናን። ክንዲዝኾነ መልሳ ድሮ ተገንዚብኩም፣ ሰዒቡ ዝቐርብ ጽሑፍ'ውን ንዕኡ ዝምልከት ክኸውን ከም ዝኽእል ብቐሊሉ ገሚትኩም ክትኮኑ ንትስፎ።

ስም ክበሃል ከሎ ትርጉም ዘለዎም ጉጅለ ፊደላት ወይ ቃላት እዮም ተባሂሉ ብቐሊል ዝበለ ሓሳቡት ክግለጽ ዝከኣል እዩ። እዚ ኸኣ ከምቲ ልዕል ክንብል ዝገለጽናዮ ቀዳማይ ስም፣ ስም ኣቦን ኣባሓጎን ማለት ክኸውን ይኽእል እዩ። ቀዳማይ ስም ዝበሃል እቲ እንጽውዓሉ ክኸውን ከሎ፣ ምስ ኣቦን ኣባሕጎን ተደሚሩ ድማ ምሉእ ስም ይበሃል። ሲቪላዊ ሕግና ከም ዘስፈሮ ድማ ኩሉ ሰብ ስም ክህልዎ ግድን ምኳኑ እዩ። ምኽንያቱ ኩልና ከም እንርድኦ ኣይተሓንጾ ስም ዘይብሉ ሰብሲ ስም ዘይብሉ እንስሳ ዘቤት'ውን ኣሎ ክበሃል ዝከኣል ኣይተሓን። ከመይ'ሲ፣ ስም መጸውዒን መፍለይን እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ስም ንመንነት፣ ባህሊ፣ እምነት፣ መንበሪ ከባቢን ታሪኽን ደቂሰቡት ከንጸባርቕ ይኽእል እዩ። ንኣብነት ሓደ ጉብረሂወት ዝበሃልን ኣብደልሓይ ዝበሃልን ስም ዘለዎም ሰባት ዘለዎም እምነት እንታይ ምኳኑ ካብ ስሞም ክንርድኦ ንኽእል ኢና። ትርጉሙ ብዘተፈላለዩ ቋንቋታት ድኣ ይኹን'ምበር ሓደ እዩ። ሓደ ኣልበርት ዝበሃልን ሓደ ሃብተስላሰ ዝበሃልን ሰባት ድማ እምነቶም ብዘየገድስ ንዝነብርሉ ከባቢ ግን ዝሕብር ኣለዎ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ንታሪኽን ሞያን ሰባት ከመልክት'ውን ተኽእሎ ኣለዎ። ንኣብነት ሮናልዶ ወይ መሲ ዝብል ስም ክንሰምዕ ከሎና ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ይዝከረና። ብሂትለር ወይ መሶሊኒ ድማ ንጭካነን ግፍዕን ክንዝክር ንኽእል። ከም ማርያ ተሬዛ፣ ማህተማ ጋንዲ ወይ ማንዴላ ዝኣመሰሉ ድማ ንሰብኣዊ ርህራሄን ልግሰን ተወፋይነት ንሰላምን ማዕርነትን ዝወከሉ ስማት ኮይኖም ኣብ ኣእምሮና ይቕጀሉና። እዚ ማለት ድማ ስም ኣገዳስን መግለጺናን ምኳኑ እዩ። ስለዝኾነ እዮም ድማ ኣቦሓጎታትና፣ "ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ" ብምባል ዝመሰሉ።

ሰባት ከም ባህሎምን እምነቶምን ካብ ሓደ ንላዕሊ ስም ክህልዎም ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኣብ እምነት ክርስትና ስም ክህነትን ስም መጸውዕን ተባሂሉ ክልተ ስማት ክወሃብ ይከኣል እዩ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ቆልዓ ተወሊዱ ዓብዩ ክሳዕ ዝንዲሱብ ምስ በጽሐ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ዝተዋህቦ ስም ተኪኡ ዝጠቡቆ ከም መጸውዒ ዘገልግል ሳጓ ኣሎ። ኣብ ገለ'ውን መዓርግ ንስም ሰባት ጎልቢቡ ከም መጸውዒ ክኸውን ንርእዮ ኢና።

ስም ክዕደል እንከሎ ከከም ከባታትን ባህልን እምነትን ወለዲ ዝግበር ጽምብል ኣሎ። ኣብ ሃገርና ድማ ሱመያ ወይ ጥምቀት ተባሂሉ ይግበር። ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ ዋላ'ኳ ወለዲ ስም ናይ ምሕራይ ቀዳምነት ዝወሰዱም እንተኾኑ፣ ካልኦት መቕርብ ይኹኑ ዓርከ-ሙሓዛዘን ፈለጥትን ስማት ናይ ምምራጽ ዕድል ይወሃቦም እዩ። ንሳቶም ዝመረጽዎ ድማ ብወለዲ ክጸድቕን ዘይክጸድቕን ይኽእል።

ደላዪ ምኽሪ'ምበኣር ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ዘጋጠሞ እዩ ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጹልና ዘሎ፣

"ጉዳይ ስማት ሃገርና፣ ብፍላይ ሎሚ ዝወጽእ ዘሎ ስማት፣ ኣዝዩ ፍልይ ዝበለ ኣብ ርእሲ ምኳኑ በዓል ዓፀዩይ ከድምጽኦ ዘይክእላን ትርጉሙ'ውን ዘይፍለጥን እዩ። ኣነን ሓደ ዓርከይን ኣብ ዝሓለፈት ሰንበት ኣብ ጥምቀት ናይ ሓደ ካልእ ዓርክና ተለጢፉ ዝረኣናዮ ባር እዩ ዝያዳ ከስተውዕለሉ ኣኽኢሉና። ቆልዓ ክዳን ሓበሻ ዝመስል ብጅዲድ ዝተሰርሐ፣ ኣብ ከብዱ ዕብይ ዝበለ መስቀል ዘለዎ ናይ ታሕቲ ስሪኡ ድማ ካብኡ ብዝይንእስ ውቃብ ዝተረኽመ ልብሲ ዝተኸደነ እዩ ነይሩ። ዓርክና (ኣጠማቒ ኣቦ) ኣብ ባህላዊ ኣለባብሳ ሃገርና ዘለዎ ኣድናቖት ስለንፈልጦ ብዙሕ ኣይገረመናን። እቲ ዝገረመናስ ስም ናይ'ቲ ቆልዓ እዩ። ብዘተፈላለየ ዕምባባታት ተኸቢቦም ዝደመቑ ፊደላት ጉሊሓ ምስ ረኣናያ ክንኣምኖ ኣሸገረና። ብበወገንና ደጋጊምና ድሕሪ ምንባብ፣ ምሳይ ኩፍ ኢሉ ዝበረ ዓርከይ፣ "ኢታ ሉስፈር ድያ ትብል ዘላ?" ብምባል ተገሪሙ ሓተተኒ። ኣነ'ውን ከምቲ ናቱ ኣግርሞት ስለዝበረኒ፣ ከይተረድኣኒ ንሕቶኡ ብእወንታ መለስኩሉ። ኣስዑብ ኣበለ ግን ከተድምጻ'ኳ ጥዕምቲ ኢያ ትመስል" በልክዎ። ንሱ ግን፣ ነታ ስም ደጋጊሙ ድሕሪ ምስትምቓር፣

“ኣነስ ፈጺማ ባህ ኣይበለትንን” በሉ። ከምዚ ኢልና ነታ ባር እናኾለልናያ ከሎና ንሕቶና ዝምልስ ኮይኑ ዝዘተሰማዎና ጽሑፍ ረኣና። ንሱ ድማ፡ “bright morning star” ማለት ድሙቕ ኮኾብ ወጋሕታ ዝብል ጽሑፍ ረኣና። ዓርከይ፡ “እዛ ጽሕፍቲ ስለምንታይ ኣብዚ ኣትያ?” በለኒ። ኣነ ግን “ምናልባሽ ትርጉም ናይ’ታ ስም’ዶ ትኾውን” በልኩ። “ወይለይ ኣንታ ሓቅኻ” ድማ በለኒ ዓርከይ። ትርጉማ እዚ እንተኾይኑ “ሉሲፈር” እትብል ስም ጽብቕቲ እያ በልኩ። ዓርከይ ግን ኣንታ ሕጂ ረሲዐያ እምበር፡ ብዛዕባ’ዛ ስም’ዚኣ ጽቡቕ ዘይኮነ ስምዒት እዩ ዘለኒ በልክዎ።

ብዘኾነ ብኸም’ዚ ኣግርሞት እናቆጸልና ከሎና ከማና ዝተገረመት ሓንቲ መሳርሕትና ህሩግ በለት። “ኣንታ’ዚ ዓርክኹምሲ ጥዕና ኣለዎ ዶዩ?” ኢላ ድማ ሓደ ሕቶ ደርበየትልና። ንሕና ድማ ናይ ልብና ኣብ ልብና ገርና “እሂ እንታይ ተረኺቡ?” በልናያ። ንሳ ድማ ዘረብኣ ኣትሪራ ኣቢላ “ነዚ ኣብዛ ባር ዘሎ ኣይርኣኹምን ዲኹም?” እናበለት ናብቲ ባር ገጻ ኢዳ ጸገ ኣበለት። ኣነን ዓርከይን ፍሽኽ ድሕሪ ምባል ብእወንታ ርእስና ነቕነቕናላ። ኣስዒብና ድማ ዝፈለጠቶ ነገር ሃሊዋ ደዩ ወይስ ከምዚ ናትና ደስ ስለዘይበላ እያ ክንፈልጥ “ትርጉሙ እንታይ ማለት እዩ?” ብምባል ሓተትናያ። “እዋእ” ኢላ፡ ሕርቃና ምጻር ከም ዘሰኣነቶ ኣዒንታ ኣፍጢጣ ኣበለትልና’ሞ ቀጺላ ድማ፡ “ክርስትያን ኣይኮንኩምን ዲኹም ድኣ ነዚ ስም’ዚ ዘይትፈልጡ” በለትና። “ትርጉሙ’ኳ ኣብኡ ተጻሒፉ ኣሎ። ኣየንብብክዮን ዲኺ?” ኢለ ብጥንቃቐ ንሕቶኣ ብሕቶ መለስኩላ። “ኣንታ ንሱ ድኣ ኣንቢበ’ምበር። ሉሲፈር ግን ድያብሎስ እኮ እዩ። ካልእ እንታይ ክትብሎ ደሊኻ” ብምባል ደርጉሓትልና ንውሽጢ ገዛ ገጻ ከደት። ኣነን ዓርከይን ነዚ ምስ ሰማዕና ሰምቢድና። ዓርክና እዚ ስም’ዚ ክህብ ከሎ ትርጉሙ ፈሊጥዎ እዩ ዝብል እምነት’ኳ ኣይነበረናን። ግን ክመጽእ’ሞ ክንነግሮ ስም ክንፈልጥ ተሃወኽና። ወዮ ዓርክና ቀረጽቲ ካሜራ መሪሑሞ፡ ኣንበሳ ክማስል ክሰዱ ነፊሑ በጺሑ ቤቱ ኣኸቲሉ መጺኡ። ገጹ ግን ፍሕሹው ኣይነበረን። ዘሰንያ ኣንስቲ’ውን ዕልል እናበላ ናብቲ ዳስ ኣተዋ። ሓደ ካብቶም ምስ ዓርከይ ዝኣተዉ ሰበኣት ቀሺ እዮም ነይሮም። ምስ ረኣናዮም ድማ ብዛዕባ’ታ ባርን ሒዛቶ ዘላ ስምን ገለ ክንብሎ ተጸበና። ንሶም ግን ሰቕ ኢሎም ጥራሕ ውራይ ካልኦም ገበሩ። ሽዑ ዋና ዳስ ዝኾነ ዓርክና ናባና ገጹ ክሰግም ምስ ረኣናዮ ክንሓቶ ዕድል ዝረኸብና ኮይኑ ስለዝተሰማዓና ተሓጒስና። ግን ከም ሰብና ክንክበሮ ምእንቲ ሰሙ ጠቒስና፡ “እንቋዕ ሓጎሰካ” ኢልና ሰላም በልናዮ። ንሱ ግን መልሲ ከይሃበና፡ ንዓይ ሰሕቡ ኣብሉ ብኢደይ ክንተኒ ጀመረ። እንታይ ከም ዝደለየኒ ስለዘይተረደኣኒ፡ “ኣንታ ዓርከ ከየሳሰና ኮፍ ምባልና፡ ኣኽፊእናዶ?” እናበልኩ ብስክፍታ ካብ’ቲ ዝበርክዎ መቐመጢ ብድድ ኢለ ምስኡ ከድኩ። “ኣንታ እዛ ባር ኣብ ትካልኩም ከየስርሓ ባዕለይ ተዋሪደ። ሕጂ ግን ናብ ትካልኩም ኬድካ እዛ ባር’ዚኣ ቀዩርካለይ ምጻእ፡ በጃኻ ንዓኻ እየ ዝሕጸቕ” በለኒ። “እንታይ ኮይና ድኣ እዛ ባር?” በልክዎ። ንሱ ግን በጃኻ እዛ ስም’ዚኣ በዚኣ ቀዩርካ ኣምጽኣለይ ኢሉ ሓንቲ ንእሽቶ ወረቐትን ኢታ ኣብ ዳስ ተሰቒላ ዝነበረት ባርን ኣረከበኒ። ኣይተማታእኩን፡ ባረይን ጭርም ወረቐተይን ሒዘ ካብቲ ዳስ ወጺአ መኪናይ ኣልዒለ ከድኩ። ኣብ ትካለይ ኣትየ ድማ ነታ ሉሲፈር እትብል ስም ኣውጺአ በታ ዋና ዳስ ኣብ ጭርም ወረቐት ጽሒፉ ዝሃበኒ ስም ኣሕቲመ ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ሰዓት ናብኡ ብምምላስ፡ ነታ ባር ኣብታ ንዓኣ ዝተዳለወት ቦታ ሰቐልክዋ። ደድሕረይ ድማ እቶም ቀሺ መጺኦም ነታ ባር ኣንበብዋ። “ኣንታ ደቂ እንታይ ደዩ ወሪደኩም?” ብኣንጸርጸርሮት ሓተቱኒ። ኣነ ግን ደረተይ ነፊሐ፡ “እታ ስም ቀዩረያ’ኮ እየ ኣባቐሺ።” በልክዎም። “ወጮ እንተገልበጥካዮ ወጮ ኢሎም። ቢታ ሒዞማ ዝበሩ መስቀል ነታ ዝቐየርክዋ ስም ብምምልካት ኣንበብ እሲኪ በሉኒ። “ቤንሀር” ኢለ ከኣ ብዓውታ ኣንበብኩዋ። እሞ ‘ዘኣ እንታይ ክወጻ ጽብቕቲ ስም እንድያ” በልኩ። ትርጉሙ’’ኸ’ሞ፡ ጽቡቕ’ዶ? “ንትርጉምሲ ንሰኹም ትፈልጡ” ኢለ ደው በልኩ። ሽዑ ንሶም፡ “ቤንሀር ማለት ሓሊቓ ኢጋንንቲ እዩ።” ኢሎሙኒ ግልብጥ ኢሎም ከዱ። ኣነ ድማ ንዓርከይ ከናድዮ የማን ጸጋም ቁሊሕሊሕ እናበልኩ ከሎኹ፡ ዓርከይ ፍሽኽ እናበለ ክመጽእ ረኣኽዎ። “ኣንታ ኣሸጊርካ’ዶ? ድሓን ጸባሕ ሕሳብ ክንገብር ኢና። እንታይ ዘይምፍላጥ ሕሱም’ዩ። ኣብ ክሳራ ኣእቲናካ” በለኒ’ሞ፡ እቶም ቀሺ ደጊሞም ናባና ብምቕራብ “ኣንታ እምበር’ዶ ጥዒኻ ኣለኻ ኢኻ” ብምባል ሓወሲ ቀጥዕ ኢሎም ተዛረብዎ። ካብ ሉሲፈር ናብ ቤንሀር እንታይ ለውጢ ኣሎ። እዚ ሓሊቓ ኢጋንንቲ ማለት’ኮ እዩ በልዎ። ዓርከይ ድማ ገጹ ከሰል ተኸዲኑ ሕፍረት ተሰምዖ። ኣበይ ቀሺ፡ ቤንሀር ዝበሃሉ ድኣ መሊኦም እንድዮም ዘለዉ ብምባል ርእሱ ኣድንን ኣበሉ። እሞ እንተተባህሉ ንሸኻ ናትካ ዘይትገብር ኢሎሞ ከዱ። ንሱ ድማ ነታ ባር ኣውሪዱ ሒዝዋ ናብ ውሽጢ ገዛ ከደ። እታ ዳስ ድማ ብዘይ ባርን ስእልን ባላንቺና ጥራሕ ሒዛ ተረፈት። ድሕሪ’ዚ’ሞ እንታይ ክድገም ዓርከይ፡ “ወይ ዘይትፈልጦ ቋንቋ ኩላስም” ብምባል፡ ናብቲ ንፈልጦ ቋንቋ ተመለሱ ንወዱ ኮኾብ ኢልዎ።

“ድሕሪ ጥራጥ እግሪ ይእከብ፡ ድሕሪ ስሕተት ምኽሪ ይርከብ” ዝብል’ኹምሲ ከምዚ እዩ። ደላዩ ምኽሪ ዘጋጠሞ ከም’ዚ እዩ ነይሩ። ዘገድስ ነገር ንደቅና ትርጉም እንሀቦም ስም ኣረጋጊጽና ክንፈልጦ ከም ዘሎና እዩ። ምናልባሽ ኣብ’ዚ ሲቪላዊ ሕግና ኣብ እነውጽኦ ስሞት ሓጋዚ ኣይኮነን። ንሰም ዝምልከት ድንጋገታት’ኳ እንተሃለወ፡ ከምዚ ስም ክወሃብ ኣለዎን የብሉን ዝብል ኣይኮነን። ኣብ ሕግና ተኣቢሩ ዝርከብ ክልክል፡ ሓደ ቆልዓ ስም ኣቦኡ፡ ኣዴኡ፡ ሓዉ ሓብቱ ክወስድ የብሉን ካብ ምባል ጥራሕ ዝሓልፍ ኣይኮነን። እዚ ከኣ ሓደሸቲ ውሉዳትና ስም ኣቦሓጎኦም ክወስዱ ዝኽእል ከምዘኾኑ እዩ ዘብርሃልና። ብበውልቅና እንፈልጦ ተጓንፎ’ውን ኣይስኣንን ይኾውን። ከም ሰብ ግን ትርጉሙ

እንሬልጦ ስምን ምስ ኩነታትና ዝሰማማዕን እንተወጻእና ተመሪጹ እዩ። እዚ ንምግባር ድማ ስም ክወጽእ ዝሕግዙና፡ ባህሊ፡ እምነት፡ ድሕረባይታ ናይ ሰባትን ካልኦት ኢጋጥሚታትን ክንወስድ ንኽእል ኢና። እቲ ዝበለጸ ብባህልኻን ቋንቋኻን እትፈልጦ ስም ምውጻእ እዩ። ምኽንያቱ ስም ክወጽእ እንከሎና ብፍታውና እንንብሮ ስለዘየኮነ ምስ ኣተሓሳስባናን ድሕረባይታናን ዘሳኒ ክንገብሮ ሞራላዊ'ምግባር ሕጋዊ ግዴታ የብልናን።

ናብዛ ልዕል ክንብል ዝጠቐስናያ ዛንታ ምስ እንምለስ፡ እቲ ጸገም ሕማቕ ሕልና ዘይብሉ፡ ትርጉም እተወጽኦ ስም ዘይምፍላጥ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ። ብልክዕ'ውን ንወለዱ ሕማቕ ትርጉም ዘለዎ ስም ኣሸንኳይ'ዶ ከውጽኣሉስ ከም ፋል ተሓሲቡ ወለዱ ናብ ዝበለጸ ስምን ዝናን ክዕብየሉ ዝምነ ወላዲ እዩ ዘሎና። ዝጠቐስናዮ ወላዲ ብኣግኡ ትርጉም ዝመረጾ ስም ስለዘይተሓበረ ናብ ዝፈልጦ ስም ቀዪርዎ። እንተኾነ ከምዚ ዝተጋገረ ጸገም፡ ማለት ትርጉሙ ብዘይምፍላጥ ሕማቕ ስም ዘለዎም ሰባት ክህልዉ ግድን እዩ። ዝበዝሕና ትርጉም ስማትና ተሓቲትና'ውን ብልክዕ እንፈልጦ ኣይኮናን። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ወይ ቁርዓን ኣሎ፡ ወይ ከምዛ ስመይ ዝበረቶ መልኣኽ፡ ገብረ ሰናይ ወይ ካልእ ጅግንነት ዝፈጸመ ብምባሉት ኢና ክንትርጉም እንፍትን። እዚ ከኣ ኩልና ትርጉም ስማትና ክንሓትትን ክንፍትሽን ኣገዳሲ ምኳኑ እዩ። ምናልባሽ ሕማቕ ትርጉም ዘለዎ ስም ምስ ዝህልወና፡ ሕጊ ነዚ ዝኸውን ፍታሕ ገይሩ ኣሎ። ንሱ ድማ ናብ ኣማኸርቲ ወይ ጸሓፍቲ ሕጊ ኬድና ድሕሪ ምምኻርን ምልክታ ምጽሓፍን፡ ስምና ደዩ ስም ወለዱትና ወይ መቐርብና ክቐየረልና ናብ ቤት ፍርዲ ከመልክት ንኽእል ኢና። ቤት ፍርዲ ድማ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ከም ዝቃላሕ ይገብሮ'ሞ፡ ሽዑ ኣብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ እቲ ጋዜጣ ብምንባብ ዝቃወም ክይህሉ ይሕተት። ዝቃወም ሰብ ምስ ዘይህሉ ድማ ዝበረ ስም በቲ ኣመልካቲ ወይ ስድራቤቱ ዝመረጽዎ ሓዲሽ ስም ተተኪኡ ከም ዘሎን ድሕሪ'ዚ ውሳኔ'ዚ ድማ ኩሎም ሰነዳት እቲ ስሙ ዘቐየረ ሰብ በዚ ሓዲሽ ክትካእ ከም ዘለዎ ይእዝዝ። ካብኡ ንድሓር ድማ በዚ ሓዲሽ ክጽዋዕ ይጅምር።

እዚ ከኣ ብሲቪላዊ ሕግና ተፈቒዱ ዘሎ ኣገባብ ምቕያር ወይ ምስትኽኻል ስም ይብሃል። በዚ ኣገባብ'ዚ ድማ ቀዳማይ ስምና ኮነ ስም ኣቦና ወይ'ውን ኣቡሓጎና ክንቅይር ንደሊ ንኸውን። ቀዳማይ ስምና ንምቕያር ዝሕተት ዝኾነ ምኽንያት የለን። ጥራሕ ዝበረ ስምን ሕጂ ክትካእ ተደልዩ ዘሎ ስምን ጠቒስና ክንቅይሮ ከም ዝደለና ንቤት ፍርዲ ምግላጽ ጥራሕ እዩ። ኣብዚ ክንጥንቀቐሉ ዝግባእ ሕጊ'ውን ኣሰፊርዎ ዝርከብ እንተሃልዩ ድማ፡ እቲ ምቕያር ስም ንረብሓ ሳልሳይ ኣካል ብኣሉታ ዝጸሉ ክኸውን የብሉን። እዚ ንክይከውን እዩ ድማ ኣብ ጋዜጣ ከም ዝእወጅ ዝግበር።

ስማት ኣቦና ኣዴና ኣቡሓጎና ወዘተ ክንቅይር ምስ እንደሊ ግን ብቑዕ መቐየሪ ምኽንያት ከቕርብ ብሕጊ ንግደድ ኢና። እዚ ከኣ ስለምንታይ ኢና ንቕይሮ ዘሎና ንቤት ፍርዲ ዘዕግብ ምኽንያት ከቕርብ ኣሎና ማለት እዩ። እንተዘይኮይኑ ቤት ፍርዲ ዝቐረበ ናይ ምቕያር ምልክታ ክነጽጎ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ስም ኣቦና ኮነ ኣቡሓጎና ክንቅይር ከሎና መንነትና ኢና ንቕይር ዘሎና። ዝተፈላለዩ ሕጋዊ ሳዕቤን ዘለዎም ከም ኣጦት ዝኣመሰሉ ክርክራት ክለዓሉ ስለዘኽእሉ እዩ ድማ ሕጊ ነዚ ብቐሊሉ ንኽቕየር ዘየፍቀደ። ብተወሳኺ ድማ ስምና ቀይርና ኣብ ዝኾነ መንግስታዊ ወይ ሲቪላዊ ጉዳያት ከነታልል ምስ እንፍትን ብገበናዊ ሕጊ ዘቕጽዕ ምኳኑ ክርሳዕ የብሉን።

ኣብ መወዳእታ፡ ነዚ ዛዕባ መበገሲ ዝኾነት ዛንታ ዘቕረበልና ደላዪ ምኽሪ እናኣመስገንና፡ ጽሑፍና ንምጥቕላል፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ስም ከውጽእ



ከሎና ንባህልን ክብርን ሕብረተሰብ ዘንጸባርቕ ክኸውን ዝግባእ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ልዕሊ ኩሉ ግን ትርጉሙ እንፈልጦን ንዓናን ከውንነትናን ዝገልጽን ክኸውን ዝበለጸ እዩ። እዚ ክኸውን ከም ዘለዎ ንኩሉ ብሩህ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓንቲ ኣገዳሲት ከተኩረላ ዘሎና ግን ኩሉ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ቁርኣን ወ/ይውን ካልኦት ጽሑፋት ተጠቒሱ ዝርከብ ስም ቅዱስን ጽቡቕን ትርጉም ጥራሕ ዘለዎ ገርና ክንወስዶ ኣይግባእን። ምኽንያቱ ኣብ'ዞም ዝጠቐስናዮም ንዋየ ቅዱሳን ወይ ካልኦት ጽሑፋት ቅዱሳት ሰባት ጥራሕ ዘይኮኑስ ብኣንጻሩ ዘይቅቡል ተግባራት ዝበርዎምን ትርጉም ኣስማቶም ጽቡቕ ዘይኮነ እውን ኣለው። ስለዚ ብስም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ወይ ቁርኣን ተጠቒሱ ምህላው ኣኻሊ ኣይኮነን'ሞ ህዝቢ ነዚ ክጥቀሓሉ የድሊ። ምናልባሽ ስማት ናይ ደቅና ኣሰር'ቶም ዓበይቲ ታሪኽ ዝፈጸሙ ሰባት ክኾኑልና ብምሕሳብ ክንህቦም ንኽእል ንኸውን። ታሪኽ ናይቶም ሰባት ጥራሕ ግን ኣኻሊ ክኸውን ኣይክእልን። ትርጉም ናይቲ ስም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ ንብል። ብጠዘተረፈ ዎድሓንክም፡ ድሓን ይሃበልና።

ባህልን ስነጥበባትን

# ወግዒ ምስ ድምጻዊት ዳናይት የሃንስ

*ሚኪኤል በርሀ (ወዲ በርሀ)*



ዳናይት የሃንስ እያ ትበሃል። ሓንቲ ካብተን ኣብ መጸኢ ልዑል ስምን ዝናን ረኺበን፡ ኣብ መድረኻት ስነ-ጥበብ ሃገርናን ዓለምን ከኑላዕልዓ ትጽቢት ዝግበረለን ውልዶ ድምጻውያን ሃገርና እያ። ዳናይት ብ1993 ኣብ ኣስመራ ኣብ ካምፖ ፖሊስ (እምባ ጋልያኖ) እያ ተወሊዳ። ምስ'ታ ልዑል ናይ ሙዚቃ ፍቕሪ ዝነበራ ስድራቤት ድማ ኣብ'ቲ ቦታ ዓብያ። ዳናይት ናይ ትምህርቲ ዕድሜኣ ምስ ኣኸለ፡ ናይ መባእታ ትምህርታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍረ-ህይወት፡ ናይ ማእከላ ደረጃ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ እምባጠቓራ እያ ተማሂራ። ካብኡ ቀጺላ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓርነት (ታይታኒክ) ምስ ዛዘመት፡ ሃገራዊ ጉቡኣን ናይ 12 ክፍሊ ትምህርታን ንምክትታል ምስ ኣባላት 25 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ወሪዳ። ኣብ ሳዋ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ተፈቲና ናብ ኮሌጅ ዘእትዋ ነጥቢ ብምርካባ ናብ ኮሌጅ ጥበባትን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ ቐይሕ ተጸንቢራ።

ኣብ ኮለጃት ጥበባትን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ከምኡ'ውን ኣብ ኢንስቲትዩት ተክኖሎጂ ኤርትራ ትምህርታ ብምክትታል ኣብ 2015 ብዓውዲ ትምህርታዊ ምሕደራ "Educational Administration" ክትምረቕ ድሕሪ ምብቃዓ፡ ኣብ ዓውዲ ምምህርና ተመዲባ፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ሰሪሓ። ዳናይት፡ ካብ ብንእስነታ ኣትሒዛ ጎኒ ጎኒ ትምህርታ ኣብ ዓውዲ ስነ-ጥበብ ብፍላይ ድማ ኣብ ዓውዲ ደርፊ ትነጥፍ ነይራ። ከም ውጽኢቱ ድማ በዚ ሞያዚ ዝያዳ እናደመቐትን እናዓበየትን ክትመጽእ ጸኒሓ ኣላ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ድማ በቲ ዝያዳ ትፈትዎ ዓውዲ ስነ-ጥበብ፡ ኣብ ጉጅለ ባህሊ ኣሰር ንሃገራ እጃማ ኣብ ምብርካት ትርከብ። ንዳናይት ኣብ ስነ-ጥበባዊ ጉዕዞኣ ምርኩስ ብምግባር ናይ ሎሚ ጋሻና ጌርናያ ኣሎና።

- **ብንእሽተኺ ከለኺ ምስ ዓበኺ እንታይ ክትኮኒ ኢኺ ትደልዪ ነይርኪ፧**

ገና ቁልዓ ከለኹ'የ ብናይ ጥባ ሞያ ተጸልየ። ጥባ ኣብ ገዛና ቀጻሊ ልምምድ ደርፊ የካይድ ስለ ዝነበረ፡ ኣነ'ውን ከምኡ ክኸውን ኢብህግ ነይረ።

- **እዚ ሕጂ በጺሕክዮ ዘለኽስ ውጽኢት ናቱ እዩ ክንብል ይከኣል እዩ ማለት'ዩ፧**

ብትኽክል እምበር። ናይ ጥባ ጽልዋ ዓቢ እዩ ነይሩ። በይነይ ዘይኮንኩ ዋላ ሰምሃር ሓብተይ'ውን ብናይ ጥባ እያ ተጸልያ ኑቲ ሞያ ኣትያቶ።

- **ደርፊ ንዓኺ እንታይ እዩ፧**

እ ... ደርፊ ንዓይ ሞያ እዩ፡ ሰራሕ እዩ። ልክዕ ከምቶም ካልኦት ሞያታታት ጻዕሪ፡ ተወፋይነት፡ ንቕሓት፡ ምህዞ፡ ተበላሓትነት ወዘተ ዝሓትት ሞያ እዩ። እቲ ፍልልይ ኣብ ደርፊ ናብ ህዝቢ ዝተቓላዕካ ስለ ዝኾንካ ብዙሕ ሰብ ይፈልጠካ፡ ኣብ'ቶም ካልኦት ሞያታታት ግና ዝተወሰነ ሰብ እዩ ዝፈልጠካ። ከም ተወሳኺ ድማ ኣብ ሞያ ድምጻዊ ምኳን ቁሩብ ተወሃቦ ስለ ዘድልየካ ፍሉይነት ይህልዎ ይኸውን እምበር፡ ካብ'ቶም ካልኦት ዝፍለ ዓይነት ሞያ ኣይኮነን።

- **ናብ ህዝቢ ምቕላዕኪ እሞ ከመይ ረኺብክዮ?**

ቀሊል ኣይኮነን። ከቢድ'ዩ።

ማለትሲ ብዙሕ ዓቕልን ተጻዋርነትን ጥንቃቐን ይሓትት እዩ። ዋላ ኣብቲ ዝኾነ ሰብ ዝጉብር ንቡር ነገር ኢኻ ትስከፍ።

**• ንመጀመርታ ናብ ሞያ ደርፊ ዝኣተኽሉ ኣጋጣሚ ከመይ ትዝክርዮ፧**

ካብ 'ሃይስኩል' ኣትሒዘ ኣብ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ንጥፈታት ናይ ቤት ትምህርትና ክሳተፍ እፍትን ነይረ እየ። ግና ብዕቱብ ሐዘ ክሰርሓሉ ዝጀምርኩሉ ኣጋጣሚ ግና ተመሃሪት ቀዳማይ ዓመት ናይ ኮሌጅ ከለኹ እየ። `ባባ` ድሌታተይ ናብ መዚቃ ኩብል ምስ ኣስተውዓለለይ፣ `ዳናይት ጓለይ ስራሕብ ኩተርክብሉ ትኽእሊ ኢኺ። ትምህርቲ ግና ሕጂ እንተዘይሰሪሕክሉ ደሓር ክትረኽብዮ ክትጸግሚ ኢኺ፡` ይብለኒ ስለ ዝነበረ ምስ ብርቱዕ ድሌታተይ እንክለኹ እየ ኮነ ኢለ ኣድህቦይ ናብ ትምህርተይ ኣቢለዮ ነይረ። ተማሃሪት ቀዳማይ ዓመት ከለኹ ግና ተሳዒረ፣ ናብ ናይ ደርፊ ዓለም ኣሃዱ ኢለ ተጸንበረ።

**• እሞ ከመይ ነበረ እቲ ኣጋጣሚ፧ እቲ ግብረ መልሲ፣ እቲ ሃዋህው ከመይ ትዝክርዮ፧**

እቲ ኣጋጣሚ ኣብ መዛዘሚ ትምህርቲ እዩ ነይሩ። ኣብ ኮሌጅ ዓዲ ቐይሕ ማለተይ እየ። ኣጋጣሚ ዝፈልጡኒ ሰባት ስለ ዝነበሩ ስለ ዘተባብዑኒ እየ ተሳቲፈ። ነታ ቅድሚ ሳዋ ምኻደይ ኣብ ስቱድዮ ዝመላእክዋ ደርፈይ እየ ኣቕሪበያ። እቲ ኣጋጣሚ ፍሉይ ስምዒት እዩ ፈጢሩለይ። ምትብባዕ ናይ ህዝብን መማህርተይን ድማ ተወሲኽዎ! ደስ ዝበል ኣጋጣሚ እዩ ነይሩ። ብዙሓት ሰባት ድማ ኣበይ ድኣ ነይርኪ ክሳብ ሕጂ ዝበሉኒ ነይሮም።

**• ዝያዳ ኣብ ትምህርቲ ዘጸቕጥክሉ ምኽንያት ኣቦኺ ስለ ዝተባብዑኺ ድዩ ወይስ ካልእ ምኽንያት ስለዝነበረኪ ኢኺ፧**

ናይ ኣቦይ ምኽርን ለበዋን ኣብ ቦትኡ እንክሎ፡ ኣብ ትምህርቲ ዝነበረኒ መረዳእታ እውን ዝያዳ ሓጊዚ ነይሩ እዩ። ብዘይ ቀልዓለም ትምህርቲ! ኣይኮነን ኣብ'ቲ ክትዓብየሉ ዝደለኻ ሞያ፡ ኣብ ተራ ኣነባብርኻ ከማን ልዑል ደገፍ




እዩ ዘለዎ። ብዓቕምኻ ትምህርቲ እንተ ሃሊዩኻ፣ ናይ ምምዛዛንን ምስትውዓልን ዓቕሚ ደሊብካ ኣለኻ ማለት እዩ።

**• ድሕሪኡ እቲ ጉዕዞ ከመይ ቀጸለ፧**

ናይ ቀዳማይ ዓመት ትምህርተይ ኣብ ኮሌጅ ዓዲ ቐይሕ ምስ ተኸታተልኩ፣ ቀጺለ ናብ ኮሌጅ ኤዱኬሽን ማይ ነፍሒ እየ ተቐይረ። ኣብ ማይ ነፍሒ ድማ ምስ ጉጅለ ባህሊ ናይ'ታ ኮሌጅ ብምኻን ክሳብ ካብ'ቲ ኮሌጅ ወዲኣ ዝወጽእ ኣብታ ጉጅለ ተጠርኒፈ ብዙሓት ንጥፈታት ኣሰላሲለ እየ። ኣብ ዝተፈላለዩ ምርኢታት ናይ'ቲ ኮሌጅ፣ ብሃማመተኤ ኣብ ዝወደብ መደባት፣ ኣብ መኣዲ ስነ-ጥበብ ብዓበኡ ድማ ኣብ ኢንተር ኮሌጅ ተሳቲፈ ደስ ዝበል እዋን ድማ የሕሊፈ እየ።

**• እሞ ትምህርትን ስነ-ጥበብን ድኣ ከመይ ኣሳንኺየን፧**

እዋእ! ብዘይ ቀልዓለም ስምዒት ኮይኑ እምበር ዋጋ የኽፍለካ እዩ። ንኣብነት ናይ ኢንተር ኮሌጅ ምድላዋት እናገበርና ከለና፣ ካብ ልምምድ ክምለስ ከለኹ ኩለን ደቂ ገዛይ ከጽንዓ ክጽንሓኒ ከለዋ ናይ ብሓቂ እስመዓኒ ነይሩ። ግና እታ ድሌት ስለዝነበረት ካብቲ ሞያ ክእለ ይኸብደኒ ነይሩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ ርሱን ናይ ኮሌጃት ምትህልላኽ ስለ ዝነበረ፣ ንጉጅለኻ ከተግድዕ ኣይትደልን ኢኻ`ኖ።

**• ናይ ኢንተር ኮሌጅ ዝኸርታትኪ`ኸ ከመይ ትገልጽዮ፧**

ኣብቲ መጻረዪ ዝነበረሉ ግዜ ናይ ኣቦይ ዝነበረት ደርፊ እየ ሒዘ ቀሪበ፣ ናይ ሃገር ኮይና `ኣለናልኪ` ኢያ ትብል። ብዙሕ ምትዕርራይ እየ ገይረላ። ደሓር ምስተን ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ጸንብል ዝድረፋ ደርፍታት ተመሪጻ ስትድዮ ኣትያ። ኣብ ኮሌጅ ሓመልማሎ ኣብ ዝተኻየደ መዕጸዊ ድማ ኣቕሪበያ። ናይ ብሓቂ ድማ ብዙሕ ሰብ ዝኸሰበትላን ናብ ህዝቢ ዘላለየትኒ ኣጋጣምን ኢያ ነይራ። ኣብ ሞንን ኮሌጃት ዝነበረ ህልኽን ስምዒትን ግና ክሳብ ሕጂ ኣይርስዖን እየ።

**• ኣብ መመረቕታኺ`ውን ደሪፍኺ ነይርኪ ኢኺ፧ እቲ ኣጋጣሚ ከመይ እዩ ነይሩ፧**

ኣብ ስነ-ጥበብ ዓለም ካብ ዝጸንበር ዝያዳ ዝተሓጎሰኩላ መዓልቲ ኢያ ነይራ። ሓደ ኣብ ቅድሚ ኣሽሓት ሰባት ክትደርፍ ቀሊል ኣይኮነን። ካልኣይ ድማ በቲ ዝፈትዎ ዓውዲ ኮይነ ክንደይ ጻዕሪ ዘፍሰሰ ተመራቓይ እንቋዕ ሓጎሰካ ምባለይ ካብ መጠን ንላዕሊ እየ ተሓጒሰ።

**• ኣብጋግሳ ናይ'ታ ደርፊ ከመይ እዩ ነይሩ፧ ትሕዝቶኣ`ኸ፧**

ግጥምን ዜማን ሓይለኣብ (ወዲ ቀሪን) እዩ ገይርዋ። እቲ ኣብጋግሳ ኖርማል እና ኣዕለልና ከለና እዩ ዝጀምር። ሓይለኣብ "ኣብ መመረቕታኺ እንተትደርፊሰ ከመይ ጽቡቕ ነይሩ" ይብለኒ። ኣነ ድማ "ኣበይ እሞ ክረኽቦ" ኢለ ምስ መለስኩሉ፣ ድሌተይ ተረዲኡ ቅንዩ ኢሉ ግጥምን ዜማን ሰሪሑለይ መጺዩ። ኣብጋግስኣን ኣሰራርሓኣን ብዙሞልክት እዚ እዩ ነይሩ። ትሕዝቶኣ እንተኾይኑ ድማ ብዛዕባ እታ መዓልቲ እዩ ክገልጽ ዝፍትን። እታ መዓልቲ ክብርቲ መዓልቲ ምኻና ምስ መርዓ እናወዳደረ እዩ ከርኢ ዝፍትን።

**• ብምንታይ ኢኺ ወዲእኪ፧**

ምሕደራ ትምህርቲ (Educational administration)

**• እዚ ዘወዳእክዮ ዓውደ ትምህርቲ ኣብዚ ሕጂ ትነጥፍሉ ዘለኺ ሞያ ስነ-ጥበብ ጽልዋ ይህልዎ`ዶ ትብሊ፧**

ብቐጥታ እኳ እንተ ዘይበልኩ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ዝህልዎ ተራ ኣዘዩ ልዑል እዩ። ካልእ ይትረፍ ንኩበሰይ

ብኸመይ ከመሓድራ ከም ዘለኒ፡ እዚ ዓውዲ`ዚ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ኣብ “Educational administration” ናይ ምሕደራ ኣርእስቲ ብስርዓት ትወሰድ ኢኻ። በዚ ድማ ኣብ'ቶም ዝወሰድዎም ናይ ህይወተይ ውሳኔታት ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ ማለት እዩ።

- **ድሕሪኡ ኣንፈትኪ ናበይ ኣበለ፧**

ትምህርተይ ምስ ዛዘምኩ ኣብ ሞያ ምምህርና እየ ተጸሚደ። ኣብቲ ዝተመደብክዎ ቦታ ድማ ንኣስታት ኣርባዕተ ዓመት ምስ ኣገልገልኩ ናብ ጉጅለ ባህሊ ኣሰር (ኣብ ትሕቲ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን እትካየድ) ብምጥርናፍ ናይ ስነ-ጥበብ ንጥፈታተይ ኣብ ምስልሳል እርከብ ኣለኹ።

- **እታ ምስ ህዝቢ ዝያዳ ዘፋለጠትኪ ደርፊ እታ `እኽልቲ`የ` እትብል ደርፍኺ እያ። ብዛዕባኣ እንታይ ትብልና፧**

እታ ደርፊ ግጥማ ብመሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)ን ክብረኣብ ተስፋሚካኤልን እያ ተሰሪሓ። ዜማኣ ድማ ጠዊል እዩ ኣዳልዩዋ። ዳይረክቲንግ ድማ ብዳኒኤል ኣብርሃም ተሰላሲላ ማለት እዩ። ኣቢጋግባ ናይ'ታ ደርፊ እንተ'ኾይኑ፡ ጠዊል ንዓኺ ትኸውን ደርፊ ረኺበልኪ ኣለኹ ምስ በለኒ እዩ ዝጀምር። ምስ ረኣኽዋ ድማ ዝያዳ ደስ ኢላትኒ። በዚ ድማ ክንሰርሓ ወሲንና። ኣብ መውዳእትኡ ድማ ዘዕግብ ውጽኢት ረኺብናሉ።

- **ኣሰራርሓኣ`ከ ከመይ ትዝክርዮ፧**

**ሓንቲ ደርፊ ንኽትሰርሕ ዝሕለፍ ብደሆታት ከመይ ትገልጽዮ፧**

ብዛዕባ ኣሰራርሓኣ ካብ ካልኦት ዝሰራሕክወን ፍርያተይ ዝተፈልየት ኣይኮነትን። ግና ብዙሕ ወህደትን ምትሕብባርን ዝረኣኸላ ስራሕ እያ። ሓንቲ ደርፊ ካብ ትጅመር ክሳብ ትውዳእ ብዙሕ ብደሆታት እዩ ዝሕለፍ። ካብ ኣውደዮ ጀሚርካ ብዙሕ ድኻም እዩ ዘለዎ። ግጥምን ዜማን ምስ ተወደአ ጎረሮኻ ስሒልካ ኣብ ስትድዮ ኢኻ ትመልኦ። ብዘይካ እቲ ኣብ ብቐዓት ንምምጻእ እትገብሮ ጻዕሪ፡ ኣብ ስትድዮ ምስ መዚቃ ንምውህሃድ እትገብሮ ቃልሲ`ውን ቀሊል ኣይኮነን። ድሕሪኡ መዚቃ ምቕንባር፡ ስእሊ ምውሳድ፡ ዳይረክት ምግባር፡ ሳዕስዒት ምስ'ታ ደርፊ ምውህሃድ፡ ኣዲት ምግባርን ምዝርጋሕን መስርያም ሓልዮም ዝመጹ መስርሓት እዮም። ስለዚ ኩሎም ኩሎም መስርሓት ሓሊፍካ ዝግበር ስራሕ ቀሊል ኣይመስለንን።

- **ናይ ሳዋ ተመኩሮታትኪ`ኸ፧**

ኣብ ክልተ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ኤርትራ ተሳቲፈ ኣለኹ። ሓንቲ ካብኣተን ድማ እዛ ምስ ሰምሃር ሓብተይ ዝደረፍክዋ ኮም ኣብኡ ክንወስዳ ይከኣል እዩ። እታ ደርፊ `ሓረሮ መተሮ` ትብል ኮይና ብመሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል) እያ ተገጢማ።

- **ካብ ሰምሃር ሓብትኺ ዝወሰድክዮም ተመኩሮታት ኣለዉ`ዶ፧**

ብርግጽ እምበር። ሰምሃር ምዕባይ ሓብተይ እያ። ኣብዚ ዓውዲ ድማ ቀዲመይ እያ ጀሚራ። ብዙሕ ተመኩሮ እያ ደሊባ ጸኒሓትኒ። ስለዚ ከምዚኣ ዓይነት ሰብ እሞ ድማ ኣብ ኢደካ ክትህሉ ዓቢ ነገር እዩ ንዓይ። ናይ ብሓቂ ድማ ካብ ሰምሃር ሓብተይ ብዙሕ እየ ተማሂረ። ናይ ስነ-ጥበብ ጉዕዞይ ከመይ ክኸውን ከም ዘለዎ፡ ቴክኒካት ናይ ኣደራርፋን ካልእን ካብ ሰምሃር ሓብተይ እየ ተማሂረዮም። ኮታ ብዙሕ ክገልጾ ዘይክእል ዘይክእልን ነገራት ዝተማሃርኩ ኮይነ ይስመዓኒ።

- **ምስ ሰምሃር ሓብትኺ ዘፈላልየክንን ዘመሳስለክንን፧**

ንዓይ ከም ዝመስለኒ፡ ካብ ዘፈላልየና ዘመሳስለና ኣዝዩ ዝበዝሐ እዩ። ኣደራርፋና፡ ቴክኒክ ኣጠቓቕማና ከምኡ`ውን ምንቅስቓሳትና ዝመሳሰል ኮይኑ እስመዓኒ። ዘፈላልየና ድማ ብዓቢኡ እቲ ተመኩሮ ኣሎ። ካልእ ድማ ኣይሰኣንን ይኸውን እዩ።

- **ሞያኺ ንምዕባይ ዝበርክቶ ውልቃዊ ጻዕሪ እንተሎ፧**

ብዓቕመይ ልምምድ የካይድ እየ። ኣብ ርእሲ`ዚ ድማ ደርፍታት ኣብ ምምራጽ ጥንቕቕቲ እየ። ዝተፈላለዩ ደርፍታት ይመጹኒ እዮም። ግና ኑቶም ምሳይ ዝሰማምዑ ደርፍታት እየ ዝመርጽ።


- **ኑቶም ምሳኺ ክኸዱ ዝኽእሉ ደርፍታት ብኸመይ ኢኺ ትመርጽዮም፧**

ብፍሉይ ዝጥቀመሉ ተክኒክ እኳ የብለይን። ግና ምስ ፈተንክዮም ይርድኣኻ እዩም። ዳርጋ መብዛሕትኦም ገጠምቲ ዓድና እውን ዝዚ ኣብ ግምት እናእተዉ ዝሰርሑ ምኳኖም ብዙሕ ኣይትደክምን ኢኻ። እዚኣ ምሳኺ ትኸይድ ደርፊ እያ እናበሉ እዮም ዝመርሑኻ። ብሓፈሻ ግና ምሳኻ ዝሰማማዕ ደርፊ ኣብ ምምራጽ ጥንቃቐ ኣጉዳሲ ኮይኑ እስመዓኒ።

- **ሓደ ደረፋይ ክማልኦ ዘለዎ ነጥቢታት፧**

ኣብ ርእሲ`ቲ ዘለዎ ተውህቦ ትሑት፡ መኽበሪ ሰብ ከምኡ`ውን ጻዕራም ክኸውን ኣለዎ በሃሊት እየ።

- **ሰለስተ ዝምስጡኺ ካብ ባህርያት**





**ሰባት፤**

ብኡብሱ ዝተኣማመን ሰብ፣ ግሉጽነት ዘለዎ ከምኡ`ውን ሕወስ ባህርያት ዘለዎ ባህ ዝብሉኒ ዓይነት ባህርያት እዮም።

**• ሰለስተ ዓበይቲ ነገራት ተመጻጺ እንተትብሃሊ፤**

ቀዳማይ ነገር ኣብ ህይወተይ ምሉእ ጥዕና ክህልወኒ፣ ኣብዚ ሐዚዮ ዘለኹ ሞያ ብጽቡቕ ክዓቢ ከምኡ`ውን ኣምላኽ ዓቕሚ ሂቡኒ ንሰባት ክሕግዝ እየ።

**• ብፍሉይ እትዝክርያ ኣጋጣሚ፤**

እታ ኣብ መመረቕታይ ዝደረፍኩላ ዕለት ብፍሉይ እየ ዝዝክራ። እቲ ዝኡበረ ሃዋህው ኣቓድም ኣበለ ገሊጸልካ እየ። እቲ ዝነበረ ስምዒት ክሳብ ሕጂ ኣይርስዖን እየ።

**• ክትብልዮ ትደልዩ ነገር እንተልዩ፤**

ኑተን ኣብ ገዛ ምስ ክእሉተን ተዓቢጠን ዘለዋ ደቀ'ንስትዮ ሃገርና፣ በዚ ኣጋጣሚ ወጽየን ክሰርሓሉ ይምሕጸነን። ዓውዲ መዚቃ ካብ ካልኦት ሞያታታት ዝተፈልየ ኣይኮነን። ሕብረተሰብና ድማ ድሌታተን ክርደኣለን የዘናኽር። ድምጻውያን ሃገርና ከምገን ምስሰና።

**• ንኽተማስዮሉ ዕድል ክህበኪ፤**

ብመጀመርያ ናብዚ በጺሐዮ ዘለኹ ደረጃ ንምብጻሕ ዘኽኣለኒ ፈጣሪ ኣመስግኖ። ብምቕጻል ንወለደይ ኣቶ የሃንስ እስቲፋኖስን ወ/ሮ ኣልማዝ ግርማይን ስለ'ቲ ዘርኣዩኒ ዘይውዳእ ሞራሎምን ሓልዮቶምን የመስግነን። ብዘወሳኺ ንኹሎም ፈተውተይን መሳርሕተይን ካብ ልቢ ኣመስግኖም።

**• የቐንየልና።**

# እኽልቲ'የ

በዓል ምሉእ ቁመና ምጭው ወዲ
ጎይታ ኩሉ እንዲኻ ርእሲ ዓዲ
ረኺብካኒ ተበልኩ እንታይ ትብለ
ኣፍቂረካ ተበልኩ እንታይ ትብለ
ፈውሲ ቃንዛይ'ዩ ሕቶይ ኣይትገረመ
ዳርጋ ፈውሲ'ዩ ኢሎሞ ምፍላጥ ሕማም።
ዘይተዘርገት ዓይኒ ጽብቕቲ ዕምበባ
ሸዊት'የ ዘለኹ ጸሓይ ዘይረኸባ
ማንም ዘይከፈቶ ልበይ ብድንግሉ
ይጽበየካ'ሎ ፍቕሪ ክትጽሕፈሉ።
ንትዓብየካ'ዩ ሰብ ዝዛረበልካ
ናተይ ግዳ ምኹኑይ 'ሓብቲ ትኾነካ'
ወላ ተዕብየኒ እናተኸናኸንካ
እምበር ፈትየካ'የ ሓቂ ክነግረካ።
በርብረኒ ፍቕሪ ተደሊኻ
ቀረበኒ ፍቕሪ ተደሊኻ
ፍለጠኒ ልበይ ተደሊኻ
እኽልቲ'የ ሰኽፍ ኣይበልካ።

ልበይ እንተዓብዩኒ ከም ጸጋ ውሰዶ
ጻውዒተይ ተቐበል ፍቕረይ ተኣንገዶ
ወላ ይበሉኻ ህጻን'ያ ቀልዓ'ያ
መልሲ'ለካ ካብ ቀደም ከም ጓለይ የዕብያ።

እሞ ልበይ ዶ ቀዲሙ 'ቲ ዕድመይ ከይኣኸለ
ወይስ ከምኡ'የ ኮይኑ ፈታር ልቢ ተዓዲለ
በዝን በትን ኣይብለካን ኣይኮነንን'ዩ ፈውሲ
ጥራይ ናትኪ'የ በለኒ ሕራይ ግበሮ 'ቲ መልሲ
ንኢስኪ ኣይትበለ ገና...ገና ኣይትበለ
ፍቕርኻ'ዩ ሒዙኒ ዕድመይ 'ንታይ ገበረ።
ቀልዓ'ኺ ኣይትበለ ገና'ኺ ኣይትበለ
ልበይ'ዩ ኣዚዙኒ ኣነ 'ንታይ ክብለ።

ኣታ....ኣታ..ኣታ
ንኢስኪ ኣይትበለኒ ግደፍ
ቀልዓ'ኺ ኣትበለኒ ሕደገኒ።

*ግጥሚ፥ ክብረኣብ ተስፋሚካኤል*
*ዜማ፥ መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)*
*ድምጻዊት፥ ዳናይት የሃንስ*

## ህዝብታትን ባህልታቶምን

ሸሃብ ኣርኣያ

# ክብሪ ስራሕን ድስፕሊንን ጃፓን

ኣብ እዋን ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ሃገረ ጃፓን ኣብ ሰብን ንብረታን ከቢድ ጉድኣት ብምውራዱ፡ "ድሕሪ ሚኢቲ ዓመት'ውን ክትትንስእ ኣይክትክእልን'ያ" ናብ ዝተባህለትሉ ደረጃ'ያ በጺሓ። እንተኾነ ግን፡ ጃፓናውያን ንበሰላ ኩናት ብምሕዋይ ነታ ዝዓነወት ሃገሮም ኣብ ሓጺር ግዜ ምስ ዝማዕበላ ሃገራት ዓለምና ንኽትሰራዕ ኣኽኢሎምዋ'ዮም። ጃፓን ዝጥቀስ ጸጋ'ኳ እንተዘይብላ፡ እቲ ዝበለጸ ጸጋኣ ህዝባን ባህላን ምኳኑ ብምእማን፡ ባህላ ዓቒባ ዜጋታት ብምስልጣን፡ ጽልዋኣ ኣብ ምስፍሕፋሕ ትርከብ።

### ኣብ ናይ ሓባር ጻዕሪ ዝኣምን ባህሊ

ጃፓናውያን ብትሕትናኦምን፡ ልዑል ዲሲፕሊንን ፍቕሪ ስራሕን ዝልለዩ ህዝቢ'ዮም። ባህሊ ስራሕ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ጃፓን ምስ እምነት ጥቡቕ ምትእስሳር'ዩ ዘለዎ። ቀንዲ ሕመረት'ዚ ባህሊ ከኣ፡ ዓወት ኣብ ናይ ሓባር ጻዕሪ ከም ዝርከብ ዝኣምን'ዩ።

ህጻናት ጃፓን ኣብ ህጻንነቶም "ንሕና" እምበር፡ "ንዓይ" ዝብል ቃል ነውሪ ምኳኑ እናተማህሩ'ዮም ዝዓብዩ። ዝኾነ ጃፓናዊ ምስ'ቲ ዝማሃረሉን ዝሰርሓሉን ትካል ጥቡቕ ናይ ዋንነት ዝምድና'ዩ ዘለዎ። ከም ካልኣይ ቤቱ'ዩ ዝጥምቶ። ንኡብሱ ካብ'ቲ ትካል-መንግስታዊ ይኹን ግላዊ-ፈልዩ ኣይርእየን'ዩ። ዝተዋህቡዎ መምርሒታት ብጹኑዕ ብምትግባርን፡ ዝኾነ ንሰም'ቲ ትካል ዝድውን ተግባር ካብ ምትግባር ድማ ይሕየብ፡ ብተወሳኺ'ውን ነቲ ትካል ጠንጢኑ ናብ ካልእ ምቕያር ምስ ክድዓት'ዩ ዝሓሰቦ።

ኣብ ጃፓን ሰራሕተኛታት ኣርማ'ታ ዝሰርሑላ ትካል



ለቢሶም ብዛዕባኣ ከዕልሉን፡ ተመሃሮ ድማ ብስም ኣብያተ ትምህርቶም ክሕበኑን ምርኣይ ልሙድ ባህሊ'ዩ። እቲ ናይ ጉጅለ ኣተሓሳስባ ኣብ ስራሕ ጥራይ ዘይኮነስ ዋላ'ውን ኣብ እዋን ምዝንጋዕ የዘውትርዎ'ዮም። ኣብ እዋን ፍዳስ ብሓባር ይጓዓዙ። ኣብ ሰሙን ሓንቲ መዓልቲ ድማ፡ ብሓባር ናይ ምዝንጋዕ መደባት ይሰርዑ። በዚ'ዩ ድማ፡ "ጃፓናዊ ካብ'ቲ ሓንሳብ ዝኣተዎ ስራሕ ጥሮታ ጥራይ'ዩ ዝፈልዮ" ዝብል ብሂል እንረኽብ።

ጃፓናውያን ትምህርቲ መሰረት



ስልጡን ህይወት ምኳኑ ስለዘኣምኑ፡ ኣብ ቀጻሊ ትምህርቲ'ዮም ዝርከቡ። ስራሕ ክብረት ምኳኑ'ውን ስለ ዝኣምኑ፡ ብዓይነት'ቲ ዝሰርሕዎ ሞያ ዘይኮነስ ወፈሮም ምእታዎም'ዩ ዘኾርዖም። ምንዓቕ ሞያ ዝባሃል የለን። ነቲ ናይ ጽርየት ሰራሕተኛ ከይተረፈ "ናይ ጥዕና ኢንጂነር" ዝብል ሰያመ ብምሃብ፡ ብልዑል ክብሪ'ዩ ዝጥምቶ።

ጃፓናውያን ንኹሉ ንጥፈታቶም ብባህሊ ናይ ሓባር መንፈስ'ዮም ዝዓሙ። "ካብ 'ጸብዕቲ እትፍለይ ጽፍራ፡ ናብ መሬት'ዩ ምዕላባ" ዝብል፡ ካብ ብጾትካ ምስ እትፍለይ ምውዳቕካ ኣይተርፍን'ዩ ዝስምዕ፡ ንትርጉም ሓባር ዘራጉድ ግኡን ምስላ ኣሎዎም። ዝኾነ ጃፓናዊ ኣብ'ታ ዝሰዕባ ሰድራን ጉጅለን ክኹበር





እንተድኣ ኰይኑ፡ ኣፍራዱ ክኸውን ከም ዘለዎ'ዩ ዝኣምን። ስለ'ዚ እዩ ድማ፡ ክብሪ ሰብት ብዘለዎም ትሕዝቶን እንዳን ዘይኮነስ፡ ብደረጃ ኣፍራይነቶም ዝልካዕ።

### ኣተባባዒ ኣገባብ ምሕደራ

ወሳኒን ኣተባባዕን ኣገባብ ምሕደራ፡ ሓደ ካብ ምስጢር ዓወት ጃፓናውያን'ዩ።

ጃፓናውያን ሓለፍቲ ስራሕ ኣብ ምትግባር ሕጊታት ስራሕ ጽኑዓት'ኳ እንተኾኑ፡ ቡቲ ካልእ መዳይ፡ ንንፉዕ ሰራሕተኛ ኣብ ምሸላምን ዝደኸመ ኣብ ምትብባዕን ንጡፋት'የም። ዝኾነ ሓዲሽ ሰራሕተኛ ናብ ቦታ ስራሑ ኣብ ዝኣተወላ ቀዳመይቲ መዓልቲ፡ ኣካያዲ'ቲ ስራሕ ኣብ ቅድሚ ብጾቱ ንእግሪ'ቲ ሓዲሽ ሰራሕተኛ ብምሕጻብ፡ ክብሪ ዝመልኦ ኣገባብ ኣቀባብላ ይገብረሉ። እዚ "ኩላትና ማዕረ ኢና" ንምባል ዝጥቀሙሉ ኣገባብ'ዩ።

ዓበይቲን ሓለፍትኻን ምኽባር ሓደ ካብ ኣገደስቲ ባህሊ ጃፓናዊያን ብምዃኑ፡ ዝኾነ ሓላፊ ብልዑል ኣኽብሮት'ዩ ዝጥመት። ክሳብ ብደረጃኡ ምስ ንኣሽቱ ኣማልኺቲ ይሰራዕ'ዩ። ምኽንያቱ መብዛሕቲኦም ጃፓናውያን ሓለፍትን ኣካየድቲ ስራሕን፡ ብተመክሮን ዕድመን ዝበሰሉን ብዲሲፕሊን ዝተኸስከሱን'የም። እቶም ሓለፍቲ'ውን ኑቶም ኣብ ትሕቲኦም ዘለዉ ከም ኣባላት ስድራ-ቤቶም እምበር፡ ከም ሰራሕተኛታቶም ስለ ዘይጥምቶም፡ ኣብ ጃፓን ንሓላፊኻ "ኢያቡም" ወላዲየይ እናበልካ ኢኻ ትጽውዖ። ንሱ ድማ፡ "ኮቡም" ውሉደይ እናበለ'ዩ ዝጽውዓካ'ምበር፡ ብስምካ ኣይደሃየካን'ዩ።

ድሕሪ ኣድካሚ ናይ ስራሕ ሰዓታት ምዝንጋዕ፡ ምስ እምነት ጃፓናውያን ምትእስሳር ዘለዎ ባህሊ'ዩ። ሓዲሽ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብልዑል ፍናን ኣብ ምጅማር'ውን ሓጋዚ ምዃኑ ይኣምኑ። ጃፓናውያን ንኣብያተ መዘናግዒታት፡ ከም መላለይን ምስ ብጾትካ ዘለካ ዝምድና ምድልዳልን ምልውዋጥ ተመክሮን'የም ዝጥምትዎም። ባህሊ ጃፓናዊያን ብስራሕ ጥራይ ክትጽመድ ኣየፍቅድን'ዩ። ክትዘናጋዕ ከም ዘለካ'ውን ይኣምን'ዩ። ወረ የገድደካ።

ዝዋሃቡ መተባብዒታት ብደረጃ ውልቀ-ሰባት ዘይኮኑ፡ ብናይ ሓባር ስራሕ ዝግምገሙ ብምዃኖም፡ ኑቲ ናይ ሓባር መንፈስ የበራትዑ'የም። ኣብ ጃፓን ስራሕ ከም ምንጪ እቶት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ከም ሓደ መለለዪ ባእታ'ዩ ዝውሰድ። ብኻልኦት ክትግምገም እንከለኻ፡ ብመጠን'ቲ ምስ ጉጅለኻ ዘለካ ወህደት ኢኻ እትዕየር'ምበር፡ ንበይንኻ እንታይ ኣፍሪኻ ብዙሕ ኣገዳስነት የብሉን። ተራኻ ኣብ'ቲ እትሰርሖ ፖለቲካዊ ጉጅለ "ሃባ ትጹ" ወይ'ውን ኣካዳሚያዊ ጉጅለ "ጃካ ትጹ" እንታይ'ዩ፡ ንጡፍ ዲኻ? ንዝብሉ ሕቶታት'የም ቀዳምነት ዝህቡ።

ኣብ ሓደ ትካል ዝኾነ ውሳነ ቅድሚ ምውሳኑ፡ ኑቲ ንድፊ ኣቐዲሞም እቶም ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ምስ ዘተይሉ'ዩ ብሰንሰለት ናብ ላዕሊ ደይቡ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ዝወሃቦ። እቲ ውሳነ ምስ ተዋህበ ድማ፡ ኣብ ምትግባሩ ዕግሪም ዝብል የለን። እዚ ባህሊ'ዚ "ሃርጂ" ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ።

### ቦታ ስራሕ ከም ቤት መቕደስ

ኣብ ጃፓን ቦታ ስራሕ ካብ ቤት መቕደስ ፈልዮም ኣይርእዩዎን'የም። ስለ'ዚ እዩ ድማ ዝኾነ ጃፓናዊ ቅድሚ ናብ ስራሕ ምውፋሩ ኣቐዲሙ ምድላዋቱ ዘጻፍፍ።

ቅድሚ ካብ ገዛኻ ምውጻእካ ኑብሰኻ ምሕጻብ ሓደ ካብ ባህሊ ጃፓናውያን'ዩ። ኣብ ዝኾኑት ጃፓናዊት ገዛ "ፎሮ" ዝጽዋዕ ባህላዊ መሕጸቢ ኑብሲ ኣሎ። ኣቦ'ታ ስድራ ኣቐዲሙ ምስ ተሓጽበ፡ ኑቲ ማይ ብምውዓይ ዳግማይ እቶም ዝስዕቡ ደቁ ከከም ዕድሚኦም ብብተራ ቡቲ ማይ ይሕጸቡ። ኣብ መወዳእታኡ እቲ ማይ ንኸንቱ ኣይጠፍኑን'ዩ። ኣብ ምሕጻብ ክዳውንትን ምስታይ ኣትክልትን'ዩ ዝውዕል።

ስራሕ ቅድሚ ምጅማርካ'ውን፡ ሓጺር ናይ ሕልና ጸሎት ብምግባር ዕዉት ናይ ስራሕ መዓልቲ ክትውዕል ምስ ኑብስኻ ኢኻ ቃል እትኣቱ። ኣብ ቦታ ስራሕ ዓውዓው ምባልን ጸወታን ክልኩል'ዩ። ብትሑት ድምጺ ኢኻ እትረዳዳእ። ኣብ ኣኼባታት'ውን ብስምዒት ኣይትምልሰን ኢኻ። ብልዑል ትኹረት ብምስማዕ'የም ብኣገባብ ዝምልሱ። ምሉእ ኣድህቦ ንምርካብ ከኣ፡ መብዛሕትኦም ጃፓናውያን ኣብ ኣኼባታት ዓይኖም ዓሚቶም'የም ዝሰምዑ።

### ናይ ምኽባር ቃላትን ኣገባብትን

ሕብረተ-ሰብ ጃፓን ብጥምረቱን ወህደቱን'ዩ ዝልለ። ምንጪ'ዚ ጥምረት ድማ፡ ሓድሕዳዊ ምኽባር'ዩ። ኣብ መዝገበ ቃላት ጃፓን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣጋጣሚ ንእትረኽቦ ሰብ ዘለካ ክብሪ ንምግላጽ እትጥቀመሎም ቃላት ኣለዉ። ተመሃራይ ምስ መምህሩ፡ ሰራሕተኛ ምስ



ሓላፊኡ፥ ወላድ ምስ ወለዱ፥ በዓል ዋኒን ምስ ዓማዊሉ፥ ፍቕራትን ሰብ ሓዳርን እንታይ ተባሃሂሎም ብኣኽብሮት ክዘራረቡ ከም ዘለዎም ብንጹር ሰፈሩ ኣሎ። ዘኹሉ ጃፓናዊ ድማ ካብ'ዚ ኣይወጽእን'ዩ። ምእንቲ ጠቕሚ'ቲ ኩሉ ሕብረተ-ሰቡ።

ኦጇኪ፥ ጃፓናውያን ዝልለዩሉ ኩቡሪ ዝመልኦ ኣገባብ ሰላምታ'ዩ። ነዚ ድማን ብምባል ዝፍጸም ኣገባብ ሰላምታ ጃፓናውያን ካብ ህጻንኑቶም'ዮም ዝለማመድዎ። ልዑል ቆላሕታ ድማ ይዋሃቦ። ኦጇኪ ደቂ-ተባዕትዮ ኣእዳዎም ሰጥ ኣቢሎም ሑቖኦም ብምድናን ክፍጽምዎ እንከለዉ፥ ደቀንስትዮ ከኣ ኣእዳወን ኣብ ኣፍልበን ብምግባር'ዩ ዝካየድ። ዓይነኻ ናብ መሬት ብምጥማት ከከም ደረጃ'ቲ ሰላም ትብሎ ዘለኻ ሰብ ድማ፥ እቲ ምጉባጥ ሕቘ ይዛይድ።

ኦጇኪ ናብ ሰለስተ ወግዓዊ፥ ዘይወግዓዊን ኣዝዩ ወግዓዊን ተባሂሉ ይፍለይ።

ከም ልምዲ፥ እቶም ብዕድመን ፍልጠትን ስልጣንን ንእስ ዝበሉ'ዮም ዝያዳ ዝደኑ። እቶም ኣብ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ጸላዊ ተራ ዘለዎም ሰባት ርእሶም ጥራይ ንሓጺር ግዜ ብምድናን ሰላም ክብሉ እንከለዉ፥ እቶም ካልኦት ግን ኩቡሪ ንምግላጽ ክሳብ 45 ዲግሪ ንብርክት ዝበላ ካልኢታት ክደኑ ይኽእሉ።



ንእሽቶይ ንዓቢይ፥ ተማሃራይ ንመምህሩ፥ ሰራሕተኛ ድማ ንሓላፊኡ በዚ ኣገባብ ሰላምታ ክለዋወጡ ምርኣይ፥ ልሙድ ባህሊ ጃፓናውያን'ዩ።

ይቕሬታ ንምሕታት'ውን ተመሳሳሊ ኣገባብ ይዘውተር'ዩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝበደልካዮ ወገን ዘተሰማዓካ ጣዕሳ ንምግላጽ፥ ክሳብ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ኣብ መሬት ብምድቃስ፥ ዝካየድ ባህሊ "ዱቂጸ" እዩ ዝጽዋዕ። "ዱቂጸ" ክቱር ምስጋናኻ ንምግላጽ'ውን ይዘውተር'ዩ።




ኣብ ጃፓን ናብ ዘኹሉ ቦታ ቅድሚ ምእታውካ ሰላም ምባል ግድነታዊ'ዩ። ክፈላለዩ እንከለዉ'ውን "ደሓን ኩን" ዝብሉ ቃላት ኣይጥቀሙን'ዮም። ኣብ ክንዳኡም፥ "ብሰላም የራኽበና" ዝብሉ ተሰፋ ዘንጸባርቑ ቃላት የዘውትሩ።

ናብ ዘኹሉ ሰብ መልእኽቲ ኣብ እትሰደሉ፥ ግድን ኢኻ ኑቲ ዘውንኖ ማዕርግ ቅድሚ ስሙ እትገልጾ። "መምህር ወይ ዶክተር ምስ ዘኸውን ንኣብኡት "ሲንሰህ" ብምባል ትገልጾ። ንመቕርብኻን ፈተውትኻን "ሳማ" ብምባል ትጅምሮ።

ናብ ዘኹሉ ሰራሕተኛ ደብዳቤ ኣብ እትሰደሉ እዋን፥ ምሉእ ስሙን ማዕርጉን ስም'ቲ ዝሰርሓሉ ዘሎ ትካልን ኣብ'ቲ ገበር ክትጽሕፍ ኣለካ። ንዓብዪቲ ብሓፈሻኡ፥ ሳን ብምባል፥ ንደቂ ኣንስትዮ፥ ቻን፥ ንደቂተባዕትዮ ድማ ኮን ብምባል ትገልጾም።

እቶም ብኢድ ዝጸሓፉ ደብዳቤታት፥ ብሰመያዊን ጸሊምን ዝሕብሩ ቀለም እምበር፥ ብቐይሕ ሕብሪ ኣይጽሓፉን'ዮም። ቀይሕ ሕብሪ ኣብ ጃፓን ናይ ሞት ምልክት ብምዃኑ።

# መለክዒታት ጸባቐ በብኸባቢኡ











"መልክዕ ብዓይኒ ጠማቲኡ" ዝብል ብሂል፡ ጸባቐ ተመሳሳሊ ኣርኣእያ ከም ዘይብሉ'ዩ ዝገልጽ። መለክዒታት ጸባቐ ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብ ይፈላለዩ'የም። ነፍሲወከፍ ሕብረተሰብ ብመሰረት ባህሉ፣ ልምዱን እምነቱን ዝሰለየሎም መለክዒታት ጸባቐ ኣለዎ። ከምኡ'ውን ጽልዋ ዓውለማን ምስፍሕፋሕ ባህላዊ ወራር ምዕራባውያን ዝመጽኦም መለክዒታት ጸባቐ ኣለው። ኣብ'ዚ እዋን ንምዕራባውያን ዝውክል ሕብሪ፣ ነዊሕ ጸጉሪ፣ ተሪር ኣፍንጫ፣ ቅጥንን ቁመትን ገለ ካብ መለክዒታት ጸባቐ ኩይናም ኣለው። ብዙሓት ካብ ክልተኡ ጾታ ነዚ መለክዒታት ክውንኑ፣ ካብ'ቶም ብትሑት ወጻኢታት ዝርከቡ ንሕብሪ ገጽ ዘቕይሖን ጸጉሪ ዘለምሹን ነገራት ብምጥቃምን ክሳብ እቶም ብልዑል ወጻኢታት ዝተዩዱ ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ ጸባቐ ብምክያድ፣ ኣብ ዓይኒ ካልኦት ጽቡቓት ኩይናም ክርአዩ ይፍትኑ'የም፤ ምስ ኩሉ ሓደገይናቱ። እንተኾነ ግን ኣብ'ቶም ክሳብ ሕጂ ባህሎምን መንነቶምን ዓቒቦም ዝሸዱ ዘለዉ ሕብረተሰባት ዘለዉ መለክዒታት ጸባቐ፣ ብዙሕ ወጻኢታት ዘይብሎም ኣገራምትን ኣብ ካልኦት ከም መለክዒ ዘይጸባቐ ዝርአዩን'የም። ነቶም ንደቂ-ተባዕትዮ ዝምልከቱ መለክዒታት ጸባቐ ንኻልእ ኢጋጣሚ ገዲፍና፣ ኣብ'ቶም ንደቀ'ንስትዮ ዝምልከቱ ምስ እንርኢ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት፣ ሓበሬ መላጥ፣ ጭሕው ዘበለት ጸላም፣ ፈኻኸን ሰብርን ስኒ፣ ኣመና ገዚፍ ገለ ካብ'ቶም ኣገራምቲ መለክዒታት ጸባቐ ብምዃናም፣ ብዙሓት ኣብ'ቲ "ጸባቐ ውሽጢ'ዩ ሓቀኛ ጸባቐ" ዝብል ኣምር ብምስምማዕ መንእሰያት ኣብ ክንዲ ኣብ ደጋዊ ጸባቐኦም ዝግደሱ፣ ዝያዳ ኑቲ ንዘልኣለም ዘይበሊ ውሽጣዊ ጸባቐኦም ክጽብቑ ክጽዕሩ ይሰማምዑ።

ሎሚ ንገለ ካብ ኣገራምቲ መለክዒታት ጸባቐ ወስ





ክንብል።

## ፍጮን ዝተሰባበሩን ጸለምቲ ኣስናን

ስሙርን ጻዕዳን ደርጊ-ስኒ ኣብ ብዙሕ ብፍላይ ንፍሽኽታ ተባሂጊ'ዩ። እንተኾነ ግን ጃፓናውያን ፈጮ ስኒ እትውንን ጓርዞ ምልክዕትን ፈራይትን ምዃና ይኣምኑ። ፍጮ ዝሰሃን ብልምዲ ድማ "ያኤባ" ዝጽዋዕ ዝያዳ እተን ስሙር ደርጊ ስኒ ዘለወን ንዘምድናን መርዓን ዝምረጻ ብምዃነን ጓራዙ ጃፓን ብላገዘ ሕክምናዊ መጥባሕቲ ፈጮ ኣስናን ክውንና ዘይተኣደነ ገንዘብ የፍስሱ።

ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ዝጀመረን ክሳብ ሕጂ ኣብ ገጠራት ጃፓን ዝዘውተርን ዘሎ "ኦውሃጉሮ" ዝጽዋዕ ልምዲ ጸባቐ ኣሎ። እተን ገጽን ብመጻዕደዊ ዝለኸያ ዝበራ ጓራዙ ምስ ምጽዕዳው ሕብሪ ገጽን ኣስናንን ብዮጮው ይብል ብምንባሩ፣ ኣስናነን ካብ ገጽን ክፈልያ ብጸለም ሕብሪ ክቐብኣ ጀሚረን። እዚ ልምዲ ክሳብ መበል 19 ክ/ዘ ብሰፊሑ ይዘውተርን። መርኢያ ሃብትን ልዕልነት ደርብን ይቑጸርን'ውን ነይሩ። ምስ'ዚ ዝመሳሰል፣ ጓራዙ ቀቢላ ላሁይ ንመርዓ ድሉዋት ምዃነን ክሕብራ፣ ኣስናነን ብጸለም ሕብሪ ይለኽያ። ኣብ ጫካታት ምብራቕ ታይላንድን ደቡባዊ ክፋል ቬትናምን ድማ ጻዕዳ ዝኣስናና ጓርዞ ከም ፎኳስን ኣመንዘራን ስለ እትጥመት፣ እተን ጓራዙ ንኣስናነን ብጸለም ወይ ቀይሕ ሕብሪ ይለኽያ።

ኣብ ጋቦን ሞዛምቢክን ቀቢላ ማኮይን እተን ጓራዙ ምልኩዓት ክኾና፣ ነተን ክልተ ቀዳሞት ኣስናነን ይሰብራ። ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝርከቡ ኣህዛቦ'ውን ነዚ ልምዲ የዘውትሩ'የም።

ዳሆሚን ዝተባህሉ ህንዳውያንን ህዝቢ

ደሴት ባሊን ከኣ፡ መብረድ ብምጥቃም ንጫፍ ኣስናኖም የብልሑ፡፡ ኣብ ማዳጋሽካር ዝርከቡ ቀቢላታት ድማ፡ ኣብ ማእከል ኣስናኖም ነፃል ብምግባር ደቀቕቲ ኣእማን ወይ ሓጺውን ይወትፉሉ፡፡

ድርጊ ሰ፡ ምውቃጥ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለምና ዝዘውተር መለከዒ ጽባቐ'ዩ፡፡

## ገዚፍ ሻንፎትን ጠልጠል ዝበለ ኣእዛንን

ኣብ ኢትዮጵያ እትርከብ ቀቢላ ሶርማ መጠን ጽባቐ ጓርዞ ብመሰረት ግዝፈ ሻንፎታ'ያ እትልክዕ፡፡ መርዓኣ ዝቐረበ ጓርዞ ሶርማ ንታሕተዋይ ቀሎ ሰና ብምስዓድ፡ ከንፈራ ትሰቀር'ሞ ካብ ጭቃ ዝተዳለወ ንእስ ዝበለ ቀሊበት ተእትወሉ፡፡ እቲ ሰቓር ብዝገፍሐ ድማ፡ ካልእ ዕብዩ ዝበለ ናይ ጭቃ ቀሊበት ተእቱ፡፡ እዚ መስርሕ ዕለተ መርዕኣ ምስ ኣኸለ ተቛርጽ፡፡ እቲ ዝዋሃባ መጠነ ገዝሚ ድማ፡ ብመጠን ግፍሒ ምስቓር ከናፍራ ይውሰን፡፡ እዚ ልምዲ፡ ኣብ ገለ ካብ ከባቢታት ደቡብ ኣመሪካ ብዝመሳሰለ ይፍጸም'ዩ፡፡

ኣብ ባሊ ድማ ከናፍር'ታ ጓርዞ ኣብ መባል ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመታ ብምስቓር፡ እቲ ነፃል ምእንቲ ክገፍሕ ናይ ክርቢት ፍረ ይውተፎ፡፡ ኣብ ሶማሊን ጫድ፡ ታሕተወይቲ ከንፈር ብምስቓር ፈትሊ ይእሰራ፡፡ ኣብ ባምባይ ዝበሃል ከባቢ ኣፍሪቃ ድማ፡ ክልቲኡ ጫፋት ከናፍር ብምስቓር፡ ፍሽኽ ኣብ ምባልን ምዝራብን ዝንቀሳቐሳ ደቀቕቲ ፍረ ክርቢት ይወትፉሉ፡፡


ገዚፍን ሰቡሕን ከናፍር ዘለዋ ጓርዞ፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ከም ሰሓቢት'ያ እትጥመት፡፡ ኣብ ብራዚልን ቀቢላታት ደቡብ ሱዳንን ድማ ኣመና ተባሃጊት'ያ፡፡ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዝርከብ ጎራዙ ብወገን ሰቡሕ ከናፍር ክውንና፡ ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ የካይዱ፡፡

ኣብ ቀቢላ ማሳይ ጠልጠል ዝበሉ ነዋሕቲ ኣእዛን ከም መለኪዒ ጽባቐ'የን ዝቖጸራ፡፡ ኣዋልድ ማሳይ ኣእዛነን ብምስቓር እቲ ነፃል ንምግፋሕ፡ ካብ ሰ፡ ሓርማዝ ዝተዳለወ ናይ እዝኒ የእትዋሉ'ሞ፡ ብዝተፈላለዩ ስርሓት ዕንቍ ሓጺን ጨዕ ጨንገርን ጸጉርን ይስልማሉ፡፡ እታ ዝነውሕ ጠልጠል ዝበለ እዝኒ ዘለዋ ጓርዞ ድማ፡ ቀልጢፉ ንመርዓ ይሰልጣን ብዙሕ ትግዝም፡፡

ምንዋሕ ታሕተዋይ ክፋል እዝኒ፡ ኣብ ኢንዶኔዥያዊት ቀቢላ ዳያክ ከም ምልክት ጽባቐን ሃብትን ስለ ዝቑጸር፡ ህጻናት ገና ኣብ ንኡስ ዕድሜኤን ኣእዛነን ብምስቓር ኑቲ እዝኒ ናብ ታሕቲ ዝመጥጥ ክብድ ዝበሉ፡ ካብ ሓጺን ዝተሰርሐ ናይ እዝኒ የእትዋሉ፡፡








## ስቓር ኣፍንጫን ነዊሕ ክሳድን

ምስቓር ኣፍንጫ ብደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለምና ይፍጸም'ዩ፡፡ ኣፍሪቃውያን፡ ኣዕራብ፡ ደቡብ ኣመሪካውያንን ቀያሕቲ ህንዳውያንን፡ ካብ ነዊሕ ኣትሒዞም ምስቓር ኣፍንጫ ካብ መለኪዒታት ጽባቐ ምኳኑ ብምእማን፡ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት የዘውትርዎ'የም፡፡ ህንዳውያን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ጽምብላት መርዓ ካብ ዝተፈላለዩ ማዕድናት ዝተዳለዉ ቀሊበታት ኣብ ኣእዛነን ተሰቒረን ይሳተፋ፡፡ ደቂ-ኣንስትዮ ቀቢላ ኢፓታኒ ፓራዳሽ ድማ፡ ንክልተ ሸነኻት ኣፍንጫአን ብምስቓር፡ "ያፒን" ዝጽዋዕ ካብ ዕንጸይቲ ገረብ ባምቦ ዝተዳለወ መውተፊ የእትዋሉ፡፡ ምስ ግዜ ድማ እቲ መውተፊ እናዓበየ ይመጽእ፡፡

ብመሰረት ባህሊን እምነትን ኢራናውያን፡ ደቂ-ኣንስትዮ እንትርፎ ዓይነንን ኣፍንጫአንን ኩሉ ክፋላት ኣካላተን ብሒጃብ ክሽፍና'የን ዝግደዳ፡፡ በዚ መሰረት፡ ኢራናውያን ጎራዙ ዝያዳ ብጽባቐ ዓይነንን ኣፍንጫአንን ይግደሳ፡፡ ተረርቲ ንኣሸቱ ኣፍንጫ ምልክት ጽባቐን ሃብትን ብምኳኑ ድማ፡ ዘይተኣደነ ገንዘብ ከፊለን ብፕላስቲካዊ መጥባሕቲ ንቕርጺ ኣፍንጫአን





ይቕይራ። እቲ ዘገርም ድማ፡ እተን ንወጻኢ ታት'ዚ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ዶላር ክበጽሕ ዝኽእል መጥባሕቲ ክሽፍና ዘይክኣላ መጥባሕቲ ከም ዘየድሊ ንምምሳል፡ ኣፍንጫአን ብጸዕዳ ሕክምናዊ ፕላስቲክ ብምሽፋን፡ ኣብ ጎደናታት ሸናዕ ይብላ።

ኣብ ታይላንዲን ሚያንማርን ዝርከብ ቀቢላ ካራን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቲቤትን ሞንጎልያን ነዊሕ ክሳድ ዘለዋ ጎርዞ ከም ምልክዕትን ፈራይትን ስለ እትሕሰብ ተባሂሊት'ያ። ጎራዙ'ቲ ከቢ ነዊሕ ክሳድ ክውንና፡ ካብ መበል ሓምሻይ ዓመተን ኣብ ክሳደን ናይ ሓጺን ቀለቤት ክእትዋ ይጅምራ። እታ ክሳድ እናተመጠጠት ድማ፡ ብዘሎ'ቲ ክብደቱ ክሳብ 25 ፓውንድ ክበጽሕ ዝኽእል ናይ ሓጻውን ቀለቤታት ይውሰኽ። ክብደት'ቶም ቀሌበታት ንሕልቓምቲን ላዕለዋይ መሰንገለን ናብ ታሕቲ ብምድፋእ፡ ሕልቓምቲ ኣካል ክሳድ ኰይና ከም እትርኤ ይገብር። በዚ ድማ እታ ክሳድ ትነውሕ። እዚ ልምዲ ከኖ ጸባቑ፡ ንኣባላት'ታ ቀቢላ ካብ ርኹሳት መናፍስቲ ይከላኸል'ዩ ዝብል እምነት ኣለዎም።

## ሓውሳል ኣዒንቲን ላዕይ ርእሰን

ፍሩያት ኣዒንቲ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት መለክዒ ጽባቐ'የን። ኣብ ቀቢላ ማያ ግን ሓውሳል ዝዓይና'ያ እታ እትበሃግ። ምኽንያቱ፡ ኣብ'ዛ ቀቢላ ሓውሳል ብኹሉ ማኣዝናት ብቐለሉ ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ኣለዋ ዝብል እምነት ስለ ዘሎ። ጎራዙ ማያ ምእንቲ ሓውሳላት ክኾና፡ ገና ኣብ ንኡስ ዕድሚአን ካብ ርእሰን ናብ ግንባረን ጠልጠል ዝበለ ፈትሊ ብምእሳር፡ ንዓኡ ክጥምታ ይውዕላ።

ኣብ ኣማዞን ዝርከብ ቀቢላታት ድማ፡ "ፍሩያት ኣዒንቲ ናይ ርኹሳት መናፍስቲ'የን" ዝብል እምነት ስለዘሎ፡ እተን ጎራዙ ኣዒንተን ጨምጭማት ክኾናን ንመውሰቦ ከበሃጋን ምሉእ መዓልቲ ጸሓይ ክጥምታን ትኪ ክዕጠናን ይውዕላ።

ኣብ እዋን ትንሳኤ ኤውሮጳ፡ ገምባር ጎርዞ ከም ምልክዕቲ ትቑጸር ብምንባራ፡ ጸጉርኻ ናብ ድሕሪት ብምቑናን ንኸበቢ ግንባር ናይ ምልጻይ ልምዲ የካይዳ ነይረን። ግንባረን ዘየዳ ክሰፍሕ ከኣ፡ ጸጉሪ ዓይኒን ሽፋሽፍትን ይሰዳ ነይረን። እታ ህቡብቲ ቅብኣ ሞናሊዛ ንኣብነት፡ ጸጉሪ ሽፋሽፍቲ የብላን። እዚ ኸኣ ሊዮናርዶ ኑቲ ኣብ'ቲ እዋን ዝነበረ ኣካይዳ ብምስዓብ ዝገበሮ'ዩ።

ምስ'ዚ ዝመሳሰልን ክሳብ ሕጂ ዝዘውተርን ዘሎ ኣብ ኣፍሪቃዊት ቀቢላ ፎላ፡ ገምባር ጓል ከም ስብሕትን ፈራይትን ትጥመት። ጎራዙ ፎላ ገምባራት ኰይነን ክርኣያ፡ ንቕድማይ ክፋል ጸጉረን ይላጽያ። ኣብ ደሴት ጃዋ ዝርከባ ጎራዙ ንፍርቂ ጸጉሪ ርእሰን ይላጽያ።

ኣብ ዴንካን ካልኦት ቀቢላታት ደቡብ ሱዳን፡ ጾላምን ጸጉሪ ዘይብላን ጎርዞ ልዑል መጠን ገዝሚ'ያ እትዋሃብ፡ ምኽንያቱ፡ ጭዋ'ያ ዝብል እምነት ስለ ዘለዎም።

ኣብ እዋን'ታ ካብ 1644 ክሳብ 1912 ዓ.ም ዝነበረት ቻይናዊት ንግስነት "ቺንግ" ዝነበራ ጎራዙ፡ ንጸጉሪ ሽፋሽፍተን ብምስዳድ፡ ኣብ ክንዳኡ ኣብ ግምባረን ዝተፈላለዩ ቅርጽታት ዘለዎም፡ ብጸለም፡ ቀጠልያን ሰመያዊን ሕብሪ ዝተለኸዩ ሽፋሽፍቲ ይስእላ ነይረን። መለክዒ ጽባቐ ብምንባሩ፡ ብመሰረት እቲ "ኣጸሮደሮ" ዝጸዋዕ ልምዲ ከኣ፡ ሓዘንተኛታት ንጸጉሪ ሽፋሽፍተን ብምእላይ፡ ፈታዊአን ከም ዝሞተን ዝሕብር ኣብ ኣዒንተን ትኽ ዝበለ ጸለም ማስመር ይስእላ ነይረን።

ኣብ ጣጃኪስታን ዝተላገባ ሽፋሽፍቲ ዓይኒ ካብ መለኪዒታት ጽባቐ ብምዃነን እተን ጎራዙ ብኹሕሊ ገይረን ንሽፋሽፍቲ ዓይነን የላግባ። ህዝቢ ጣጃኪስታን ዝተላገባ ሽፋሽፍቲ ምልክት ጽቡቕ ዕድልን ሃብትን ምዃነን ይኣምን።

## ገዚፍ ኣካላትን ውቃጦን


ኣብ ሞሪታንያ መጠን'ቲ ንመርዓት ዝዋሃብ ገዝሚ ቡቲ ኣብ ኣካላታ ዘሎ ስብሒ ዝገመት ብምዃኑ፡ ወለዲ ጓሎም ገና ህጻን እንከላ፡ "ላብሉሕ" ዝጽዋዕ ልምዲ፡ ናይ ምስብሒ መደብ ይጅምሩላ። መዓልታዊ ልዑል ዓቐን ስብሕን ሽኮርን ዘለዎ መግብን መስተን ከም እትወስድ ብምግባር፡ ክሳብ እዋን መርዓአ ዝኣክል ብዝተኻኣለ መጠን ከም እትገዝፍ ይቃለሱ። እተን ካብ ሚኢቲ ከሎ ንላዕሊ ክብደት ዘለወን ድማ፡ ንመውሰቦ ተሃረፍቲ ይኾና። ቀድሚ ኣማኢት ዓመታት ኣብ ሞሪታንያ ጥሜት ድሕሪ ምግጣሙ፡ ካብ ሽዑ እተን ስቡሓት ጎራዙ ከም ደቂ ሃብታማትን ጽጋቢታትን ክቖጸራ ጀሚረን።

ምልእልእ ዝበለት ጎርዞ ኣብ ኣዕራብን መብዝሕትአን ሃገራት ኣፍሪቃን ከም ምልክዕቲ'ያ እትቑጸር። ብራዚላውያን ድማ፡ ገዛፍን ጸቡቕ ቅርጽን ዘለዋ ጎርዞ ስለ ዝመርጹ፡ ጎራዙ'ታ ሃገር ነዚ መለክዒ ክውንና ይጽዕራ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ኣካላት ዝግበሩ ውቃጦ ኣካል መለክዒታት ጽባቐ'የም። ደቀ'ንስትዮ ኒውዚላንድ ንኣብነት፡ ኣብ ከናፍረንን መንከሰንን ዓቢ ውቃጦ ይውቀጣ። ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃን ጊኒን ብፍላይ ድማ ደቡብ ሱዳንን፡ ኣብ ገጸን ካልኦት ኣካላትን ዝግበሩ ዝተፈላለዩን ንቀቢላን ዓሌትን'ታ ጎርዞ ዝሕብሩ ጭንጋሓት ካብ ኣገረምቲ መለክዒታት ጽባቐ'የን።

እቲ ዝቐለለ መለክዒ ጽባቐ ግን ኣብ ኤስኪማውያን'ዩ ዝርከብ። ንሳቶም፡ ዝኾነት ጎርዞ ጽብቕቲ ክትባሃል እንተድኣ ኰይና ጥዑም ጨና ኣካላት ክትውንን ከም ዘለዋ ያምኑ። ስለ'ዚ እየን ድማ ጎራዙ ኤስኪሞ፡ ኣካላተን ብምዑዝ ጨና ዘለዎም ኣቑጽልቲ ዝሓጸባ ኣብ ኣፈን ወትሩ ቆጽሊ ናዕናዕ ዝሕዩኻ።

# ዜስደምሙ ሓቅታት




ማይክል ጉድዊን ዕሉል ኣመራሳዊ ገበነኛ'ዩ። ንሱ ኣብ 1989 ዓ.ም ብቕትለት ተኸሲሱ ናብ ቤት ፍርዲ ምስ ቀረበ ናይ ሞት ፍርዲ'ዩ ተበይንሉ፤ እቲ ኣገባብ ድማ ኣብ ናይ ኤለክትሪክ ሰድያ ኮፍ ብምባል ዝፍጸም'ዩ ነይሩ። ማይክል ግን ብመንገዲ ጠበቓኡ ናይ ኣእምሮ ጸገማት ከም ዘለዎን ነቲ ቕትለት ብዘይፍላጥ ከም ዝፈጸሞን ንደያኑ ከእምን ብምኽኣሉ፡ እቲ ናይ ሞት ፍርዲ ናብ ሕልፈት ተለወጠሉ፤

ናብ ቤት ማሕቡስ ፍርዲ ክፍጽም ዝኣተወ ማይክል ግን፡ ንጽባሒቱ ነታ ኣብ ሸላኡ ዝጸንሐት ተለቪዥን ከዐርይ ክብል፡ ብኤለክትሪክ ተታሒዙ ንእለቱ ሞተ።

***

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሚቺጋን ኣብ 1863 ዓ.ም ዝተደርሰ 86 ገጻት ዝሓዘ መጽሓፍ ኣሎ። እዚ "ጽላል መናድቕ ሞት" ዘርእስቱ ደራሲኡ መን ምዃኑ ዘይፍለጥ መጽሓፍ፡ ዝኸፍአ ዘንበቦ ሰብ'ዩ ዝመውት። ክሳብ ምስጢሩ ዝፍለጥ ድማ 19 ሰባት እናንበብዎ ሞይቶም። ተመራመርቲ ደራሲ'ቲ መጽሓፍ ኣብ መንጎ ገጻቱ "ሲያኒድ" ዝተባህለ ቀታሊ ዓይነት ስሚ ስለ ዘለኸሰሉ'ዩ እዚ ሓደጋ ዘጋጥም ዘሎ ዝብል ግምታት ሂቦም ኣለዉ። ኣብ'ዚ እዋን ዝኸፍአ ነዚ መጽሓፍ ደፊሩ ከንብብ ዝፍትን ሰብ ኣብ ኣእዳዉ ጓንቲ ብምውዳይ ፍሉይ ዓይነት መሸፈኒ ገጽ ክኽደን ኣለዎ። እቲ ኣገራሚ ግድል መጽሓፍ "ጽላል መናድቕ ሞት" ግን ኣንቢቡ ነቲ መጽሓፍ ምስ ኣንበቡ ዝኸፍአ ነገር ዘይርድኦም ምዃኑ'ዩ።



***

ኣባላት ናይ'ዛ ኣብ ሩዋንዳ እትርከብ ሰገን ተባሂላ እትጽዋዕ ቀቢላ፡ ኩሎም ንቡር ጻብዕቲ ኣእዳው'ኳ እንተለዎም፡ ኣብ ኣእጋሮም ግን ክልተ ጻብዕቲ ጥራይ'ዮም ዘውንኑ። እዚ ectro-dactyly ዝብል ስም ዝተዋህቦ ተርእዮ፡ ጠንቁ'ኳ እንተዘይተፈልጠ፡ ኣባላት ቀቢላ ሰገን ግን፡ "ንሕና ዘርኢ'ቲ ንሩዋንዳ ዝፈጠረ ኣምላኽ ሜካ ብምዃንና፡ ፍሉያት ክንከውን ግድን'ዩ" ብምባል፡ ነቲ ከም ንቡር ዝተቐበልዎ ኩነታቶም ይገልጹ፤



***

እዞም ክልተ ማናቱ ኣብ ኦሃዮ ምስ ተወልዱ ወላዲቶም ክትኣልዮም ዓቕሚ ስለ ዘይነበራ፡ ናብ ነንበይነን ስድራ-ቤታት'ዮም ተራዒሞም። ኣብ መውዳእታ ከኣ፡ ኣብ መበል 40 ዓመቶም ተራኺቦም። እቲ ዘገርም፡ እተን ዝኸፍአ ርኺበ ዘይነበረን ስድራ-ቤታት ንኽልቲኦም ጀምስ ዝብል ስም ኣውጺአናሎም ጸኒሐን፤ ክልቲኦም ከኣ ብሓደ ዓይነት ትምህርቲ ብምምራቕ፡



ኣብ ተመሳሳሊ ዓይነት ስራሕ ይሰርሑ ነይሮም። ኣብ መበል ሳላሳ ዓመቶም ከኣ "ሊንዳ" ዝስመን ኣንስቲ ብምምርዓው፡ ኣሊን ዝስሙ ሓደ ወዲ ወለዱ። ክልቲኦም'ውን ምስ ኣንስቶም

ክሰማምዑ ብዘይምኽኣሎም፡ ተፋቲሖም ዳግማይ ብራትኒ ዝስመን ኣንስቲ ተመርዓወ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ክልቲኦም ቶይ ዝባሃል ከልቢ ኣለዎም።

***

ተዓዲምካ ናብ ገዛ ሓደ ዓረባዊ ወይ ቱርካዊ ምስ እትኸይድ፡ ናብ'ቲ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ሳሎን ቅድሚ ምእታውካ ጫማኻ ኣውጺእካ ክትኣቱ ስለ ዘለካ፡ ንጨና እግርኻን ኮንታት ካልሲኻን ኣቕዲምካ ክተጥልል ኣለካ።

***

ኳል 31 ዓመት ሂላሪ ሃሪሰን፡ ካብ'ቲ ዝዓበየትሉ መናበዩ ዘኽታማት ቅድሚ 13 ዓመታት ክትፋኖ እንከላ፡ ብወላዲኣ ካብ ካልእ እትውለድ ሓፍቲ ከም ዘለዋ ተሓቢርዋ'ዩ። ካብ ሽዑ ድማ፡ ንሓፍታ ክትደሊ ጀመረት። ጻዕሪ ሂላሪ ፍረ ከይሃባ ዓመታት ሓለፋ። ንሳ'ውን ተመርዕያን ዋይኒ ዝስማ ቁልዓ ወሊዳን።

ተስፋ ምስ ቀረጸት ሓደ ዕለት፡ ምስ በዓል-ቤታን ኳላን ናብ'ቶም ሓደስቲ ጎሮባብታ ክትበጽሕ ከደት። ምስ'ታ ስማ ምስ ስም ኳላ ዝመሳሰል ዝነበረ ሓዳስ ጎሮቤት እናኣዕለለት እንከላ፡ እቲ ሓቀኛ ስማ ዋይኒ ክሎዝ ምዃኑ ሓበረታ። እዚ ስም ምስ ስም እታ ጠፊኣ ዘላ ሓፍቲ ሂላሪን ወላዲኣን ይመሳሰል ብምንባሩ፡ ህርመት ልቢ ሂላሪ ክቕልጥፍ ጀመረ። ድሕሪ ሓጺር ዕላል ድማ፡ እታ ንነዊሕ ዓመታት ደልያ ዝሰኣነታ ሓፍታ፡ እታ ሓዳስ ጎሮቤታ ኰይና ጸንሓታ።

***

"ሩኪ ማውቲን"፡ ኣብ ምዕራብ ኣመሪካ እቲ ዝኽበረን ኣዝዩ ተባሂጊን ዓይነት መግቢ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ብሺታሚን 'ሲ'ን ሓጺንን'ውን ሃብታም'ዩ። እዚ መግቢ ካብ ቅልዋ ኮልኮል ኣብዑር ዝዳሎ'ዩ።

***

ኣብ ማሌዥያ ሓራስን ዉላዳን ፍሉይ ክንክን'ዩ ዝካየደሎም። መዓልታዊ ብልብጥ ዝበለ ማይን ዝወዓየ ዓበይቲ ሑጻን ኣካላቶም ብምድራዝ፡ እቲ ዝሞተ ቀርበት ከም ዝወድቕን ዝስታረርን ይገብሩ። ኩሉ ኣባል ስድራ ብሕንቃቕ ስለ ዝሕዞም፡ ዝኾነ ስራሕ ኣይትሰርሕን'ያ። እቲ ጾር ብምልኡ ናብ እንግድዓ በዓል ቤታ ይወድቕ።

***

መንእሰያት ዝተፈላለያ ዞባታት ኣመሪካ ዓመታዊ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ብምእካብ፡ ኣብ ኣደባባይ ታይምዝ ስኩር ሓደ ፍሉይ ውድድር የካይዱ። "ናይ መን ጫማ ይጨኑ"። እዚ ሳእኒናን እግርናን ብጽሬት ምስ ዘይንሕዝ ክመጽእ ዝኽእል ሕማቕ ሽታን ሕማምን ንምግላጽ



ተባሂሉ ቅድሚ 40 ዓመታት ዝጀመረ ውድድር፡ ምስ ግዜ እናሰፍሐን ተቐባልነት እናረኸበን ብምምጽኡ ብዙሓት መንእሰያት ይሳተፉዎ ኣለዉ።

***

ርእስና ንታሕቲ ምንቕናቕ "እወ" ዝብል ትርጉም ክህልዎ እንከሎ፡ ኣብ ቡልጋርያ ግን "ኣይፋል" የስምዕ፡ ዝኾነ ጃፓናዊ ርእሱ ንታሕቲ ምስ ዝንቕንቐልካ "ደሰምዓካ ኣለኹ። ዘረባኻ ቀጽል" ዝብል ትርጉም ኣለዎ።

***

ኣመሪካዊት ስድራ ኮብል፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ብሓደጋ ሰለስተ ህጻናት ደቃ ሰኢና። እዚ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ስድራ ከቢድ ነውጺ'ኳ እንተፈጠረ በዓልቲ ቤት ኮብል ንዓመታ ጥንሲ ብምሓዛ ሰለስተ ማናቱ ተገላገለት። ልክዕ ከምቶም ኣቐዲሞም ዝሞቱ ደቃ፡ ሓደ ወድን ክልተ ኣዋልድን። እቲ ዘገርም እታ ንእሽቶ ኳል ልክዕ ከም'ታ ኣቐዲማ ዝሞተት ሓፍታ ኣብ ኩብዳ ዓባይ ጸላም ብሮት ኣላታ።

***

ሱዛና ማርዱክ፡ ሓደ ንግሆ ኑቲ ካብ ሳሎን ዝወደቐ ጃኬት በዓል ቤታ ኣብ'ቲ መንጠልጠሊ ሰቒላቶ ካልእ ዋኒና ክትገብር ምስ ከደት፡ እቲ ጃኬት ናብ መሬት ይወድቕ። ደጊማ ምስ ሰቐለቶ ድማ ብተመሳሳሊ ንኻልኣይ ግዜ ይወድቕ። ድሕሪ'ዚ ኑቲ ጃኬት ኣብ ሳሎን'ኳ እንተኣቐመጠቶ፡ ሌሲ እትጸዋዕ ክርክር ኑቲ ጃኬት ናብ መሬት ብምድርባይ ኣብ ልዕሊኡ ኮፍ በለት። ነገራቱ ኣገሪሙዋ ናብ ትካል በዓል ቤታ ምስ ከደት ድማ፡ ሃለዋቱ ብምጥፋእ ኣብ መሬት ወዲቑ ጸንሓ።

***

ኣብ ፊሊፒንስ "ጸለም ጻጻ ዘለዎ ገዛ ነዊሕ ዕድመን ጺጋን ዘለዎ'ዩ" ዝብል እምነት ስለ ዘለዎም፡ ኣብ ኣባይቶም እዚ ጻጻ ክህሉ ይደልዩ። እቲ ጻጻ ባዕሉ'ዩ ኣብ'ቲ ገዛ ክሰፍር ዘለዎ'ምበር፡ ማስሓቢ ተጠቒምካ ከተምጽኦ የብልካን።

***

ኣብ ሜክሲኮ፡ ዘይመሳሰለት ጎርዞ ጫማኣ ብርኳን ምስ ዝጸኖቕ

ንሓዋሩ ከይተመርዓወት'ያ እትኑብር ዝብል እምነት ኣለዎም። ስለ'ዚ እዩ ድማ ጎረዞ ሜክሲኮ ክዓውንቲ ክሓጽባ እንከለዋ ጥራይ እግረን ዝኾና።

***

ኣብ ሮሜንያ ገዘሚ ጓል፡ ሓሙሽተ ጻዕዳ ባኒ'ዩ። ባኒ ክበሃል እንከሎ ቀሊል ነገር ክመስል ይኽእል'ዩ፡ እንተኾነ ግን፡ ኣደ ወዲ ዝኢ ገዘሚ ብፍሉይ ከተዳሉ ዓመት ምሉእ'ዩ ዝወስደላ።

ኣብ ፓኪስታንን ሂንዲን ገዘሚ ብእንዳ ጓል'ዩ ዝዋሃብ። እንዳ ጓል ኩሉ ወጻኢታት መርዓ ዝሽፍኑ ብምዃኖም፡ ወለዲ መርዓት ኣብ መቕርብን ኣርዑብትን ብምልቃሕ'የም ንጓሎም ዘግዝሙ። ኣብ ገለ ከባቢታት'ውን "ገዘሚ ብመርዓት" ዝበሃል ኣሎ። ኑቲ ገዘሚ፡ ጓል ሂብኻ ሓፍቲ መርዓዊ ብምውሳድ የደቃቕሰዎ ማለት'ዩ።

***

ኣብ ፈረንሳ ኢጣልያን ጃፓንን ሽወደንን ካዛኽስታንን፡ ዝኣመሰላ ሃገራት ስጋ ኣፍራስ ካብ ሕማም ዓባይ ሰዓልን ኒሞንያን ይከላኸል'ዩ ዝብል እምነት ስለ ዘለዎም፡ ብብዝሒ ይምገቡዎ። ገሊኦም'ዉን ብጥሬኡ ክምገቡዎ ይመርጹ።



***

ፈረንሳዊ ታራሪ ኣብ ከተማ ፓሪስ ኣብ 1772 ዓ.ም እዩ ተወሊዱ። ብህጻኑ እንከሎ ዘይትጸግብ ከብዲን ዘይትዓግብ ሸውሃትን ከም ዘለዎ ዝተዓዘቡ ወለዱ፡ ምቕላቡ ልዕሊ ዓቕሞም ብምዃኑ ኣብ መበል 12 ዓመቱ ናብ ጽርግያ ብምውጻእ ኑብሱ ክኣሊ ሰጕጕዎ። እቲ ዘይጸግብን ዝኾነ ነገር ዝበልዕ ዝነበረ ታራሪ ንእግረ መንገዱ ዝጸንሖ ዝበላዕን ዘይብላዕን ነገር እናተመገበን ንሓለፍቲ ምርኢታት እናባቐደን ጸንሐ። ፍታሕ እንተረኸበሉ ብምባል ምስ ሰራዊት ፈረንሳ ተኸቲቡ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ሓደ እዋን ናይ 15 ሰብት መግቢ እንተኣዘዘሉ እዚ'ውን ኣይኣኸሎን። ደማሙን ኣኽላባትን ከይተረፈ ክምገብ ጀመረ። እቲ ዘገርም ታራሪ ዝኾነ ናይ ኣእምሮ ጸገም ኣይነበሮን። ክብደቱን ቁመቱን ድማ ከም ተራ ሰብ'ዩ ነይሩ። ኣብ 1798 ዓ.ም ታራሪ ናይ ብጸዩ ጫጫ ተሓቢኡ እናበልዐ ስለ ዝተሓንቀ፡ "እቲ ዘይጸግብ ሰብ" ዝብል ስም ኣትሪፉ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ።

***

ኣብ ቦሊቭያ፡ ዓመታዊ ፈስቲቫል ምትህርራም ኣርዑብቲ ይካየድ። እቶም ኣቀዲሞም ብገለ ተጎራፊጦም ዝጸንሑ ኣርዑብቲ ናብ'ዚ ፈስቲቫም ብምምጻእ፡ ፊት-ንፊት ደው ኢሎም ቡብረጋ ዓሰርተ ግዜ ይጻፋፍዑ። ብድሕሪ'ዚ ተሓቛቒፎም ብምስዓም፡ እቲ ጽልኢ ነበረ'ያ ነበረ ይኸውን።



***

ሰራሕተኛታት ጃፓን፡ ከም ልምዲ ቅድሚ'ቲ ምጹብ ሰዓቶም እንተዋሓደ ብሓሙሽተ ደቓይቕ ናብ ቦታ ስራሖም ብምእታው፡ ኣቀዲሞም ዘድሊ ምድላዋት ይገብሩ። እቶም ዋላ ሰዓት ፍዳሴ ትእኸል ቅድሚ ሓላፊኦም ካብ ቦታ ስራሕ ምውጻእ ከም ነውሪ ዝሓስቡ ጃፓናውያን፡ ኣብ ፍዳሴ ንበጽዮም "ኦጹካራ" ደኺምካ ኣለኻ ብምባል፡ ዕዉት ናይ ስራሕ መዓልቲ ከም ዘወዓለ ብዘሕብር ኣገባብ የፋንውዎ። ቅድሚ ብጾቱ ካብ ስራሕ ዘወጸ ድማ፡ "ኦሳኪ ኒ ሽሱራ" "ቀዲመኩም ብምውጻአይ ኣይትሓዘሉይ" ብምባል ይፋነዎም።

***

ኣልሓጅ ሙስጠፋ ኣልሃሺሚ ፍልስጤኣማዊ ኣቦ'ዩ። ንሱ፡ ምስ በዓልቲ-ቤቱ ኻዲጃ ቅድሚ 50 ዓመት'ዩ ተመርዕዩ። ደቆን ደቂ-ደቆን ድማ 40 በጺሖም ኣለዉ። እቲ ዘገርም ግን፡ ኣብ ሰድራ




ሙስጠፋ ወዲ ዝበሃል የለን። ንሱ ወዲ ኣይወለደን። እተን ተመርዒየን ናብራአን ዝመርሓ ዘለዋ ዓሰርተ ኣዋልድ ደቁ ድማ፡ ኣዋልድ ጥራይ'የን ወሊደን።

***

ጎንዶሊን ፊሸር ጀርዲና እናኾስኰሰት እንከላ'ያ፡ ካትም ቃል ኪዳና ጠፊኣታ። ደጋጊማ ድሕሪ ምፍታሻ ክትረኽብ ብዘይምኽኣላ፡ ሕማቕ እናተሰምዓ'ያ ተስፋ ቀሪጻ። ድሕሪ ሸዱሽተ ወርሒ ግን፡ ጎንዶሊና ነታ ካብ ጀርዲና ዘምጽኣታ ዱባ እናመተረት እንከላ፡ እታ ካትም ካብ ማእከላ'ታ ዱባ ናብ መሬት "ጭል" በለት።

ሸሃብ ኣርኣያ

# መለሳ

## ኣነቓቓሕቲ ዛንታታት

## እተን ሰለስተ ውድድራት

ቀደም ዘመን ዓወት ዝናፍቕ ምዕዋት ኩሉ ነገር ኩይኑ ዝስምዖ ሓደ ጉያያይ ኣትሌት ነበረ። ሓደ መዓልቲ ኣብ'ታ ንእሽቶ ዓዶም ውድድር ጉያ እግሪ ኣዳለወ። ንዕኡ ወሲኽካ ሰለስተ ሰባት ድማ ተሳቲፎም። ኣብቲ ውድድር ንምዕዛብ ሓያሎ ሰባት ተኣከቡ። ሓደ ለባም ሱባኣይ'ውን ዛንታ እቲ ዓወት ዝሃርፍ መንእሰይ ስለ ዝሰምዐ ነዊሕ ተጓዒዙ ኣብ'ቲ ውድድር ተረኽበ።

እቲ ውድድር ጽንኩር እዩ ዝነበረ። እቲ መንእሰይ ከኣ ኩሉ ሓይሉን ተወፋይነቱን ኣወሃሂዱ ተዓወተ። እቲ ተዓዛቢ ድማ ብሓጎስ ኣጣቕዐን ብምውዝዋዝ ደስታኡ ገለጸሉ። እቲ ለባም ሱባኣይ ግና ዝኾነ ስምዒት ከየርኣየ ካብ'ቶም ካልኦት ሰባት ፍልይ ብዘበለ መገዲ ሰቕ ኢሉ ነበረ። እቲ መንእሰይ ግና ኩርዓትን ስምዒት ኣገዳስነትን ሓዲሩዎ ነበረ።

ካልኣይ ውድድር ተሰሪዑ፣ ካልኦት ክልተ ድልዱላትን ብዓህትን መንእሰያት ምስ'ቲ ንእሽቶ ወዲ ንጉያ ተቐረቡ። ውድድር ፈሊሙ እቲ ንእሽቶ ወዲ ኸኣ ቀዳሙዎም ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ ረገጸ። እቶም ተዓዘብቲ ድማ ብፋዳን ጣቕዒትን ጨደሩ። እቲ ለባም ሱባኣይ ግን ከምቲ ናይ መጀመርታ ዝኾነ ከይበለ ሰቕ ኢሉ ነበረ። እቲ መንእሰይ ግና ኩርዓትን ኣገዳስነትን ተሰሚዑዎ ነበረ።

“ዘውዳደር! ካልእ ዘውዳደር እንተ'ሎ!” ጨደረ እቲ መንእሰይ። እቲ ለባም ሽማግለ ሱባኣይ ድማ ክልተ መወዳደርቲ ቀረበሉ። ሓንቲ ንእሽቶ ዕባራ ጓልን ሓደ ዓይኑ ስዉር ሱባኣይን እዮም።

“እዚ እንታይ ማለት'ዩ?” ጨደረ እቲ ንእሽቶ ወዲ። “እዚ ውድድር ኣይኩነን” መለሰ።

“ውድድር'ዩ” በለ እቲ ለባም ሽማግለ ሱባኣይ። እቲ ውድድር ተኻየደ። ኣብቲ ርሕቀት ዝዘዘሞ ድማ እቲ ወዲ ጥራይ ነበረ። እቲ ንእሽቶ ወዲ ናይ መወዳእታ መስመር ክረግጽ እንከሎ ክልተ ኢዱ ንላዕሊ ብምውጥዋጥ ሓጎሱ ገለጸ። እቲ ተዓዛቢ ግና ዝኾነ ድምጺ ከይገበረ ሰቕ በለ። “ሆ!” ዝበሎ ኣይነበረን።

“እዚ ሰብ እንታይ ኩይኑ ንዓወተይ ዘይጸንበሎ? እንታይ ኩይኑ?” ሓተቶ ነቲ ሽማግለ ሱባኣይ።

“ከም እንደገና!” በለ እቲ ሱባኣይ። “ሕጂ ሰለስቴኹም ብሓንሳእ ኢኹም እትዛዘሙ” በሎም።

እቲ ውድድር ተደግመ። እቲ ወዲ ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ኩይኑ ብኢዶም ብምሓዝ ቀሲዩ እናበለ ምስኦም ሰጎመ። ነታ ናይ መወዳእታ ሕንጻጽ ድማ ብሓባር ሰገሩዋ። እቲ ተዓዛቢ ጨደረ፣ ነቲ ወዲ ኸኣ ኢዶም ኣወዛወዙሉ። እቲ ለባም ሱባኣይ ፍሽኽ በለ፣ ርእሱ እናነቕነቐ። እቲ ወዲ ድማ ኩርዐን ኣገዳስነት ተሰመዖ።

“ኣቦ! ክርድኣኒ ኣይከኣለን! እዚ ተዓዛቢ ካብ ሰለስተና ንመን'ዩ ዘጣቕዕሉ ዘሎ?” ክብል ሓተቶ። እቲ ለባም ሽማግለ ሱባኣይ ዓይኑ ዓይኑ ድሕሪ ምርኣይ ኢዱ ኣብ ሞንከቡ ኣንቢሩ'ሞ ብህዱእ ድምጺ፡

“ኣብዚ ዳሕረወይቲ ውድድር ካብ ካልኦት ውድድራት ንላዕሊ ስለ ዝተዓወትካ እዩ። ምኽንያቱ ኣብዚ ውድድር ተዓዘብቲ ንዝኾነ ዕወት ኣየጣቕዑን።”

***

# ሓጸርቲ ጽዋታት

## ፍቕሪ

ሓደ ኣፍቃሪ ዓሰርተው ክልተ ዕምባባታት፡ ዓሰርተው ሓደ ህያው፡ ሓንቲ ድማ ኣርተፊሻል፡ ሒዙ ናብ ኣፍቃሪቱ ከደ። ጉምብስ ኢሉ ዕምባባ እናኣበርከተላ ድማ “ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ዕምባባ ትቕምርር ከፍቅረኪ'የ” ብምባል ፍቕሩ ገለጸላ።

ሓደ እዋን፡ ቤካ ዝስማን ጆይ ዝስሙን መንእሰያት ነበሩ። ቤካ ኣብ ራብዓይ ደርቢ ኣፓርታማ እንከላ ባርዕ ሓዊ ኣጋጠመ። ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ መጺኦም፡ ክሳብ ናብቲ ቤካ ዘላቶ ደርቢ ዝበጽሑ እቲ ባርዕ ሓዊ በርትዐ'ሞ ዝገብሩዎ ጠፍኦም። ዝፈተኑ እንተ ፈተኑ ዝኸፈአ ዋጋ ምኽፋል ኰኖም። ኢዶም ኣጣሚሮም ንተኣምር ክጸብዩ ጀመሩ። ነዚ ዝረኣየ ጆይ፡ ካብ'ቲ ክዳውንቲ ናይ መጥፋእቲ ሓዊ ብምኽዳን ናብ'ቲ ገዛ ብጉያ ተደርገመ። ነቲ መሳልል ብጉያ እናተናጠረ ደየቦ። ንሱ ክድይብን እቲ መሳልል ተረኺምሹ ናብ መሬት ክወድቕን ሓደ ነበረ። እቲ እንኮ ካብ'ቲ ገዛ መውጽኢ ዝነበረ መሳልል ፈረሰ።

ጆይ ናብቲ ቤኪ ዘላቶ ገዛ ኣትዩ ነቲ ማዕጾ ብድሕሪኡ ኣግጠሞ። ንቤካ ሓሓቝፉ ድሕሪ ምስዓም፡ “ኣፍቅረኪ'የ፡” በላ።

“እንታይ ኢኻ ትብል? ከመይ ከመይ'ዩ ዝኸውን ዘሎ?” ክትብል ብዓቕሊ ጽበት ሓተተቶ። ጆይ ክመውት ምኳኑ፡ ቅድሚ ምማቱ ግን ፍቕሩ ክገልጸላ ከም ዝደለየ ነገራ'ሞ ሕንቕንቕ ኢላ ክትነብዕ ጀመረት። ጆይ ከኣ ንቤካ ጠሚሩ ብምሕቋፍ ዘለለ። ከምቲ ዝደለዮ ብሕቖኡ ኣብ መሬት ዓለበ'ሞ ሞተ፣ ንሳ ኸኣ ብጥምርታ ኣብ ሕቖፎኡ ሰረረት።

ሰላም፡ ንዓብዱሰላም እምብዛ ተፍቅሮ ነበረት። ብዙሕ ግዜ ብእተፈላለየ መገዲ፡ ብዘይካ ብቓል፡ ከም እተፍቅሮ ከተርእዮ ፈቲና'ያ። ዓብዱሰላም ግን ዝርድኦ ኣይመስላን ነበረ።

“‘እፈትወካ'የ፡’ እንተ ዝብለካስ ከም ዋዛዶ ምወሰድካዮ?” ክትብል ሓደ መዓልቲ ሓተተቶ።

“እወ ከም ዋዛ ምወሰድኩዎ፡” በለ ዓብዱሰላም።

“ስለምንታይ?” ሓተተት ሰላም።

“ከም ትፈትውኒ ዘይኩነ ከም እተፍቅርኒ ስለ ዝፈልጥ፡” መለሰ ዓብዱሰላም።

***

መለሳ

## ምፍታውን ምፍቃርን ማለት.....

ኣብ ቅድሚ እተፍቅሮ ሰብ እንተ ኣለኻ ልቢኻ ዝያዳ’ያ ትሃርም፣ ኣብ ቅድሚ ትፈትዎ ግን ትሕጉስ ጥራይ።

ኣብ ቅድሚ እተፍቅሮ እንተ’ለኻ፡ ሓጋይ ከሎ ጽድያ ኲዩኑ’ዩ ዝስመዓካ፣ ኣብ ቅድሚ ትፈትዎ ኸኣ፡ ሓጋይ፡ ሓጋይ፡ በቃ ብሓጋይ ጽብቕታ ትረኣየካ።

ኣብ ኣዒንቲ እተፍቅሮ ሰብ ትጥምት እንተ’ለኻ ነዊሕ ከይጸናሕካ ትሓፍር ኢኻ፡ ኣዒንቲ ትፈትዎ ሰብ ትርኢ እንተ’ለኻ ግን ትፍሸኽ ጥራይ ኢኻ።

ኣብ ቅድሚ እተፍቅሮ ሰብ ኲሉ ኣብ ኣእምሮኻ ዘሎ ክትብሎ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ኣብ ቅድሚ ትፈትዎ ግን ኲሉ ትብሎ።

ኣብ ቅድሚ ተፍቅሮ ሰብ ቀሩብ ትሓፍር ኢኻ፡ ኣብ ቅድሚ ትፈትዎ ግን ከምቲ ንስኻ (ንስነትካ) ኢኻ ትኸውን።

እተፍቅሮ ሰብ ኣብ ወከፍ ክልተ ደቓይቕ ኣብ ሓሳብካ ይመጽእ፡ ትፈትዎ ግን ከይዘከርካዮ ከተርፍድ ትኽእል ኢኻ።

እተፍቅሮ ሰብ ይበኪ ወይ ይነብዕ እንተ’ልዩ ምስኡ ኢኻ ትነብዕ፡ ትፈትዎ ሰብ እንተ ኹይኑ ግን ከተጸናንዖን ከተረስዖን ኢኻ ትፍትን።

ምፍቃር ብዓይኒ’ዩ ዝጅምር፣ ምፍታው ግን ብእዝኒ’ዩ። ምፍታው ክትገድፎ እንተ ደለኻ፡ እዝኒኻ ምዕባስ ጥራይ’ዩ ዘድልየካ፡ ምፍቃር ከተቋርጽ ኢልካ ኣዒንቲኻ እንተ ዓሚትካ ግን ፍቕሪ ናብ ነጥብጣባት ንብዓት ተቐይሩ፡ ንሓዋሩ ኣብ ልቢኻ’ዩ ዝቕመጥ።

***

J.S.



1. ብዘይ መስትያት እዝኒኻ ክትርእዮ ኣይትኽእል ኢኻ፣

2. ጸጉሪኻ ክትቁጽሮ ኣይትኽእል ኢኻ፣

3. መልሓስካ ካብ ኣፍካ ኣውጺእካዮ እንክለኻ ክተተንፍስ ኣይትኽእል ኢኻ፣

4. ኣብ ቀጽሪ ሰለስተ ዘሎ ክትፍትኖ ጸኒሕካ፣

6. ቀጽሪ ሰለስተ ክትፍትኖ ከለኻ፡ ከልቢ ክትመስል ከም እትኽእል ተገንዚብካ ኣለኻ፣

7. ስለ እተቐሸሸካ ፍሽኽ ትብል ኣለኻ፣

8. ቀጽሪ ሓሙሽተ ዘሊልካያ ኣለኻ፣

9. ናብ ቀጽሪ ሓሙሽተ ተመሊስካ ክተረጋግጽ ጸኒሕካ፣

10. ምስ ኣንቢብካዮ ንኣዕሩኽካ ኣስሕቆም ኢኻ።

***

ንያት ሰሎሞን

# ንፉለም’ዶ?




## ብሰዱኮ

- ኣብ ሓደ ሳንዱቕ ካብ 1-9 ይምላእ፣
- ንትኹልን ንጋድምን፡ ሓደ ቀጽሪ ኣይድገምን

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | 8 | | | 3 | |
| 6 | 5 | | | | 9 | | | 2 |
| 3 | | | | 2 | | 6 | | 5 |
| | 7 | 8 | 5 | | | | 2 | |
| | 6 | 4 | | 3 | | 7 | 5 | |
| | 2 | | | | 1 | 8 | 9 | |
| 8 | | 6 | | 5 | | | | 3 |
| 7 | | | 4 | | | | 6 | 8 |
| | 9 | | | 6 | | | | |

## ተኽእሎታት

- ኣብዛ ስእሊ ሽዱሽተ ተመሳሰልቲ ባሊኛታት ኣብ ሕእደ ሳንኬሎ ኣለዋ። ፍልልየን ኣብ ሕብረን እዩ። ሓንቲ ጻዕዳን ጸሊምን ነጥብጣብ ዘሎዋ፡ ክልተ ጻዓዱን ሰለስተ ጸለምቲን እየን። ናብ ሳንኬሎ ወይ ናብተን ባልኛ ከይጠመትካ፣ ኣብ ሓደ ወስታ ሓንቲ ባልኛ እናኣውጻእካ፣ ዝወሓደ ሓደ ዓይነት ማለት ክልተ ጸለምቲ ወይ ጻዓዱ ክትረኽበሉ ዘሎ ተኽእሎ ክንደይ እዩ?




## ብኣልጀብራ

- ኣብዘን ሰናዱቕ ንኣርባዕተ ተግባራት ቀጽሪ ብምእታው 32 ከም ዝመጽእ ግበር?

5 □ 7 □ 3 □ 9 □ 4 = 32

# ካብ ‘ሓሳባትካን ሓሳበይን’

ጂብራን ኸሊል ጂብራን



ሓሳብካ ኣብ ግራት ባህሊ ሱሩ ዝሰደደ ተኽሊ እዩ፣ ጨናፍሩ ድማ ኣብ ሓይሊ ምውርራስ ይበቑሉ። ሓሳበይ ግና ኣብ ህዋ ዝዘንቢ ደበና እዩ፣ እቲ ደበና ናብ ዝናብ ተቐዪሩ ዛራ ይፈጥር’ሞ፡ ናብ ባሕሪ ክግስግስ እንክሎ መዝምሩ የስምዕ። እንደገና ሃፊፉ ድማ ናብ ሰማይ ይምለስ። ሓሳብካ ብህቦቡላ ኵነ መብረቕ ኣይንቕነቕን። ሓሳበይ ግና ናብ ዝኾነ መኣዝን ዘንጸብልልን ብምንስፋፉ ሓጕስ ዝረክብን ልምሉም ቈጽሊ እዩ። ሓሳብካ - ዘይቅይረካን ዘይትቕይሮን ዶግማ ጥንቲ ክኸውን እንክሎ፡ ሓሳበይ ግን ዝምቅረንን ዝምቅሮን ሓድሽ እዩ።

ሓሳብካ ኣለካ፣ ሓሳበይ’ውን ኣለኒ

ሓሳብካ፡ ዘይምዕሩይ ውድድር ኣብ ሞንጎ ሓያልን ድኹምን ንኽትኣምን ይደፍኣካ። ሓሳበይ ግን ብማሕረሻይ ሓሪሰ፡ ዘሪአ፡ ዓጺደን ኣኽዩደን ምህርተይ ንኽሓፍስ’ዩ ዝገብረኒ። ብኣእማንን ባዕጢን ቤተይ እሃንጽ፣ ብጡጥን ሃሪን ክዳነይ እኣልም። ማእክል ስሕበት ሓሳብካ ዝናን ክትርአ ምህራርን እዩ። ሓሳበይ ግን ዝና ከርሕቕ ይመኽረኒ። ሓሳብካ፡ ድርቅናን ስምዒት ልዕልናን የሕድረልካ። ሓሳበይ፡ ፍቕሪ ንሰላምን ድላይ ንናጽነትን ይሃንጽ። ሓሳብካ፡ ብዕንጸይቲ ዝተሰርሐ ንብረት፡ ብኽቡራት ኣዕናቑ ዝወቀበን ብዝተጠምጠመ ሃሪ ዝተረከመን ዓራታት ዘለውዎ ርሻን ይሓልም። ሓሳበይ ግን ኣብ እዝነይ ቀርብ ኢሉ ብልዙብ ድምጺ፡ “ዝባንካ እተውድቐሉ መዳቕሶ ዋላ ኣይሃሉኻ፡ ብኣካልን መንፈስን ንጹህ ኩን፡” ይብለኒ። ክቱር ባህግኻ ማዕርግን ቤት-ጽሕፈትን እዩ። ሓሳበይ ግን ምቒሉል ኣገልግሎት ንኽህብ ይሓተኒ።

# ኣይትሃውኽኒ



ጽሙእ ባህገይ

ክረዊ ዝፈቱ፡

በሪሁ ጸልሚቱ

ንስኻ ትጽቢቱ፣

እንተ ወርሐ - ዋላ እንተ ነውሐ

እናፍቐካ’ንደየ ኣነስ ወግሐ ጸብሐ!።

ሃንቃ ሃንቃ ስምዒት

ናፍቖት ኲርኲሩ፡

ከየውድቐኒ ፈሪሀ

ንትምክሕተይ ስዒሩ።

ኣብዛ ናተይ...

ናይ ጸወታ ባሕሪ፡

ዝደመቐት ብጸወታ ፍቕሪ፡

ኣይትሃውኽኒ ጥራይ...

ንስኻ ኢኻ ቦኽሪ።

***

ሜሪ ማና /መጋቢት 2007/

# መልሲ ‘ንፋለም’

## ሰዱኮ

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 2 | 4 | 7 | 6 | 8 | 5 | 1 | 3 | 9 |
| 6 | 5 | 1 | 3 | 7 | 9 | 4 | 8 | 2 |
| 3 | 8 | 9 | 1 | 2 | 4 | 6 | 7 | 5 |
| 1 | 7 | 8 | 5 | 9 | 6 | 3 | 2 | 4 |
| 9 | 6 | 4 | 2 | 3 | 8 | 7 | 5 | 1 |
| 5 | 2 | 3 | 7 | 4 | 1 | 8 | 9 | 6 |
| 8 | 1 | 6 | 9 | 5 | 7 | 2 | 4 | 3 |
| 7 | 3 | 5 | 4 | 1 | 2 | 9 | 6 | 8 |
| 4 | 9 | 2 | 8 | 6 | 3 | 5 | 1 | 7 |

## ተኽእሎታት

= ክልተ ሓደ ዓይነት ሕብሪ ዘሎወን ባልኛ ናይ ምውጻእ ዝወሓደ ተኽእሎ **ኣርባዕተ** እዩ።

## ኣልጀብራ

5 + 7 ÷ 3 x 9 - 4= **32**

## ጥቕሲታት ኣብርሃም ሊንከን

“ንባዕላ እተመቓቐለት ገዛ ደው ክትብል ኣይትኽእልን እያ።”

“ኣብ ሓድሽ መድረኽ፡ ሓድሽ ኣተሓሳስባን ኣይካይዳን የድሊ።”

“ኣበይ ደው ኢልካ ኣለኻ ምስ ኣረጋገጽካ፡ ኣጥዒኻ ርገጽ።”

“ሓደ ሓደ እዋን ኣፍካ ከፊትካ ዘለካ ኣብ ምድሕዳሕ፡ ትም ብምባልካ ከም ዓሻ ክትቍጸር ይሓይሽ።”

ስፖርት

ኣማኑኤል ኣልኣዛር

## ምስትምቓር ስፖርት

# ዮናስ ዘካርያስን ሳምሶን ሰለሙንን



ሳምሶን ሰለሙን ን15 ዓመታት፡ ዮናስ ዘካርያስ (ሓላባይ) ን17 ዓመታት ካብ ኮረሻ ብሽክለታ ከይወረዱ ተቐዳዲሞም። ዮናስ ዘካርያስ ማልያ ጋንታታት ክራይ ቤቶች፡ ኣልታሓሪር፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ቴለ፡ ናትናን ኣዱሊስን ለቢሱ ተቐዳዲሙ። ሳምሶን ሰለሙን ድማ ንክለባት ኤለትሪክ፡ ኣዱሊስ፡ ስካንያን ቀይሕ ባሕርን ተቐዳዲሙ። ኣብ ክልተ ኣንጎሎ ፍልልይ ዘለዎ ገዛውቲ (ገዛባንዳ) ተወሊዶም መጻውቲ፡ ደቂ ገዛውትን መተዓብይትን ኮይኖምኳ ናይ ቁልዕነት ግዚኦም እንተሕለፉ፡ ደቂ ጋንታ ኮይኖም ተሳንዮም ክቀዳደሙ ግን ዕድል ኣይረኸቡን። ንኣፍቃሪ ቅድድም ብሽክለታ ብደገፍ ኣብ ክልተ መቒሎም ንነዊሕ ተጓዒዞም። ብፍላይ ኣብ ሻምፕዮን 1997/98 ኣብ መንጎ ዮናስ ዘካርያስ (ቴለ)፡ ሰናይ ጻጋይ (ሬድሲ) ተፈጢሩ ዝነበረ ውድድር፡ እዞም መተዓብይቲ ንደቂ ገዛውቶም ኣብ ክልተ ጫፍ ደገፍ ገሚያሞምዮም። ካብ ኮረሻ ብሽክለታ ምስ ወረዱ ውን መገዶም ኣይተፈላለየን። ሳምሶን ሰለሙን ብቀጥታ ካብ 2000 ዓ.ም ኣሰልጣኒ ክለብ ኣስቤኮ ብምኳን ክሳብ'ዚ ግዜ ይጎዓዝ ኣሎ። ዮናስ ዘካርያስ ድማ ኣብ 2004 ካብ ቅድድም ብሽክለታ ምስ ተፋነወ ንክለባት ኣዱሊስን ደቡብን ድሕሪ ምስልጣን ኣብዚ ግዜ ኣሰልጣኒ ክለብ ሰምበል ኮይኑ ይሰርሕ ኣሎ። ክልቲኦም ጎረባብቲ በብእዋኑ ንሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣሰልጢኖምን ኣብ ምስልጣን ኣለዉን።

ኤርትራ ዘአንገደቶ ፈላሚ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣንጸባራቒ ዓወት ኣብ ዘመዝገበትሉ፡ ሳምሶን ሰለሙን ኣሰልጣኒ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዮናስ ዘካርያስ ድማ ኣሰልጣኒ ደቂ ኣንስትዮ ሃገራዊት ጋንታ ብምኳን ሰሪሖም።

ናይ መጀመርያ ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን ተቐዳደምቲ ከምኡ ውን ናይ ፈለማ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብ ዙር ፈረንሳ 2015 ዝተሰለፉ ዳንኤል ተኽለሃይማኖትን መርሃዊ ቅዱስን፡ በዞም ኣሰልጠንቲ ተኾስኪሶም ናብዚ ደረጃ ዝበቕዑ ኢዮም። ዮናስ ዘካርያስ ንዳንኤል ተኽለሃይማኖት ኣብ ክለብ ደቡብ ክልተ ግዜ ሻምፕዮን ዘባ ማእከል ክኸውን ከሰልጥኖ ከሎ፡ ሳምሶን ሰለሙን ድማ ንመርሃዊ ቅዱስ ብናይ 7 ወርሒ ግዜ ኣብ ቀዳማይ ዲቪዝዮን ናብ ዝለዓለ ናይ ፕሮፌሽናል መድረኽ ክሰጋገር ኣሰልጢኑ። ብተመሳሳሲ ሳልሳይ ኣብ ዙር ፈረንሳ ዝተሳተፈ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ናትናኤል ብርሃነ ውን ብምስልጣን ሳምሶን ሰለሙን ሓሊፉ ኢዩ ናብ ደረጃ ፕሮፌሽናል ተሰጋጊሩ።

ክልቲኦም ኣሰልጠንቲ፡ ተቐዳደምቲ ኮይኖም ንዝረኸብዎ ተመክሮ ምስልጣን ሒዞም ድሕሪ ምብጋሶም ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተኻየደ ስልጠና ደረጃ-2 (level 2) ወሲዶም፡ ብስራሕ ድማ ኣብ ባይታ ኣማዕቢሎሞ። ንዝለዓለ ስልጠና ኣሰልጠንቲ ድማ ኣብ መሰልጠኒ ማእከል ዩሲኣይ ስዊዘርላንድ ተዓሊሞም ዓቕሞም ኣዕብዮም ይርከቡ።

ሃማመተኤ፡ ንጉዕዞ እዞም ናይ ቅድም ተቐዳደምቲ ናይ ሕጂ ኣሰልጠንቲ ሳምሶን ሰለሙንን ዮናስ ዘካርያስን ኣፍልጦ ንምሃብ ኣብ ኣዳራሽ ጁንየር ናይ ምስትምቓር ዝሓለፍዎ መገዲ መደብ ኣዳልይሎም ኔሩ። ኣብቲ ፕሮፌሽናል ተቐዳደምቲ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝቀዳደሙ፡ ኣፍቀርቲ ቅድድም ብሽክለታ፡ ቤተሰብ ስፖርትን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኸብሉ መደብ ካብ ድሕረ ባይትኦም ክሳብ'ዚ ሕጂ በጺሖሞ ዘለው ተመክሮ ንክኸውን ብሰፊሑ ተዘሪብሉን ካብ ዕዱማት ኣጋይሽ ድማ ሕቶታት ቀሪብሎምን። ካብ ውቅያኖስ ብጭልፋ ከምዝበሃል፣ ካብቲ ልዕሊ ክልተ ሰዓታት ዝወሰደ ልዝብ ጽሟቕ ትሕዝቶ ናብ ኣንበብቲ መጽሔት መንእሰይ ነቕርበልኩም።



**• ናይ ክልተ ኣንገሎ ተፈላሊኹም ስለ ዝጻወትኩም፣ ብዙሕ ዝኸሪ ግዜ ንእሰነት ክህልወኩም ይኽእል!**

የናስ፦ "ልክዕ ኣለኻ ወላ'ኳ ከም ደቂ ገዛውቲ ብኸባቢ ንፈላለ እንተ ነበርና ዘራኸበና ክኣ ብዙሕ ኔሩ። ንኣብነት ሳምሶንን ሳሙኤል ሓወይን ቀዲሞምኒ ኢዮም ኣብ ማውንቴን ባይክ ውድድር ጀሚሮም። ኣነ ንዕኦም ስዒበ ኣብ ማውንቴን ባይክ ጽቡቕ ውጽኢት ምስ መዝገብኩ ክራይ ቤቶች ጸዊዓትኒ። ኣብታ ጋንታ ክፍርም ኢለ ናብ እንዳ የማነ ነጋሲ ክኸይድ ከለኹ ሳምሶን ምሳይ ኔሩ ኣብታ ፍጻሜ። ስለዚ ከም ደቂ ገዛውቲ ብጀምዓ ንፈላለ ነይርና ክንከውን ንኽእል ኢና ግን ከኣ ብሓደ ስለ ዝዓበና ንራኸብ ክኣ ነይርና ኢና።"

ሳምሶን፦ "ከም ኣብ ኩሉ ገዛውቲ ናይ ኣንገሎኻ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ነይረናና ኢና። የናስ ናቱ ጋንታ፣ ኣነ ድማ ናይ ገዛውተይ ነይረናና። ይኹን እንበር ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ምስ ኣተና ገዛውትና ንክልቴና ይድግፉ ነይሮም። የናስ ቮላቺስታ ስለ ዝነበረ ብዙሒ ደገፍቲ ነይሮሞ። ደገፍቲ የናስ ንዓይ ሕማቕ ከጋጥመኒ ኣይደልዩን ኢዮም ምኽንያቱ መተዓብይተይ ኢዮም። ናተይ ደገፍቲ ክኣ ብተመሳሳሊ ኣነ ክዕወት ይደልዩ ንየናስ ክኣ ሕማቕ ኣይምነይሉን ኔሮም። ስለዚ ዳርጋ ናይ ንእሰነት ግዜና ብሓደ ኢዩ ሓሊፉ ክበሃል ይኽእል።"

**• ቅድሚ ተቐዳደምቲ ምዃንኩም ኣብ ምንታይ ትቀዳደሙ ኔርኩም?**

ሳምሶን፦ "ቅድሚና ተቐዳደምቲ ናይ ዝነበሩ ደገፍቲ ስለ ዝነበርና፣ ከምኦም ተቐዳደምቲ ንምዃን ዝነበረና ድሌት ብዕንክሊል ብምቅድዳም ኢና ስምዒትና ነርውዮ ኔርና። ኣነ ይዝከረኒ ከመይ ዝበለት ዕንክሊል ሰሪሐ ካብ ኢደይ ኣይፈልያን ኢየ ኔረ። ኣደይ ናብ እንዳ ሓትነይ ንሓዝሓዝ ክትልእከኒ ከላ ብዕንክሊል ብእግረይ ካብ ገዛባንዳ ንሓዝሓዝ በጺሐ ይምለስ ነይረ። እታ ዕንክሊል እዚ ክበሃል ከለኹ ናብ ብሽክለታ ዝቐረበት ኢያ። መትሓዚ ብራሾ ከይተረፈ ዝተገጥመላ ኢዩ። ኣብ ገዛውትና ኩሉ ቀልዓ ዕንክሊል ነይርዎ። ኣነ ክስዮ፣ ንሰኻ ክስዮ እናበልና ትቕድድም ንውዕል ነይርና።"

የናስ፦ "ተመሳሳሊ ተመክሮ ኢዩ። ንዓይ ውን ዕንክሊል ነይራትኒ። ናይ ዝፈትዎ ተቐዳዳማይ ቁጽሪ ይገብረላ ምስ ደቂ ገዛውተይ ካብ ገዛባንዳ ንመዕርፎ ነፈርቲ በጺሕና ዝተመለስናሉ ቅድድም ከምዘካየድና ይዝከር። ዕንክሊል ድሌትን ባህግን ምቅድዳም ኣብ ምውጻእ ዝነበራ ተራ ቀሊል ኣይነበረን። ሕጂ ንድሕሪት ተመሊስካ ክትርእዮ ከለኻ ወላ'ኳ ጽላለ ዝመስል እንተ ኾነ ጥዑም ግዜ ኢዩ ሓሊፉ ብሓቂ።

**• ናይ 1997/98 ሻምፕዮን ንክሉብ ሬድሰን ቴለን ዝድግፍ በቲ ሓደ፣ ንሓላብይን ሰናይን ብውልቂ ዝድግፍ ድማ በቲ ካልእ ንኣፍቃሪ ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ክልተ ገሚዑ ነይሩ። እዚ ከም ደቂ ገዛውትን መተዓብይትን ከመይ ጸልዩኩም? የናስ ሻምፕዮን ምስ ኮነ ሳምሶን ከም መተዓብይቲ እንቋዕ ሓጎሰካ ኢልካዮ'ዶ? የናስ'ከ ሳምሶን ብጋንታ ሻምፕዮን ምስ ኮነ እንቋዕ ሓጎሰካ ኢልካዮ'ዶ?**

ሳምሶን፦ "ሓቂ ምዝራብ ይሓይሽ እንቋዕ ሓጎሰካ ኣይንበሃሃልን ኢና ኔርና። ውሽጣዊ ኩናት ኔሩና። እቲ ውሽጣዊ ሓልዮት ኔሩ፣ ግን ከቢድ ምትፍናን ስለ ዝነበረና የናስ ውን ኣይብለንን ኢዩ ኔሩ። እዚ ክበሃል ግን ክሳብ ባእሲ ዝበጽሕ ጽልኢ ስለ ዝነበረና ዘይኮነ እቲ ዝነበረ ስፖርታዊ ምትህልላኽ ከቢድ ስለ ዝነበረ ጥራይ ኢዩ። በንጻሩ ሕጂ ዘለው ተቐዳደምቲ ወላ ኣንጻር ጋንታ ከለው ሸዑ ንሸዑ ብሞባይል መልእኽቲ ተሳዲዶም እንቋዕ ሓጎሰካ ክበሃሃሉ ትርእዮም ኢኻ። ካብቲ ንሕና ከይንበሃሃል ዝዓገተና ዝነበረ ናይ ደገፍትና ክብረት ኢዩ። ብኸቢድ ንኣንጻር ጋንታኻ ይጸልእዎም'ሞ ንስምዒቶም ክትሕሉ ክትብል ኑቲ ሰላምታ ክሳብ ትነፍገሉ ደረጃ ክትበጽሕ ትግደድ።"

የናስ፦ "ዝገርመካ ብ1990 ዓ.ም ሞራል ክኾኒ ኢሎም ገና ካብ 2ይ ዲቪዝዮን ናብ 1ይ ዲቪዝዮን ሕልፍ ምስ በልኩ ምስ ሕርይቲ ጋንታ መሪጾምኒ ኣዲስ ኣበባ ከይደ ኔረ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ክንምረጽ ከለና ኣነ ካብ ሳምሶን ንእሽተይ ተመክሮ ስለ ዝነበረትኒ ከም ወዲ ገዛውተይን መተዓብይተይን ክሕብሕቦ ይፍትን ኔረ። ናይ ስጋ ኮይናትና መደቀሲ ብሓደ ኢና ንሕዝ። ፍቕርና ክሳብ 1997 ብዘይ ጸገም ተጓዒዙ ኢዩ። እታ ቅሩብ ምፍልላይ ዝመጸት በዛ ናይ 97/98 ሻምፕዮን ኢያ። እዚ ዝኾነሉ ክኣ ናይ ደገፍቲ ክልቲኣን ጋንታታት ደገፍ ጥርዚ ስለ ዝበጽሐ ኢዩ። እቲ ጸገም ክኣ ኣብ ክሉብ ሬድሰ ኢዩ ኔሩ። ኣነ ብዘይ ቀልዓለም ፍጥር ኩብል ብናጽነት ኢየ ተጓዒዘ። ተቐዳደምቲ ሬድሰ ግን ናይ ኣካየድቶም ጸቕጢ ነይርዎም። ኣብ ቅድሚ

ኣካየድቶም እንተ'ለው ሰላም ክብሉኻ ዘይሕሱብ ኢዩ ኔሩ። እዚ ኩሉ ክኣ ብደገፍቲ ዝተፈጥረ ኮይኑ ኢዩ ዝሰምዓኒ።"

**• ተቓዳደምቲ እንክለኹም ዝበረ ምትህልላኽኩም፣ ኣብ ናይ ምስልጣን ግዜኹም ከመይ ኣሎ?**

ሳምሶን፦ "ኣብ ምስልጣን እቲ ምትህልላኽ ተቓዳዳማይ ምስ ዝነበርካሉ ክነጻጸር ኣይክእልን ኢዩ። ኣሰልጣኒ ኮይንካ ስልትታትካ ኣብ ተቓዳደምትኻ ኣብ ምስራጽ ኢኻ ግዜኻ ተሕልፎ። ምስ ኣሰልጣኒ ናይ ካልእ ጋንታ ዘራኽበካ ብዙሕ ነገር ውን የለን። ተቓዳዳማይ ከለኻ ግን ከምቲ ዝተገልጸ ብውሕዱ ኣብ ሜዳ'ኳ ትራኸብ። ስለዚ ሕጂ ምትህልላኽ ኣለና ክብለካ ኣይክእልን ኢየ።"

የናስ፦ "ንሳምሶን ኣብ ሰለስተ ገጻት ኢየ ዝፈልጦ። ኣነን ንሱን ተቓዳደምቲ ዝነበርናሉ ፈለማ፡ ንሱ ኣብ 2000 ዓ.ም ወሪዱ ኣሰልጣኒ ምስ ኮነ ኣነ ተቓዳዳማይ ኮይነ ክሳብ 2004 ስለ ዝቐጸልኩ ኣርባዕተ ዓመታት ኣብዚ 2ይ መድረኽ ይፈልጦ፡ ሳልሳይ ድማ ክልቴና ኣሰልጠንቲ ምስ ኮና ማለት ኢዩ። እዚ ሕጂ ዘለናዮ ክልቴና ብዕድመ በሲልና ንሰርሖ ዘለና ስለ ዝኾነ ወላ'ውን ምትህልላኽ እንተ ተፈጥረ ብልቦና ክንሰግሮ ንኽእል ኢና። ከምቲ ኣብ ውዑይ ዕድመ ናይ ቅድድም ዝነበርናሉ ኣይኮነን። ሕጂ'ሞ ብሓንሳብ ኮይና ከማን ተቓዳዳማይ ንሓሚ፡ 'እዚ ተቓዳዳማይ እንበር ኣትዒቡኒ፡ እንታይ ክገብሮ ኢየ በጃኻ?' ትልብ። ተቓዳደምቲ ክኣ ተራኺቦም ንዓና ኣሰልጠንቲ ይሓምዩና ኢዮም። ብርግጽ ጋንታይ ክትዕወት ኩሉ ሽጣራታት ይጥቀም ኢየ። ንሱ ውን ብተመሳሳሊ። ኣብ ደረጃ ስራሕ መጺእካ ግን ካብ ተቓዳደምቲ ሳምሶን ይቐርበኒ። ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ውን ብዙሕ ግዜ ብሓደ ስለ ዘሰልጠንና።"

**• ናይ ሕጂ ሕቶይ ክጭብጥ ዘይክኣል'ሞ ግን ከኣ 'እንተ ዝኸውን ኔሩ' ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ ተብጊስኩም ክትምልሱለይ ዘቐርባ ኢያ። ኣብ 90ታት ዝነበሩ ተቓዳደምቲ ምስዞም ሕጂ ኣብ ፕሮፈሽናል በቒያም ዘለው ተቓዳደምቲ እንተ ዝወዳደሩ'ስ መን ምተዓወተ። እተን ጋንታታት ከስቑመን። ኣብታ ናይ 90ታት ክልቴኹም ኣለኹም። እዛ ናይ ሕጂ ድማ ብፕሮፈሽናል ተቓዳደምቲ ከስቑማ፦**

ጋንታ 90ታት፦ የናስ ዘካርያስ፡ ሳምሶን ሰለሙን፡ ደሳለኝ ነጋሽ፡ ወዲ በርሀ፡ ቢንያም ያረድ

ናይ ሕጂ ጋንታ፦ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት፡ ናትናኤል ብርሃነ፡ መርሃዊ ቅዱስ፡ ኣማኑኤል ገብረዚጋቢሄር፡ መኽሰብ ደበሳይ



ዞር ኤርትራ እንተ ዝወዳደራ መን ብዝሒ ማልያ ምተዓወተት?

የናስ፦ "እዋእ...! እዛ ኣርእስቲ ብዙሕ እንድያ ተካትዕ። ኣሕጽር ኣቢለ ተኣማሚነ ክብለካ ዝኽእል ካብዞም 10 ተቓዳደምቲ ቀጠልያ ማልያ ኣነ ምተዓወትኩላ...!" ሰሓቕ ዕዱማት።

ሳምሶን፦ "ሰሓቕ...! ከቢድ ሕቶ ኢያ። ምድንጋራት ከይፍጠር፡ ስነ-መንታዊ ክኸውን መታን እዞም ሕጂ ዘለው ተቓዳደምቲ ምሳናን ምስቶም ቅድሚኡን ዝነበሩን ኩተወዳድሮም ኣይትኽእልን ኢኻ። ናይ ሕጂ ይበልጹ። ኣብ ኩሉ ነገሮም። ኩሉ ኣካይድኦም ፕሮፈሽናል ኢዩ። እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለው ከይተረፉ ብናይ ፕሮፈሽናል መገዲ ኢዮም ዝኸዱ። ኣባና ሓደ ዓቢ ሽግር ኔሩ። ስሩዕ ልምምድ ኣይነበረናን። ልዕሊ 100 ኪ.ሜ ተለማሚድና ኣይንፈልጥን ኢና። ኣሰልጠንትና ብተመክሮ እንበር ብስነፍልጠታዊ መገዲ ይኣልዩና ኣይነበሩን ወላ'ኳ ግዱሳትን ንፉዓትን እንተ ነበሩ። ዝገርመካ ኣባና ልዕሊ 100 ኪ.ሜ ልምምድ እንተ ኣካይድካ ሰፓናቶ ክትከውን ኢኻ ትብል ልምድቲ ዘረባ ኔራ። እዞም ናይ ሕጂ ክኣ ልዕሊ 200 ኪ.ሜ ይለማመዱ። ኣመጋግባኦም፡ ዕረፍቶም፡ ኮታ'ስ እቲ ግዜ ዝፈጠሮ ምፍልላይ ክኸውን ይኽእል ኢዩ እዛ ናይ ሕጂ ዝበልካያ ጋንታ ንኩሉ ማልያታት ምወሰደቶ ኔራ ኢያ ዝብል።"

**• ወላ ነታ የናስ ኣነ ምወሰድክዋ ዝበላ ቀጠልያ ማልያ ማለትካ ድዩ?**

"ንኹሉ። ወልሓንቲ ኣይምገደፈትን...!" ሰሓቕ ኣዳራሽ።

"እንታይ መሰለካ፣ ናይ ግዜ ምፍልላይ ዘምጽኦ ኣብ ግዜና ከምቲ ኣቀዲመ ዝገለጽኩልካ ብፕሮፈሽናል መገዲ ኣይኮናን ንሕዞ ኔርና። ምኽሳስ ከይመስል እንበር ምውርራስ ክኣ ይውሕደና ኔሩ ኢዩ። ቅድሚና ዝነበሩ ተቓዳደምቲ ልምምድ ክካይዱ ከለው ነቶም ሓደስቲ ዝጥቀምሉ ሜላ ክነግሩና'ስ ይትረፍ ከይንፈልጦ ይሓብእዎ ከማን ኔሮም። ናይ ጋንታ ልምምድ ኣብ ቦትኡ ኔሩ፣ እቲ ብውልቂ ተካይዶ ግን



ንሓድሕድካ እናተሓባበእካ ኢኻ ትግበሮ ከይዕውተልካ ምእንቲ። ኣብዚ ሕጂ ግን በንጻሩ ኢዩ። እቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘውዳደሩ ተቐዳደምቲ ናይቶም ፕሮፌሽናል ተቐዳደምቲ ናይ ልምምድ ሰሌዳ ወሲዶም ክለማመዱ ኢኻ ትርኢ። እዝን እቲ ግዜ ዘምጽኦን ለውጢ ኣብ ግምት ኣእትየ፡ ናይ'ዚ እዋን ጋንታ ምተዓውተት እብል።"

**• ኣብ ካልእ ዓይነት ስፖርት፡ ዓበይቲ ዓወታት ዘመዝገቡ ኣሰልጠንቲ ጻውዒት ናይ ስራሕ ክመጾም ትርኢ። ንስኹም ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ይኹን ካልእ ዙራት ከተመዝግቡዎ ብዘጸናሕኩም ዓወታት ከምዚ ዓይነት ናይ ስራሕ ጻውዒት መጺእኩም ይፈልጥ'ዶ?**

ዮናስ፦ "ኣብ ዝገርመካ ኣብ ኣፍሪቃ ብደቂ ሃገረን ኣሰልጠንቲ ካብ ዝዕወታ ሃገራት ኤርትራ ኣብ ቅድሚት ኢያ ትስራዕ። ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ናይ ደገ ኣሰልጠንቲ ክቖጽራ ይቐለን። ኣብ ጻዕዳ ዝሕብሮም ኣሰልጠንቲ ይኣምና። ንኣብነት ታሪኽ ቕድድም ብሽክለታ ሃገርናን ዙር ፈረንሳን ናይ 20 ዓመት ፍልልይ ጥራይ ኢዩ ዘለዎ። ዙር ፈረንሳ 105 ዓመታት ኢዩ ዕድሚኡ። መግዛእቲ ከምቲ ዝድለ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንከይበጽሕ ኣሉታዊ ተራ ምጽዋቱ ከይረሳዕና። ንኣብነት ናትና'ሞ ግደፎ፡ እዞም ኣብ ዙር ፈረንሳ ዝተቐዳደሙ ተቐዳደምትና ጽባሕ ካብ ብሽክለታ ወሪዶም ኣሰልጠንቲ ምስኮኑ ዝገርመካ ኣብ ጎረቤትና ዘለዋ ሃገራት ከማን ታሪኾም እናፈለጣ ንዕኦም ገዲፈን ጻዕዳ ኣሰልጣኒ ይመርጻ። ስለዚ እቲ ኣብ ኣፍሪቃ ዘሎ ኣተሓሳስባ ክይተቐየረ ዝመጽእ ብዙሕ ለውጢ የለን። ኣነ ብውልቀይ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ሱዳን ጻውዒት ምስልጣን መጺኡኒ ኔሩ። ግን እቲ ኣተሓሕዛ ናይ ኩንትራትን ዓቕምን ከምቲ ዝደለኽዎ ስለ ዘይኮነ ኣይመረጽክዎን።"


ሳምሶን፦ "ብመሰረቱ ቅድድም ብሽክለታ ናይ ጸዓዱ ስፖርት ኢዩ ዝብል ኣምር ኢዩ ዘሎ። ንኣብነት ኣነ ኣብ ዓዲ ጥልያን ሓደ ጻዕዳ ኣሰልጣኒ፡ 'ጸለምቲ ካብ መዓስ ኣብ ብሽክለታ ትኣጥፉ? እዚ ንዓኹም ዝምልከት ስፖርት ኣይኮነን ኣብ ትብጽሕዎ ስለ ዘይብልኩም ተገድፍኩሞ ይሓይሽ' ዝበለኒ ይዝከር። ባዕልና ውን ኣፍሪቃውያን ነዚ ኣበሃህላ ቅቡል ንወስዶ ኢና። ንኣብነት ምዕራብ ኣፍሪቃውያን ሃገራት ካብ ከማና ዓቢ ዓወት ዘመዝገበ ኣፍሪቃዊ ኣሰልጣኒ፡ ቛንቋ ፈረንሳ ዝመልኽ ብሽክለታ ዘይፈልጥ ፈረንሳዊ ክመዛ ይቀርበን። ጽልዋ ናይ ሃገረ ፈረንሳ ስለ ዘለወን። ኣብ ደረጃ ኮንቲነንታል ዝርከባ ወጻእተኛታት ጋንታታት ኩተሰልጥን ግን ተመክሮን ዓወትን ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ኣብ ዓበይቲ ውድድራት ምስ ዝተመኮሩ ኣሰልጠንቲ ናይ ስራሕ ዕድል ክትረክብ ኣለካ። ኣብ መሰልጠንቲ ማእከል ዩሲኣይ ትምህርቲ ስለ ዝቐሰምካ ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ኣብ ባይታ ወሪድካ ናይ ስራሕ ዕድላት ውን ክህልወካ ኣለዎ። ኣብዚ ሕጂ ኣሰልጠንቲ ክንዓቢ እንተ ኮይና፡ ናይ ሃገርና ኮንቲነንታል ጋንታታት ክምስረታ ኣለወን። ንዕኣን ሒዝካ ኣብ ዓበይቲ መድረኻት ምስ ተወዳደርካን ተመኮርካን ናብ ልዕሊኣን ዘለዋ ፕሮፌሽናል ጋንታታት ናይ ምዕባይ ዕድል ክህልወካ ይኽእል።

### ርእይቶ ፕሮፌሽናል ተቐዳደምቲ

ናትናኤል ብርሃነ፦ "በዞም ክልተ ኣሰልጠንቲ ክወሃብ ዝጸንሐ መብርሂታት ደስ ዝበል ኢዩ። ክንዮ ምስጋና ዝሸይድ ርኢቶ የብለይን። ሳምሶን ሰለሙን ንዓይ ኣብዚ ደረጃ ክበጽሕ ካብ ግዜ ንእስነተይ ሓጊዙኒ ኢዩ። ብቐንዱ ክዛረበሉ ዝደሊ ሕጂ፡ ኣብ ፕሮፌሽናል ቅድድም ብሽክለታ ቁጽርና ይውሕድ ኣሎ። ናይ ዓቕሚ ሕቶ ዘይኮነ ናይ ቪዛ ሽግር ኢዩ ነዚ ቁጽሪ ዝሃስዮ ዘሎ። ንኣብነት ኣነ ምስ ፈረንሳዊት ክለብ ኮፊድስ ፈሪመ ኣለኹ፡ እዛ ጋንታ ብብቕዓተይ ክሳብ 2021 ኩተፈርመኒ ኢዩ ድሌታ፡ ግን ናይ ቪዛ ዕንቅፋት ከይህልወኒ ስለ ዝሰግኣት ንሓደ ዓመት ጥራይ ኢያ ሂባትኒ ዘላ ኩንትራት። እዚ ሽግር'ዚ ክሳብ ዘይፈታሕናዮ እቲ ቁጽሪ እናወረደ ክመጽእ ባህርያዊ ይግበሮ ማለት ኢዩ።"

መርሃዊ ቅዱስ፡ "ብመጀመርያ ንክልቲኦም ኣሰልጠንቲ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቅዓኩም እብል። ኣነ ንብሽክለታ ፈትየ ክሰርሓላ ዝጀመርኩ ኣብ ክለብ ኣስቤኮ ፈርማይ ካብ ዘቐመጥኩላ መዓልቲ ኢዩ። ሳምሶን ሰለሙን ሕልመይ ከጎህድ ኣመና ኢዩ ሓጊዙኒ። ሽዑ ንጾናታን ዝበሃል ተቐዳዳማይ እዝከረኒ፡ 'ሕጂ ፈርማይ ካብ ኣቐመጥኩ ናተይ ዕላማ ከም ዮናስ ዘካርያስ ን3 ዓመት ሻምፕዮን ምዃን ኢዩ' ኩብለ። ኮይኑ ግን ናይ ትምህርቲ ዕድል መጺኡ መገደይ ቀይረ። ብዘኮነ ዝተላዕለ ኣርእስቲ ሰፊሕ ኢዩ። ከምቲ ናትናኤል ዝጠቐሶ ኣብ ፕሮፌሽናል ዘሎ ቁጽርና ንሱ ጥራይ ኣይኮነን ክኸውን ዝግባእ። ስለዚ ኪንዮ ናይ ኣህጉርና ዓወታት ክንከይድ እንተኮይና ክንሰርሖ ዘሎና ብዙሕ ነገራት ከምዘሎ የብርሃልና።"

# ሕማም ሳልሳይ ዓመት ሞሪኖ!




ብዘመዝነዎም ኣደናቕቲ ዓወታት፡ ተሞጎራቒ ባህርያቱ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ መድረኻት ምስልጣኑ… ወዘተ ዝልለ ፖርቱጋላዊ ኣሰልጣኒ ሆዜ ሞሪኖ ሓንቲ ኣሉታዊት ነገር ኣላቶ። ልዕሊ 3 ዓመት ኣብ ሓንቲ ክለብ ዘይምጽናሕ።

ኣሰልጣኒ ፖርቱጋላዊት ክለብ ፖርቶ ኮይኑ ኣብ 2004፡ ንዓበይቲ ክለባት ማንቸስተር ዩናይትድን ርያል ማድሪድን ኣብ ዙር 16ን ርብዒ ፍጻሜን ብተኸታታሊ ገሊፉ ናብ መዛዘሚ ጸወታ ዝበጽሐ ሞሪኖ፡ ኣብ መዛዘሚ ግጥም ድማ ኣብ ልዕሊ ፈረንሳዊት ክለብ ሞናኮ 3-ብ0 ገፊሕ ዓወት ኣመዝጊቡ ጽዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ኣልዓለ ኢዩ ብቕጽበት ስሙ ዘፍለጠ። ኣብ ክለብ ፖርቶ 3ይ ዓመት ከይመልአ እንከሎ፡ ኣብ መድረኽ ፕሪምየር ሊግ ካብ ዘይትዕወት ፍርቂ ዘመን (50 ዓመታት) ሓሊፍዋ ዝነበረ ቸልሲ ብዘነበራ ሃብቲ ተጠቒማ ወሰደቶ። ክልተ ዓመት ኣኸታቲሉ ሻምፕዮን ፕሪምየር ሊግ ክትከውን ምስ ኣኽኣላ ከምቲ ንሱ "the special one" እቲ ብሉጽ ክብል ዝሰመያ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ዓለም ኮነ። ኣብ 3ይቲ ዓመት ግን ምስ ወናኒ'ዛ ክለብ ዝርከቦም ገለ ተጻወትቲ ክሰማማዕ ስለ ዘይከኣለ 3 ዓመት ከይመልአ ካብዛ ጋንታ ተባረረ።

ሞሪኖ ሓጺር ዕረፍቲ ድሕሪ ምውሳድ ኒታ ብውጽኢት ኣብ መድረኽ ሰሪኣ ኢጣልያ ውድቕቲ ዝነበረት ኢንተር ሚላን ንምስልጣን ተሰማሚዑ። ኣብዛ ክለብ ዝነበሩ ተጻወትቲ መብዛሕትኦም ዕድመ ዝደፍኡ ብምንባሮም ሞሪኖ ኣብ ክለባት ፖርቶን ቸልስን ዝለመዶ ዓወት ክሰኦን ትጽቢት ኔሩ። ኮይኑ ግን ንተጻወትቲ ናይ ምቕስቓስ ዓቕሙ ተጠቒሙ ንኢንተር ሚላን ክልተ ዓመት ኣኸታቲላ ሻምፕዮን ሰሪኣ ኢጣልያ ክትከውን ኣኽኢልዋ። እቲ ኣደናቒ ዓወቱ ግን ንኢንተር ሚላን ድሕሪ 44 ዓመታት ዋንጫ ሻምፕዮንስሊግ ኤውሮጳ ክትዓትር ምግባሩ ኢዩ። እዚ ኹሉ ተደራራቢ ዓወት ናብ ዝበረኸ ካልእ ዓወት ምተቐየረ እንታይ'ሞ 3ይ ዓመት ዘይተጸንሐ ባህርያት ሞሪኖ ሕጂ ውን ኣይተጋደፈቶን ገዲፍዋ ናብ ርያል ማድሪድ ኣምረሐ።

ኣብ ግጥም ላሊጋ ሰጸኛ ብቕዲ ቲኪ'ታካ ብባርሴሎና ፍጹም ተዓብሊላ ዝነበረት ርያል ማድሪድ ንናይ ዓወት መንፈስ ሞሪኖ ተጠቒማ ንንግስነት ባርሴሎና ኣብ ትሕቲ ጓርድዮላ ክትኣሊ ተበጊሳ። ሞሪኖ 3 ዓመት ኣብዛ ጋንታ ኣብ ዝጸንሓሉ ሓንቲ ዓመት ወላ'ኳ ተዓዋቲት ላሊጋ ክትከውን እንተ'ኽኣላ፡ ንዓብላልነት ባርሴሎና ግን ክትንክፎ ኣይከኣለን። ኣብ ሻምፕዮንስሊግ ከመዝግቦ ዝተጎበረሉ ትጽቢት ውን ክምልስ ኣይከኣለን። ምስ ስሙያት ተጻወትቲ ማድሪድ ሮናልዶ ዝርከቦም ንካሲያስ ሓዊሱ ኣብ ብዙሕ ኢጋጣሚታት ተባኢሰዎም። ሕማም 3ይቲ ዓመት ኣይተጋደፈቶን፡ ብቕጽበት ናብ ቸልሲ ተመልሰ።


ኣብ 2ይ ዘመን ምስልጣን ቸልሲ፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመት ክብሪ ሻምፕዮን ክኸናጸፍ ዘተጸገመ ሞሪኖ፡ ኣብ 2ይ ዓመቱ ንቸልሲ ሻምፕዮን ክትከውን ኣብቒዓ። ደረቱ ነፊሑ ን3ይ ዓመት ምስ ጀመራ ድማ'ዩ እቲ ጸገም ዘጋጠሞ። ኣብ ቀዳመይቲ ናይ ፕሪምየር ሊግ ጸወትኡ ኣንጻር ስዋንስ ሲቲ ንሓኪም ክለቡ ዶክተር ካርነሮ ብዘይ ፍቓደይ ናብ ሜዳ ኣቲኺ ብምባል ካብ ስርሓ ደሰጓ። በዚ ዝተበገሰ ጸገም ምስ ቦርድ ክለብ ቸልሲ፡ ደገፍቲ ዶ/ር ካርነሮ ዝኾኑ ተጻወትቲ ከም ኤደን ሃዛርድን ካልኦትን ኣብ ቅልስ ኣተዉ። ወያ 3ይ ዓመት ዘይተሓልፍ ሕማሙ ዝገርገረቶ ሞሪኖ ካብ ስርሑ ተባረረ።

ኣብ 2016 ምስ ዝዓበየት ክለብ ኩዕሶ እግሪ ማንቸስተር ዩናይትድ ን3 ዓመት ዝጸንሐ ውዕል ክተሙ። ማንቸስተር ዩናይትድ ድሕሪ ምኻድ ሰር ኣሌክስ ፈርጉሰን ዝማዝዘዩዎም ኣሰልጠንቲ ዴቪድ ሞይስን ልዊ ቫንሃልን ክብርታታ ክዕቅቡ ስለ ዘይከኣሉ ኢያ ኑቲ ዕዉት ኣሰልጣኒ ሆዜ ሞሪኖ ተመንያ ዘፈረመቶ። ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ ንጽዋእ ካርሊን ካፕን ዩሩፓ ሊግን ዝዓተረ ሞሪኖ ብውሕዱ ንማንቸስተር ናብ መድረኽ ሻምፕዮንስሊግ ኤውሮጳ መለሳ። ኣብ 2ይ ዓመቱ ዝኾነ ዋንጫ ከይዓተረ ንዩናይትድ ካብ ማንቸስተር ሲቲ ብ19 ነጥቢ ድሒራ 2ይ ደረጃ ክትሕዝ ኣኽኢላ። 3ይቲ ዓመት ናይ ምስልጣን ግዚኡ ግና ከይተጀመረት እንከላ ብዕግርግር ተበጊሳ። ምስ ሓላፊ ዕድጊ ክለቡ ኢዲ ወድዋርድ ኣብ ምዕዳግ ተኸላኸልቲ ከምቲ ዝደለኾዎ ኣይፈጸመለይን ብምባል ነቒፎ። ምስ ፈረንሳውያን ተጻወትቲ ፖል ፖግባን ኣንቶንዮ ማርሻልን ዓመተ ውድድር ከይጀመረ ተባኢሱ። ምስ እንግሊዛዊ ተኸላኻላይ ሉክ ሻው ብተመሳሳሊ። ኣሌክሰስ ሳንቼዝ ስዒቡ መባእስቲ ሞሪኖ ኮነ። ከምዚ እናበለ እቲ ቅልስ ብዘቕጽሎ ማንቸስተር ብ19 ነጥቢ ካብ መራሒት ሊቨርፑል ኣብ ዝደሓረትሉ ህሞት ንሞሪኖ 3 ዓመት ከይመልአ ካብ ስርሑ ተባረረ።

ኣብ 6 ዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ ግዝኡ 3 ዓመት ከይመልአ ብምስጓግን ብጦዝኢ ፍቓዱን ኩንትራት ከይወድኣ ኣብ ምውጻእ ዝጸንሐ ሆዜ ሞሪኖ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ምስ ወጸ ውን ብዓባይ ክለብ ርያል ማድሪድ እድለ ከምዘሎ ይግለጽ።

ናበይ ከምዝኸይድ ንግዜ ገዲፍና፡ ኪንዮ 3 ዓመት ኣብ ሓንቲ ክለብ ዘይምጽናሕ ሆዜ ሞሪኖ ኢጋጣሚ'ዶ ክንብሎ ወይ'ስ ሕማም 3ይ ዓመት?

## ዘልኩ ዱኳ!



# ቤት መሸጣ "ምኽኒት"

ዘልኩ ደኣ ... ዘልኩሲ ... ብሊቭ ኢት ኦር ኖት!! ምኽኒት ብቛንቋ እንግሊዝ "ቢኮዝ" እዩ ዝብልዎ። ከንደይ መጻሕፍቲ ኣንቢብና ከንደይ ፈላጣት ሓቲትና ዝረኸብናዮ እዩ።

ዘልኩ ደኣ .... ዘልኩሲ ... ምኽኒት ብሓፈሻ ኣብ ክልተ ይምቀል። ፎልስ ቢኮዝ ... ትሩ ቢኮዝ ... ድማ ይብሃሉ። ዕላልና ብዛዕባ እቲ ቀዳማይ እዩ። ፎልስ ... ቢኮዝ...። ዘየገጠመካ ነገር ከም ዘገጠመካ ጌርካ ብምቕራብ ዝወጽኡ ምኽኒታት ፎልስ ቢኮዝ ... ወይ ፎክስ ቢኮዝ .... ይብሃሉ። ፎክስ ቢኮዝ ... ጉርሒ ዝተሓወሶ ምኽኒት እዩ። ከም ናይ ወኻርያ ወይ ተኾላ ዓይነት ጉርሒ ክትጥቀም ኢልካ ዝኾነር ኮይኑ፣ ሄር-ብኮዝ ወይ ምኽኒት ጠበ ዝብሃል ድማ ሰብ ከይተቐየም ወይ ከተሓጉስ ኢልካ ዝወሃብ ለውሃትን ግርህነትን ዝተሓወሶ ምኽኒት እዩ ... ዘልኩ ደኣ ... ዘልኩሲ ...

ሓደ ሰብኣይ ኣምሻዩ ገዛኡ ኣትዩ። ሰበይቱ ከም ወትሩ "ኣበይ ኣምሲኻ?" ኢላ ሓቲታቶ። ምኽኒት ከቕርብ ነይርዎ።

"ማኪናይ ካብቲ ተዓሺጋቶ ዝነበረት ከውጽኣ ከለኹ ተጋጪየ፡ ብኡ እየ ደንጊየ" ኢሉ መለሰላ።

"ኣብዮት! ማኪና ከተጋጩሲ ክሳብ ሕጂ ጸኒሕካ። ሰዓት 11 ናይ ለይቲ እኳ'ዩ ኾይኑ። ማኪና ምምጫው ደኣ ካብ ሓንቲ ደቒቕ መን ሕለፍ ኢልዎ..."

"ኣይ ባዕለይ ንደየ ዝፈልጦ....ምምጫውሲ.. ሓንቲ ደቒቕ ትኣኽለካ ትብሊ?" በለ እቲ ሰብኣይ መዋጽኦ እንተረኸበ።"

"ንዖናይ ኣርእየኒ ብሓቂ ተጋጪኻ እንተዄንካ ... ክትጸንሕ እንድያ" ምስ በለቶ፡ ናብ'ታ ኣብቲ ካሻሎ ዝነበረት ማኪና ተተሓሒዞም ከይዶም።

"እዝልኪ ... እዚ ተላሕጺጹን ቁሩብ ተጨፍሊቑን ዘሎ ረኣዮ" በላ ናብታ ማኪና እናኣመልከተ።

"እዚ ደኣ... ናይ ቀደም እንድዩ ... ሕጂ ሳልሳይ ራብዓይ ኣብዚኣ ጥራይ ተጋጪኻ..." ሓተተቶ ገሪምዋ።

"እወ ... ኣነ ግርማይ ኣነ ኣብኣ ... ጥራይ እየ ዝጋጮ ... ብሊቭ ኢት ኦር ኖት" ኢልዋ።

"ማስተ ትጨኑ ኣለኻ። ክትሰቲ ዲኻ ኣምሲኻ?" ሓተቶ እንደገና።

"እወ ... ምስ በራ ዝጸዓነት ማኪና እየ ተጋጪየ"

"እንታይ ደኣኣ ... ተጋጪየ... ዶ ማኪናዶ ትብል"

"ምኽኒት'ዩ ... ንሽኺ ... ከይትቐየሚ ... ወይ ከይትጉህዩ ... ኢለ ..." በላ ይብሃል። (ምኽኒት ጠበ)

ዘልኩ ደኣ ... ዘልኩሲ .... ኣብዚ ዘሎናዮ መዋእል .... ሓደ ሰብ ብጠምጋም ክሳብ 46 ምኽኒት ብስሰምግራፍ ክዕቀን ከሎ 8.6 ሬክተር ከም ዝጸሕ ሊቃውንቲ ጃኣተርማል ኤነርጂ ኦብ ቢኮዝ ብኣካል ዝገለጹሊይ ጭብጢ ኣብ ሳንዱቓይ ኣሎ። ዘልኩ ደኣ... ዘልኩሲ ኣብ ማሕበራዊ ናብራና መዓልታዊ ዘድልዩና ምኽኒታት ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናወሰኹ እዮም ዝመጹ ዘለው።

ወረቐት ዕድመ መጺኡካ ከሎ ኣብ መዓልቲ መርዓ ትርስዖ ወይ ካልእካ ይገፍሓካ። ነቲ በዓል ውራይ ምስ ረኸብካዮ ምኽኒት ትሃገር። እዚ ኮነ ኢልካ ናብ'ቲ ገዛ ኬድካ ትሃገሮ እንተሊኻ ቀሊል እዩ። ተዓሊኻ ምኽኒትካ ምሂዝካ ኢኻ ትኸዶ። በዓል ውራይ ሃንደበት እንተረኸብካ ግና ኣብ ኣቀራርባ ምኽኒት ወታእታእ ትብል።

ሓደ ወዲ 45 ዓመት ዝኾነ ሰብኣይ (ወዲ ኸተማ) ኣብ ቀብሪ ከይከደ ይውዕል። መዋቲ ኣቦ ዓርኩ እዮም። ሃንደበት ኣብ ፊት ተሌቪዥን ይራኸቡ።

ዓርኩ፥ "ግርማይ ከመይ ትኸውን? ገሾካ ዲኻ ነይርካ?"

ግርማይ፥ "ኣብ'ቲ ቀብሪ ናይ ኣቦኻ ኣብ እንዳ ማርያም መጺአ ነይረ። ብድሕሪኡ ንጸባሒቱ ገይሸ ኣብቲ ሓዘን ኣይመጻእኩን"

ዓርኩ፥ "እዋእ .... ኣቦይ ደኣ ኣብ እንዳ ማርያም ዘይተቐብረ"

ግርማይ፥ "ኣብዚ ... እንዳ ኣቦኻ ተኸለ ሓዝሓዝ ክብል'የ"

ዓርኩ፥ "ኣብ ሓዝሓዝ ዘይኮነ ተቐቢሩ"

ግርማይ፥ "ክላእ ... ልብና ምሳና ዘየሎ። ኣብዚ እንዳ ሚከኤል ጸጸራት ክብል እየ"

ዓርኩ፥ "ኖኖ ኣብ ጸጸራት ኣይኮነን ተቐቢሩ"

ግርማይ፥ "ስማዕ'ስከ እዚ ሰብኣይ ኣበይ ዲኹም ወቲፍኩሞ?" በለ ዘመኽንዮ ጠፊእዎ። እቶም ሰብኣይ ግና እንዳ ጊዮርጊስ እዮም ተቐቢሮም። ዘልኩ ደኣ .... ዘልኩሲ ... ገለ ገለ ምኽኒታት ንጉዛእ ርእሶም ከም መሰሀይታ ካልእ ምኽኒታት የድልዮም። ስለዚ እንተርሓም ምኽኒታት ሰ-ጥበባዊ ጸጋቓን ግርማ ሞገስን ዝተላበሱ ክኾኑ ምእንቲ፡ ኣብ ዓድና ንኣሽቱ ሰልጠናታት ምኽያድ ከድሊ እዩ። ነቲ ሰልጠናታት ንምኽያድ ዘድሊ "ፋንድ" ዝኾነ ኤንጂኦ ክምውሎ ከም ዝኽእል ኣይንጠራጠር። ዘልኩ ደኣ.... ዘልኩሲ

ገለ ሰባት ድማ ንሓንቲ ምኽኒት 8 ዓመት እዮም ዝጥቀሙላ። ቅድሚ 8 ዓመት ካብ ብሸግለታ ወዲቑ ብርኩ ተሰይሩ ዝነበረ ሓደ ዝፈልጦ ሰብ ኣለኒ። ቆጸራ እንተጠሊመካ "እታ ብርከይ እንድያ ተላዒላትኒ.... ዛሕሊ ሰቢቶ እዩ ዘላዕላ" ይብለኒ። ብሓጺሩ

ንክልኻን ኣብ ኩሉ ቦታን ግዜን ከም ምኽኒት ይጥቀመሉ። ኩል ግዜ ድማ ምስ ክሲ.ማ ኣተኣሳሲሩ እዩ ዘምኽንየ። ጸሓይ እንተኾይኑ… ጸሓይ የላዕሉ፡ ንፋስ እንተኾይኑ ንፋስ የላዕሉ፡ ደበና እንተኾይኑ ደበና የላዕሉ። ከምዚእ ዓይነት ብርኪ. ኣጋጠምኩምዶ ይፈልጥ? ብርኪ. ምኽኒት፡ ማስኪነይቲ ብርኪ. … ቀደም ተሰቢራ ዝላወየት … ወዲ ፋብሪካ ናይ ምኽኒት ገይረዋ። ዘልኩ ደኣ … ዘልኩሲ.

እዛ "ተላዒላትኒ" ከም ድልውቲ ወይ ሰንክትቲ ምኽኒት ዝጥቀመላ ብዙሓት እየም። ብሓቂ ጸገም ዘለዎምን ብሓቂ እተላዕሎምን ብዙሓት ሰባት ኣለዉ። ኣብ'ዚ. እንዛረበሎም ዘሎና እቶም ናይ "ፎልስብኣስ" ምኽኑስ ብሓፈሻ ንኹሉ ዓለም ብፍላይ ከኣ ኑቶም ብሓኢ. እትለዓሎም ክንገልጽ ንፈቱ። እዞም እስቶሞኮ ተላዒላትኒ… መርዘን ተላዒላትኒ … ዓሶ ተላዒላትኒ… ብርኪ. ተላዒላትኒ… ኩርምቲ ተላዒላትኒ (እዚእ ብዙሕ ግዚያት እጥቀመላ ነይረ) …. ሓፍት ተላዒላትኒ …. ኣሞረደዮ ተላዒላትኒ … (80 ሚእታዊት ህዝቢ. ዓለም ዝጥቀመላ ምኽኒት) … ብዘሎ. ደም ተላዒላትኒ… ቅርጸት ተላዒላትኒ … (ቲንታ እንተተሰኢኑ ሽበት ስለ ትለዓሎም ካብ ገዛ ኣይወጹን እየም) ኩሊት ተላዒላትኒ… ወዘተ … ወዘተ … ዘልኩ ደኣ ዘልኩሲ. ከምዚኦም ዓይነት ምኽኒት ክንጥቀም ከለና ጥንቃቐ የድልየ። እቲ ምኽኒት ነቐርበሉ ዘሎና ሰብ ሓኪም ከይኮውን ወይ ኣብ ጥቕኡ ከይህሉ ብዓቢ. ብልሓትን ትንፋስ ዘይህብ ትከሩ ትዕዝብትን ተጠቒምና ጸጹይ ስሊያውን ጾረሰሊየን መጸናዕቲ ክንገብር ኣሎና። ዘልኩ ደኣ ዘልኩሲ. እቲ ዘመኽሰናዮ ግዜን ቦታን ሰብን ከይንርስዮ ድማ ምኽኒታትናን- ናይ'ቲ ምኽኒት - ምኽንያትን ኣብ ንእሽቶ ኖት በኽ ከስፍሮ ኣሎና።

ገለኣም…. ኑታ "ተላዒላትኒ" ናብ ስደርኦም የብልዋ እየም። ኣቦይ ኩሊት ተላዒላቶም … ኣደይ ፍርማይ ተላዒላታ … ኣሞይ ዳንጋኣ ተላዒላታ … ወዘተ ይብሉኻ እቲ ምኽኒት ትሰምዮ። ሓቂ ይመስለካ። ድሕሪ ሰሙን ምስ ረኺቦዮ፡ "ኣዴኻ ሐሺወንዶ?" ትብሎ። ይሰንብድ። "መን ኢሉካ … ሓሚማ ዶ ነይራ እያ" ምስ በለካ ንሰኻ ኸኣ ብተራኻ ትሰንብድ። "ባዕልኻ ኢልካ… ኣደይ እስቶሞኮ ተላዒልዋስ ኣብ ጥምቀት ወድኻ ኣይመጸኣኩን ኢልካ።" ምስ በልካዮም እታ ምኽኒት ትዝከሮም። "እሃ .. ኣደይ ኢልካ ሓቅኻ … ንሳ ስለ ዘዕበየትኒ … ወላድ ከኣ ስለ ዘይብላ ኣደይ እየ ዝብላ እምበር ሓትነይ እያ" ምስ በለካ …. እንደገና ሓቂ ይመስለካ። ምኽኒት ከመይ ጌርካ ብምኽኒት ከተዐርዮ ድማ ንእግረ መገድኻ ትመሃር። ዘልኩ ደኣ …. ዘልኩሲ. … ክሳብ ሕጂ ተኻይዱ ዘሎ ምርምር ከም ዝሕብሮ 58.4% ምኽኒታት ፍቕርን ሕውነትን … ዕርክነትን ቤተሰባዊ ዝምድናን ንምዕቃብ ከም መሳርሒ. ይጠቐሙ። ኣመኽኒኻ ዝምድናኻን ፍቕርኻን ትሕሉ። ብተወሳኺ. ፊልማ ዝተፋቐሩ መንእሰያትን ካብ ዝምርዓዉ. ነዊሕ ዘይገበሩ ሰብ ሓዳርን ክሳብ ባህርያቶም ኣጸቢቕም ዝፋለጡ፣ መዓልታዊ ዘህልኽዎ ምኽኒት ተኣኪቡ ኣብ ወርሒ. ሓደ ኖት በኽ ከምዝመልእ ኣብ ላብራቶሪ ተፈቲኑ ዝተረጋገጸ መጽናዕቲ እዩ። ዘልኩ ደኣ … ዘልኩሲ. ምኽኒት ከም ቀመም ኣብ ዘይኣትዎ የብሉን። ኣብ ባዮሎጂ፡ ኣብ ኬምስትሪ …. ኣብ ፊዚክስ … ኣብ ፖለቲካ. ኣብ ንግዲ … ኣብ ማኔጅመንት (ብብዝሒ.) …. ኣብ ኣካውንቲን…. ኣብ ወግኢ… ወዘተ…. ኣብ ኩሉ ይኣቱ እዩ። ንወዲ. ሰብ ዘልምዕ ምኽኒት ኣሎ። ንወዲ. ሰብ ዘንብዕ ምኽኒት ከኣ ኣሎ። ዘልኩ ደኣ … ዘልኩሲ.

ኣብ ሓደ መዐደኒ. ዝሰርሕ ሰብኣይ ኣብቲ ዝሰርሓሉ በረኻ ቀጻሊ. ንኸተማ ምምልላስ ይፈቱ ነይሩ። ኑቲ ሓላፊ፡ "ኣቦይ ሞይቱ" …. ኣሞይ ሞይታ … ኣኮይ ሞይቱ እናበለ ምኽኒት ዕረፍቲ ይህቦ። ሓንቲ መዓልቲ "ኣደይ ሞይታ" ኢልዎ። እቲ ሓላፊ ደንጊጹ ዕረፍቲ ሂብዎ። ንኸተማ ከይዱ። ኣብ ዓዲ ዝቕመጣ ኣዲኡ "መርዓ ሓብትኻ ቀሪቡ'ዩ ክበለኣ ናብቲ መዐደኒ. ቦታ መጺኣን። እቲ ሓላፊ ገሪምዎ። ንሰኽን ኣዲኡ ኢኽን ሞይትክንሲ. ቀብርኽን ከርክብ ክሳብ'ቲ ጸለም ጸርጊያ ብምኺዳና ኣፋኒናዮ" ኢልወን ይብሃል። ኣነ እዛ "ሞይቱ" ትብል ምኽኒት ኣይፈትዋን እየ። ምኽኒት መለኣ እንድዩ ዘሎ። ናይ ምኽኒት ጸገም ከም ዘሎ "ኣደይ ሞይታ…." "ወደይ ሆስፒታል ኣትዩ" "ሰበይተይ ምወት ሓሪሳ" … "ሓብተይ ጥንሲ. ከይደዋ …" "ሓወይ ማኪና ተገልቢጡ" …. "ደኳነይ ውሕጅ ወሲድዎ" … ወዘተ … ኣፋ!... እንታይ ዓይነት ምኽኒት እዩ እዚ. …. ዘልኩ ደኣ…. ዘልኩሲ. ሓላፊ እዩ። ሓደ ካብ ኣባላቱ "ኣቦይ ሞይቱ…" "ኣኮይ ሞይቱ" እናበለ ተሸኺኽ ምስ ኣበሎ፣ ጸዊዕዎ። "ስማዕ ሰለስተ ወርሒ. ዕረፍቲ ሂበካ ኣለኹ። ኩሎም ኣዝማድካ … ቀብርካዮም ምጻእ… ሳልስቲ ሳልስቲ ሞይቶም ትብለና ኣለኻ …. እንታይ ደኣ ክንገብር" ኢልዎ ይብሃል። ዘልኩ ደኣ!

### መላትዒ. ነጥብታት

ቀዳማይ፡ ንሓደ ሕብረተሰብ ፍቕሩን ዝምድናኡን ሓዳሩን ንምሕላው ምስ'ቲ ዘሎዲ. ተመኩሮ ኣነ ምኽኒት ዝሸጠሉ ድኳን እንተኣውጻእኩ ከመይ ይመስለኪ/ካ…? "ሳንዱች ምኽኒት ኮንሰልታንሲ. ሰርቪስ" ዝብል ታቤላ ዘለዎ ቤት ጽሕፈት ይህልወኒ። 24 ሰዓት ክፉት ይኸውን። ብዓለም ደረጃ /ስታንዳርድ/ ዝሓለወ ምኽኒታት እሸይጥ። ንኣብነት ሰበይትኻ "ኣደይ ተጸሊእዋ ስለ ዘሎ ምሸት ደሃይ ሐዚኸለይ ምጻእ" ትብለካ። ምሸት ምስ ኣዕሩኽትኻ ዕላል ትሕዝ። ሸዱሸተ በራ ምስ ሰተኻ ፍርቂ ለይቲ ይኸውን። ካብቲ ባር ወጺእ ምስ በልካ ሰበይትኻ ትዝከረካ። ኣዲኣ ይዝከራኻ። ዝተወሃብካዮ ዕዮ ገዛ ይዝከረካ። ኣብዚ ህሞት እዚኣ ጥዑም ብኽልተ እግሩ ዝኸይድ ሚዛን ዘለዎ (ክትሰምዮ ዘወናውን) ምኽኒት የድልየካ። ከኣላ ጥራይ እዩ ክምህዘልካ ዝኽእል። ከኣላ ኣነ እየ። ማንም ሓንካስ ምኽኒት ግና ባዕልኻ ክትምህዞ ትኽእል ኢኻ። ዘልኩ ደኣ…. ዘልኩሲ. …. ቤት መሸጣ ምኽኒት!! ምጹኡና … ብጹሓና … መኽሰብና ምኽኒት ዓማዊልና ኢዩ…..

ካልኣይ፡ ቤት መሸጣ ምኽኒት ጉድኣቱ እንታይ እዩ? (ግለጽ) ጥቕሙ እንታይ እዩ? (ኣይትግለጽ)

ሳልሳይ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎ ደበና … ምስ ምኽኒት … ምስ ብኮላ ምስ ኣዘን … ምስ ግሪን ሃውስ ኢፈክት … ምስ ዓራቕ … ምስ ኣሚራካ እንታይ ምትእስሳር ኣለዎ? ግለጽ… (ካብ ርብዒ. ሚልዮን ዘበዝሐ ቃላት)

ግርማይ ካብ ቤት መሸጣ ምኽኒት